ትሕዝ መንእሰይ

ቃል ኣሰናዳኢ 2

ደሃይኩም 3

ጉዳዮት መንእሰይ 4
- ምዕቃብን ምስዋድን ፖለቲካዊ ብቕዓት
- ትምህርቲ ብመንጽር ዕላማ ማሕበራዊ ፍትሒ ጉዳይ ኣብ ዘተ
- ፊልምታት ኤርትራ

ደሃይ ማሕበር 24
- ስልጠና መራሕነትን ምሕደራን
- ስርሓት ወጻኢ

ሃበርም 26
- ዶክትር ጀሚለን ኣስካሉን

ሕብረተሰብ 29
- ዓርኪ "ከም ሳዕሪ ጸናዕቲ"
- ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ዘይምጥዕዓም
- ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ዘይምጥዕዓም

ሕግን ስኒ-ምግባርን 38
- ንጽህና ናይ'ቲ ሓደ መጻምድቲ'ውን ይምዘንየ
- ዓመጻዊ ምግሳስ

ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ 41
- ሕማም ሕጽሮት ብ'ኸመይ ንክላ'ኸሉ?

ወግዒ ብሓሳባት 44
- ፍልስፍና፡ ንልቦናን ሕጡስ ህይወትን
- ብንጽል ምንባር ምቁርድዩ ዕረ?

ባህልን ስኒ-ጥበባትን 50
- ድምጻዊ ኣኽሊሉ ሙበራህቱ (ኣኪለ)

ሓጺር ዛንታ 54
- መዋስኩቲ

መለሳ 53
- ገመል ኩርዒዳ፡ ኣልቦ ዕዳ!
- ስም ዝረኸበ እንተሎ
- ኣጸሓሕፋ ደብዳበ
- ሓጐስ ደቂ-ኣንስትዮ ጥርዚ ዝበጽሓሉ ዕድመ መኣስ'ዩ?
- "ጸታዊ ዕግበት፡ ደቂ-ኣንስትዮ

ስፖርት 54
- 2015፡ ተዘካሪት ዓመት ኣብ ስፖርት ኤርትራ

ሞዛይክ 63
- ወርቃውያን ሕግታት ፍቕሪ

ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ሕዳር 2015 ቁ.48

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ ናቕፋ 10

ዋና ኣሰናዳኢ
መስፍን ገብረሂወት

ዲዛይን ገበር
ዓወት ሸሞንዲ

ስእሊ
ዮሃንስ በረኸት

ናብ'ዛ መጽሔት ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ሃናጺ ነቐፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ።

መጽሔት "መንእሰይ"
ቁ.ሳ.ጾ 1042
ቁ.ስልኪ 202592
ፋክስ 291-1- 125981

ዘርጋሒ መጽሔት
ቁ.ስልኪ 200454

ቃል ኣሰናዳኢ

መንእሰይ ድሕነትን ምዕባለን ሕብረተሰቡ ክውሕሰ፣ ረቡሓታቱ ብንጹር ክፈልጥ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ንቅሓት፣ ብዋምረት ናብ ሃገራዊ ዕላማ ክግስግስ ዘኽእሎ ሓያል ውዳበ መሳሉን ረቡሓታቱን ዝከላኸሉሉ ዕጥቂ የድልየ። ኣብ ህልዊ ኩነት ዓለም፣ እቲ እኹ ብዓወት ዘመርሽ መሳርሒ ወይ ኣንባብ ንኡ ጥራይ ስለዘኾነ፣ ተመሳሳልነትን ተመሳኳኺነትን ወይ ንባልል ኣየታት ሒዝክ ወይ ደማ ኣብ እምባ ተጽገያ፣ ህላወኻን ረቡሓታትካን ምውሓስ ዝኽእል ዝመሳሰሎም ገለ የዋሃት ኣይሰኣኑን ይኾኑ። ካብዚ ጸቢብ ኣመለኻኽታ'ዚ ብምብጋስ ከኣ፣ ኑቲ ተረር ግን ከኣ ሓቀኛን ዕወትን መገዲ ረጥሪጥካ፣ ካልእ ሚዳታት ምንዳይ ይሓይሽ ዝብል ርእይቶ ክህልዎም ይኽእሉ። እዚ ግን ሰፊሕ ግንዛበ ካብ ዘይምህላው ዝመጽል ሰንኮፍ ኣተሓሳሰብ እዩ። እቲ ክወን ሓቂ ትማለ፣ ሎሚ፣ ጸባሕ ፈጺሙ ዝቐየር ኣይኮነን። እቲ እኹ መገዲ ዓወትን ክብረትን - እቲ ረዚን ዋጋ ዝተኸፍሎ - ብኡ መጠን ልዑል ክብረት ዘጕናጸፈና መገዲ ቀደምና ጥራይ እዩ! ሕጂ'ውን መንእሰይ ይንቃሕ፣ ይወደብ፣ ይዕጠቕ! ድሕነትን ክብረትን ረቡሓን ሕብረተሰቡ ኣብ ዘይድፈር ጽላል ከጽልል!!

ኣብቲ ፖለቲካዊ ንቅሓት ዘዕቢ ጽሑፋት ዝኸንገደሉ ዓምዲ ጉዳያት፣ ምዕቃብን ምስዋደን ፖለቲካዊ ብቕዓት ብዘብል ኣርእስቲ መንእሰያት፣ ንህልዊ ዓለማዊን ዞባዊን ከነታት ብልክዕ እናንብቡና፣ ፖለቲካዊ ንቅሓትናን ትካርዝትናን ብምብራኹ ክሳብ ሕጂ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ዕወት ማእዘን ዓቂብናን ኣማዕበልናን ቃልሲ ንብሩህ መጻኢ ኣብ ሽዮኡ ንምብጻሕ ድልውትትና ከከረጋግጽ ዘዚ ካኸሽር ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

ዘሎናዮ እዋን ተመሪሮ ናይ 2015/16 ዓሙት ትምህርቲ ካብ ዝጀምሩ ሰመናት ኣቕጺሮም ዘለውሉ ስለዝኾኑ መጽሔትና ንትምህርቲ ኣመልከታ ኣብ ዓምዲ ጉዳያት ሓደ ጽሑፍ ኣኣንጊዳ ኣሎ። ሃገር ንምዕባለ ትምህርቲ እተፍስሶ ዝዚፍ ወፍሪ ኣኽሰብ ውጽኢት ዝርከቡ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ዓብዩን ወሳንን ሃገራዊ ዕላማ ሽዮኡ ዝወቅሱ መላእ ሕብረተሰብ ክኣሉትን ፍልጠትን ንምምዕባል ኣብ ዝኾደድ ጸዕሪ ቡዕዳቕሙን ቡብዝምልኩዩ ዓውዲን ደራኺ ተራ ምስዝጸወት ስለዝኾኑ እኳ ናይ'ቶም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ክጸውቱ ዝኽእሉ ወዝናት (መማህራን ወሰዳ፣ ተመሃሮ፣ ሕብረተሰብን ኣካላቱን) ከመይ ክኸውን ከም ዝኾኑ ዘዚኣ ኣቕሓ ብዘርዝር ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ ኣደራሽ ጁንጸር ዝቐርብ ክልተ ሰመናዊ ናይ ዘተን ሰሚናርን መደባት ኣሎ። እዚ መደብ ብዘተፈላለዩ ሓሳፍቲ ሞያውያንን ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስታት መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘዳለዉ ምሁራትን ዝኣተፍዎ እዩ። ከም መቐጸልታኡ ኣብ ናይ ወርሒ መስከረም መደብ ኣብ ፈልምታትና ዘተኒረ ሓብራዊ ዘተ ተኣዲዱ ነይሩ። ተዛተይቲ ወይዘሮ ራሄል ኣስገዶምን ኣቶ ኤድዋርዶ ኣርኣያን ነይሮም። እቲ ኣብ ሞንጎ ተዛተይትን ተኣተፍቲ ካብ ዝዝን ዝተኣዋደደ ዘተ ኣገዩ ርሱንን ብዙሕ ሃናጺ ርእይቶታቶ ዝፈለሶን ስለዝኾኑ ኣብ ምዕባለ ፈልም ሃገርና እኳ ክህልዎ ብምትብዓሉ ከም ዘለዎም ኣብ ዓምዲ ጉዳያት ኣቕሪብናዮ ኣሎና። ኣብቲ ኢጋጣሚ ክትኣተፉ ዕድል ዘይረኸብኩም ስለዝነበርኽታት ደማ ሃናጺ ርእይቶኹም ብምስዳድ ክተህብትምዎ ተጸዓና'ዩ።

ኣብ'ታ ንመንእሰያት ናይ ጸቡቕ ኣብኡት ንዝኾኑ ዕወታት መንእሰያት ምስ ህርኩትናእምን ሓርነትነትምን እተላለ ዓምዲ ዝበርም ስምዝበን ካብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኣሮታ ምስ ዝተመረቓ ኸልተ መሓዙት ዶክተራት ዝተገብረ ዕላል ቀሪቡ ኣሎ። እዚን ክልተ ኣብኡታውያን ደቀ'ንስትዮ፣ ብሕክምና ምምራቕን ጥራይ ዘይኮኑ እቲ ኣብ ሞንጎአን ዝሰበረ ወህደትን ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ'ውን ብኣብኡት ዘዋቅሰን እዩ።

ኣብ'ቲ ማሕበራዊ ንቅሓት መንእሰያት ከም ዝሕይል ኣብ ምግባር ተራኡ ዝጸወት ዓምዲ ሕብረተሰብ መንእሰይ እውን ኣብ ማሕበራዊ ሕማን ሰኩምባርን ጥዕናን ካልእን ዘተኒረ ጽሑፋት ተኣንጊዱ ኣሎ።

ዓምዲ "ባህልን ስኩዋባዕትን" ምስ መንእሰይ ድምጻዊ ኣኽሊሉ መብራህቱ ዝተኣዋደደ ዕላል ቀሪቡ ኣሎ። ድምጻዊ ኣኽሊሉ ብፀጋቅታት ትግርኛ፣ ዓረቡ ትግሪ ብሊንን ብዓዌትን ክደርፍ ምኽኣሉ ፍሉይነት ኣለዎ። ኣብዚ ዓምዲ ብዘወሳኺ ንገለ እዋን ኣቋሪጹ ዝጸንሐ "ሓጺር ዛንታ" እውን ተኣንጊዱ ኣሎ። ፍሉይነቱ ኣበርክቲ ናይ'ቲ ዛንታ ኣዳላዊ ዓምዲ ሞያን ስራሕን'ዩ ኢንጂኒር ምሉእብርሃኑ።

ዓምዲ ስፖርት፣ ኣብ 2015 ንዝሓፈሰናዮም ዓወታትን ብሓፈሻ ኣብ ስፖርት ጌርናዮ ዘሎና ገስጋስን ዝደነቀስ ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ። ሳንዲት'ውን ፍትወቲ ዓምዱ "ዝልኩ ደኣ!" ኣዳልይዋ ኣሎ። ሰናይ ንባቡ

ደሓይኩም

ብሓጎስ ክትቅበሉኒ

ኣብ ስራሕኩም ዓወትን ኣሳልጦን እምዖልኩም። መጽሔት መንእሰይ ብእትህቦ ዘላ ኣቕሓሚ ምህሮን ኣዘናጋዕቲ ጽሑፋትን ከዐመስገንክዋ ክሳልፍ ኣይደልን። ክሳዕ ሕጂ ኣንባቢን ኣስተማቓርን ኮይነ እየ ጸኒሑ ካብ ሕጂ ንደሓር ግና ቀንዲ ተሳታፊ'ዛ ዝፈትዋ መጽሔት ክኸውን ተብጊሰ ኣለኹ። ንለኹም'ውን ብሓጎስ ክትቀበሉኒ እትሰፍ።

ዮናስ ሃብቱ (ዶግላስ & ከረን)

ካብ ዓስቡ

ናይ ኣጋጣሚታት ጥራይ ኮይኑ ከይተርፍ

መጽሔት መንእሰይ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማ ንስፖርት ዝሰፍሐ ቦታ ምሃቡ ብሕልፊ እቶም ኣብ ስፖርት ንግደስ መንእሰያት ኣድኒቕና ንኣድነቕቲ ሂብናያ ኢና። ስፖርት ሓደ ካብቶም ንመንእሰያት ዘገድሱ ዓውድታት ስለዝኾኑ መጽሔት መንእሰይ ክትጎስዮ ዘይግባኣ ዓምዲ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። እንሓናሳእ ትጎስዮ ምኳና፡ ዝዛ መጽሔት ኣየምሕረላን እዩ።

ናይ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ምስ "ቱር ደ ፍራንስ" ተኣሳሲሩ፡ ነቲ ቅያ ከንጸባርቕ ሰፊሕ ቦታ ምርካቡ ጸቢቕ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ገለ ሕታማታ ምስ ፍሉይ ኣጋጣሚታት፡ ፍሉይ ትሕዝቶታት ሒዛ ምውጻእ እዝክር። ስለዚ ኣብ ኣጋጣሚታት ጥራይ ዘይኮኑ ብስሩዕ ናይ ስፖርት ዓምዲ ምስ ትርኑዕ ትሕዝቶ ሒዛ ክትወጽእ እትሰፍ።

በዮን በረቓ ካብ ዞባ ደቡብ

መረጻኢታ ዘሰፍሐ ጽሑፍ

ንተራ መንእሰያት ኣብ ምሕያል ህዝባዊ ግንባር ዝምልከት ጽሑፋት ኣብ መጽሔት መንእሰይ ብተኸታታሊ ተንጊዱ፡ ነቲ ኣርእስቲ መሰ'ንብብክዎ፡ ኣብ'ቲ መጀመርታ ኣብ ኣርእስቲ ናይ ቃላት ምግምጣል ዘጋጠመ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ወሽጠ ኣትዩ መሰንብብክዎ ግና፡ ኣርእስቲ ዘይተነ ኣነ ተጋግዩ ምንባረይ በረሀሲይ።

ገለ ሰባት ህዝባዊ ግንባር እዚ ዘይገበሩ ከምዚ ዘይሰርሑ ከምዚ ዘይደገሙ ክብሉ ክሰምዕ ከለኹ፡ ኩሉ ጽዕዮት ናይ'ዚ ሃገር ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓላፍነት ገይሩ እየ ዝወሰዶ ነይሩ። ነቲ ትሕዝቶ ምሰ'ንብብክዎ ግና፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍሉይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምሕያሉ ተራና ክንጻወት ከም ዝኾነ ብኸመይ እጃምና ክሰርሕ ከም እንኽእልን በረሀሲይ።

ስለዚ ከምዚ ዓይነት ጽሑፋት ብተኸታታልን መንእሰያት ክንሳተፍ ብዘኽእልን ኣገባብ ብቑጻሊ ከም ዝቕርብ ክግበር እምሕጽን።

ደሊና ሓጎስ ካብ ጊንዳዕ

ዓምዲ ትውፊት ትቕጽለልና

ሓቂ ሓይሽ መጽሔት መንእሰይ ባ'ዩ ዓዲጉ ናብ ዝዘና ዘምጻኡ። ናብ ዝዘና ምስ ኣተወት ግና ኩላትና ኣሕዋት ንቀዳደመሉ። ትሕዝቶኣ ሰፊሕ ስለዝኾነ ድማ ሓደ ምስ ሓዛ ክፍንዋ ነዊሕ ግዜ ስለዝወሰደሉ፡ ኣብ ባኢስን ምምንጣልን ንኣቱ።

መጽሔት መንእሰይ ኩሉ'ዩ ዘለዋ። እንተደሊኻ ፖለቲካዊ፡ እንተደሊኻ ማሕበራዊ ይኹን ፍቕራዊ፡ እንተደሊኻ ዕላል ምስ ሃበርምን ስኒ-ጥበበኛታትን እንተደሊኻ ናይ ሳንዲት ሽኮር ዘልኩ ደኣ ኮታስ ኩሉ ንዋና ንመንእሰያት ዘገድስ ትረኽበሉ፡ ብልጽቲ መጽሔት'ያ።

ብዘዕባ ቀጻልነታ ስክፍታ ስለዘይብልና፡ ኣብኡ ክንዝረብ ኣይተንናንሕ። እንታይ ደኣ ጀሚራቶም ዘላ ዓምድታት ከይተቋርጹም እዩ ስክፍታና። ኣብኡ ዓምዲ "ትውፊት" ኣብ ገለ እዋን ትወጽእ ኣብ ገለ እዋን ድማ ትተርፍ። እዛ ዓምዲ እዚኣ ብዘዕባ ታሪኽ ጀግንነትን ሓርበኛነትን ትገልጽ ስለዝኾነት ንዓና ንመንእሰያት ኣዝያ ኣገዳሲት እያ። ኣብ ናይ ቀደም መጽሔት መንእሰይ ብተኸታታሊ ትወጽእ ምንባራ ኣብ ጉዝና ተሳኒዳ ካብ ዘሎ ናይ ሕሉፍ ሕታማት ክንርዳእ ክኢልና ኢና። ስለዚ "ፕሊዝ" ሕጂ'ውን ቀጻልነታ ኣውሕሉልና።

ሳሊም፡ ሰናይ፡ ሰሰን ካብ ኣስመራ

ኣገዳሲ ትሕዝቶ

ብቑዳምነት ኣብ ዓምዲ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ ዝቕርብ ሕቶታትን መልስታትን ንሓተትቲ ጥራይ ዘይኮኑ ንኹሉ መንእሰያት ዘገድስ ስለዝኾኑ ንሓተትትን መለስቲን ኣመሰግነ።

ብምቕጻል፡ ብሕልፊ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ድሕሪ መግቢ ክንንብሮም ዘይግብኡና ግና ኸኣ ብልማድ ንንብሮም 7 ነጥቢታት ኣዘዮም ኣገደስቲ ነይሮም። ዋላ እቶም ንስርዓት ፍርያት ጸታዊ ጥዕና ምምስራት ዝምድናታትን ዝምልከቱ ሕቶታትን መልስታቶምን እውን ኣዘዩ ዘዕግብ ነይሩ። ስለዚ እዛ ዓምዲ ብኸፍሚ ጀሚራቶ ዘላ ክትቀጽል፡ እንተተኻኢሉ ድማ ብኸፍሚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሰንበት ሰንበት እትወጽእ ዓምዲ ምኽሪ ሰንበት፡ ብመልክዕ ዝርርብ ዝዳሎ ምኽሪ እንተትጅምሩ መጽሔትና ዝያዳ ሱሓቢት ምኾነት።

ኣደም ዓብደልቃድር ካብ ኣኽርያ

ጉዳያት

ትንታነ

ምዕቃብን ምስዋድን
ፖለቲካዊ ብቕዓት

ንሃገርና ብቐረባ ዝጸሉ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ምብራቕን ብኣዝዩ ተዋሃሲ ፖለቲካዊን ጸጥታውን ኮነታት ይሓልፍ ከምዘሎ ኩልና እንዕዘቦ ዘለና እዩ። ብፍላይ ካብ 2011 ንድሓር፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ዝተኸሰተ ነትጉ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት እናተደርየ ዝፈጥሮ ዘሎ ሕንፍሽፍሽን ዘውርዶ ዘሎ ዘሰካሕክሕ ዕንወትን መግለጺ ኣይርከቦን። በዚ ዝቕጽል ዘሎ ኣተሓሕዛ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምናን ከም ሳዕቤኑ ሽበራውያን ሓይልታት ረኺቦሞ ዘለዉ ሃጓፍን ድማ፡ እቲ ኮነታት ዝያዳ እናተሓላለኸን እናተጠናነገን ክኸይድ እምበር፡ ኣብ ሓጺር ግዜን ብቕሊሉን ዝፍወስ ኣይመስለን።

ጉዳይ ሶማል፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ዞባና ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ዝመጸ ምትእትታው ሰራዊት ኬንያ፡ ኢትዮጵያ፡ ዩጋንዳን ብሩንዲን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ድማ፡ ተሰልቢጡ ንውሽጣዊ ጸጥታ ናይ'ዘን ሃገራት ዝህድድን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ኮነት'ዩ ፈጢሩ። ኣብ ውሽጢ ሶማል፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብሰም ተልእኾ ምዕቃብ ሰላም ኣብታ ሃገር ዝተዋፈሩ ወተሃደራት ኣፍሪቃ ብቕጻሊ ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕቲታት፡ ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብ ውሽጢ ዩጋንዳን ኬንያን ዝለሓመ ሽበራዊ መጥቃዕቲታት፡ ጽልዋኡን መጸኢ ኣመቱን ክትግምቶ ኣጸጋሚ እዩ። ደቡብ ሱዳን ናጻ ሃገር ድሕሪ ምኳና፡ ክልተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ዘጋጠመ፡ ኣሽሓት ሰባት ዝቐዘፈን ገና መዕለቢ ዘይረኸበን ኩናት ሓድሕድ እውን ተወሳኺ ዓቢ ብድሆ ናይ ዞባና ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ሰሜን ሱዳን እውን እንተኾነ፡ ከም ናይ ዳርፉር ዝኣመሰለ ገና ፍታሕ ዘይረኸበ ድጉል ጸገማት ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ናይ ወያነ ኢትዮጵያ ዘሎ ኮነታት ምስ እንዕዘብ እውን፡ ምስ'ቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ኢትዮጵያ እናበርትዐን እናሰፍሐን ክመጽእ ዝጸንሐ ፖለቲካዊን ዕጥቃዊን ተቓውሞ ህዝቢ፡ ድሕሪ ሞት መለስ ዜናዊ ዝተፈጥረ ናይ ስልጣን ሃጓፍን ውሽጣዊ ዘይርግኣት መሪሕነትን፡ ኣብ'ተን ንኢህኣዴግ ዘቕመ ሰልፍታት ንሓድሕደን ዘሎ ዘይምቅዳውን ምትፍናንን፡ ምሕደራ ክልላት ዝኸሰኩሶ፡ ዓሌታዊን ሃይማኖታዊን ስምዒታትን ካብኡ ዝብገስ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ግጭታትን ናዕቢታትን ተደማሚሩ፡ ኣብ'ታ ሃገር ነዊሕ ኣብ ዘይነነ ግዜ ክፍጠር ዝኽእል ምዕባለታት ኣዝዩ ኣሰካፊን ክትግምቶ ዘጸግምን እዩ። ኣብ የመን ዘሎ ኮነታት እውን ብቐረባ እንዕዘቦ ዘለና እዩ። ኣብ'ታ ሃገር ተባሪዑ ዘሎ ኩናት ሓድሕድ መዓስን ብኸመይን መዕለቢ ክረኽብ ይኽእል? ብርግጽ'ከ ፍታሕ ክርከቦ ይኽእል ድዩ? ተኣማሚንካ ትዛረበሉ ኣይኮነን። ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ሊብያ፡ ማሊ፡ ማእከላይ ረፑብሊክ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ድማ፡ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ዘሎ ኮነታት ምስ እንዕዘብ፡ እቲ ኣኽቢቡና ዘሎ ኮነታት ክሳብ ክንደይ ከቢድን መጸኢ ኣንፈቱ ዘይንጹርን ምኳኑ ምርድኡ ኣየጸግምን። ክሳብ ሕጂ ብዘሎ ምዕባለታት ከኣ፡ ኣንፈት ናይ'ዚ ኹሉ ዝተጠቕሰ ጸገማት ዘተሰፉ ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ሃገራት ዞባና ተፈጢሩ ዝርከብ ኣዝዩ ኣሻቓሊ ኮነታት፡ ብቐንጹ ውጽኢት፡ ሰንኩፍ ሃገራዊ ጥምረትን ንግዳማዊ ምትእትታው ዝዓደመ ውሽጣዊ ድኻማትን እኳ እንተኾነ፡ "ዕግርግር ዕዳጋ፡ መፍቶ ሰራቒ" ከምዝበሃል፡ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅልውላዉን ህውከትን "ንረብሕ ኢና" ዝብሉ ገበትቲ ሓይልታት ዓለምና፡ "ንሕና ንፈልጠልኩም" ብዝብል ብድዑ፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኸሰተ ዘቤታዊ ጸገማት ንምትሕልላኽን ማሕበራዊ ስኒትን ርግኣትን ኣውሒሱ ዝጸንሐ መበቁላዊ ባህሊን ኣነባብራን ስርዓትን ንምብሕጋግን ዝገብርዎ ዘለዉ ምትእትታው፡ እቲ ዝዓበየ ነዚ ጸገማት'ዚ ዘጋድድ ዘሎ ረቛሒ እዩ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ብሰም ፖለቲካዊ ብዙሕነት፡ ደሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ከምኡ'ውን ተልእኾ ምዕቃብ ሰላምን ምውሓስ ዓለማዊ ጸጥታን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ህዝብታት ዝገብርዎ ዘለው ደረት ኣልቦ ምትእትታዋት፡ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ርግኣት ዘሪጉ፡ ህውከትን ዘይምርግጋእን ኣብ ምጉዛር ዝጸወቶ ዘሎ ተራ ብቕሊሉ ዝግመት ኣይኮነን።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕንፍሽ ዞባዊ ኩነታት፡ "ንሕና'ኸ ኣብ ከመይ ኮነታት ንርከብ?" ኢልካ ተመሊስካ ነብስኻ

ምርኣይ፡ ብልጫታትካ ንምዕቃብ ሓጋዚ እዩ። ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዞባና ብዝተፈልየ፡ ልዑል ሃገራዊ ስኒትን ሓድነትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ጸጥታን ሰላምን ከረጋግጽ ዝኽእል ህዝቢ እዩ። ሳላ'ዚ ጸጋ'ዚ ድማ፡ ንኹሉ ግዳማዊ ሽርሒታት እናመከተ፡ ሃሙን ቀልቡን ኣብ ልምዓት ኣቕኒዑ፡ ኣብ ዕዮ ገዝኡ ክጽመድ ብተዛማዲ ዝሓሸ ዕድል ረኺቡ ኣሎ። የግዳስ ህዝቢ ኤርትራ ውሽጣዊ ሰላሙን ጸጥታኡን ብብቕዓት ከሕውስ ዝኽእል ህዝቢ ይኹን እምበር፡ ከም ኣካል ብዓለም ደረጃ ዝኸይድ ዘሎ ዓንዳሪ ፖሊሲ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ኣብ ልዕሊኡ ብግዳም ክፍተን ዝጸንሐ ውተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ተጻብኦታትን ሽርሒታትን፡ ቀሊል ኣይኮነን። ሳላ'ቲ ብዙሓት ሃገራት ክውንንኦ ዘይክኣላ፡ ሃገራዊ ጥምረትን ንቕሓትን ግን፡ ኩሉ ዝተኣልመ ውዲታትን ሽርሒታትን ብተደጋጋሚ ክብርዕን ጸኒሑ ኣሎ።

እንተኾነ ሕጂ'ውን ኣብ ቅድመና፡ ገና ክንሰግሮ ዘለና ብድሆታት ኣሎ። ከምዝፍለጥ ጉዳይ ዶብ ብሕጋዊ መገዲ ዋላ እንተተወደኣ፡ ኃበጣ ልኡላዊ መሬትና ክሳብ ዘዩብቅዐ፡ ኣብ ንቡር ኮነታት ኣለና ክንብል ኣይንኽእልን። ተቓውሞ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናዓበየን እናሓየለን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ከኣ፡ ወያነ ንኹሉ መዳያዊ ምንቀልቂሉን ጭንቀቱን፡ ምስ ኤርትራ ከተኣሳስሮ'ዩ ዝህቅን ዘሎ። ምስ'ዚ ምዕልባጥ'ዚን ቅብጽተ-ተስፋን ተኣሳሲሩ ይኹን፡ ምስ ሓፈሻዊ ቅልውላው ዞባናን ሓላላኺ ተራ ግዳማውያን ሓይልታትን ብምዝማድ እምበኣር፡ ፖለቲካዊ ብቕዓትናን ወተሃደራዊ ድልዉነትናን ወትሩ እናሰወደ ክኸይድ ዘለዎ እዩ።

ምስ'ቲ ዝሰገርናዮ ኣዝዩ ፈታኒ ግድላት ዝዳረግ እኳ እንተዘይኮነ፡ ዝገጥመና ዘሎ ተጻብኦ ዓበይቲ ሓይልታት እውን ኣየኽተመን። ብዓሎቕ፡ ኣብ ልዕለና ዝተበየኑ ዝኾነ መሰረትን መርትዖን ዘይነበሮ "እገዳ"፡ ዋላ እኳ ምስ ግዜ ዘይፍትሓውነቱ እናተቓልዐ ይኸይድ እንተሎ፡ ገና ኣይተላዕለን። ኣህጉራዊ ሕጊ ዝረገጸ ወራራትን ብቕጻሊ ዘሰኦ ውተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሽርሒታትን፡ ከምኡ'ውን እዚ ዘይቅኑዕ ብይን እገዳ፡ ንመኹተ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ስለዘየጸዓደ፡ መኹተን መሰል ርእሱ-ምክልኻልን ህዝቢ ኤርትራ ንምልሕላሕ ተባሂሉ ካብ ዝተኣልመ ተወሳኺ ካልእ እከይ ውዲታት ሓደ፡ "ፍልሰት መንእሰያት" እዩ። እዚ ብትካላት ስሊያ ብዝተራቕቐ ውጥን ዝምወልን ዝእለን፡ ንመንእሰያት ናይ'ዛ ሃገር ዒላማ ዝገበረ ውዱብ ገበን፡ ምስናይ ጽዑቕ መደናገሪ ፕሮፖጋንዳ፡ ገና ኣብ መስርሕ ይርከብ። እዚ እውን፡ ሃሲያ ኣየውረደን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ከምቲ ዝድለ ውጽኢት ኣይተረኽበሉን። ተታሊሎም ግዳይ ፍልሰት ዝኹኑ መንእሰያት መጋበርያኦም ክኾኑ ስለዘይክኣሉ፡ ከምቲ ባህገም ኣይተዓወትሉን። በዚ ድማ፡ ካልእ እልሞታት ክሰዕብ ንርኢ ኣለና። ሓደ ካብኡ፡ እቲ ብጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ተላዒሉ ዘሎ መጣልዒ ካርታ እዩ። ይኹን'ምበር ንሱ እውን ብህዝቢ ኤርትራ ተነጺጉሰ ይምኽት ኣሎ። ከም ኩሎም ዝሓለፉ ውዲታት ድማ ምብርዓኑ ዘይተርፎ እዩ።

ካብዚ ንሓልፎ ዘለና በዳሂ መድረኽን ካብ ታሪኽና ብሓፈሻን ከምእንግንዘቡ፡ ኣብ እዋን ሰላም ይኹን ኩናት፡ ማለት ኣብ ምክልኻል ሓደጋ ይኹን ኣብ ጉዕዞ ዕብየት፡ ንሓይሊ ብቕዓትን ኣድማዕነትን ሕብረተሰብ ዝውሰኑ፡ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተለዉ፡ እቲ ወሳኒ ረቛሒ ግን፡ ውሽጣዊ ሃገራዊ ጥምረት፡ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ንቕሓትን እዩ። ዕዉት ህዝቢ፡ እቲ ብዙሕ ዝቕጽሩ ወይ ዝዚፍ ባህርያዊ ጸጋ ዝውንን ዘይኮነ፡ እቲ ስሙርን ብሉጽ ሃገራዊ ክብርታት ዝውንንን ልዑል ፖለቲካዊ ብቕዓት ዘለዎን ህዝቢ እዩ። ናይ እዋን ቃልስን ናይ ድሕሪ ናጽነትን ታሪኽና፡ ናይዚ ሓቂ'ዚ ጉሉሕ ምስክር እዩ። ከመይሲ ሳላ ውሽጣዊ ጥምረትናን ሓያል ውዳበናን ኢና፡ ናብ ዘይጽዓድ ሓይሊ ተቐይርና፡ ንኹሉ ዘይክኣል ዝመስል ምረትን መስገደልን ሰጊርና፡ ዝተፈላለየ ሽርሒታት መኪትና ህላወናን ቀጻልነትናን ሓድነትናን ጥምረትናን ከም ህዝቢን ሃገርን ዓቂብና ንምርሽ ዘለና።

ብኣንጻር'ዚ ዝተጠቕሰ ንሓይልን ብቕዓትን ሃገርን ሕብረተሰብን ዝውሰን ረቛሒ፡ ሰንኩፍ ሃገራዊ ጥምረትን ድኹም ፖለቲካዊ ብቕዓትን እቶም ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ሕብረተሰባት ምኳኖም ታሪኽ ዓለምና ደጋጊሙ ዘነጸሮን ኣብ ከባቢና ዘሎ ህልዊ ኩነታት ደጊሙ ዝምስክሮ ዘሎን እዩ። ጠንቂ ድኻምን ውደቀትን እምበኣር፡ ሓይልን ብርትዐን ግዳማዊ ተጻብኦ ጥራይ ኣይኮነን። ሕብረተሰብ ብቕንዱ ውሽጣዊ ኩነታቱ'ዩ ዘሐይሎን ዘድክሞን። ግዳማዊ ተጻብኦ ኩሉ ሳዕ ካልኣዊ እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይ ታሪኽ ፍጹም ተቐይሩ ኣይፈልጥን። ንመጻኢ እውን ዝቕየር ኣይኮነን። ሃብታም ተሞኩሮና ነዚ እዩ ዝምስክር።

ኤርትራውያን፡ ኣብ ቅድሚ ግሁድን ዘይግህዱን ዞባዊን ዓለማዊን ተጻብኦ ጸኒዕና ደው ክንብል ዝኽእለና ረቛሒ፡ እቲ ብሓያል ሃገራዊ ሓድነትን ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪን ዝልለ ፖለቲካዊ ባህልናን ብቕዓትናን እዩ። ብሕጂ ዝጽበዩና ብድሆታት ሰጊርና ኣብቲ እንደልዮ ዕላማ ንምብጻሕ ከኣ፡ እዚ ቀንዲ ምስጢር ዓወትና ዝኾነ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሓይሊ ክዕቀብ ጥራይ ዘይኮነ ዝያዳ እናሰሰነ ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ክሳብ ሕጂ ብዓወት ዝመረሽና ብሓይሊ ብረት ወይ ሓይሊ ገንዘብ ዘይኮነ ብሓይሊ ፖለቲካዊ ንቕሓት ኢና። ስለዚ ኣብዚ ቀንድን እንተኣማመነሉን ጸጋ ድኻማት ክህሉ ስለዘይግባእ፡ ነቲ ዘዐወተና ፖለቲካዊ ሓይልን ሃገራዊ ክብርታትን ምዕቃብ ዝያዳ ኹሉ ክንጽዕረሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ንሓድሕድና ኢሂን ምሂን እናበልና ብቕጻሊ ድኻማትና እናፈወስና ክንከይድ፡

ክብርታትና ከይዋቃዕን ከይዓኑን ስነሓሳባዊን ፖለቲካዊን ስራሕና እናሓየለ ዝኸደሉ ባይታ ክንፈጥር ኣሎና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ዓንዲ ማእከል ጥምረትናን ሓድነትናን ዝኾነ መንግስትናን ግንባርናን ብቐጻሊ እናደልደለን እናማዕበለን ከምዝኸይድ ክንገብር የድሊ። ነዚ ንምግባር ውፉይ ሱታፌ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ኩሉ ጉዳያት ተዓቂቡ ክቐጽል ጥራይ ዘይኮነ ዝያዳ እናዕዘዘ ክኸይድ ኣለዎ። ምኽንያቱ ብርእሰ ተኣማንነት ኣብ ጎደና ዓወት ክንጓዓዝ ዘኽእለና ዘሎ ሓይሊ ውዱብን ንጡፍን ሱታፌ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዩ እዩ።

ውፉይ ሱታፌ ህዝቢ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ብቐንዱ ካብ እምነት ኣብ ዕላማን ፍትሓዊ ኣሰራርሓን እዩ ዝፍልፍል። ስለዚ ዝጸንሐ ሓያል እምነትን ሃገራውነትን ተዓቂቡ ክቐጽል፡ ንጥፈትን ኣወዳድባን ግንባር ክሕይል፡ ኣውራ ድማ ተራ መንእሰያት ካድረታት ክዓዝዙ ውዳበን ንቕሓትን መንእሰያት ክሕይል የድሊ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ንሕብረተሰብ ብውሽጢ ዘበኸብኩን እምነት ዘጥፍእን ምምሕዳራዊ ጉድለትን ዘይብቕዓትን ሃገራዊ ክብርታት ዘዕኑ ነውርታትን ብዘይንሕሲያ ክንቀል ይግባእ።

ምስጢር ዓወት ኩሉ ሳዕ ውሽጣዊ ጽሬትን ብርትዐን እምበር ድኻም ጸላእቲ ኣይኮነን። ኣዝዩ ዕውትን ተኣምራታዊ ቅያን ሓርነታዊ ቃልስና፡ ጸላእትና ድኹማት ስለዝነበሩ ዝተረኽበ ዘይኮነ፡ ጥምረትናን ብርታዕናን፡ ልዕሊ ሓይሎምን ሓይሊ ዘራያቶምን ጸብለል ስለዝበለ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 17 ዓመታት ካልኦት ህዝብታት ክጸወርዎ ዘጸግም እልቢ ዘይነበሮ ግዳማዊ ተጻብኦ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ስውር ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሽርሒታትን ዘይፍትሓዊ ብይን እገዳን ምምካትና ፍረ ጻማ ምጽማምናን ጽንዓትናን እዩ። ብመጠን ዝተጸመምናዮ ከኣ ጻማና ብቐሊል ዝግመት ኣይነበረን። ልዕሊ ኹሉ፡ ድሕነትን ቀጻልነትን ሃገርና ምስ ክብረት ኣውሒስና። ብውግእን ወረ ውግእን ጀሆ ከይተታሓዝና፡ ሱር በተኽ ቁጠባዊ ለውጢ ዘምጽእ ስትራተጂያዊ ወፍሪታትን መደባት ልምዓትን ተግቢርና። ኣብ ዝኾነ ወገን ከይተጸጋዕና፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከይኣተናን ከይተመሻኸናን ዝሓለፍናዮ መድረኽ ብምንባሩ ድማ፡ ነቲ ፍቱን ተጻዋርነትናን ብርታዕናን ከም ህዝቢን ሃገርን ደጊሙ ዘጕልሐ እንሕበኑሉ ታሪኽ ፈጺምና።

ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ብኩናትን ቀጻሊ ተጻብኦታትን ቁጠባዊ ሽርሒታትን ስለዝሓለፍና ብሓደ ወገን፡ ናብ ግዝያዊ ፍታሕ ከየድሃብና ተጸሚምና ነባሪ ፍታሕ ዘምጽኡ ስትራተጂያውያን ወፍሪታት ኣብ ምትግባር ስለንርከብ ድማ ቡቲ ካልእ ወገን፡ ዝጸንሓና ክብደት መነብብሮ ርዱእ እዩ። ሳላ ዝተጸመምና ግን ብዙሓት ክትግብርዎ ዘጸግሞም፡ ንሓዋሩ ካብ ቁጠባዊ ጽግዕተኛነትን ተጸባይነትን ከላቕቕና ዝኽእሉ፡ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምትግባር ድሓን ሰጉምና ኣለና። ኣብ ትሕቲ ቅርጺ ብዘሳለጥናዮ ዕማም፡ ንዝዚፍ ሕርሻዊ ንጥፈት ከምኡ'ውን ንሰፈሕ ቁጠባዊን ንግዳውን ንጥፈት ባብ ኣብ እነርሕወሉ መድረኽ ተቓሪብና ኣሎና። ኣብ ዕደና፡ ቱሪዝምን ኢንዱስትሪን ዘሎ ናይ ውሽጢን ደገን ወፍርታት ድማ፡ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ኣብ ቁጠባዊ ዕበየትና ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጥር ንጹር እዩ። እዚ ተታሓሒዝናዮ ዘሎና መደባት ልምዓት እምበኣር፡ እቲ ቀንዲ ሰላምናን ልኡላውነትናን ዘውሕስ ድልዱል ዓንዲ ብምኳኑ ኣበርቲዕና ክንደፍኣሉ ዘለና እዩ።

ንናጻ ፖለቲካዊ መስመርናን ጸጥታናን ልምዓታዊ ግስጋሰናን ዒላማ ዝገበረ ዓለማውን ዞባዊን ተጻብኦታት ክሳብ ዘሎ፡ ነዚ ስትራተጂን ስግኣታትን'ዚ ኣብ ግምት ዘየእተወ መኹተ ከምቲ ዝድለ ፍረ ክህብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ፡ ብኣንጻር'ቲ ምስልና ንምስይጣንን ንምንጻልናን ዚካየድ ዘሎ ዘየቋርጽ ዘመተ፡ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያውን ርክባትናን ጽልዋናን ምሕያል እውን ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ዞባና ፈጠርዎ ብዘሎ ሕንኩር ኩነታት ተሰፋ ከይቁረጽና፡ ነቲ ዘሎ ጸገማት ከም ግዝያውን ሓላፍን ብምርኣይ፡ ናብቲ ዓቢይን ቅዱስን ዕላማ እናቋመትና፡ ምስ ሃገራት ከባቢና፡ ናይ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ዝምድናና ከነሰፍሕን ከነሓይልን የድሊ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝኾየድ ዘሎ ጻዕሪ ዕውት ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ድማ ናይ ቀረባ ግዜ ምዕባለታት ዝምስክር እዩ። ብርግጽ ድማ፡ ምስ ህዝብታትን ሃገራትን ዞባና፡ ሽርክነትን ሓበራዊ ምትሕግጋዝን ብምስፋሕ፡ ኣብ ዞባና ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ብዘይምሕላል ካብ ምጽዓር ሓሊፍካ ካልእ ኣማራጺ እውን የለን። እዚ ይኹን'ምበር፡ ንድሕነትን ምዕባለን ሃገር ኩሉ ሳዕ፡ እቲ ወሳኒ ውሽጣዊ ኩነታት ስለዝኾነ፡ ኣተኩሮና ዝያዳ ኣብ ዘቤታዊ ዕማም ማለት ኣብ ህንጸት ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ብቕዓት ቀኒዑ፡ ንግዳማዊ ረቛሒታት ብውሽጣዊ ስራሕን ምዕባለታትን ክንጸልዎን ክንልውጦን እናሓሰብና ክንሰርሕ የድሊ።

ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝሓለፍናዮ በዳሂ መድረኽ፡ መሪሕን ወሳኒን ግደ ክጻወት ዝጸንሐ ናይ መንእሰያትና ንቕሓትን ካብኡ ዝመንጨወ ልዑል ሃገራውነትን ተወፋይነትን እዩ። ሕጂ'ውን ግደ መንእሰያት ወትሩ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ እዩ። ምኽንያቱ ዋሕስ ድሕነትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ብቐንዱ መንእሰይ እዩ። ስለዚ ድማ ንሕና መንእሰያት፡ ንህልዊ ዓለማዊን ዞባዊን ኩነታት ብልክዕ እናንብብና፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትናን ትኩርነትናን ብምብራኽ፡ ክሳብ ሕጂ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ዕውት ማእዝን ዓቂብናን ኣማዕቢልናን፡ ቃልሲ ንብሩህ መጻኢ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ድልውነትና ከነረጋግጽ ኣገዳሲ እዩ።

***

ትምህርቲ
ብመንጽር ዕላማ ማሕበራዊ ፍትሒ

ዘለናዮ ወቅቲ፡ ተማሃሮን መምህራንን ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዳግም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም፡ ሓድሽ ዓመት-ትምህርቲ ዝጀምረሉ እዋን እዩ። ዝኒ ኣጋጣሚ ብምግባር፡ ነፃ ሃገርን ህዝቢን ብዘዕባ ትምህርቲ ዘለና ሪኢይን ኣመለኻኽታን እንታይ'ዩ? ሪኢይናን ዕላማታትናን ኣስፊርም ዘለው ሰራዊት እንታይ ይብሉ? ተመሊሶ ምወሓሳም ብመንጽሩ ድማ ክሳብ ክንደይ ብዮብሪ ንስርሓሉም ኣሉና ምግምጋም ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ 1994 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ብዘዕባ ትምህርቲ ነፃዝ ይብል፦

"ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ እዩ። ንኹሉ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ምርግጋጽ ማለት ከኣ፡ ንኹሉ ማዕረ ዕድል ምዕባለ ምኽፋት ማለት እዩ። ህዝብና ካብ መሃይምነት ተላቒቑ፡ ብከዘተፈላለየ ደረጃታት ዘበናዊ ጥበብ መሊኹ፡ ኣፍሪዱ ዓቕሙ ብምድንፋዕ ሃዱ ንኽሃንጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብሰፊሑ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ትምህርቲ ኩሉ ኤርትራዊ ክረኽቦ ዝግባእ መሰረታዊ መስልዩ። ስለዚ ኣብቲ ዕድል ትምህርቲ ተነፊግዎ ዝጸንሐ ገጠራት ሃገርና ትምህርቲ ከስፋሕፍሕ ኣለዎ። ንዝገራዊ ሓድነትን ምዕባለን ዘገልግል፡ ዘበናዊ ፍልጠትን ክእለትን ዘስንቅ ምዕቡል ሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ክሃንጽ ኣለና። ትምህርቲ ከይማዕበለ ሃገርና ክሃንጽን ደሞክራሲን ፍትሒን ከስፍንን ኣይንኽእልን ኢና። . . እቲ ዝዓበየ ሃብትና ዓቕሚ ሱቡና እዩ። ስለዚ ንምምዕባሉ ቀዳምነት ሂብና ክንሰርሕ ኣሎና። ስሩዕ ትምህርቲ ምዝርጋሕ ሓደ መገዲዩ። ብዘይካኡ ግን፡ ኩሉም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ቡቡዓውዱ ቀጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ክህቡ ኣለዎም። ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ቡቡዓውዱ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ቀጻሊን ዘዋቋርጽን ጻዕሪ ክካየድ ኣለዎ።"

ነፃዝ ሃገራዊ ቻርተር ብንጹር ቃላት ኣሰፊርዎ ዘሎ፡ ብዘዕባ ሀገጽት ሃገር ክንሓስብ እንተኾንና፡ ብቐንዱ ብዘዕባ ሀገጽት ሞያ፡ ክእለትን ፍልጠትን ዝመልኽ ሰብ ኣና ክንሓስብ ዘለና። ምኽንያቱ ሃብቲ ሃገር ማለት፡ መሬት ወይ ባህርያዊ ጸጋ ዘይኮነ ሰብ'ዩ፡ ምዕባለ ሃገር ኣብ ምዕባለ ሰብ'ዩ ዝምርኮሉ፡ ፍልጠትን ሞያን ዘይዓጠቐ ሰብ ድማ ነብሱ ኮምዕበል ይኹን ሃገር ክሃንጽ ኣይክኢልን እዩ። ፍልጠትን ሞያን ድማ መሰረቱ ካልእ ዘይኮነ ትምህርቲ እዩ፡ ትምህርቲ ቡቲ ሰፊሕ ትርጉሙ። እሞ'ኳ እዚ ኣብ ቻርተርና ሰፊሩ ዘሎ ዕላማ ብዮብሪ ይሰርሓሉ'ዶ ኣሎ?

ዝኒ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር፡ ነፃኡ'ውን ኣብ ማዕሪ ፖሊሲን ትምህርታዊ ፖሊሲን ሃገርና ሰፊሩ ዝርኢብ ሪኢይን ኣመለኻኽታን ኣብ ግብሪ ንምውዳል መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጸባሕ ሓርነት ጀሚሩ ብምስእ ዓቕሙ ክረባረብ ጸኒሑ ኣሎ። ኣገልግሎት ትምህርቲ ነፃ መሳረታዊ መሰል ኣብ መላእ ሕብረተሰብና ኣብ ኩሉም ዜጋታትና ንምብጽሕ ቀዳምነት ዝሃቦ ኮይኑ ካብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ተምሚሹ ዝጸንሐ ነብጋታት እናሃበ ኣብዮት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ነብጋታት ሃገር ንምህናጽን ንኹሉ ዜጋ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብናጻ ንምብጽሕ መሳጥዮታት ናውቲ ትምህርቲን ንምቕራብ ሰፊሕ ስራሕ ከካይዶ ዝጀመረ ወናፍ ከፍሲ ጸኒሑ ኣሎ። ነፃ ውጽኢት ናይዚ ጻዕሪ'ዚ፡ ኣብ ዓመት ትምህርቲ 1990/91፡ ማለት ኣብ ፈለማ ዓመት ናጽነት፡ ብዝሒ መዓልቲ፡ ማኽነሲይን ካልኣይን ደረጃ ኣብዮት ትምህርቲ ብድምር 292 ዝነበረ፡ ኣስታት 400% ወሰኽ ጸብጺቡ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዝሒ መዓልቲ ማኽነሲይን ካልኣይን ደረጃ ኣብዮት ትምህርቲ፡ ልዕሊ 1100 በጺሑ ይርከብ፡ ብኡ መጠን ድማ ኣብ ፈለማ ዓመት ናጽነት ብዝሒ ተማሃሮ 168,000 ዝነበረ፡ 400% ዕብየት ብምምዝጋብ ኣስታት 700,000 ምብጽሑ ጸብጺቡት የመልክዕ።

እዚ ኣምዚ መገለጺ ምስፍሕፍሕ ኣብዮት ትምህርቲ ሱታፌ ዜጋታትና ኮይኑ ኣብ ባይታ ኣብ ዝተፈላለየ ነብጋታት ሃገር ዘወር ምስ እንብል፡ ኣብ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ዘደርኣየሉ ነብጊ ዳርጋ የለን ክንብል ንኽእል ኢና። ሳላ ወነፃዱ ጻዕሪ ህዝቢን መንግስቲኡን ኣበየ ነብስኡ ብዙሓት ናይ መኽታ፡ ማኽነሲይን ካልኣይን ደረጃ መንግስታውያን ኣብዮተ ትምህርቲ ብምዝርግሐን ድማ ብሰንሻ ቤት ትምህርቲ ዘይምህላው፡ ወይ ራሕቂ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝዘርፍ ቀልዓ ኣሎ ክበሃል ኣይክኢልን፡ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ደረጃታትን ኣብ ኩሉ ነብጋታት ሃገርኒ ናጽነት ካብ ዘረጋገጽ ዓበይቲ ዕድላት ሓደ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኩሉም ዜጋታት ብሕልፊ ድማ መንእሰያት ብከዘተፈላለየ ደረጃታት ዘበናዊ ጥበብን ሞያን መሊኾም፡ ኣፍሪዱ ዓቕሞም ዘደንፍዕሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣኮዳሚያዊን ቴክኒካዊን ትምህርቲ ዝህቡ ኣብዮተ ትምህርቲ፡ ኩሉ ዜጋትን ማእከላት ስልጠናን ኣብ ዝተፈላለየ ነብጋታት ሃገር ብምምሕራት፡ መንእሰያት ዝተፈላለየ ስልጠናታት ዝረኽብሉ ሰፊሕ ዕድላት ከፊቱ ይርከብ፡ ነፃ ወጽኢቱ ብኣኽሊሉ ዝቐጸሩ ካብ ኩሉ ነብጋታት ሃገር፡ ካብ ኩሉ ክፍላት ሕብረተሰብ ዝፈረዩ መንእሰያት ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብከዘተፈላለየ ሞያታት እናስልጠኑ ኣብ ስራሕ ዓለም ይዋፈሩ ኣለው።

ሓደ ካብ ዓበይቲ መሰነቅታት ስልጠን ሕብረተሰቡ ህላወ ምዕሩይ ዕድላት ኣብ ኩሉ ክፍልታት ሃገርን ሕብረተሰብን እዩ። ምኽንያቱ ብዘይኣፈላላይ ነብጊ ማሕበራዊ ቦታን ንኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ምዕሩይ ዕድላት ከርሕው ዘይክኣለ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ቅልጠፍ፡ ጥዑይን ፍትሓዊን ምዕባለ ከረጋግጽ ተኽእሎ የብሉን፡ ኣብ ኩሉ ነብጋታት ንኹሉ ክፉል ሕብረተሰብ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ምኽፋት እምነኡ፡ ብሓደ ወገን ሀገጽት ሃገር ዘዕሳጥፍ ድራኽ ክኸውን እንክሎ፡ ቡቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ

ገዛዕ ምዕባለ ንኽሉ ዚጋ ምዕሩይ ዕድላት ብምርሓው፡ ዝጀንሐ ዘይምዕሩይት ኣብ ምትዕርራይ ግቢ ተራ ዝጀወት እዩ፡፡ ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ድማ እቲ ቀንዲ መሳረት ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ፡፡

ነፀግዚኣዊ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ሪእይ ሃገርን ህዝቢን ኤርትራ እዩ፡፡ ሃገራዊ ዕሳማ፡ ነፃሲ ወከፍ ዜጋ ማዕረ ዕድላት ተኸፊትሉ፡ ካብ ጺጋታት ሃገር፡ ሪሙ ዝረኽበሉ ቁጠባዊ ስርዓት ምፍጣር እዩ፡፡ ዕሳማ፡ ኣብ መንነ ኩሉም ነፋሳት ሕብረተሰብ ዝጀንሐ ምርሕሓቕ ብምውጋድ፡ ኣብ መንነ ርኽቦትን ስኡናትን ዝጀንሐ ጋግ ብምጽንባቡ ኣብ ኩሉ ነበበጋታት ሃገር ዝተመጣጠነ ቁጠባዊ ምዕባለ ምርግጋጽ እዩ፡፡ ካብ ኩሉ ነፋሳት ሕብረተሰብ ዝተዋጽኡ መንእሰያት፡ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ዝረኽብሉ ባይታ ምፍጣር እምብኣር፡ ኣብ ምርግጋጽ ዝተመጣጠነ ቁጠባዊ ምዕባለን ምዕሩይ ዕድላትን ግቢ ድርኺት ዝፈጥር፡ ነቲ እንበይነ መልክዕን ነውጻትን ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣር ወሳኒ ተራ ዝጀወት እዩ፡፡

ነፀግቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር እውን ተጠቒሱ ዘሎ ሃገራዊ ዕሳማታትና ኣብ ምፈጻጽሙ፡ ነቲ ዝፃረር እንተኣማሰሉ ጺጋ ዓቕሚ ሰብና እዩ፡፡ እዚ ጺጋ'ዚ ናይ ብሓቂ ኣድማዒ ክኸውን ፍልጠት፡ ሞያን ቴክኖሎጂን ክመልኽ ነፀግዘለዎ ተኣሚንሉ ድማ ቀልዑን መንእሰያትን ስፍሓ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝረኽብሉ ባይታ ኣብ ኩሉ ነበበጋታት ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፡ ዚጋታት ነበም ደረጃኣም ዝተፈላለየ ሞያታት ዘጥርይሉ ስፌሕ ናይ ስልጠና መደባት ኣብ ምትግባር ደርኺቡ፡ ብዘይ'ዝ፡ ኩሉም ትካላት መንግስቲ ቡቦጀውዱ ንመንእሰያት ቀጻሊ ትምህርቲን ግብራዊ ስልጠናን ክህቡ ጸኒሖምን ኣለውን፡፡ እዚ ኣብ መላእ ሃገር ብነፍዓት ኣብያተ ትምህርቲን ብኸሊም ኣካላት መንግስቲን ሕብረተሰብ ክኢሉትን ፍልጠትን ንምምዕባል ዝቀየድ ዘሎ ጻዕሪ እምብኣር፡ ኣብ መውጹኢታ ክወቕየ ዝኽእል ሽቶ ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ብኡ ኣብልካ ድማ ምርግጋጽ እቲ ግቢ ሃገራዊ ዕሳማ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ፡፡

ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምስፋሕ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲን ምውዳድ መሳለጥያታትን ዝተጉበረ ዝዚፍ ወናፈ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኩሉ ዚጋ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብናጻ ነፀግዝርኽቦ ምግባር እውን ዕሳማኡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ እዩ፡፡ መንግስቲ ኤርትራ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ካብ ክሳራኡ መኽሰቡ ደጋጊ ዝብል እምኑ'ዩ ዘሎዎ፡፡ ብርግጽ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ሞያን ሰጊኾም፡ ኣቡቲ ዓያዩ ሓይሊ ነጽገዝሩ እንዝሰለመ፡ ኣፍራይነትን መግዘትን ሕብረተሰብ ኣብ ምዕራግ ዝህልምም ግይ፡ ካብቲ ንምስልጣናም ዝዘንብረ ወናፈ ብዘጋጸጸፈ ዝፃየዩ እዩ፡፡ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ እምባኣር፡ ብኣድማዕት እንተተሰራሕሉ መኽሰብ እምባር ክሳራ ኣይፈጥሩ፡፡ ክሳራ ዝኸውን ውጽኢቱ ነቲ ዝዘሓሰበ ዕሳማ ምስዘይወቅሑ ወይ እውን ዓቕሚ ሰብ ዘየኽእል ዘይኣድማዒ ንዋይፊት ምስዝኸሸውን ጥራይ እዩ፡፡

ምስዚ ዕሳማ'ዚ ተኣሳሲሩ እምባኣር፡ ኣብ መሰርሕ ትምህርቲ ኣስትብሀሎ ዘድልዮ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣሎ፡፡ ቀልዑን መንእሰያትን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተጸምብርም ናብ ቀጽሪ ኣብያተ ትምህርቲ ክመላለሱ ዕድል ስለዝኸፍቱ ጥራይ፡ እቲ ብትምህርቲ ክንጐብጥ እንሕልን ግቢ ሃገራዊ ዕሳማ ወቒዕና፡ እቲ ዝድለ መኽሰብ ጨቢጥና ማለት ነፀግዘሃነ ምግዝኦ የድሊ፡፡ ሀገጽን መሳለጥያን ብምቕራብ ብዙሓት ተማሃሮ ምእንጋድ ቀለል ዝኸኣ እኳ እንተዘይኮኑ ኣብ መውጹኢታ ግን እቲ መሳለፍ፡ ብዝሒ ተኣተፍቲ ዘይኮኑ እቲ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲን ንሱ ዝኸሓስሶ ብቕዋትን እዩ፡፡

ብመንጽር ሃገራዊ ዕሳማ እቲ ትጽቢት እንጉብረሉ ወጽኢት ትምህርቲ፡ ነፃሲ ወከፍ ዜጋ ህይወቱ ብዝዘለጸ መገዲ ዝመርሓሉን መሰብሮኡ ዘመሓይሽሉን ፍልጠት፡ ሞያን ክእሊትን ሰጊቹ ኣፍራይነቱ ብምሕያል ኣብ ዕቡዋት ቁጠባ ሃገር ገሊሕ ኣበርክዩ ኣብ ዝዝብረሉ ደረጃ ምብጻሕ እዩ፡፡ ብሉጽን ብቑዕን ኣብ ልምዓት ሃገር ግቢ ስምብራት ዝለዎን ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዘሎ ሃገራዊ ሪእይን ዕሳማን ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ እምባኣር፡ ዛጊት ኣረጋጊጽናዮ ዘሎና ገኒጋስ ብምዕቃቡ ጻዕርና ዝዖዳ ብምዕዘቡ እዚ ዝዘሰብ ተወሃኒ ግቢዮቲ ዕጽታትን ሓሳፍትን ምፍጃም ዘድልዮና ምኑኑ ምግዝኦ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ተወሃኒ ዕጽ ንብሉጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ

ነፀግዚ ኣብ ሳዕሲ ዝዘገልጸ ኣብ ትምህርቲ ተመዝገቡ ዘሎ ገኒጋስን ተፈጠሩ ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ቀሲል እኳ እንተዘይኮኑ ሃገራዊ ሪእይናን ጥሙሕናን ግን ኣመና ግቢ እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾኑ ትምህርቲ ብዓይነቱ እናተመሓየሸ ብሉጽትን ኣብዚ ዘመናዊ ዓለም ተወዳደርቲን ዜጋታት ንምፍራይ ተወሃኒ መሳለጥያታት ናይ ምውዳድ ስራሕ ብነፍሓት ምትግባር የድሊ፡፡ ከመይሲ መሳለጥያታት ትምህርቲ ብቑዕ ፍልጠት ኣብ ምስፍጋር ኣዝዮም ወሳኒ እየምዩ፡፡ ስለዚ ድማ ላቦራቶሪታት፡ ዎርክሾፓት፡ ነፃግፒዩተራት፡ ኣገልግሎት ኢንተርኔት፡ ኣብያተ ንባቡ መምህሪ መጻሕፍቲን ተወሃኒ ናይ ንባብ መጻሕፍቲን ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይን ብምልኣት ነፀግዘጸሕ ንምግባር ሕጂ እውን እቲ ጻዕሪ ብዝለዓለ ደረጃ ክቐጽል ኣለዎ፡፡ ብቑዕ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ምውዳድ ዝጠልቦ ርእሰማል ዝዚፍ እኳ እንተኾኑ ምስ ዕቡዋት ቁጠባን ሃገራዊ ዓቕሚን እናተዛመዱ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝግበር ወናፈ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየ ክኸይድ ዘለዎ ግድነታዊ ቅድመ ኩነት ንብልጽት እዩ፡፡

ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ ሕብረተሰባት ወይ ሃገራት፡ ዋሕስ ምዕባለኣምን ተወዳዳርነትኣምን ስርዓተ ትምህርቲ እዩ፡፡ ኣብ ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያውን ውድድር፡ ፍልጠት፡ ሞያን መግዘትን ዜጋታት ቀንዲ ረቛሒ ናይ ጸብሉልነትት ስለዝኾኑ ምሕያል ወይ ምድኃም ብቑዓት ትምህርቲ ኣብ ቅልጣፈን ዝሕታለን ዕቡዋት ዓቢ ስምብራት ስለዘለዎ ምስ ጉዳይ ሃገራዊ ድሕነት ክርኢ ዝግባእ እዩ፡፡ ንሕና ኣብ ምምዕባል እንርኽብ ህዝቢታት ብፍላይ፡ ማዕረ ዓለምና ክንስራዕ ገኒጋስና ኣመና ቅልጡፍ ክኸውን እዩ ዝግባእ፡፡ ንዕቡዋት ድማ እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ባህርያዊ ጺጋ ዘይኮኑ ፍልጠት እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ኣደህና ዝያዳ ካልእ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዓት ትምህርቲ ብምቕናዕ ስርዓተ ትምህርትና ብቑጽሊ እናሓደለ ነፀግዝኸይድ ብምግባር ምስ ግዜን ምዕባሊታትን ዝሃነገም ብሉጽ ኣገልግሎት

ትምህርቲ ንምርግጋጽ ብቕጻል ክንጽዕር ደጃንሓለይ ዘይብሃሎ ጉዳይ እዩ።

ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ካልእ ኣጉዳሲ ረቛሒ ምሕደራ እዩ። ምኽንያቱ ብልጽ ስርዓት ትምህርቲ ሕዝቡ ትምህርታዊ መሳለጥያታት ብምልኣት ምስ ኣዋዳድካ እውን እንተኾኑ ትካላት ትምህርቲ ኣገልግሎትም ኣድማዒን ወጽኢታዊን ዝኸውኑ ጉድለትን ድኾምን ብኢጋ እናፈወሰ ንዘበርሽ ብቕዓት ዝሰርሕ ሓያል ትምህርታዊ ምሕደራ ምስዘህሉ እዩ። ብቕዓት ተማሃሮ ዓይነት ስርዓት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝወሰነ። ንዕኡ ዘተግበር ምሕደራ ኣብዮተ ትምህርቲ እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ከመይሲ ድኸም ምሕደራ ትምህርቲ ዋላ እቲ ዝበለጸ ስርዓት ትምህርቲ እናሃለው ትርፉ ብኸኮት ተማሃሮ እዩ።

በዚ ዝተጠቕሰ ሰለስተ መዳያት ክርአ እኽሎ እምበኣር ኣብ ማህርሕ ምስትምሃር ክምላኡ ዝኽእሉም ገና ተወሰኽቲ ዓበይቲ ዕጽታት ከምዝለው ዝኩሓድ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ ኑቲ ዘሎ ሕጽረታት ብምምላእ ኣብ ምሕደራ ዘሎ ድኾምት ብቕጻል ብምፍዋሱ ትምህርታዊ ብልጽዕት ንምርግጋጽ፣ ከሎም ኣብ ማህርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሰፍኑ ኣካላት ትምዝዋም ከዕዝዙ ይግባእ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ እቑም ናይዋም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ክጽወት ዝኽእሉ ወሳኒት ደገምካ ምዝኽኻር ኣጉዳሲ ይኸውን።

ሀ. መማህራን

ኣብ ምዕባለ ስርዓት ትምህርቲ ንምሕደራኡን ነቲ ኣብ ምዕራግ ብቕዓት ትምህርቲ ቀዳማይን ዝለዓለን ተራ ዘለዎም መማህራን እየ። ብቕዓት መማህራን ምስ ብቕዓት ምሕደራ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ይኹን እምበር ባህላዊ ረቛሒ ናይ መማህራን እውን ወሳኒ እዩ። ርዝቦት ተልእኾኦም ብዋበት ተገዝሊምሉ ስርሖም ብተገዳስት ዝፍጽሙ፣ ብስኒምዝርን ህርኮትናን ንተማሃሮ ኣብኡት ዝኾኑ መማህራን ዘፍረይዎም ተማሃሮ ኣዘዮም ዕውታት እየ ምሉ። ክንዲ ዝኾኑ መማህራን ንኡስኣም ነም ቀለስቲ ናይ ሓድሽ ወለዶ ዝኾምሉ መኽሰቦም ኣብቲ ዝኾሰኑሉዎ ወለዶ ክርእዩ ዝብህጉ፣ ሃገርን ሕብረተሰብን ዘሕዝሎም ሕድሪ ብሓሳፍነታዊ መንፈስ ዝፍጽሙ ንቑሓትን ብስሉጣትን ክኾኑ የድሊ። እዚ ንቕሓትን ሓሳፍነትን ዝኸድሎም መማህራን ግሊ ኣብ ልዕሊ ዝኾሉ ቀልዑ ከውርድዎ ዝኽእሉ ሃሲያ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ስለዚ መማህራን ዕድል መጻኢ ወለዶ ኣብ ኢዶም ምኾኑ ብዕምቈት ክዋዝበ የድሊ። ናይ ጽባሕ ተቓኢ ወለዶ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ጻዕሪ ናይ ሎሚ መማህራን ስለዝምርኮሉ።

ለ. ወለዲ

መምህራትን ኣብዮተ ትምህርቲን ዘኸይድዎ ጻዕሪ ብምድጋፍ፣ ወለዲ ብሕሳፍም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲን ምሕዮል ብቕዓትን ክኣብርዎ ዝኽእሉ ኣስተዋጽኦ ኣቃሊልካ ዝርኢ ኣይኮነን። ተማሃሮ፣ ኣብ ትምህርቲ ፍቕሪን ተገዳስነትን ከዕዝዙ ዝደርኹ ናይ ወለዲ ምትብባዕን ክትትልን እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ወለዲ፣ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ንዋይን ሃብቲን ንደቆም ከውርሱዎ ዝኾኣ ዝበለጸ ውርሻ ትምህርቲ ምኾኑ ፈሊጦም ሃምን ቀልቢን ደቆም ኣብ ትምህርቲ ከምዝቐንዕ ብምግባር መጻኢ ዕድል ደቆምን ሕብረተሰቦምን ንምውሓስ ሓሳፍነቶም ክገልሙ የድሊ። ኣብ ርእሲ'ቲ ውልቀ ወላዲ ኣብ ቤቱ ከበርክቶ ዝኽእል እኳን ብሓበር እውን ኮሚቴታት ብምቋም ወለዲ ምስ ኣብዮተ ትምህርቲ ጥቡቕ ምትእስኣር ክፈጥሩ ይግባእ። ዕማም ኮሚቴታት ወለዲ፣ ንንጥፈታት ኣብዮተ ትምህርቲ ብጥሪ ምትትል፣ ማህርሕ ትምህርቲ ምምምጋም፣ ኣሉታዊ ተርእዮን ድኾምን ምንቃፍን መመሓዳሪ ሓሳባት ምፍልፋልን እዩ። ኮሚቴታት ወለዲ ዝኾኣ ተራኣን ክጽወታ እንተኾይኑ ከኣ ሓሳፍቲ ኣብዮተ ትምህርቲ ተሓታትነቶም ንመምህራት ጥራይ ዘይኮነ እንተኳይ ዝሓሚት ወለዲ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ክፈጥሩለን የድሊ።

ሐ. ተማሃሮ

ረቡሓ ትምህርቲ ብቕዳምት ኑቲ ዝተማህረ ውልቀሳብ እዩ። ብኾልኣይ ደረጃ ድማ ንሃገርን ሕብረተሰብን። ትምህርቲ ናይ መወዳኣታ ሽቶኡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ውልቃዊ ህይወቱ ብዝበለጸ መገዲ ዝመርሓሉን መሰብሮኡ ዘመሓይሽሉን ኩነታት ምፍጣር፣ በዚ መገዲ ድማ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገር ብዝለዓለ ናህሪ ምስጋም እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን እቲ ኣብ ዝኾነ ቦታን እዋንን ህይወትካ ብልሙጽ ንኽትመርሕ ዘኽእል ዘይሕንኩኹን ዘይብርሰን ሃብቲ ትምህርቲን ብትምህርቲ ዝርከብ ሞያን ጥራይ እዩ። በዚ ድማ ተማሃሮ፣ ተፈጠሩሉም ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ብዙሕ መጻኢን ብምጥማት፣ ሓጺር ሓሳባት ወጊድ ኣሉም ኣርሒቕም ብምርኣይ፣ ዕድመ ምሉእ ምስኣም ዝሰር ዘሕለፍን እምብዛ ዝርብሕን ሃብቲ ንምጭባጥ ነጽዕሩ፤ ተወዳዳሪ ዓቕሚን ብቕዓትን ንምጥራይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዘበናም ብልዑል ሓጊን ተገዳስነትን ነጽዕቱ የድሊ።

መ. ሕብረተሰብን ትካላቱን

ኣብ መወዳኣታ ሃገር ንምዕባለ ትምህርቲ እተፍሰሰ ገዚፍ ወፍሪ ኣኽሳቢ ውጽኢት ዝርከቡ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ዓቢይን ወሳኒን ሃገራዊ ዕላማ ሽቶኡ ዝወቅዕ መላእ ሕብረተሰብ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ኣብ ዝቐየድ ጻዕሪ ቡዑዋቕመን ቡዑዘምልኑቶ ዓውዲን ደራኺ ተራ ምስዘጻወት እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ስሩዕ ኣኳዳሚያዊ ትምህርቲ ኩሉም መምህራትዊ ህዝባዊን ብሕታውን ትካላት ቡዑዘውዶም ብቕጻል ትምህርቲን ስልጠናን ሞያን ክእለትን ዝዓጠቐ ኣፍሪይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ዘዋቋርጽ ጻዕሪ ክገብሩ ናይ ምዕባለ ስትራተጂናን ሃገራዊ ሪኢይናን ዕላማናን ሓሳፍነት የሰክሞም እዩ።

ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምእተጠቕሰ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ክፈልሰ ዝጀንሐን ዘሎን ወፍሪ ቀሲል ኣይኮነን። እዚ ወፍሪ'ዚ ብወሀድ ጻዕሪ መላእ ሕብረተሰብ ምስዘድርሖ ከኣ ብመገዲ ትምህርቲ ክገብጽሖ እንኽእል ሃገራዊ ዕላማ ሽቶኡ ከምዝወቅዕ ኣየጠራጥርኑ። ሽው ድማ'ዩ መምህራትን ሕብረተሰብን ኣብ ትምህርቲ ዝኸብርዎ ወፍሪ መኽሰቦ ብደረጃ ውልቀሳቡ ስድራቤት፣ ሕብረተሰብን ሃገርን እምብዛ ዓቢይን ኣርኣሒን ዝኸውን!!

ጉዳይ ኣብ ዙሮ

ሓባራዊ ዘተ ኣብ ፊልምታት ኤርትራ

ኣብ ኣደራሽ ጁንፃር ዝቐርብ ክልተ ሰሙናዊ ናይ ዘተን ሰሚናርን መደባት ይካየድ'ዩ። ኣብቲ መደብ ብዝተፈላለዩ ሓለፍቲን ሞያውያንን ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስታት መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘዳለዉ ምሁራትን ዝሳተፍዎ እዩ። ከም መቐጸልታኡ ኣብ ናይ መፋርቕ ወርሒ መስከረም መደብ፡ ኣብ ፊልምታትና ዘተኮረ ሓባራዊ ዘተ ተኻይዱ ነይሩ። ተዛተይቲ ወይዘሮ ራሄል ኣስገዶምን ኣቶ ኤድዋርዶ ኣርኣያን ነይሮም። ኣዛታዪት ወይ መራሒት ናይቲ ዘተ ድማ መንእሰይ ለይላ ኻልድ ነይራ።

ወ/ሮ ራሄል ኣስገዶም ብ1999 ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ፡ ብዓውዲ እንግሊዝ ተመሪቓ። ብምቕጻል ብኣፍሪካን ስታዲስ (African studies) ኣብ ስነጽሑፍ ኣፍሪቃ (African literature) ዘተኮረ ናይ ማስተርስ መዓርግ ካብ UCLA ዩኒቨርሲቲ ብ2002 ረኺባ። ድሕሪኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ከም መምህር ኮይና ክተገልግል ጸኒሓን ኣላን። ራሄል ጸሓፊትን ደራሲት መጻሕፍቲን እውንያ።

ኣቶ ኤድዋርዶ ኣርኣያ፡ ካብ 1992 ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ኣብ ERI-TV ኤዲተርን ናይ ግራፊክ ዲዛይነርን ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ኣብ 1996 ብሰርቲፊኬት መዓርግ "Documentary Film Directing" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ፓሪስ ስልጠና ወሲዱ; ከምኡ'ውን ኣብ 2001 ኣብ "Indian Institute of Mass communication" ብናይ ዲፕሎማ መዓርግ "Developing journalism" ዝብል ዓውደ ትምህርቲ ወሲዱ። ኣባል ኮሚቴ መማዩት ደረጃታት ፊልም እውንያ።

እታ ቐዳመይቲ ኣርእስቲ፡ ወ/ሮ ራሄል ኣስገዶም፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ፊልምታትና ኸመይ ኣለዉ ብዓይኒ ስነጽሑፍ፤ ብዓይኒ ኣካዳምያዊ ስነ-ጽሑፍ ትሕዝቶኦም ከመይ ኣሎ፤ ፍርያት ፊልምታትና ከመይ ይግምገሙ ወይ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣለዉ፤ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ኣተኩራ፡ ናታ መግለጺ ኸትህበና እያ። ብድሕሪኡ ድማ ኣቶ ኤድዋርዶ ኣርኣያ፥ ፊልምታትና ከመይ ኣለዉ ወይ ከመይ ይመስሉ ኸይህሰስ ክፍትንዩ። ብናይ ራሄል ንጅመር ኣሎና። ሰናይ ምክትታል፥

> "ፊልም የብልናን፤ ቪድዮግራፊ እዩ ዘሎና"
>
> ካብ ተዛተይቲ

> "እንተዘይህልወናዶ ሽልማት ረሚ ረኺብና፤"
>
> ካብ ገዛ

ራሄል ኣስጉዶም፡

ነም ማበበ ክኸኑ፡ ንሓደ ፊልም ብዓይኒ ዛንታ ክንመማዮ ከለና ወይ ክንምህሮ ኸለና እንታይ እንታይ ኢና ኣብ ግምት ኣእቱ ኣብ ዝብል ነጥብታት'የ ክጅምር። ደሓር ድማ በዚጥብታቱ ናብና ፊልምታት ብሓፈሻ ብናተይ ትዕዘብክን ንምጋምን ኣበይ ንርከበሉን እንታይ ሓያል ጉዳን ድኖ'ዉን ኣለዉ ክዝርእይ ኢና።

ሕጂ ዝኸኑ ፊልም ኣብ ዛንታ መጻእና ክንመማዮ ከለና፡ ብናተይ ኣዘራርባ "ingredients" ንበሉም ኣለዉ። ኣብ ሓደ ፊልም ክህልዉ ኣለዎም ኣልና እንጽበዮም። ኣብ ፊልም ጥራሕ ዘይኮኑ ዋላ ኣብ ዛንታ። ዝኸኑ ዛንታ፡ ሓጺር ዛንታ ይኸውን ነዊሕ ኣብ ግጥሚ ይኸውን ኣብ ዝኸኑ ዛንታ ስለዚ ኣብቲ ዛንታ፡ ነቲ ዛንታ ብቑዕ ዛንታ'ዩ ጸቡቕ ዛንታ'ዩ፡ ሓያል ዛንታ'ዩ ኣልና ክንመማዮ ክእመዝና ዝኸኑ "ingredients" ኣለዉ። ንሱኣዩም እናዓልና ኢና፡ እዚ ፊልም ሓያል ስክሪፕት ኣለዎ፡ እዚ ፊልም ድኸም ዛንታ ኣለዎ ኣልና ንመሚ። እዩም ኩሉ'ውን ነተን "ingredients" እዩም ዝጥቀምሉዎ። ኣብኡ ክኣቱ ኣይፈተኽኑ ንምጥቃሱ ዝኣክል'ዩ።

ሓደ ዛንታ ብሓሳብ'የ ዝጀመረ፡ እቲ ሓሳብ ካበይ ይመጽእ፤ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክመጽእ ይኽእል። ካብ ተሞክሮ፡ ካብ ትዕዝብቲ፡ ካብ ንዕምዒ ካብ ንርእዩ፡ ካብ ዝሰርሕዩ፡ ካብ ምንባቡ ካብ ዝተፈላለየ ዛንታ ወይ ሓሳብ ክሰዋስ ንኽእል ኢና። ሕጂ ኣብ'ዚ እንታይ ኣሎ ክንፈልዮ ዘለና፡ ሓሳብ ዛንታ ኣሎ ማለት ዛንታ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓሳብ ኮኑ ግዜ ጸቡቕ ኣሎዎ፡ ክብሃል ከሎ ሓደ ዛንታ ብጽቡቕ ወይ "potential" ብዘለዎ ይብሃል። እዚ ሕማቕ ሓሳብ'የ ኣልካ ትጉንፎ ጻርጋ የለን። ኣብ ከምዚ ኣገዩ ሓያል ሓሳብ

ኣብ ዓድና ይቐርቡ'የም። ሓሳብ ጥራይ ማን ገበሮ ነቲ ዛንታ ሓያል ይገብሮ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ እታ ሓሳብ ኣልዓልካያ ኢኻ ዘለኻ እምባር ኣደ ስራሕኪ'ዮ። ምጽሓፍ ማለት መሳርሕ ስለዘኾነ ብከተፈለየ መሳርሕ ሓሊፉ ናብ ውዳእ ስራሕ ክበጽሕ ስለ ዘለዎ ጽብቕቲ ሓሳብ (ናይ ፍቕሪ ትኾኖ ናይ ታሪኽ ናይ ኮናት) ኣብቢሰ ስለዘቸኾሽ ብመንጽር ትሕዝቶ ብመንጽር ዛንታ ልዑል ነባቢ ክትረክብ ኣለዋ ኣልካ ክትሓስብ የብልኮ። ምኽንያቱ እቲ ሓሳብ ተገቢሱ ኣሎ ግን ከኣ ክትሰርሖ ክትኽእል ኣለኹ ልክዕ ከምቲ መገዲ ኽንሰርሕ ከለና "ingredients" ንቕርብ'ሞ ነቲ "ingredients" ኣወሃሂድና ዝጎብኡ ናይ ምብሳል ግዜ ሂብና ኣብሰልና ኣብ መውዳእታ ሓንቲ ጥዕምቲ ዝኾነ ጥዕምቲ ደርሃ ወዘተ ንሰርሕ ከምኡ'ዩ ዛንታ ኾኑ። መሳርሕ'ዩ። ስለዚ ኣብ ሓሳብ ዛንታ መጻእካ ኣብ ፊልምታትና ጸብቕ ሓሳብ ዛንታ ዘለዎ ናይ ብሓቂ ክመዳደር ዝኽእል ሓሳብ ዛንታ ይልዓሉ'የም። እቲ ጽገም መዳ'ዩ ዝመጽእ ነቲ ተሳዒሉ ዘሎ ሓሳብ ናብ ውዳእ ስራሕ ክተእትዎ እቲ ዝጎብኡ ግዜ ስለ ዘይተህቡ ስንኡስንኡ ስለ ተበሎ ኣብ'ቲ ኣወዳድኣ ጽገም ይመጽእ ማለት'ዩ።

ሕጂ እታ ሓንቲ ነባቢ እንታይ እዩ እቲ ሓሳብ ዛንታ ትብል ብኣኣ ኢና ንጀምር። ኣብ'ዚ ኽክልዕሎ ዘሎና እንታይ እየ ኽጽሕፍ ደልየ ዘለኽ ብዛዕባ እንታይ እዩ መልእኽቲይ ከ እንታይ እዩ እዚን ክልተ ሕቶ ኣገደስቲ'ዩ። ምኽንያቱ ነቲ ጽሕፎ ዛንታ 'focus' ኣብ ምግባር ስለ ዝሕግዘኑ። እቲ ሓሳብ ተሳዒሉ መብዝሕትኡ ግዜ ድማ ገሪሕ ሓሳብ ስለ ዝልዓሉ ብዙሓት ሓሳባት'ውን ስለ ዝልዓሉ 'ፍኖተ' ክስትሕዝም ከለና ጽገም ይመጽኦ። ኣብኡ ኾኣ እቲ ድኽመት እናተረኣየ ይመጽኦ። እዚ ከይኣወን መታን ኣብቲ ኾንጠበስ ከለና፡ ሓሳብ ኣልዓልና ኣለና፡ ሕራይ ብዛዕባ ፍቕሪ ኽጽሕፍ ደሊና'ለና፡ ንፊልጦ ዛንታ'ውን ኣለና፡ ናይ እገሌ ናይ መሓዙ፡ ናብና ኣጠቢሰና ኣለና። ግን ብልክዕ መወዳእታ እዚ ዛንታ እንታይ ኢና ክንብል ደሊና ዘለና፣ እታ ዛንታ ናይ መን ምኳና እንታይ መልእኽቲ ኽትመሓላልፍያ ኣጸደና ምናላጥና ነቲ ዛንታና ኾይኑ ኣተኩሮኡ ዝሓለወን ጸፃፋን ዛንታ ኽህልወና ይሕግዘኑ።

ኣብ'ዚ ሕጂ ኣብ ፊልምታትና እቲ ድኽመታት ይረኣዩ ሓሳብ ጸብቕ ተሳዒሉ ኾሎ ይኽፍሕ 'ፍኖተ' ኣይጥመርን፡ ብዙሕ ነገር ብሓደ ክንብል ንደሊ። ስለዚ እናኾፍሐ ምስ ከዱ ክንሰርሖ ከለና ኣብ መወዳእታ እንታይ ኣልና፡ እንታይ እዩ እቲ መልእኽቲ ደጠዘሓቱ 'ፍኖተ' ይሰኣኑ። ሓንቲ ኾብቲ ጽገም ኣብ'ዚ ይኸውን፡ እቲ ሓሳብ ዛንታን እቲ ውዳእ ስራሕን'ውን ኣይንፈልየን ኣለና። ኣብ ገለኡ ኾኣ ዘይንጹር ሓሳብ ዛንታ ይርከቡ፡ እዚ ኾምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ እንታይ እየ ኽጽሕፍ ደልየ ዘለኹ፡ ብዛዕባ እንታይ እዩ እንታይ እዩ እቲ ኩሕልፎ ደልየ ዘለኹ መልእኽቲ ስለ ዘይሃጽር፡ ነፍሰ ጹሓፍቲ ነፍ ኣልና ስለ ዘይኮነ፡ ጥራሕ ሓንቲ ዛንታ መጺኦ'ኳ ጽሕፍ-ጽሕፍ ኣብለ ወዳኢያ ኣልና ስለ ንሓሳብ ኣብዚ ተሳዒሉ'ውን ስለ ዝሕወሶ ኣብኡ ድኽመት ይርኢ።

እታ ኻልኣይቲ ኣብ "ingredients" እዩ። ሓሳብ ዛንታ መጺኡ ኣሎ ጸብቕ ብዛዕባ እንታይ ክጽሕፍ ደሊና ኣለና ፈሊጥና ኣለና፡ መልእኽትና'ውን ኣጸደና ኣለና፡ ሽዑኡ ኣብ ጠበያትን ኣብ ትልምን ንመጽእ። ነፍሰወከፍም በቡሓንቲ ክንፈልዮም እንድሕር ክኣልና። መን'የም እዩም ጠበያትና፣ እቲ ዛንታ ብዛዕባ መን'ዩ ናይ መን ዛንታ'ዩ እንድሕር ኣልና፡ ናይ ክሱዩ ዝብሃል'ዩ ኣልና ኣለና። እዩም ጠበያትና ብምስእ ንፈልጦም ዲና፣ መን'የም ንኡዩም ኣብዚ ኾኣ ርኡይ ድኾምት ኣብ ስርሓትና ይርኢ፡ ጠበያትና ብምስእ ኣይንፈልጦምን። እንታይ ድሕሪ ባይታ ኣለዎም ካብይ ነበበ ይመጹ፣ እንታይ ሃይማኖት ኣለዎም ደረጃ ትምህርቶም ከመይ እዩ እንታይ ዓይነት ኣነሳሳ ኣቃውማ ኣለዎም ማሕበራዊ ርክቦም ከመይ እዩ ብደቂቕ ኣጸንሰና ስለ ዘይንፈልጦም ኣብ'ቲ "act" ክገብሩ ኾለወ፡ ንምንታይ ይገብሩ ኣለወ፡ ንምንታይ ከምዚ ኣሉም ይዛረቡ ኣለዉ መልሲ ኣይንረክብሉ፡ ምኽንያቱ ኣይዝጽናዮምን። ሕጂ ኣብቲ ጠበያት ክዝንጽ ከለና ጠበያትና ኣይንፈልጦምን ኣይጽንዎምን። ስለዚ ጠበያት ሓንቲ ኾብዩም ኣገደስቲ "ingredients" እዩ። ስለዚ ግቢ ድኾምት ኣብ ስርሓትና ጠበያትና ብምስእ ኣይንፈልጦምን ኣለና። ንጠበያትካ

ክትፈልጦም፡ ክተጽንዖም፡ እንታይ ይሓስቡ፡ እንታይ እዩ ድሌታቶም፡ እንታይ እዩ እቲ ድሪምዝቲዊ ድሌቶም ክትፈልጦም ግዜ ይወስድ'ዩ። ኣብ'ዛ ዛንታ ንዚ ጠባይ እንታይ'ዩ ደልዩ ዘሎ፧ እንድሕር ዝደልዮ ዘሎ፡ ዛንታ የለን። እቲ ጠባይ ክበጽሖ ዝደሊ ዘሎ ብፍላይ እቲ ቐንዲ ጠባይ ድሪምዝቲዊ ድሌቱ ክገጽር ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ንእኡ ክኣክብ ዝኽእል መስርሕ'ዩ እቲ ዛንታ። ስለዚ እንታይ እዮም ደልዮም ዘለዉ፡ ናብይ እዮም ክበጽሑ ደሊዮም ዘለዉ ክፍለጥ ኣለዎ። መን'ዮም ንኡዮም ካብይ እዮም መጻኢም ክጽናዕ ኣለዎ። ሕጂ ኣብ ጠባዮትና እቲ ግበእ ኣፍልጦ ክህልወና ኣጉዳሊ'ዩ።

ብመንጽር ንዚ ፈልምታትና ዓቢ ድኽመት ይርኣየሉ። ጠባዮትና ብዋበት ኣይንፈልጦሎ። ዋላ ንኡዮም ንህልሉም ንኡብም ዝፈልጥዋ ኣይመስሉን'የሉ። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ኣስዒዮም ንህልሉም ክጠፍኡም ይርኣዩ'የሉ። እዚ እንታይ የርእዩ እዮም ጠባዮት ሰሞም ዘይፈልጥዎ እንተኾይናም ዓቢ ድኾም ከምዘሎ ትርዳኡ፡ እቲ ዘልዕሎ ዘለኹ ኣርእስቲ ትፈልጥዎ ኢኹም። እንታይ ይብል ኣለኹ ይርድኣኩም'ዩ። እንታይ'ዩ እቲ ጸገም ዝመጽእ ዘሎ ኹፉ ኣልካ ክትጽሕፎ ከለኻ'ዩ። ምኽንያቱ ብዘዕባ ጠባዮት ክዝረብ ደቓይቕ ወሰድሲይ ይኸውን'ዩ። ጠባዮትካ ፈሊጥካ ክተጽንዖም፡ ፈሊጥካ ክትጽሕፎ ግን ኣዋርሕ ዓመታት ክወስድ ክኽእል ኣለዎ። ስምዒቶም፡ ድሌቶም ኣተሓሳስባኦም ፈሊጥካ ኹፉ ክትጽሕፎም ከለኻ ግዜ ይወስድ'ዩ። ትዕግስቲ ጸዕሪ ይሓቱ'የሉ። ኣብዚኣ'ያ ደማ እታ ጸገምና ትኸውን፡ ነቲ ብቓል ብ'theory' እንፈልጦ ኩፉ ኣልና ኣብ ተግባር ክከውስሎ ጸገም ዘሎና ኹይት ደስምዕ።

ሕጂ እዮም ጠባዮትና እንተፈሊጥናዮም እቲ ድሪምዝቲዊ ድሌቶም ተተረዲኢና ናብይ ደልዩ ብኸመይ ይብጽሕ ኣሎ እንድሕር ፈሊጥናዮ፡ እቲ ግርጭት፡ ኣብ ምሃናጹ እቲ ጥርጊ ኣብ ምብጽሑን ፍታሕ ኣብ ምሃናጹን ይሕግዘኹ። እዚ'ዩ ደማ እቲ ትልሚ ዝብህሎ፡ ኣመዓብልኡ ከመይ እዩ፧ ኣብ'ቶም ጠባዮት እንታይ ግርጭት ኣለዎ፧ እቲ ግርጭት ከ ብኸመይ ተብጢሑ፧ ዝኾነ መፍትሒ'ኸ ረኺቡ ድዩ፧ እዚ ኸኣሉ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ኣብ ስርሓትና እንታይ ይመጽኦ ጸገራ ግርጭት ክትፃገሙ ጸኒሕኑ፡ ኣብ'ቲ ፍታሕ ትቕልጥዩ። ማእረ እቲ ኸትፃገሙ ዝወሰደልካ ግዜ ብዙሕ'ውን መገዲ ክትፈትሖ'ዩ ትጽበት ዝግበር።

ሓደ ዛንታ እቲ ናቱ ግርጭት ብኸመይ ተፃገሙ'ሎ፧ ብኸመይ ከ ተፈተሑ'ሎ፧ ኣብቲ ግርጭት ቀስ ኣልካ ክትፃገሙ ትጽንሕ'ሞ፡ እቲ ዝበዝሐ ግዜ'ካ ሰለ ትውድኦ ኣብ'ቲ ፍታሕ ክትብጽሕ ከለኻ፡ ግዜ ሰለ ዝሓጽረካ ዕጽው ዕጽው ተብሎ፧ ነዚ ኸትገብር ኣጋጣሚታት ተብዝሕ ወይ ዘይብረ ሓደ ዕድል ፈጠርካ ዕጽው ትብል፡ እዚ ደማ ኣብ'ቲ ስራሕ ርኢይ ይኸውን፡ ኣብ'ዚ ኸኣ እቲ ትልሚ ክኣመን ብዘኽኣል መገዲ ክህጽ ትጽበት ይግበር፡ እንተኾነ ኣብ ስርሓትና ድኽመት ይርኢ፡ ካልእ "ingredients" ኣብ ትልሚ ድሜ ንኡስ ትልሚ'ዩ፡ እዚም ንኡሳን ትልምታት ነቲ ዓብዩ ወይ ቀንዲ ትልሚ ብኸመይ እዮም ዝዘልውዎ፧ እንታይ ተራ ተጻዊቶም'ዮም ነቲ ትልምና ዘሰጉምዎ፧ እዚታት ኣና ኣብ ንኡስ ትልሚ ንርእዮ፡ ኣብ'ዚ መብዝሓትኡ ግዜ ዝርኢ ብዙሓት ሓሳባት፡ ብዙሓት ጠባዮት ተልዕል'ሞ ምዋርናዑ ይኣብጹ፡ ወይ'ውን ናይ'ቶም ዝልዓሉ ጠባዮት ዛንታ ኣብ ሓደ ደው ይብል፡

ንኡቡት ኣነ እንድሕር ኩይነ እታ ቐንዲ ጠባይ፡ ኣነ ተማሂረ፡ ተመርዕዩ፡ ሓዊር ጌረ ወዘተ ... ናተይ ዛንታ ይምዕብል ናይ መሓዘይ ኣብ ሓደ ደው ይብል፡ ብዘዕብኦ ደማ ዋላ ሓንቲ ኣይንፈልጥዎ፡ ስለዚ ንኡሳን ትልምታት ተወሃሪደም ኣብ'ቲ ቐንዲ ጠባይ እንታይ ተራ ደጻወቱ ኣብ ዝብል ኣብ ስርሓትና ድኾም ኣሎ።

ካልእ ናይ ምርኢታት ነባቢ ኣሎ፡ ምርኢታት'ውን ብመንጽር ስዒሊ ነቲ ቐንዲ ትልሚ ብኸመይ ተማዕብለ፧ ኣዮናይ ስዒሊ'ዩ ቐድም ክመጽእ ዘለዎ ኣዮናይ ዳሕረዋይ፡ እዩም ስእልታት ንዞኣ ርእሶም መባዝኡ፡ ማእከላዩ መውጹኣታ ክህልዎም ኣለዎ፡ ነቲ ተብጢሑ ዘሎ ብምዕባዩ ግርጭት ሰራሕ ኣ ናብ ጥርጊ ዘጸሓም ናብ ፍታሕ ዝወሰዱ ክኸኑ ትጽበት ንገብር፡ ሕጂ ኣብ'ዚ መብዝሓትኡ ግዜ ኣብ ስርሓትና ንርእዮ እቲ ምርኢት ተደጋጋሚ ይኸውን፡ እዚ ደማ ነቲ ትልሚ መጠጡ ኣህልቓዊ ይገብሮ ወይ ኣብ ሓደ ደው ከም ዝብል ይገብሮ፡ ነቲ ዛንታ'ውን ኣዮማዕበሎ፡ እዚ ፈልሚ'ዩ ኣብ ፈልም ደማ ተርኢ እምባር ኣይተሃምርን ኢኹ፡ እቲ ክትሃሮ ዝደለኻ ቦቲ ተርእዮ ይግለጽ፡ በዚ ደማ ምርኢት ኣብ ፈልም ኣጉዳሊ'ዩ፡ ገለ ምርኢታት'ውን ኣለዉ ምስ'ቲ ዛንታ ዋላ ሓንቲ ምትሕሓዝ ዘይብሎም፡ እዚ እንታይ የመልክዕቲልኩ ሓንቲ ጽብቕቲ ስዒሊ ስለ ዝርኣኻ ሰቕ ኣልካ ትእትዋ ኣጉዳሊታ ምስ ትሕዝት ደማ መልሲ የብልኻ፡ ስለዚ እቲ ምርኢታትካ ኣብ'ቲ ዛንታ ንምንታይ ተእትዉ እንታይ ተራ ኸጻወት'ዩ ፈሊጥካ ኸተእትዎ

ኣጉዳሲ ይኸውን፡፡

ካልእ "ingredient" ዝርርብ እዩ፡ እዚ ብመንጽር ኣየም ጠቢያት ክትርእዮ ኸለኻ ኣጉዳሲ'ዩ፡ ጠቢያትካ እንታይ ይብሉ፡ መጻኒ ንመን ብኸመይ መገዲ ይብሉ ክትፈልጥ ክብጽንዖ ኣጉዳሲ እመሳሰሎ፡ ወዲ 9 ዓመት ቁልዓ እንታይ ክብል ይኽእል፡ እንታይ ዓይነት ኣዘራርባ ኣለዎ ዶክብረ ኣይ ኣቦ ... ምስ'ቲ ናታዩም ሂብዩዎም ዘለኻ ደረጃ፡ ቦታ ቅርጺ እንታይ ይብለ፡ ምስ መጽ መጻኒ ክትፈልጥ ኣጉዳሲ'ዩ፡ ንኡቡት ቁልዓ ብናይ ፈሳሕታት ልሳን ክዘራብ 'ተጀሚሩ ተኣሚ ኣይኮውንን፡ ካብይ ኣምጻእኢ ብኸመይ ተኣሚ ኣይኮነን ሳሓቢ'ውን ኣይኮውንን፡ ሓደ ዶክተር'ውን ምስ'ቲ ናቱ ሞያ ዘይኮይድ ኣዘራርባ ምስ ዝጥቀም ሰሓቢ ኣይኮውንን፡፡

ስለዚ ኣብ ዝርርብ መን መጻኒ ንመን እንታይ፡ እቲ ኣዘራርብኡም ምስኡም ይኸይድ ደዊ ደእምን ደዊ እዞም ሕቶታታት ኣልዓልካ ኣብ ዝርርብ ትጠቕሶም ማለት'ዩ፡ እዚ ኸኣ ሓደ ኻብቲ ዝልዓል ነጥቢ'ዩ፡ ኣብዚ ድማ መጽናዕቲ የድሊ፡፡ ንኡቡት፡ ናይ ሓደ ዓውዲ ተልዕል 'ተሰኻ ናቱ መጽናዕቲ ከድልዮ'ዩ፡ ንኡቡት ናይ ሕክምና 'ተኸይቱ እቲ ዛንታ ድማ ናይ ሓደ ሕማም 'ተኸይቱ እንታይዩ እቲ ሕማም ክትፈልጥ ኣለዎ ኣልኡ፡ ዶክተር ኣልካ ጋውን ከዲኾዩ፡ እንድሕር ኑቲ ዓይነት ሕማም ብዋበት ዘደምጹ ኸይቱ ወዲቕካ ኣለኻ፡ መን እንታይ ይብል ካብይ ተተባሉ ምፍላጥ ኣጉዳሲ'ዩ፡ እዚኣን እዮን እተን ነጥቢታት ኣብ ዛንታ ዝልዓሉ፡ ስለዚ ዛንታ ኣጉዳሲ'ዩ፡ ዘይትፈልጥዎ ኣይኮኑስ ምኑ ትፈልጥዎ ኢኸም፡ እንታይ'ዩ እቲ ጸገም ዝኸውን ዘሎ፡ እዚ ዛንታ ግዜ ይሓትት ምኑኑ ንሓንቲ "script" ክትጽሕፍ ብውሕዱ ሓደ ዓመት ከድልዮ'ዩ፡ እዚ ቕድሚ ናብ ባጀትን ምመደባ ምኻድካ ቕድሚ ናብ ምዘርጋሕ ምኻድካ ምስ በርን ምስ ወረቕትን ምስ ጎኣ ርእሰኻ ክትሕልፎ ዘሎካ ማለተይ እዩ፡ እዚ ምስ ኣጸፈፍካ ኢኻ ብዘዕገ እቲ ኻልእ ትዛረቡ፡ ስለዚ ብውሕዱ ሓደ ዓመት ከወሓይልካ ኣለዎ፡ ኣብ ናትና ግን ግቡእ ግዚኡ ዝኸለወሉ ኸይቱ ኣይለማማንን፡ ሓንቲ ዛንታ ረኺብኻ ጣሪጣ ኣብልካ ትሰንዓ ኸይና'ያ ትሰምዓ፡ እዚኣ ኸኣ ሓንቲ ኻብቲ ዝርኢ ግቢ ድኻመታት ኮይና ትሰመዓ፡ ዝኣን'የ እተን "ingredients" ዝብለት፡ ካልእ ዘይተልዓለ እንተሎ ኣብ'ቲ ዘተ ንርእዮ፡፡

ኤድዋርዶ ኣርኣዮ፡

ኣነ ንሓፈሻዊ ኣፍልጦና ናይ ፊልም ዝሕግዝ ስለስት 'slide' ኣለዋኒ፡ ካብዚኣን ሓንቲኣን እዩ ከቕርጋልኩም፡ ብወከይ ነታ ናይ 'film rating' ብዙሕ ከተኩረላ ኣይምደለኽኑ፡ ምኽንያቱ ትጠቕመኩም ኮይኑ ኣይስመዓንን፡ ዳርጋ ኩላትኩም'ውን ትፈልጥዎ ኢኸም፡ ስለዚ ብምርጫኽም'የ ክኸይድ፡ ብዘዕገ ፊልም ኣሰራርሓን 'ኢቮሉሽን' ናይ ፊልም እንታይ ይመሳሰልን ርኢና ኸኽእይድ ትብሉ እንድሕር ኩይዝኩም'ውን ደኣኣል'ዩ፡ ... እንታይ ይሓይሽ? ...

ኣነ ብወከይ ኣብ ኤርትራ ፊልም ኣሎ ኣይብልን እዩ፡ ፊልም'ሲ ብደረጃ ፎርማት ናይ ፊልምን ብደረጃ'ቲ መሳርሒታት ናይ ፊልምን እንድሕር ርኢ'ኻዮ፡ ኣብ ኤርትራ ዝና ብሕጂ ፊልም ክፍጠር እምበር ካቢት ፊልም የብልናዮ፡ ንሕና ቪዲያግራፊ (videography) እዩ ዘሎና፡ እቲ ንሕና ንጥቀመሉ ፎርማት ናይ ቪድዮ እዩ ናይ ፊልም ኣይኮነ፡ ሓንቲ በም ማይክሮፎኑ ብሓንቲ ባወዛ ናይ 1000 ዋት ፊልም ክትሰርሕ ኣይኽእልን እዩ፡ ነዚኣ ኣብ'ቲ ደረጃ ናይ ፊልም የለን ቪዲያግራፊ እዩ፡

ምስ'ቲ ኸሉ ብድሆታት፡ ምስ'ቲ ኸሉ ጸዕርታት፡ ምስ'ቲ ኸሉ ኣብ'ቶም ሰራሕቲ ፊልም ዘሎኒ ኣኽብሮት ኣብ ግምት ኣእትዖ'ውን ፊልም ኣሎ ክብል ኣይደፍርን እዩ፡ ምኽንያቱ ናይ ብሓቂ 'ፊልም' ክንብል እንድሕር ኮይኑ'ሲ፡ ሓንቲ ነገር ክርእዮ'ውን ምደለኹ . . . (ኣብ ስላይድ)

ፊልም ክንብል እንተኾንኹ፡ ሓደ ብ8 ሚለሜተር ብ16 ሚሜ ወይ ብ36 ሚሜ ዓይነት ካሜራ ክትሰኣሎ ክትኣኽል ኣለኻ፡ ብፍኣይ ሕጂ ኣብ ዓለም ምስ'ዚ ዲጂታል ምዝዝታት መጺኡ ስለ ዘሎ፡ 6K ኣብ ዝብል ዓይነት ፎርማት'የም ቦጺሕም ዘለወ፡፡ ስለዚ እታ ንሕና ዘለና'ያ ደረጃ እዚኣ'ዩ፡ ትርእዩዋ'ዶ ኣለኹም ኣታ ናይ መወዳኣታ ጫፍ ዘለ'ያ ... (ካብ ስላይድ)፡ እዚኣ ድማ ንፊልም ተብቕዕ ዓይነት ደረጃ ኣይኮነትን፡ "High Definition" ጸኒሑ፡ እዚ ናይ "High Definition Stream Right" ነምዚ ትርእዩዋ ዘለኹም'ዩ፡ 2K፡ 4K፡ 6K እናበለ እዩ ዝኸይድ፡፡ በዚ መሳኽዒ ንሕና ፊልም ሃፍሪ ዲና፡ ኣልና እንተሓተትና፡ ብደረጃ ፎርማት እንድሕር ርኢናዮ፡ ኣይዜሮን ኢና እዩ እቲ መልሲ፡፡ እዚ ንሕና ሃፍሪ ዘሎና ኸደ'የግራፊ እዩ፡ ብዙሓት ሰባት ፊልም ሃፍሪ እዩ ዝመሳሰሎም፡ ግን ኣይኮነን፡ ምስ'ቲ ኸሉ ብድሆታትን ምስ'ቲ ኸሉ ጸዕርታትን ፊልም ሃፍሪ የለናን፡፡

ብዘወሰኽኒ መባዝሕትኡ ሰብ ደረጃ ፊልምታት ናይ ኤርትራ እንታይ'ዩ ነጥቢታትና እንታይ'ዩ ክብል'የ ዝኾዩ፡ ቅድሚ ከምኡ ናብ ምባል ምስ'ጋርና፡ ንሕና ኸኑሓልፍ ዝኾዩ ብዙሕ ነገራት ኣሎ፡፡ ናይ ብሓቂ ኣብ ኤርትራ ናይ ሲምፖዚግራፊ ትምህርቲ ኣሎ ድዩ ሰብ ተማሂሩ ድዩ ኣብ ካሜራ፡ ኣብ ኤዲቲንግ ኣብ ላይት፡ ኣብ ሳውንድ ብቕዑት ዲና፡ ብቕዑት ኣለና ድዩ ፊልም ነበፍሪ ገና ኣብ መጀመርታ መድረኽ ኢና ዘለና፡፡

ስለዚ ሕጂ ብዙሓት "rate" ናትና ኣፍልጠና፡ ፊልም ንሰርሕ ኣሎና ዲና ወይስ ... ይብሉ'የም፡ ፊልም ኣይንሰርሕን ኢና ንሕና፡ ዝና ኣቦቲ ዝተሓተ ደረጃ፡ ኣብ ንመሃረሉ ደረጃ ኢና ዘሎና፡፡ ኣነ እንታይ እዩ ዝብል ኣቦቲ "rate" እንተዘይኣተና ዝበጸ እዩ፡ ናእ ናይ ግድን ኣብ "rate" ነኽእቲ ኣለና እንድሕር ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣነ እተን "rate" ነዋሪ'ኩም እኾኑ'ዩ፡፡

ኣነ ስለስት ኣርእስቲ ቀረብ ኣለኹ፡፡ እቲ ሓደ "evolution" ናይ ፊልም፡ ፊልም ከመይ ገይሩ ካብ ዘሮ ናብ'ዚ ናይ ሕጂ ዲጂታል ፊልም ኣተና፡ ብፍኣይ እዩም ኣለይትን እዩም ናይ ፊልም ወኒ ዘለኩም ሰባት፡ ዝ ዓይነት ብድሆን መሳርሕን ዝሓለፍዎ እዩም ግበይቲ ናይ ፊልም

መገንድሳት ዝዋነደሰም "inspire" ኳዝከም'ሲ. ንሰኻትከም ዓቢ ጠከም ኣብኡ ኽትሰርሑ፡ ካልኣይ ሓደ ፊልም ዳይሬክተር "film Proposal" ከቕርብ ከሎ እንታይ ዓይነት ሃጥብታት ከምልእ ኣለም ሳልሳይ ድማ ፊልም ኢንዳስትሪ ብኸመይ ደሰርሕ ምወላ ብዙሕ ሰብ ብዘዐገ ምወላ ይፈሃቕ ኣብ'ዚ። ስለዚ ሆለወድ ብኸመይ ፊልምታት ይምወል ናይ ጀርመን ካምፓኒ ብመንጽር ናቱ ብኸመይ ይምወል እዝአን ሰለስት ኣርእስቲ ቕብልከም ኣለኽ፡፡ ሃገእ ፊልምታትና ብኸመይ ይምዝን ኢና ንደሊ ትብሉ እንተኾይኑም ኣነ ኽሰግረከም ይኽእል እዩ፡ ጸገም የብሊይን ምርጫ ናጥኽምዊ ግን ፊልም የለን ኣብ ኤርትራ ኽትፈልጡ ዘለኩም ብናተይ ኣረዳድኡ፡ ተረዳዳእና ኣለና ዲና፡

ለዳላ ኻልድ፡

ቅድሚ ናይ ሕቶን ርእይቶን ዕድል ንዝ ምህበዩ ገለ ክተብርሃለይ ዘሎካ ሕቶታት ኣለዋኒ፡ ኣብ'ቲ መሳረት ናይ ምብጋንስ ፊልም ምህላውና ገና ኣብ'ቲ ፊልም ዝዘሃል ደረጃ ኸም ዘደብዲሕና ትገልጸልና ኣለኻ፡ ግን እንታይ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ፊልም ዘብል ስለምንታይ ኢና'ኸ ኣይብዲሕናዮን ንብል ዘለና ወይ እንታይ እዩ እቲ ዝተረፈ፡ ኣብ መሳርሕ ናይ 'ፊልም ፕሮዳክሽን' ንሕና ኣብይ ደረጃ ኣለና፡ ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክንዘውሕ እቲ ተሪፍና ዘሎ ገዛዝ ኽንድምንታይ ምኳኑ ሓፈሻዊ ኣምር ክትህበና፡፡

ኤድዋርዶ ኣርእይ፡

ብቐዳምነት ሓደ ናይ ፊልም ስራሕ ክጠዝ እንድሕር ኩይኑ መጀመርታ ናይ "Production Face" ዝዘሃል ኣሎ፡፡ ዝ. ናይ ብሓቂ ፕሮዛል ዲና ንሕና፡ ኣይፕሮዛልን ኢና፡፡ ምኽንያቱ ፊልም ኮሎዲኡ ከለኻ ሰለስት ደረጃታት ክትሓልፍ ኣለኹ፡፡ ሓደ "Pre-production" እዩ ድሕሪኡ "Production post" ካብኡ ናብ 'Production' ንመጽእ፡ ኣብ "Pre-production" ኩሉ'ቲ ቅድሚ ስእሊ ክፈፍ ዝጥቡኡ ነገራት ኣዳፊፍና ክንቅረብ ኣሎና፡፡ "Script" ጸፊፉ ተዳልዩ ዘድሊ ልምምዳት ተገይሩ ገጹ ባህርያት ተጸኒያም ግቡእ ስሌዳ ስእሊ ተዳልዩ ምስ ተወድአ ኢና ናብ ስእሊ ክንሰግር ዝኽእሉ ካልኣይ ኣብ ካሜራ ክንኣቱ ኸለና፡ ኣብ'ቲ ናይ ፕሮዳክሽን ስራሕ ክንሰርሕ ከለና፡ ናይ ብሓቂ እቲ ዳይሬክተር "shooting list" ክቕርብ ኣለም፡፡ ኣብ ስሌዳ ስእሊ "pre-visualize" ክንገብሮ ይግባእ፡፡ ብመሉኡ እቲ ማተሪያል ኣኪብና ምስ ሰኣልና ኸኣ 'ኤዲት' መገበሪ ወረቐት "paper edit" ኣዳሊና፡ ነቲ ኤዲተር ክንቅርጋሉ ኣሎና፡፡ እቲ ኤዲተር ንዕኡ ተኸቲሉ'ዩ ኤዲት ክገብር ዘለዎ፡፡ እቲ ዳይሬክተር'ውን ብመሳረት እቲ ዝተዳለወ መኣረሚ ወረቐት ኤዲት ነም ዝኸኑ ሓደ ብሓደ ክረጋገጽ ኣለዎ፡፡ ዳይሬክተር ሓያል ብቐዳትን ተሞኩሮን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፡ ምኽንያቱ ሓንቲ ፊልም ክትዳሎ ኸለ ዝጠዘሉ ሓሳፍትት እቲ ዳይሬክተር እዩ ዝኸሎ፡፡ ብዘዐገ 'ኤዲቲን'፡ ብዘዐገ 'ሳውንድ'፡ ብዘዐገ 'ላይት' ዳይሬክተር እዩ ዝሕለተ፡፡ ክሕለት እንተኾይኑ ኸኣ ብቐዳትን ተሞኩሮን ክህልዎ ኣለዎ፡፡ እዝም ዘለወና ዳይሬክተራት ዝ. ብቐዳትዚ ዝወስኑ ደየቃ ቦን ዝሓለፉ'የቃ ብዋበት ክንዎምዎም ዘሎና እዩ፡፡

ባሩድ 77 ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኤርትራ ምስ ተራእየት ህዝቢ ብምሉኡ ብዘዐገ ታሪኹ ብፀንሑኡ ፊልም ክርኢ ኸም ዝደሊ ኣመሳኪራትልና እዩ፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ሲኒማታት ክርኢያ እዩ ዝጸዐ ነይሩ፡፡ ብድሕሪኡ መብዝሕትኡም እየም ናይ ስቴጅ ክኢሊታት ዝሰራሩ ተዋሳእትን ደረስትን ናብ ናይ ፊልም ስራሕ ኣትዩም፡፡ ክኣትወ. ኸለወ. ናይ ሲኒማዮግራፊ ፍልጠት ነይሩዎም ድዩ ናይ ብሓቂ'ኸ ኣብ ኤርትራ ናይ ሲኒማዮግራፊ ትምህርቲ ኣለና ድዩ እንተ ኣልና፡ የብልናን እዩ እቲ መልሲ፡፡ ስለዚ ዝጠድሰና ብዙሕ ነገራት ስለዚ፡፡ ብወገዲ ኣብ'ቲ ፊልምታትና ከሕሊፍል ኣብ ዘኽእሉ ኣኃዝታዊ ጸዕርታት ኣድሂብና እንተሰራሕና ይሓይሽ እየ ዝብል፡፡

ገለ ዝርዝራት ኣለኹ፡፡ ንኣብኡት ጉዳይ ካሜራ እንድሕር ኣልዓልና፡ መብዝሕትኡ ስእሊታትና ጸርጋ ሓደ ርብዒ ናይ'ቲ ፊልምታት መብዝሕትኡ "ኣወት ኣብ ፍኖ" እዩ፡፡ ሓደ ፊልም ፊልም ክዘዘል እንተኾይኑ ንጹረ ስእሊ ክህልዎ ኣለዎ፡ "ኣወት ኣፍ ፍኖ" ዝብዘል ክህሉ የብሉን፡ ቁናን ስእሊ ኸኣ ክህሉ የብሉን፡ "ኤክስፖዝር" ክህሉ የብሉን፡ "ቫክ ላይት" ክህልዎ የብሉን፡ ብምስእ ድምጺ ብጽጹር ክሰመዕ ክኽእል ኣለዎ፡ "ሲፕ ሲንግ" ክህልዎ የብሉን፡ በዚ መንጽር ኣብ ፊልምታትና ዘለ ነገር የለን፡ ናይ ፊልም ብቐዳት ስለዘይብሉም ከኣ "ረይት" ክንገብሮም ኣይኽእልን ኢና፡፡

ንኣብኡት ፊልምታትና ደረጃ ክንህበም ከሎና፡ ዝነታ 40%፡ ንምወላኺ 5%፡ ንምፃና ንኤቲን 10%፡ ንሲኒማዮግራፊ 20%፡ ንኤዲቲን ድማ 15% ንህቡ፡ ኣብ ወሳጠ. ሲኒማዮግራፊ ብርሃንን ደምጽን ኣሎ፡፡ ፊልምታት ክትከፈፍሉ ከሎና "Drama, Espionage, Romance, Comedy, Crime, Science fiction, Horror, Triler, Martial art..." ወዘተ እዩ፡፡ መብዝሕትኡም ናትና ግን (75%) ፍቕሪዊ እየም፡፡ ዝነታና፡ ንታሪኽና፡ ንያታና፡ ንመንነትና ዝገልጹ ፊልምታት ጸርጋ የብልናን ንሕና፡፡ መብዝሕትኡ ኸኣ ፊልምታት ፍቕሪ ኣለም፡፡ ፍቕሪ ኣብ ሓደ ፊልም ነም ሓደ 'ሳንድዊች' ኩይኑ ኣይ 'ጋክ' ክኸውን ዘለም እግባር ጀሚሩ ክሳብ ዝውድእ ብዘዐገ ፍቕሪ ጥራይ ክኸውን የብሉን፡፡ ጉዳይ ፍቕሪ ኣብ ፊልም ነም ሓደ ንእሽቶ ኣርእስቲ ስሊዋ መብዝሐ ናይ ሰብ ኩይኑ ክቕርብ ከሎ እዩ ዝምስከቶ፡፡ ካብ ንግሆ ጀሚርካ ክሳብ ምሸት ሰዓት ዓስርት ብዘዐገ ፍቕሪ ኣይተዘንቱን ኢኻ፡፡ ስለዚ መብዝሕትኡም ፊልምታትና ፍቕሪዊ ፊልም ተዛሊዑም፡ እቲ ዛንታ የለን፡፡ ፍቕሪዊ ፊልም ከኣ ናይ ብሓቂ ፍቕሪዊ ፊልም ነይሩ 'ተዘኸውን'ውን ኣይምሸፍኦን፡፡ ታሪኽ ኣይገልጽ፡ ባህሊ ኣይገልጽ፡ ክብርታት ኣይገልጽ ምኳኑ እዩ እቲ ዘሕዝዘ፡፡ ምናልባት እቲ 25% ጥራሕ'ዩ ዝ. ንብሎ ዘሎና ዝገልጽ፡፡

ህዝቢና ኣብ ባሩድ 77 ርኢናዮ ኢና፡ ኣብ ንእሽቶ ሓወይ ክንዲ ሓመተይ (ሚስኡ) ርኢናዮ ኢና፡ ንመንነቱ ንያታኡን ንታሪኽን ዝገልጽ ቪዲያግራፊ ንርኢ. ይብሃገ እዩ፡፡ ባሩድ 77 ካብ ዝፈደዩትሉ ንኡብ ሕጂ 18 ዓመታት ኩይኑ'ስ፡፡ ኣብ ወሳጠ. 18 ዓመታት ፊልምታትና ማዕበሉ'ዶ ባህልኽም እየም ኣፍረይቲ ፊልም ክትግምግሙዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ስለምንታይ ሰብ ፊልምታትና ዘይርእዩ፡ ስለምንታይ ዳይሬክተራትና ኣብ ሓደ ዝዘዓለ ደረጃ ዘይበጽሑ፡ ኣብዚ እዋዝ ፊልምታት ሓደ ዓቢ ናይ ቅልውላው ደረጃ ኣትዩዎ እዩ ዝርከቡ፡ ምኽንያቱ ሰራሕቲ ፊልም እቲ ዝዋፈኸ ናይ ፊልም ፕሮዳክሽን ኣሰራርሓ ኣይጥቀምሉን ዘለዉ፡፡ ኣብ ወሳጠ. 2 ወርሒ. ፊልም ትውዳኡ፡፡ ኣብ ዓዲ ነፀዝ. ቦታ ተዓጺናስ ኣብ ወሳጠ. ክልተ ሰመን 25 'ሲን' ስኢልና ይብሉኻ፡፡ 25 'ሲን' ኣብ ወሳጠ. 2 ሰመን ክትሰእል ትኽእል፡ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ተብዝተ ደበዘሕ'ሞ ስራሕ ደበሎ፡፡

ብዘዐገ ኣብ ዛንታ ዘሎና ብቐዳትን ተሞኩሮን ከመይ ነም ዝመሳል ሪሄል ብዘሰፍሐ ገለጻዩ ስለዝሓፍኑ ኣይክዘረበሉን እዩ፡፡ ስለዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ቪዲያግራፊ ኢና ንሰርሕ ዘሎና፡፡ ኣብ ደረጃ ፊልም ኣይበጽሕናን፡፡ ፊልም ክንሰርሕ እንድሕር ኩይንና ድማ እቲ ናይ ፊልም ዓቕምና

ኣዋሪናዮ ዝዘበርና ንድሕሪት ተገሳሱ ስለ ዘሎ ኸንብድሆ ኸሽእል ኣለና። እዚኣ እያ ናተይ ርኢይቶ።

ለዐላ ኸልድ፦

ቅድሚ ዕድል ንዝ ምህበይ ብወኒይ ክተብርሃለይ ዝደልዮ ሕቶ ኣለኒ። ኣብ ፊልም ዜና ነም ዘሎና ክትገልጸልና ጸኒሕኑ እሞ እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ እንታይ'ዩ እቲ ጸገሚ ፊልም ኣብ ሃገርና ሓጺር ዕድመ ኣይነሃን ዘሎዎ። ስለምንታይ'ዩ እዚ ነፃዚ ዓይነት ተርእዮታት ካብ ተመክሮና ክትገልጸልና። እቲ መሳረታዊ ሃገር ዝ. ጠንቂ ኹይኑ ዘሎ'ኸ እንታይ ምባልኑ፧

ኤድዋርዶ ኣርኣያ፦

ሓደ እቲ መሳረታዊ ጠንቂ ኹይኑ ዘሎ ቅልጠፍ መኽሰብ ክትሪክብ ምድላይ እዩ። ፊልምታት ክትሰርሕ እንድሕር ኳንኻ መጽናዕቲ ክትገብር ኣሎኑ ኣብቲ ፕሪፕሮዳክሽን መሳረት ክተንጽሪሉ ክትኽእል ኣሎኑ። ግዜ ክትብልዓሉ ኣሎኑ። ብዘወሃኸ. ደማ እታ ክፉ (ግሩፕ) ናትካ ክትመርጻ እንከሎኻ ብቑዓት ክኢላታት ክትመርጽ ክትኽእል ኣለኻ። ኣብቲ መጀመርታ እዋን ክቢንጋስ እንከሎ ጸቡቕ ፊልምታትኑ ንርኢ. ሄርና ኢና። ደሓር ግን ኣንቕልቕፎ ምኽንያቱ ኣየም ፕሮደዩሰራት ምኽፋል ኣይፈትወንየዎ ፊልምታትና ካብ ኣብ ሲሃግ ንርእዮ ንዝ ኣብ ተቪ ንርእዮ ተኸታታሊ ፊልምታት ደበልጹ ምኽንያቱ እተን ሕደሽ ወይ ዕብይ ገበላ ስቱድዮታት'ዮን ዝሰርሕኑ ንሽን ደግ ዝሓሸ ተመክሮ ኣለወን። ኣብ ካልእ ግን ካብ ብቑዕ ካሜራ ማን ተናዲ ውሑድ ዓቕሚ ንዝለዎ ውሑድ ከፊልካ ክትካሪጅ ኢኻ ትደሊ። ክመርሑን ክሰኑን ዝኽእሉ ሞያውያንኳ ኣለወና'የዎ ንዕኦም ግን ኣይንመርጻዎን ኢና። ኣብ ኢዲቲን'ወን ነፃሉ ንጹዓት ክኢላታት ብቑዓት ኤዲተራት ደሓን ተሞክሮ ዘለዎም ኣለወ። ንዕኦም ደግ ኸሽፍሉም ስለ ዘይንደሊ. ናብቲ ብውሑድ ክፍሊት ልጥፍ ልጥፍ ኣበሉ ኣብ ክልተ ሰለስተ ሰመን ዘሕንበክ ትመርጽ።

ገለገለ ፊልምታት እኳ ኣሎ ብዘበላ ኸኑ ፊልምታት ኣይኩንናን ንዝረብ ዘሎና። ገለገለ ፊልምታት ደሓን ስለዘኾኑ ክልተ ነጥቢ ክልተ ፈረቓን ክሳዕ ሰለስተ'ውን ዝወሰዱ እኮ ኣለወና'የዎ። እዚ ምስቲ ዝፈሪ ዘሎ ኣብዞም ውሑዳት'የዎ ክልተ ማእታዊት እየዎ። እቶም ካልኦት ዝተረፉ'ኸ ስለምንታይ ነፃሉ ዘይሰርሑ ረይት ክንህብ እንኩሎና ድምር'ዩ ኣብቲ ድምር ድማ ኸኑ ሻዕ ዛንታ ሰኔማቶግራፊ ደምጺ ብርሃኑ ኤዲቲን ተሓዊሱ ሓደ ሜብጥ ነጥቢ ነፃሉ ክኸኽል ኣለዎ። እዚኣን ደግ ምስእ ነጥቢ ከተምጽእ እንድሕር ኳንኻ ኣብዚኣን ከሰን ሓመኸት ኸኢሊታት ሓደ ብቑዕ ተሞክሮ እንተድኣ ኣሎኻ ትሞሃሞ ኢ.ኻ ኑቲ ነጥቢ። ብቑዕ ተሞክሮ እንድሕር ዘይብልኑ ጥዑይ ዛንታ እንድሕር ሰሪሕኑ እሞ ኸኣ ቁናን ስኢሊ. እንድሕር ተምጽእ ኳንኑ ደምጺ ዘይሰማዕ እንድሕር ተምጽእ ኳንኑ ጥዑይ ብርሃን ዘለዎ ስኢሊ. እንድሕር ዘይተምጽእ ኳንኻ ክትፈርስ ኢ.ኻ ኣብ'ተን ካልኦት። ደምር ናይ ብምልኣም ክኢሊታት ስለዘኾኑ ሓደ "ተም ምርክ ስለዘኾኑ" ኸኑ ግዜ ፊልም ክትሰርሕ ከለኻ ኣብዘን ከሰን ክኢሊታት ማዕረን ጥዑይን ተሞክሮ ሰብ ክህሉ ክኽእል ኣለዎ።

ኣነ ፊልም ነም ዘሎና እየ ዝፈልጥ ነይረ። ኣብዚ "ፊልም የለን" ንብል ኣሎና ገለ ፊልምታትና ኣብ ወጻኢ ከይደን ክሸለማ ክርኢ. ከለኹ ድማ ነፃዚ. ደሓን ንኸይድ ዘሎና ኮይኑ ደስመዚ ነይሩ። ሕጂ ምስ'ዚ. ኣተኣሳስርካ ፍጹም ዳይ ፊልም ኣብ ኤርትራ ዘየለ ወይስ . . . እዚኣ ንኤድዋርዶ እዩ። ኣብ'ታ ናይ ሪሄል እቲ "ingredients" ወይ ጭኣታት ናይ ፊልም ክጥቀስ ጸኒሑ። ብኣብዮት እንተዝሃነ ዝየዳ ጸቡቕ ምኹኑ።

ሕቶን ርኢይቶን ካብ ዝ

ሳሙኤል ንብረብርሃን፦

ክልተ ቓላት ሶሚዉ ቪዲያግራፊ ፊልም። ፊልም የለን ኣብዚ ዓድና ዝብል ዘረባ ንዓይ ጋሻ ዘረብኦ። ዓሚቕ ኣፍልጦ የብለይን። ግና ስለ ዝኾነ ፊልምታት ክሰሪሑ ክኢሎ ኣለዎ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝ ዝ ዝ ... ኣብ ... ኣለ ... ኣብ ... ኣለ ... ኣብ ... ኣለ

መጋዚ'ውን እቲ ዛንታ ኣብ እዋኑ ሰሓብ ስለ ዝበረ፣ ሰባት ስሒቡ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግና ኣብ'ዚ እዋዝ'ውን ነም ቦኣል "ትዕግስቲ"፣ "ኣቕላስዖ"ን ካልኦትን ጸበጥቕ ኣይተረኽቦን ደኖ'ዩ ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ስለዋህነኛ ልዕሊ ዓቕሙ ደሰርሕ ኣሎ ብዘይ ትምህርቲ።

ኤድዋርዶ'ውን ሕጂ መጀመርታ ክትምህር'ዩ ዘሎቱ፣ ምስ መሪና ኑቲ ሰብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኣወጻጽእና ባጀት ምስ ስለዕናሉ፣ መወልቲ ጊርና ኸኣ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምስ ኣብጹሕናዮ፣ መድረኽ ዝቑፈታ ጊርና ክሽቑፍ ምገዮና። ኣብ'ዚ እዋን ዘሎ ስለዋህነኛ ግን ቦታ ዘሎዎ እቲ ዝዓኑል እናገበረ ዝኸይድ ዘሎ ስለዝኾኑ ክድኅቕ'ምገር ክብለፍ ኣይጎብኦንዩ። ደስራሕ ክሰርሕ ድማ ጥጡሕ ባይታ ንኽፈተሉ፣ ግና ጀመርቲ ኢና ዘሎና።

እዚ ኤድዋርዶ ዝበሉን ሪሄል ዝበሉዮን ጉድለታት ምሉእ ብምሉእ ኣሎና፣ ግን መንዩ ኣፈመና፣ መንዩ ኣበጋሰና፣ መንዩ ባጀት ኣወጻኢልና፣ ኤድዋርዶ ነም ዓቢ ሰብ፣ ነም መማህር ናይ'ዚ ኣብ'ዚ ዘሎ ሰብ እየ ዝሓሰቦ፣ ፍልጠት ኣሎቱ ብቕዓት ኣሎቱ፣ ኣብርኽዮ'ኻ ክትጉብር ከኣ እጸበጥዎ፣ ዝዓም ኣብዚ ዘለዉ መንእሰያት ስራዊ'ኻ እየ ኣብዚ ቦጺሕ እናበለ ዝዘረብ ሰብ ክትጉብሮ ክትጽዕር እዩ ዘሎቱ፣

ለዩላ ኻልድ፣

ኣብዚ ሓንቲ ንኽሳትና ክትብርህ ዘለዋ ነባቢ፣ ንዘሸኻ ተቅል ወከልና ኣይተኖን ኣብዚ ዘሎና። ከሉ ፊልም ኣብ ምፍራይ ተዋፊሩ ዘሎ ማሕበረሰቡ ኣብ ሓደ መኣዲ ብምኳን ኣሃንግሚን ተበዚሑሉ መማዕበሊ ሓሳብ ኣብ ፍርዮት ፊልም ሃገርና ንምርኻብ'ዩ። ሓደ ነቲ ሓደ ነጥቅዕ ዕሳማ ናይ'ዚ ሓብሪዊ ዙት ኣይተኖ'ዩ ንቕጽል፣

መርዓዊ መስቱ

ብመጀመርያ ሃምሳ'ኣ ዝ መደብ ብምውዳቡ'ውን ንኽንሰተፍ እንተኣይ ብተስፋን ደዋልኩም ምሕታትኩም ኣመስየዎ፣ ስምዒታውያን ኩይንና ዘይኩንና እቲ ስራሕ ክጽብቕ ስለ እንደልዩ ኢና ናይ ወሽዮና ከወጽኡ፣ ብመጀመርታ ክዘረብ ዝኽእል ሃምሳ'ኣ እዩ። ንሕና ኣብ ስራሕ ኣሎና፣ ብሕጂ ዝመጹ ንኣሽቱ'ውን ኣሎዉ፣ እዝም ነኣሽቱ ኣብ መጀመርትኡም ነፃዝ ዓይኑ 'ነዝኒ' ነገር እንተዘይሰምዑ ደስ ምባሎ፣ ምኽንያቱ ኣነ ንዕኡሉይ ብኸፍኡ ስለ ዝመጻኩ፣ የለን እንተኢልካ የለንዩ ዝኸውን፣ ተነሱ ዘይንህብ ብተነሱ ዘይንሰርሕ፣ ነቲ ዘለና ጉድለት ኣወዝፍና፣ እዚ ቦታ፣ ቦታ መንእሰያት ስለዝኾነ እምባር ኣብ ካልእ እንተዝኸውን ካልእ ምተዛረብኩ፣ ምኽንያቱ ብቕጥታ ንዕና ስለ ዝምልከት፣

ፊልም ቀዳማይ 'ፕሮደዩሰር' ኣይኮነን ስኢኑ ሓጋዚ'ዩ ስኢኑ፣ ኤድዋርዶ ጌጋ ርድኢት ከይህልዎ፣ ኣብ ሶሻል ሚድያ ሓንቲ ፊልም ክንደይ ሰባት ክለክ ገይሮም ደርኢዮዋ ከይዱ ደርኡ፣ እቲ ዘሎ ናይ ኮፒ ራይት ጸገም'ዩ፣ ኣብዚ ድማ ኣይተሓገዘሎን፣ ሰብ ባጀት እንተለዎ ካብ ባጀቱ ይመሪ፣ ዓቕሚ ሰብ ድማ ይድልቦ፣ ቀዳማይ ግን ኣነ ዝረአኺ ነገር ነዎዝ ነብሲኻ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምፍራድ ደረአኺ ኣሎ፣ እዚ ኸምን ምስ ወሽጠይ እናተቓለስኩዎ እምባር ካልእ ምተዛረብኩ፣ እቲ ፊልምኺ ነዎሉ ኣይኮነን ኤድዋርዶ፣ ንሕና ነም ማነም መንእሰይ ክንስደድ ኸኽእል ኢና፣ ክድግመልካ'ዩ፣ ንሕና ግን ካብታ እንረኽብ ምስ ደረስቲ እናተሞቕልና ኢና ፊልም እንሰርሕ ዘሎና፣ ሓደ ሓሳብ ዘለዎ ሓሳቡ ከይመወት ኢና ንምዃት ዘሎና፣ ምስ ኩሉ ጸገማት፣ ብዙሕ ክዛረቦ ዝደሊ ነገር ኣሎ፣ ስምዒታዊ ኮይነ ሰብ ነቐቕይም ግና እገድፎ ኣለኹ፣ ግን ክንመሪ ኢና ክንዓብ ኢና ተነሱ ኣሎና፣

መብርሂ ካብ ተፃተይቲ

ኤድዋርዶ ኣርኢዩ፣

ሰብ ድሓዩ ንዘረብ ይኽእል'ዩ፣ ኣብቲ ዝዘዘርበ ዋላ ሓንቲ ርኢይቶ የብለይን፣ ንምቁንጽብ ወይ ንምንእኣስ ዝዘረቦ ዘሎኹ ኣይኮነን፣ ሕጂ'ውን ክድግማ ኣብ ዓድና ደረጃ ፊልም ኣይበጻሕናዮን፣ ፊልም ብ8 ሚሜ 16 ሚሜ 32 ሚሜ ካሜራ ጊርኻ'ዩ ዝሰኣል፣ XL1፣ XL2 ዋላ እዝን ካሜራ እዝኣተን ናይ ቪደዮግራፊ ፎርማት'ዩ ዘለወን፣ እዚ'ዩ እቲ ሓቂ፣

ለዩላ ኻልድ፣

እተን ዝተዓወታ ፊልምታት፣ ንኡስት ትዕግስቲ፣ ኣቕላስዖ ኣብ ደገ ኸይደን ጸበጥቕ ደረጃ ዘመዛዘል እኖ'ሞ እዝአን ከመይን ኢኻ ትርእዮ'ዶ

ኤድዋርዶ ኣርኢዩ፣

ኣነ ናይ 'ረሚ' ኣዋርድ ኣይፈልጥ'ዩ፣ ኣብ ኣመሪካ ናይ ረሚ ኣዋርድ ወሲደንዩ ዝብሃል፣ ኣብ ረሚ ኣዋርድ ስለስት ኣርባዕት ሽሕ ዝኸውን ቪደዮግራፊ ዓይነት ፎርማት'ዩ ዝኣቱ እምባር ናይ ብሓቂ ኣብቲ ናይ ፊልም 'ረይት' ዝኣቱ'ዩ ንውድድር ገቑርብ ዝብል እምነት የብለይን፣ ስለዝክ ኣነ ብዘዕባ ናይ ረሚ ኣዋርድ ተዋዲተንዮ'ዩ ኣይተዓወታን ስለምንታይ ተዓዲተን ብኸመይ ነባብ ተዓዲተን ኣነ ዝፈልጦ የብለይን፣ ኣነ ብዘዕባ'ዘን ኣብ ሃገርና ንርእዮን ዘለና ፊልምታት፣ ንሕና 'ረይት' ንብረንን'ዩ ዝፈልጥ፣

ሰለ ኻልድ፣

ናይ'ዘን ብኣብኡት ዝዋቀሳ ዘለዋ ፊልምታት ኣወንታዊ ኣኺ እንታይ እዩ?

ኤድዋርዶ ኣርኢዩ፣

ገለ ፊልምታት ኣለዋ ጸበጥቕ ተተዋኦ ዘለወን፣ ገለ ፊልምታት ኣለዋ ክልተ ክልተን ፈረቓን ዝወስዑ፣ ገለ ፊልምታት ኣለዋ ጸዕርታት ዝሓለፈን፣ ግን ኣብቲ ብዘሐ ክትርእዮን

ከለኻ 2ፃ 3 ካብ ማእቲ እዮም። እቲ ዝከዘሐ ፊልምታት ግን ነሞቲ ዝጠቐሰቡዎ ተሞክሮ ይገድሎ። ሕጽረታት ኣለዎ። ዝ. ሕጽረታት ከኣ ክንምልኦ ክኽእል ኣለና።

ሪሄል ኣብዶም፡

ክልቲና ኣብ ሓደ 'ተም' ኢና ዘለና፡ ኣንጋር ኣይኮንኑ። ዕሳማና ኩልና ኑቲ ኣብ ዓድና ዝፈሪ ብኸመይ ኢና ሃማዕበሎ ዝብልኦ'ዩ። ብኸመኡ ተሓዘናያ ይሓይሹ። ኩሉ ግዜ ርኢይቶ ክመጽኣ ኸሎ ብኸመይ ይመጽእ ብዘሎግድስ ኣብ ሰሙባዕብ ክኣብ ዝለኻ ምውሳዱ ጥሪይ። ዘድልዮ 'ተኹይኑ ትሞቅመሉ፡ ዘዎድልዮ 'ተኹይኑ ትጉሕፈሉ፡ ንክነኩርይ የብልኦ'ዩ። ትኹሪ 'ተኳንኑ 'ዳፈንድ' ትገብር 'ተኳንኻ ኣብቲ ሞያ ክነሃልው የብልኦ'ዩ እምነተይ። ስርሕኻ ንህዝቢ ተቐርብ 'ተኳንኻ ንኩሉ ክፉትኦ'ዩ። ንዘኹሉ ግብሪ መልሲ ድማ ቀሩብ ትኹውን። ሰብ ከኣ ዝኣምሉ ርኢይቶ ክህብ መሰሉ'ዩ። ስለዚ ናብ ህዝቢ ስራሕ ክሰብ ዘቐረብኩ ኩሉ ግዜ ጸበቕቐ ጥራይ ክነጽብ የብልኦ'ዩ ሕማቐ 'ተኹይኑ ድማ ክንቐብል ጥራይ'ዩ ዘለና።

ከልና ናተይ ይኹን ናይ ኤድዋርዶ ዕሳማ'ውን ነሞኡ'ዩ። ከመይ ጌርና ፊልም ሃዲርና ኣብዚ ዘለዎ ሃማሓይሮ'ዩ ምኽንያቱ 'ፖተንሻል' ኣሎ። ንኡስት ኣብ ክፍሊይ 34 ዝኾኑ ተማሃሮ ኣለወኒ። ዝመጻ ሓሳብ ዛንታ ዝጐሓፍ የለን። እኳ ደኣ ግበእ መሳርሕ ሓሊዩ ክስራሕ እንተኾኢሉ፡ ኣብ ዓለም ክፈሪ ዝኽእሉ ተወዳዲሩ ክበልጽ ዝኽእል ሓሳብ ዛንታ'ዩ ዝመጽእ። ኣብዚ ጸገም የብልናን፡ 'ፖተንሻል' ኣሎ። ካብ ኩሉ ድሉት ኣሎ ጸሪሪ ኣሎ ድኾም ኣሎ። እዚ ደርድኣና'ዩ።

ካብኡ ንዓለሊ ክኸይድ ግን ጸበቕቐ ፍርያት ፈርዩ ንኹሳትና ሰም ዝህብ ሰም ዘክርፍ ክኸውን ብኸመይ ሃማሕይሮ'ዩ ንኡ'ዩ መሳሲ መራኽበና። እንታይ'ዩ ድኽመታትና ብኸመይ ነዐርዮ ኣብኡ ኢና ንዝራረብ ዘሎና። ኣነ ከላ ግዜ እንታይ'ዩ ዝብልዎ ዛንታ እንድሕር ጸበቕ ኑቲ ኻልእ ድኾምት ደሓፍኖ'ዩ። ዛንታ እንድሕር ከፈኡ ግን ኑቲ ኻልእ ንድሕሪት'ዩ ዝኮነሎ'ዩ። ብኸመኡ'ዩ ኸኣ ኩሚተ ንዛንታ 40% ትህቡ። ኣንጋሲ ሰለ ዝኸኑ።

ስለዚ ኣብ'ቲ ዛንታና ጸሪሪ የድልዮና፡ ስራሕ የድልዮና ይብል ኣለኽ። እዚኣ ኸኣ ፕዝዘብ ኣይትሓዘኽምን'ዩ። እንታይ'ያ ተሓዘኽም ፒሮን ወረቐትን'ዩ። ምሳይ ምጹ ከፍ በሉ። ምሳኽም ክሰርሕ ቅርብዚ'ዩ። እቲ ዝሓዘኽም ክዕማልኡ ግን ዓመት ክወስዶ'ዩ። ክትገብርዎ ትኽእሉ ዲኽም ዲስፕሊን ኣሎ ደዩ ኩሉ እቲ ዝሓዘኽም ክትገብሩ፡ ቅሩጽ ዲኽም ዲኽም እዚ'ዩ እቲ ጸገም። ልዕሊ ፍርቂ እቲ ስራሕ ጸፃፍ ክትሰርሕዎ ተኳንኽም ወጻኢታት ኣይሓዘኽምን'ዩ። ፒሮን ወረቐትን ንኡ ኑብሃኽምን መጽሓፍቲ ምንባብን ፊልም ምርኣይን እዚታት'ዩ ዝሓዘኽም። እዚ ክትገብሩ ግን ትህወኹ ኣለኽም። ግዜ ኣይትህቡን ኣለኽም። እዚኣ'ያ እታ ቀንድን ኣጉዳኢትን ድኾም ኣብዚ ዓድና ትርኢ ዘሎ።

ሕቶን ርኢይቶን ካብ ገዛ

ሃሳብ በለዎም፡

ኣነ ሪሄል ገንኒ እየ ክሓዘኽ ደልየ ዘለኽ፡ ኤድዋርዶ "የለን" ስለዘበለና፡ ድሓን ምስ ሃለወ ንዝራበ፡ ኣብ'ቲ ናይ ዛንታ ሓሳብ'ዩ ርኢይቶይ። ሓደ ስራሕ ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክተብጽሖ ብውሕዱ ልዕሊ ዓመት ክወስድ ኣለዎ ክበሃል ጸኒሑ፡ ክንድኡ ግዜ ወሲደካ ዝሰራሕኦ ናብ ህዝቢ ክተቐርቦ ድማ ግዜ ክወስድ የብሉን፡ ከይደከሉ ከይተሳሳሕዉ እቲ ስምዒት ብወብዒ ኸሎ ናብ ተዓብ ክወጽሕ ኣለዎ፡ ሃዊስ ዝበረ ፍጻመ ከተዕልሉ እውን ኣይስእሎን እዩ፡ ሓደ ደረሰ ምሉእ ግዚኡ ሂቡ ክሰርሖ እንተኾይኑ ወጽኢት ስርሑ ክርኢ ክኽእል ኣለዎ።

ኣነ ሕጂ ንሓደ ዓርከይ ናይ ቅድሚ ሓሙሽተ ሽዳሽተ ዓመት ዝተገብረ ፍጻመ ከዕልሎ ከለኹ ዋላ ሓንቲ ስምዒት ኣይሃየንዩ፡ እዋናዊ ክኸውን እኽሎ ግን

ክምህሮ ይኽእል'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ እቲ ደረሰ ኣብ ሓንቲ ስራሕ ልዕሊ ዓሰት ክፀንሕክ ግብራዊ ድኻ

ዘርእሰናይ ግንዶብርሃኑ

ሕራይ ኣነ ኣብ'ቲ ናይ ኤድዋርዶ ዘቕረብዮ ሃጥብታት እየ ክዛረብ ምናልባት እቲ ዘቕረብዮ መደምደምታ ናትካ ውልቃዊ ርኢይቶ'ዩ ግን ናብ'ቲ መደምደምታ ዘብጽሕክ ሃጥብታት ኣየቕረብክኑ ምኽንያቱ እቲ ዘቕረብዮ ኣእሚኒ ኣይኮነን።

ሓዲ ዝዚ ናይ ዓድና 75% ፍቕራዊ'ዩ ኣልኦ ኑቲ ጅርጊ ግና ዋላ ናይ ሆሊወድ ፊልምታት'ውን ናብኡ ጌሩ እናዝለወ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ኣብዚ እዋን እቲ ዓቢኣሊ ዘሎ ጅርጊ ርማንቲክ ኮሜዲ'ዩ። ነፀምኡ ብምኳኑ ግን ፊልም የለን ክብሃል ኣይኮነን።

ካልእ እቲ ስራሕ ንዕዲጋ ዝዓለመ'ዩ ደብዳል'ዩ ብዙሕ ግዜ። እቲ ፊልም ግን ኣተባዲ መኽሰብ የብሉን። ሰብ ኑቲ ድሕሪ ኑቲ ዕዝዝ ነዋሊእ ኣሉ'ዩ ዝርርሕ ዘሎ። ነፀምኡ እንተገበረ'ውን... ፊልም ብመሳርሒ ናይ ዕዲጋ'ዩ። ክንደይ ተወጽእ ክንደይ ተኣቲ 'ኳልኩሊዮት' ከይገበርካ ዝስራሕ ኣይኮነን ኣብ ዝኸኑ ዓለም ማለት'ዩ። ስለዚ ቡቲ ዘለካ ባጀት ኢኻ ትሰርሕ። ዝኒታት ኣይትፈልጦን ኣይብልን'ዩ። ግን "ቶታሊ" ዘንገፆ ኣለኹ።

ድሓር ከኣ ኣብቲ ስኬሊ'ውን ዋላ ኣብቲ ናይ ሆሊወድ ምናልባት ኣብ'ቲ 'ኣክሽን ካርት' ዝብል ዘዳለወዎ ማንዋል እንተርኢ'ኻ'ውን ስኬሊ ናይ "Low budget Movie" ካብ ክልተ ሰሙን ኩሓልፍ የብሉን እዩ ዝብሎ'ዩ ዋላ እቲ ዝበልኦ'ዩ ናይ ካሜራ ጉዳይ ብዘንድ ካም ዝሰኦል ፊልምታት ናይ ሆሊወድ ኣሎ። እዚ ኸኣ ክተምጽኦ ዝጸናሕክ ሃጥብታት ናብ መደምደምታ ዘብጽሕ ኣይኮነን። ስለዚ ኑቲ ሓሳብክ 'ሪቫይዝ' እንትትገብሮ ምናልባት ኣኽብሮት ዘለዎ ግብሪ መልሲ ምሃቡኻ'ዩ

ብርክ ገብሪትንኣኹ

ሪሄል ዘቕረቡዮ ጸብጭቕ ነይሩ። ኣብኡ ርኢይቶ የብሉይን። ኣነ ኣብ ናይ ኤድዋርዶ'የ ክዛረብ ደልየ ዘለኹ። ሓዲ ፊልምታትና ስለምንታይ እዩ ፍቕራዊ ዝኸውን ዘሎ ክጽናዕ ዘለዎ'ዩ። ኣብ ዓድና ካብ መባዛሳዊ ስራሕ ናይ ትርገም እንተኾይኑ እዩ ዝያዳ ክብሪ ዝሃበ (ኣብ ምመያ ማለተይ እየ)። ምኽንያቱ ብዘዐባ ታሪኽን ባህልን ክብርታትን ኤርትራ ክነጽሕፍ እንተኾይኑ ብደቂቕ ክረአ ስለዘለዉ ግዜ ይምጠቱ። ሽው ናብ'ቲ ኣብ ምመያ ዘሸሞር ኣርእስቲ ንኽነትኣቱ ትግደድ። ስለዝኽ ብዙሓር ኣብልካ ፊልምታትና 70% ናይ ፍቕሪ ኾይት ክንዲ ምባል ስለምንታይ ከምኡ ይኸውን ኣሎ ኸኣ መልሲ ክሃብ ዘለዎ እዩ። ጹሓፊ ደልይዎ ዘይኮነ ንኽሰልጦ ዝኽብሮ ዘሎ ኮይኑ'የ ዝኸመሓሮ።

ፊልምታትና ሓደ ጉጅለ ዝኸብሮ ዘሎ'ዩ። ሓደስቲ ናይ ሆሊወድ ፊልምታት ደርኢ ሓደስቲ መጻሕፍቲ የንብቦ'ዩ ዘጕብዝ ኣይኮነን። ፊልም ከመይ ጌርካ ይስራሕ እንታይ ዓይነት ካሜራ የድልዮ እንታይ ምድላዋት ይሓተካ ኣዎ ቀጺሉ ይፈልጥ'ዩ ግና ኸኣ ከምቲ ዘርእሰናይ ዝበሎ ጉዳይ ባጀት ኣሎ። ሎሚ'ኸ ኣብ ሆሊወድ ፊልምታት ብኸልተ ሰባት ኣብ ስቱድዮ ተመሲኡ ተወዲኡ ኣብ ኣዕር ብሰጽ ፊልምታት ተዛሊሉ ዝዘኸሰመ ኣሎ።

ካልእ ንመኽሰብ ዝዓለመ ፊልምታት ከም ሃፍሪ ጌርካ ክገልጽ ጸኒሕሩ። ብወከይ ኣይቕበሎን'ዩ። እዚ ፊልም ኣብ ምፍራይ ተዋፊሩ ዘሎ ጉጅሌ ወቕጥዊ ድሕሪ ከወጽእ እንተዘይኮይኑ ንመኽሰብ ኣሉ ዝበርሕ ኣሎ ኣይብልን እዩ። መን ኣሎ ፊልም ስራሑ ናብርኡ ዘመሓሮ'ዩ

ፊልም "ባሩድ 77" እውን ነፀም ኣብኡት ክትጥቀስ ጸኒሑ። እዛ ፊልም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዚ ክትገልጽ ዝጸናሕክ ኣጋብ ኣወሃህ "ረይት" ብቕዓት ምሃለዋ'ዩ ኣብ ጉዳይ ተዛዘቡቲ'ውን ቀደም ኣብ ስነምግባት ተጸጋዒ'ዩ ካ እዩ ፊልምታት ዝረአ ነይሩ'ኳ ክብሪ ኸኣ ነይርዎ ሽዐ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግና ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ብፍሳሽን ሚሞርን እናተባዘሐ ኣብ ፈቐዶ ዝ'የ ዝኣቱ ዘሎ። ኣብ ጉዳይ ቁጠባ እውን ናይ ሽዐን ሎሚን ዘራኽብ የብሉን። ስለዚ ከኑታት እዩ ዝጸልዎ ዘሎ እምባር ኣብ ድኽመት ናይ ዝበራሕ ዘሎ ፊልምታት ኣይመሳሰንን።

ተስፋት ዝብሚኽኣል

ስምዒት ከይሕወስ ኣቐዲመ እቕሬታ ኣሎኒ። ፊልም ናይ ኤርትራ የለን ኣልናዮ ሕራይ ተቐባልናዮ። ዝ. ፊልም ዝበርሕ ዘሎ ሰብ እንታይ ይገብር ነፀም ዘሎ እንታይ ይሓልፍ ነፀም ዘሎ ዘጽንዖ ሰብኪ ኣሎ ድዩ ዘጽንዖ የለን። ቀድሚ ሕጂ ልክዕ ኣብ'ዛ ቦታ ዓመት ይገብር ፊልም የለን ተባሂልና ሕራይ ኣልና ርእና ኣድነና

ወጺእና፡፡ ዛንታታት የለን ክበዝል ጸኒሑ፤ እንታይ ኮይኑ'ዩ ዘይህሉ፡ ኣሎ፡ ሽሕን ሚእትን ኮማ'ዩ፡፡ ናብ ኣኽል ምመያ እንዶ ንኸድ፡፡ ኣብ ሞንጎ ኣኽል ምመያን ኮሚቴ መማጽት ደረጃታት ፊልምን እውን ወህደት ክህሉ ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡

ኩሉ ኣብ'ዚ ዘሎ ሰራሕ ፊልም ኩሉ ዋኒኑ ገዲፉ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ፡፡ ስለ ዝኸነበሉ ዘይኑኑ ንዎገበኑ ኣሉ'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ፡፡ ስለዚ ፊልም የለን ዘይኑና ክንብል ዘለና፡ ነቲ ዘሎ ፊልም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኸበጽሖ እንታይ ክንገብር ኣለና ክንብል ኣለና፡፡ ቅድም ወህደት ኮመጽእ ኣለዎ፡፡ ወህደት እንድሕር ዘይህልዩ እቲ ዘለፋ፡ ዝቕፈታ ናብቲ ብዕራ ዘፍሪ ዘሎ ኣኽል ጥራይ እዩ ክኸውን፡፡

ስለዚ "የለን" ጥራይ ዘይኑኑ ክበዝል ዘለዎ፡ እንታይ ይግበር ኣሎ፡ እንታይ ጸዎት ይሓልፍ ኣሎ፡ ቦናይ መገዲ ይሓልፍ ኣሎ ብዋበት ክንፈልጥ ኣለና፡፡ ኣፍራዩ ፊልም ገዝዕ ክኸፍል ስለዘይኽእል እዩ ነዎኡ ዝኸውን ዘሎ እውን ክበዝል ጸኒሑ ካብዩ ኣምጺኡ ደኣ ክኸፍል መን ምስ መወለ፡ ዓስራ ሽሕ ሕዝ ይብጽኑ ንዕኣን ኣተኣኻኽሉ ኸኣ ቢታ ዘኩዩ ደሰርሕ፡፡ እዚ ክድኻቕ እዩ ዘለዎ፡፡ ብዘኾነ ኣብ ኣሰራርሓ ፊልም ዘሎና ጸዎት ብዋበት ተፈቲኹ ናብ ፍታሕ ዝጽና እንኮኑድና እዩ ዝሓይሽዩ፡ የቕጽለይ!

መብርሂ ካብ ተኣዘዝቲ

ኤድዋርዶ ኣርኣዮ፡

"ፊልም የለን" ተባሂሉ፡ እወ "ፊልም የለን"፡፡ ቪድዮግራፊ ኢና ንሰርሕ ዘሎና፡፡ እዚኣ ኣብ ሓንጉልኳም ሓዘዎ ቪድዮግራፊ ኢና ንሰርሕ ዘሎና፡፡ ክደግመልኩም ቪድዮግራፊ ኢና ንሰርሕ ዘሎና፡፡

ካልኣይ ብዙሓት ሰባት ብዘዕባ ምመያ ክትዛረቡ ጸኒሕኩም፡ እዚ ንጹይ ዝምልከት ኣይፃፃኑ ናቱ ኣኽል ስለዘሎዎ፡ ኣነ ብዘዕባ "Film rating" እየ ክዛረብ ዝኽእሉ ብዘዕዱ'የ መልሲ ክህብ ዝኽእሉ፡፡

ሰይላ ኻልድ፡

እሞ እንታይ ንግበር ኤድዋርዶ፡ ደረጃ ፊልምታትና ብኸመይ ናብቲ ንደልዮ ኮነ ዘዘ፡

ኤድዋርዶ ኣርኣዮ፡

ዓንተብይ ገለጸዮ ነይረ'ዩ፡፡ ብድህያታትና ኣዝዩ ሓያል'የ ኣለ ነይሩ፡፡ ምኽንያቱ ናይ ፊልም ትምህርቲ ኣኪዳሚ ዘይብሉ ሰብ ቢታ ንእሽተይ ፍልጠቱ ጸዕርን ትግሽትን ሓዊሱ ደሰርሕ ኣሎ፡፡ ዝዘርፈና ብዙሕ ነገም ዘሎ ፈሊጥና ኸኣ ክንመሃር ክኽእሉ መጻናዕቲ ክንገብር፡ ኢንተርኔት ክጥርኣ፡ መጻሕፍቲ ክንፈታትሽ ክኽእሉ ኣለና፡፡

ፊልምታት ኤርትራ ካብ 1997 ጀሚሩ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመታት ከይድና ኣሎና፡፡ ኣብ ወሽጊ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመታት ኮመይ ኣሎና፡ ንኡስና ብዘይሰመጊት ባህልና ንገምግሞ፡፡ እዚ ዝፈሪ ዘሎ ፊልምታት ምስ'ዚ ዘለና ናይ ዓመታት ተሞክሮ ኸመይ ኣሎ፡ ማዕበልናዶ ኣይማዕበልናኹ ኣብ'ዚ ፊልምታትና ኸመይ ኣሎ፡ ስኬልታትና፡ ድምጽታትና፡ ዛንታትና ኮመይ ኣሎ፡ ንኡስና ባህልና ንገምግሞ፡፡ ሓደ ናይ ሽሕ ባወዛ ሕዝቢ ሓንቲ ፍሳሽ ሕዝቢ ፊልም ወይ ቪድዮ ግራፊ ኸስራሕ ከሎ፡ እቲ ብድሆ ንጹይ ደረጃኢ'ዩ፡፡ ማዕረጉ እቲ ኣብኡ ዘሎ ጸዎት ከኣ ዝበኣሰ'ዩ፡፡ ሓንቲ ማይክርፎን ብጥሳዕቲ ተጠቕሲላ ድምጺ ኸትመልእ ከለኻ እሞ ድማ ድምጺ ፈሲሉ ኣብ ስቱድዮ ከይደካ ዳኘ ንርኃ ፊልም ክርኢ ከሎ፡ 'ሊፕ' 'ሲንክ' ክኸፍት ከለኻ ደረጃኢ'ዩ፡፡ ስለዝኸ ዝ፡ ፊልም ዲና ክንብለ፡ ተጻገምና ስለዝሰራሕናዮ'ኻ ፊልም'ዩ ኮብለና ይኽእል ድዩ፡

ተሞክሮና፡ ትሕዝቶና፡ ዓቕምና ከምሓይሽ ክኽእሉ እዩ ዘሎና፡፡ ኣብ ስራሕና ጸዓፋት ዲና ኣይኮናን ንፈትሽ፡ ኣይኮናን ስለዚ ተሞክሮታና ከመለ፡ ጸዕርታትና ኸኣሕይል ብኸመይ መንገዲ ምወላ ኸንረኽብ ንኽእሉ፡ ማሕበር ዲና ከቕዋውም ዘሎና፡ ምወላ ናይ ምንዳይ ዓቕምና ዲና ክመለ ዘሎና፡ እቲ ዘድሊ ናይ ስኬሊ መሳርሒታት ብመምህራት ዲና ክንወሃብ ዘሎና፡ ትምህርቲ ድዩ ክኸፈተልና፡ ክኢላታት ዲና ኸንሰልጥ፡ እዚ ክሕሰቦሉ ዘለዎ እዩ፡፡ ፊልምታትና ዋዕይ'የ ዘሎ ንሕና ክኢላታት ኢና ኢልና ግና ኮበኖ ኣይተዓብ፡፡ ኣነ ዝዘዝኩ ሓሳት ክዛረብ ኣይደልን'ዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ፊልም ዘሎና ዓቕሚ ንፈትሽ፡ ዓቕምና ምስ ፈተሽና ኸኣ ንዝረቡ፡ እዚ ምንእኣስ ኣይኮነን፡፡ ዓቕምና ምስፈለጥኩ ኣበርናይ ደረጃ ኣለኻ ምስ ፈለጥካ ኢኻ ተሞክሮኻ እተሓይል፡፡

ካብ'ዚም ከኣሎም ኣብ'ዚ ዘሎና ናይ ፊልም ፍቓድ ዘለዎ ኣሎ ድዩ ኣብ ኣስመራ ኣዝዮን ውሑዳት'ዮን ናይ ፊልም ትካላት ዘለዋ፡፡ ንፈልጠን ኢና፡፡ እዚ ኸኣ ኣብ'ዚ ዘሎ ብኸመይ ፊልም ይሰርሕ፡ መሳርሒታት ኣለዎ ዶ ዩብሉ'ዝ ብቕሲሉ ክትግምዮ ዝኽእል'ዩ፡፡ ስለዚ ተሞክሮታትናን ዓቕምናን ኣመሓይሽና ናብ ሓደ ዝዘወሰ ደረጃ ምስ በጽሕና ኣፍና መሊእና ንዝረቡ፡ ሕጂ ግን ዓቕምታትና ፈተሽና ንመሃር እየ ዝብል ዘለኹ፡፡ እዚ ምንእኣስ ኣይኮነን፡፡ ሕልሚ ናይ ኮኑ ሰብ ፊልሙ ስለስተ ኮኮብ ክትወሃቦ'ዩ፡ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ'ዩ፡ ግን እቲ ፊልም ኣሎ ድዩ ኣነስ ነቲ ሰብ ኬሕጉስ ፊልም'ኻ ስለስተ ኣርባዕተ ወኒዳ ንኽበል ዘጽለ ኣይበልን'ዩ፡ ኣነ እቲ ክወስኑት እየ ዝዘረብ ዘለኹ፡፡ እቲ ርዕሲ ድማ ንኮልና ንፈልጦ ኢና፡፡ ዓቕምና ንፈትሽ፡ ሓደ ዳይሬክተር ንሓንቲ ፊልም "Direct" ንኽገብር ከሎ፡ ብዘዕባ ካሜራ ኣፍልጦ ኣለዎ ድዩ "Script" የዳልወሉ ድዩ ነቲ ካሜራ ማዝ "Story board" የዳሉ ድዩ ነቲ ኤዲተር "Paper edit" ይህቦ ድዩ እቲ ፊልም ዳይሬክተር ናይ ኤዲቲንግ ካሜራ ድምጺ፡ ብርሃን ተሞክሮ ኣለዎ ድዩ ኩሉኹም ኣብ'ዚ ዘለኹም ዳይሬክተራት እንተርፎ ነቲ ኣብ ዛንታ

ኣብዚ ተነጊሮ ዝርሓት ኣቲኹም ብቕዋት ኣለኩምዶ፧ ዳይረክተር ንፈልም ክመርሕ ኣለዎ፡ ኩሉ ነገናኘ ንዮሚራ ድምጺ ስጕሊ ክንመርሕ ንኽእልዶ፧ ከሉኹም እየም ናይ ፊልም 'ዳይረክተር' ክኢላታት ኢና እትብሉ እዚ ተዛሪበ። ነዎኑ ኣይኮነን ተመሳሊኢና ኢና እንመርሕ፡ ስለዚ ኸኣ ኣብ ዝጠቐዐ ናይ ፊልም ደረጃ ንክንጽሕ ክንመሃር ኣለና።

ሕቶን ርኢይቶን ካብ ገዛ

ሳምሳን ብርሃ

ርኢይቶ እየ ክህብ ደልዩ። ፊልም ክንመርሕ ኣብ ስዋፕብ ክንመርሕ ፍርያትና ናብ ህዝቢ ዘቐርብ እንድሕር ተጠቢሑ፡ ዝቕፈታ ኸኣ ክንጸውር ኣለና። ዝቕፈታ ንክንጸውር እንድሕር ዘይተዳለዩ ንዅሉ ዝንገሮ ገጽናሕና ኩሪ፡ ኣዳረሽ ሓዲሮና ንወጽእ እንድሕር ኩይንሩ፡ ፊልም ክንመርሕ'ውን ኣይተዳለናን ማለት'ዩ።

ፍርያትካ ናብ ህዝቢ ምስ ቀረበ ኩሉ ህዝቢ ንርእዮ ኸሎ ናብይ ጀሚርካ ንገለኡ ንስክቀሉ ንገለኡ ንጸርፎ፡ ኣብ ገለ ኸምን ዝ ፊልም ዝሰርሕ ሰብ ክኣሪር ኣለዎ ንብሎ ኣሎ። እየም ስራሕቲ ፊልም ትዝሎ ብስምዒት ኣይትኸዶ። ዋላ እየም ተዛዘብቲ ሕማቕ ከይዝረብ፡ ምኽንያቱ ኸኸሉ ሰብ ኣብ ገዛኡ ኹይኑ ክርእዮ ኸሎ ሃናቱ ዕዝቡት ይኸን ሃናቱ ርኢይቶ ኣለዎ። ዝዓበየ ነገር እንታይ እዩ ንሕና ጀመርቲ ኢና ኣብ ዝኸኑ ነገር፡ ጉድለታትና ኣስተወዳልና ኣብኡ ክንመሃር ኣለና። ክንንቀፍ እንሕና ብፍላይ ከኣ እቲ ዝቕፈታ ምርር ክብል እንሕሊ ጠጠው ክንብል ክንጽእል ኣለና። ዝደም እንድሕር ኩይንና ጸባሕ ፊልም ሒዝና ክንመጽእ ኣይንኽእልን ኢና፡፡ ኣብዚ ዓዲ ብዘይ ቀልዓለም እየ ዝብለኩም ሕንቃቕ ኣሎ፡፡ ኣይንኽቀፍን ኢና፡፡ ኣብይ ንንቀፍ ዝንቀፍ ፊልም ሰማዕኩም ትፈልጡ፧ ኣነ ኣብ ጋዜጣ ንሰዲሕ እዋን እሰርሕ ነይረ፡፡ ህዝባዊ መንግስትኣብ'ውን ኣሎ፡፡ ሓንቲ ዝቕፈታ እንድሕር ወጺኣ ከኣሉ ሰብ ተር ኣሉ ክፈኖቕ ወይ ክንሰር ይመጽኣኑ፡ ንሱ ግን ኣይኮነን እቲ ሕቶ እንተ ተቕፊፍካ ነቲ እትምጕዶ ትምጕት ነቲ ዝኣረም ትእርምጃ ነቲ ዝዝቕፈካ ኸኣ ጉድለቱ ኣርእዮ፡፡ ኣነ ጸብቕ ርኢይቶ ዝሃበ ሰባት ክወጹ ምስ ረኣኹ ሞራለይ ተሰይሩ፡፡ ሰብ ንርእዮትኡ ጠጠው ዘይብል እንተ ኹይኑ ብፍላይ ደማ እቲ ዝቕፈታ ምርር ክብል እንሕሊ ጠጠው ክብል ክንጽእል ኣለዎ፡፡ ክትደርኽ ፊልም ክትሰርሕ ናብ ህዝቢ እንተ ወጺእካ ንኸኑ ሃገር ዝተቓላሰካ ኢኻ፡፡ ሽው ኣብኡ ጠጠው ክትብል እንተ ንክእልካ ኢኻ ሓይልኻ እተርኢ፡፡ እዚኣ ንጽርቲ ንግበራ፡፡

ካልእ ክብሎ ዝደሊ ጸገም ኣሎና፡፡ ነዊዚ ክትብልም ዝጀናሕክም ከኣላትና ጸገም ኣሎና፡፡ ናይ ትምህርቲ ጸገም ኣሎና፡ ናይ ገዝዘብ ጸገም ኣሎና፡ ናይ ምመያ ጸገም'ውን ይህሉ'ዩ መሊኡ'ዩ ጸገሙ፡፡ እቲ "Rating Committee" ግን ነቲ ጸገምት ዘይኮነ ክርድኦ ዘለዎ ነቲ ፊልም እዩ ክድርጆ ዘለዎ፧ ንዓይ ነም ዝርድኣኒ፡፡ ክድርጆ ኸሎ ድማ እኸኑል ነጥብታት ኣቕሚጡ ክድርጆ ኣለዎ፡፡ እዚ እንድሕር ገይሩ'ዩ ነቲ ስጥባበኛ ዝሕግዝ፡ እምባር ካሜራ ስለ ዝሰኣነ'ዩ ገዝዘብ ስለ ዝሰኣነ'ዩ ናይ ብርሃን ዘለዋ ክስታይ ስለ ዝሰኣነ'ዩ ኣሉ ኮኮብ ከውዘሉ የብሉን፡፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ስለኑ ኮኮብ ዝዓብዩ፡ ኣብ ሆሊወድ ከይዱ፡ ኣብ ቦሊወድ ከይዱ ዋላ ኣብ ሞሊወድ ከይዱ ስለኑ ኮኮብ ክወስድ ክኽእል ኣለዎ፡፡ ኣብኡ ኸይዱ ዘሮ ነጥቢ ሓመኸተ ዝወስድ እንተ ኸይኑ እቲ ዝዓብዩ ደረጃ ናይ ሓሳት ደረጃ'ዩ፡፡

ሕጂ እቲ ፊልምታትና ነጥቢ ነም ዘለዎ ርዳእ'ዩ፡፡ እቲ ናይ ፊልም ኮሚተ'ውን ነጥቢ ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ዓዲ 'perfect' ዝበሃል ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ የለን፡፡ እቲ ስራሕ ፊልም perfect' ኣይኮነን፧ እቲ ኮሚተ ፊልም'ውን perfect እዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ እቲ ስራሕ ፊልም ክመሃር ኣለዎ፡፡ እቲ ፊልም ዝድርጅ ከኣ ብዓቕሙ ይገብር ኣሎ፡፡ ክገብር ስለ ዘለዎ፡ ነቲ ፊልም ክሕሪዝ ስለ ዘለዎ፡ ንሱ ኸኣ ነጥቢ ኣለዎ፡፡

ኣብ ነዊዚ ዓይነት ኣጋጥሚ ማን ናእ ክንንቀፍ የብልናን እንዘሃለሉ ክኸውን የብሉን፡፡ ኩሉን እዚን ዝቕረብ ርኢይቶታት ሓዝዘ፧ ሓንቲ ርኢይቶ ኣይሰማዕኩን ኣኑ፡ ናይ ዘርእሰናይ ዝሓሸት ነይሩ፡፡ ካልእ ነዊዚ ጸገም ኣሎና፡ ገዝዘብ ንዕጹን ኣሎና፡ ነዊዚ ንኸውን ኣሎና'ዩ ዝብል፡፡ ንሱ ኣይኮነን መሳቐቢ ናይ ፊልሙ፡ ዛንታ ጸብቕ ንሰርሕ ኣሎና ዲና፡ ናይ ካሜራ እንተ ኸይኑ ነዊ'ተን እትብለን ዘለኻ ካሜራ ኣብዚ የለዋ፧ ምስ መጻ ክንሰርሕ ኢና፡፡ ክኑብ ዝመጻ ቡተን ዘለዋ ንክሰርሕ ኢና፡፡ ቡቲ ዘለና ዓቕሚኻ እንታይ ንገብር ኣለና፧ ንሰርሕ ኣለና፡፡ ግርም እንቋዕ ስራሕና፡፡ እቲ ናይ ብርሃን ድዩ እቲ ካልእ ኩሉ ሞያታት ክንመሃሮ ኣለና ክንብል ክንጽእል ኣለና፡፡ ነዊዚ እናስራሕና ነዊቲ ሪዛል ትብሎ ዝበረት እናተቐራረብና እንተኾይድና ጸብቕ ፊልም ክንሰርሕ ንኽእል ኢና፡፡

ሳምሳም የማነ

እቲ ዝዘሃል ሳምሳን ክብሎ ጸኒሑ'ዩ፡፡ ፊልም ብዓበኡ ናይ ሞያወትት ሕቶ'ዩ፡፡ ምድጋም ድኣ ከይኣሃ እግባር ናይ ተጻዋርነት ዓቕምና ክኑብ ዘይዓበየ ስዋፕብ ነዓቢ ኣልና ኣይንሕሱቡ፡ እዚ ንዓቕሚ ናይ'ቲ ኣብ'ቲ ስራሕ ዘሎ ሰብ ዘርኢ'ዩ፡፡ ዓንተ ሓደ ሓሳብ ቀረበ ነይሩ፡፡ ሓሳብ ኣልዓልካ ኣብ ወኸጠ ዓመት ዝመወት እንተ ኸይኑ እኮ ስራሕ ኣይኮነን ማለት'ዩ፡፡ "ማዝር ኢንድያ" ቀድሚ ሓምሳ ዓመት እተሰርሐት እንድያ ክሳብ ሕጂ ንርእያ ዘሎና፡፡ እቲ ሪዛል ጸሰሪ ዓቕሚ ኩሉ ልፍ ኣለዎ እትብሎ ዝበረት ኣኮ ብዮክሪ ንርእዮ ኣለና በዚ ዝመሃብ ዘሎ ርኢይቶታት ኸምኑ፡፡ እዚ ኤድዋርዶ ዝብሎ ዝበረ ብሓቂ ታሪኽ'ኳ እዩ ብሃገድ ክተሓዝ ኣለዎ፡፡ እዚ ኣጋጥሚ እዚኣ ክትሃገድ ኣለዋ፡፡ ካብዞም ኣነ'ውን ብውልቀይ ዝፈልጦም ስራሕቲ ፊልም ዝዘሃሉ

ሰባት፡ ብሽራ ካብ'ዚ ኣዐሪሽ ምወጽኦም ዘርምሖ'ዩ፡ ርኢዮ ስለ ዝዘዋህበክ ካብ ነፃዚ ዝበለ ኣጋጥሚ ትወጽእ እንድሕር ሃሊኹ ኣብዚ ስራሕ ብቐዳት ነፃ ዘይበልካ ኢኻ ተርኢ ዘለኻ፡ ነቲ ናይ ኤድዋርዶ ብሞያወኑት እየ ርእየዮ፡ ብሞያወኑት ስለ ዝዘዛረብክ ኸኣ እቲ ዓቕሚ ዘይብሉ ሰብ ኣይተጻወርኑ ወይ ንሕና ዘይንፈልጦ ውልቃዊ ነገራት ተሳዒሉ ይኸውን፡

ምናልባት ኣብ ናይ ኤድዋርዶ መገዲ ዕገበት ዘይፈጠረትለዩ፡ ንዓኻ ብውልቅኻ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ እቲ ኮሚቴ ምመደ ደረጃታት'ውን እንተኾኑ እተን ኣብ ኣሜሪካ ዝተደረጃ ፊልምታት ናይ ኤርትራ ቦናይ መማዘኒታት ነፃ ዝተደረጃ ዘይፊልጥ እንተኾይኑ ብኩሪት ናይ'ቲ ኮሚቴ እዩ ዘጸርፍ፡፡

ናብ'ታ ቀንዲ ሕቶይ ክመልሰክም፡ ካብ ክልቴኽም ሪዛል ወይ ኤድዋርዶ ብፍላይ ግን ኤድዋርዶ ዶክመንታሪ ፊልም'ኻ ኣብ ዓድና ኣቦዃናይ ደረጃ ኣሎ፣ ንሓቢታ ዝኣክል ሞያዊ ዝኸኑ ሓሳብ ወይ ርኢይቶ ምደለኽ፡፡

ቴድሮስ ግርማይ (ቴፓክ)፡

ኣቐዲመ እዚ ዕድል እዚ ስለ ዝተፈጥረ ኮመሰግን እደለ፡፡ ብምቕጻል ኣነ ምስ'ዘም ቀድመይ ዝጸንሑ ኻልተ ሰባት እየ ዝሰምሖ፡ እወ! ሞያ ምድንጋጽ፡ ቀልጠፍጥ ዘድልዮ ኣይኮነን፡ ብዋዕሊ ከኣ ፊልም ክትሰርሕ ካብ ተብጀኽ ኣስተምህለ፡ ፊሪሕ ጃጃዊ ክትገብሮ የብልኻ፡ ክትሰርሕ ጥራይ እዩ ዘለኹ፡ ስረ እንተዘይሃልዩ ጥራይ ክትገብሮ ጃኒት ስለ ዘይበልካ ኸኣ ክትቁርር ግቡእ እዩ፡ ሰልዲ የብልናን ባዴል የብልናን እ. . . እወ የለን! እዚ ስራሕ ናይ ውልቅኻ እምባር ናይ ማሕበር ኣይኮነን፡ እወ ዝኮድሰካ ኣሎ፡፡ ዝኮድሰካ ነም ዘሎ እናፈለጥካ ኢኻ ትኣትዎ ዘለኻ፡ ስለዚ ኣቡዚ ቐሪ ምስ ኣተኹ ቁረረ . . . ዋእ እወ ክትቁርር ኢኻ'ምባር፡ ነቲ ኤድዋርዶ ዝበሎ ኸኣ ሰም ኣልዓልካ ገለ ክምለሰሉ ኣይነበሮን፡ ንሓደ ሓሳብ ክመጽእ እንከሎ ጸን ኢልካ ክትሰምየ እምባር ነፃዚ 'ቴንሽን' ገይርካ ትሰምየ እንተኾንካስ ... እቲ ፊልም ጥራይ ዘይኮነ ንሕና ብዋዕሊ ኸኣ ክሰምዕ ዘይኮነ ነገር ኣሎ፡ ኣነ ከኣ ክሰምዕ ክፈትወ ኣለኹ፡ ስለ ዝኾነ ኣይ ኣጋጥመ ኣሎ ... ኣቲ ፊልም ጥራይ ዘይኮነ ንሕና ብዋዕሊ ከኣ ክሰምዕ ዘይኮነ ነገር ኣሎ፡ ኣነ ከኣ ክሰምዕ ክፈትወ ኣለኹ፡ ስለ ዝኾነ ኣይ ኣጋጥመ ኣሎ፡ ... !!! እዋእ ንህዝቢ ኣልካ ኢኻ ኣምጺእኑዮ፡ ዝተረድኦ ኽዝረብ'ዩ፡ ግድን ንዝበልኽዎ ክርድኢ ኣለዎ፡ ንጽምጥቲ ክርድኦ ኣለዎ ኣይተብልኑ፡ እወ ጸምጥ ነም ዘሎ ርዳእ እዩ፡ ግን እዝን ኣትን ክምላእ ኣለዎ ይብለካ ኣሎ፡ "ሕጂ ኣይተረኽበኹ ብሕጂ ኽዝጠፍሖ ኢና ቡቲ ዘለና ክኽይድ ኢና" ኸኣ ትብል፡ ኣነ ኸምኡ ኸይኑ እዩ ዝሰመዓኒ፡ የቐጽለይ!!

ህዝባዊ መንግስትኣቡ፡

ብመጀመርታ ሞማሙተኤ ነፃዚ ዓይነት ኣህታዊ ዝኸኑ መደብ ዘተ ብምህርቦ ምስጋና ይግብኦ፡ እንታይ'የ ኽብል ደልዩ፡ እቶም ሰራዊተኛታት ብሓቂ ስምዒት ከርእዩ ጸሊሖም፡ ኤድዋርዶ ፊልም የለን ስለ ዝበለ ወይ ሪዛል በዝን በትን'የ ስለ ዝበሉት ንዓኻ ነቲ ስራዊተኛ መጥቃዕቲ ኣይኮነን፡ እቲ ትጉበሮ ዘለኻ ተወፋይነት፡ ናብራ ገዲፍካ ትጉበሮ ዘለኻ ክስኣድ ዘለዎ ዘይኮ፡ እቲ ስራዊተኛ ክጉበሮ ዘለዎ'ዩ፡ እቲ ኽንብጽሉ'የ ትብሎ ዘለኻ ሞያ በዚ እዩ ዝኸደድ፡ ብሓዋዕሊ መንገዲ ኽትሕዝ ኽትሕሎት ከለኻ ጸባሕ ንዓኻ ንሱ ዘይትካ'ዩ፡ ሕጂ ክልተ ሃገር ሓገዙ፡ እቲ ትጉበሮ ዘለኻ 'ኮሚትመንት' ኣብ ምልክት ሕቶ ኣይኣተወን፡ እቲ እትጉበሮ ዘለኻ መሰዋእቲ ኣብ ቦትኡ ኣሎ፡ በዚ ኣገባብ ክትካይድ ኣሎኹ ብኹኡ እንተ ኾይኑ ኢኻ ትግብ ኽትብሃል እንከለኻ ዘይትቐብሎ እንተኾይኑ ኣብቲ ሞያ'ውን ክትህሉ የብልኻ፡፡

ትምህርቲ የብልናን ገንዘብ የብልናን ኣይተሓገዝናን ክብሃል ጸኒሑ፡ ንሕና ነቲ ሞያ'ኻ ብዘተኣልኦ መጠን ቡቲ ሳዋዕሊ መንገዲ ሒዝኮ ፈንጠሰ እንተ ወጺእኑ እዚ ዝዘሃል ዘሎ ናይ ምምሕዳራዊ ይኸውን ናይ ምመደ ጸገማት የለን፡ ምኽንያቱ ንብቑዕ ስራሕ ደው ኮብሎ ዝኽእል የለን፡ ብቑዕ ስራሕ ምምሕዳር ደው ኣየብሉ፡ ባጀት ጠጠው ኣየብሉ፡ ምመደ ጠጠው ኣየብሉ፡ ባዕሉ'የ ፈንጠሱ ዝወጽኦ፡ መዋቲ ዝዘሃል ስራሕ የለን፡ ስለዚ እቲ ስራዊተኛ እዩ ኽጽዕር ኽየብ ዘለዎ፡፡

እዝም ሕጂ እንርእዮም ዘለና ፈንጠሰም ዝወጹ ደረፍቲ መን'ዶ ወፃዋዊ ዝኸኑ ትምህርቲ ሂብዎም'ዩ፡ ናይ ሆሊወድ እውን ክልዓል ጸኒሑ፡ ብዙሓት ካብቶም ብሉጻት ዝዘሃሉ ታሪኽ ህይወቶም እንተ ርኢናዮ ናብቲ ብሉጽ ዝዘሃል ኒወዮርክ ፊልም ኣኳዳሚ ዝኣተወ ኣይኮነን፡ ብናታቶም ጸዕሪ ብናታቶም ተባሊሕትት ፈንጠሰም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ ይኮዉ፡ እቲ ሕጂ ብዘዕባ ምምሕዳራውን ካልእን እትብሎ ዘለኻ ብድህሪ ክትሰዋር እዩ ዘሎ፡ ነቲ ሞያ ባዕልኻ ተማሂርካ ኣውቦ፡፡ እንድሕር ትትሰዋ ዝኸኑ ትምህርቲ ረኺብካ ጸቡቕ፡ ኣይኮነን ግን መወዳእትኡ ኣጥፍኣ ዝግደፍ፡ ኣብ ዝኸኑ ሞያ ኸምኡ'ዩ፡፡

ስለዚ ሓደ ክኢላ መጺኡ ነፃዚ ነፃትን ክንብር ኣለና፡ ናብዚ ንኸድ፡ ብኸምዚ ንስራሕ ክብሎካ እንከሎ ክፉት ኣእምሮ ሒዝኮ ክትቕበሎ ኣሎኹ፡ እንተድኣ ኸልእ ትርጉመ ትህቦ ኸንኽ ግን ዕቡጽ'ውን የለን፡ የቐጽለይ!!

ማነሎይ ተወልዲ፡

ኦማሃገን ሰለ ኾሉ ነገር፡ ብዙሕ እዋን ነፀግ. ኢልና ተኣኪብናስ ለወጠ. ኾሎምጃእ ኣዲኣኤልናን፡ ብዙሕ ጸጋ'ዩ ዘሎና፡ ኩሉ ዘሎ ሕጽረታት ምስ ተማልኡ እዚ. ዘተ እንተገዘደድ ከኣ ዝያዳ ወጽኢታዊ ምኾኑ፡

እዚ. ነጥዓስ ገጽጌሐ ማህረታዊ ሸዋራት ነፍታሕ፡ እንታይ ነገር ኣለዎ ኣብ ዝብል ነገዝዚ እዩ ዘድልዮና ዘሎ ሕጂ፡ ምኽንያቱ ነሱብ ሕጂ ብዘዕባ ጸጋ'ምግር ብዘዕባ ማህረታዊ ፍታሕ ነኸውን ዝኽእል ኣይልዕልናን፡ ከመይ ገይርና ኽንሃብ ንኽእል ኣብ ዝብል ማህረታዊ ለወጠ. ነምጽእ ኣብ ዝኽእል ሃጥብታት ንዝረቡ፡

ንኣብት ኣነ ናይ ገዝዘብ ዓቕሚ እንተ ዝህልወኒ፡ መምህራን ቁጹረ ዝ. ኣብ ምፍራይ ፊልም ተዋፊሩ ዘሎ ማሕበረሰቡ ብዘዕባ "Script Writing" ብዋበት ነም ዝመሃር ምዝርጋሕ፡ ብዘወሃኸ. ሕጂ ብዘዕባ ፊልም ጥራይ ንዝረብ ኣለና ኴንኖ'ምግር ካልእ ነንዝረበሉም ዘሎና ጸጋ'ታት እውን ኣኮ ኣለና'ዩ፡ ምኽንያቱ "ኣርት" ንበይኑ ተጸዲሉ ዝርአ ኣይኮነን፡ የቐንጸለይ!

ሄፍክ ወልዲሃይማኖት፡

የቐንጸልና ንኾሉ ሃገር፡ ሓንቲ ጽብቕቲ ቃል ነይራ ኤድዋርዶ ዝዘሓረቡ፡ ጽብቕቲ ቃል'ያ፡ ነፀግ. ማሕበር መዝቀኛታት ኤርትራ ዓይነት፡ እንተ ተቖሙ ኣሉ ነይሩ፡ መን'ዩ እሞ ነጥርንሬና፡ ኣየም ቀንዲ እነብሃሉ ሰባት ዘይጠርኽኒምናስ ኣየም ኣብ ታሕቲ ዘሎና ሰባት ኾመይ ገይርና ኣና ንኽንጥርኽ እንኾሎ፡ ኣየም ኣብቲ ዓውዲ ናይ ሃዊሕ ተሞኳሮ ዘሎዎም፡ ቡቲ ሞያ ትምህርቲ ዘሎዎም፡ ኣየም ኣብ ሳዕሊ ቦታ ዘሎዉ ሰባት ነም በዓል ኤድዋርዶ፡ በዓል ሪሄል ንኽጥርኽናና እንተ ዝኽእሉ ዝያዳ ምመቀረ ኣብልኡ፡

ካልእ ኣብዚ ኣርቲስት ናይ ዓደና ኾኑ ነጥበር ኣይኣኤልን'ዩ ዝብል ዘረባ ኣሎ፡ ንኣብት ሓደ ዳይረክተር እዝን እትን ግበር ክብሃል እኽሎ፡ 'ከኣይቲ ካሜራ ክነኣሎ' ይብሎ፡ ቡታ ዘሎትካ እምባር በዃን ድኣ ቡታ ዘሎትካ ትታኾሉ፡ ምኽንያቱ እንተ ዘይተታኾሉስ ተተሃሰስ ንኽሓድር ኢኾ፡

ምስ መብራህቲ፡

ንመጀመርያ ግዜ'የ ኣብ ነፀግ. ኢጋጣሚ ዝነበሩ ዘለኾ፡ ኣብቲ ኣርት'ውን ሕጂ ታት ኢና ንብል ዘሎና፡ ገለ ነገር ... ካብ'ዚ ዘተ'ዚ. ነፍታሕ ዘለዎ ዓቢ. ኣርእስቲ ነም ዘሎ ነርዳኢ ክኢለ ኣለኾ፡ ዝ. ዘይተፈትሐ ሸዋር ፍታሕ ከርእብ ብዘኽእል መገዲ ነንዘተ ዝወደም ኣርእስቲ ሕዝቡም ነትመጹ ይምረጽ፡ ሸዋር ብዋበት ነም ዝልለ ምስ ነቲ ማህረ ማህራኡ ኾኣ ፍታሕ ዘመጽእ ሓሳባት ነም ዝፈለሉ ኮይኑ እንተዘቐርብ ጸበቕ

ምኾኑ፡ ብዘዕባ ንክብሩሓባሉ እትኽእል ነገራት እንተገቐርብ፡ ጌጋታት ይፍጸም ኣሎ እንተ ድኣ ንብል ኣለና፡ ጌጋታት ፈጺሞም ኣልና ዝኾቕሮም እንተ ድኣ ኣልዮምና፡ ካብ ጌጋታቶም ንኽእረሙ ብኣኻክብም ንክወሰድ ዝኽእል ተብዒነታት እንተ ዝህሉ ይምረጽ እብልኡ፡ የቐንጸለይ!

ሰዲላ ኾልድ፡

ሕቶን ርእይቶን ኣብዚ ነንዝዘሙ፡ እቲ ርእይቶታት ተመሳሳሊ'ዩ፡ ብወገን ሰለባዘኾታት እቲ ዘሎ ሕጽረታት ባጀት ይኾን ምመደ ይኾን ማዕርያል ይኾን ከሉ'ቲ ነቲ ነገዘጽሖ ዝድስ ደረጃ ከብጽሖና ዝኽእል መሳጥዮ ሰለ ዘይብልና ኢና ነም ምኽንያት ነቐርብ ጸኒሑ፡ ብወገን ነኢሲታት ሞያውያን ከኣ ሞያዊ ስራሕ ነንሰርሕ እንተኴንና ነምጽእ ዘለዎ ሃጥብታት ዘጋዚምልና፡ ዕሳማ ናይ'ዚ ዘተ ኾኣ ነምኡ'ዩ ብመሳረቱ፡ እቲ ዘሎ ፍልልይ ናይ መረጻኢታ ናብ ሓደ ንምምጻእ'ዩ፡

ኣብ መወጻኢታ ኣጠቓሊሉም እዝን ዝነበረ ነምልስሉሉ ይደሊ. እዝም ተዛተይቲ፡ ከሉ'ቲ ነጥዓስ ገጽጌሐ ባጀት ይኾን ካልእ ከሉ ኣብ ህሉው ነኣታት ዘሎ ሕጽረታት ብኸመይ ይጸልም፡ ዝ.'ኾ ኣወጊደካ እንታይ ነገር ይገብሩ ብዓደ. ነፍሰወከፍ ሰለባዘኾ፡ እንታይ እንተገበርና ኢና ዝ. ዘሎ ሕጽረታት ዋላ ድኾሮም ነንሰዋር ንኽእል፡ ኣጠቓልል ኣብልኩም ክልቴኾም ነስምልሱሉዩ፡

መብርሂ ካብ ተዛተይቲ

ሪሄል ኣብዩም፡

ንብበስ ኣለና እንዳና ንብል ዘሎና፡ ጸበቕ፡ እቲ ምብጋስና ጸበቕ'ዩ፡ ኣለና "potential" ንብል ኣለና፡ ዝ.'ውን ጸበቕ'ዩ፡ ንኾሉ ዘበገሰ'ውን እቲ ዛንታ'ዩ፡ ዛንታ'ካ ኣብ ነብስና ኣብ ፕሮን ወረቐትና'ዩ ዝጅመር ይብል ኣለኾ፡ እቲ ጉዳይ ባጀት፡ ምመደ ንዝዘኣኡ ነቐምጥዎ፡ ቐድሚ እቲ ኣስራሕ ዘለዎ ቡቲ ካልኣዊ ትጭዋቐ ተኴዒ ጸዝ'ዩ፡ ኣንብቡ ተዓዘቡ ፊልምታት ርኢ፡ ባዕልና'ኳኡ ነብሲና ክተማዕብል

ትኽእል ኢኻ፡ ፈትፈየም ክህበኻ ኣይትጸበቅ፡ ኣነ ኣብ ክሳብ ይምህር ኣለኹ፡ ንነ ሓንቲ ፕርሰንት'ያ ኽትክውን ትኽእሊ እቲ ዝከበሐ ጻዕሪ ናትካ'ዩ፡ ደኺመ ጸዓረ ኣልካ ተገሪምርም ተኺንካ'ሞ ጸገም'ዩ፡ ከይደገምካ፡ ከይጸዓርካ ድኣ'ሞ እንታይ ብኹፉት ኩሉ ክቕረበልካ ኣይኮነን፡፡

ህይወት ንብልዕወን ሳዕልን ታሕሪ'ያ፡ ፀኃፍኒ ኣለዋ፡ ንዓኣ ክትሰዋር ክትኣትእ ኣለኻ፡ ናይ ምወላ ጸገም ኣለኒ፡ ናይ ባዕት ጸገም ኣለኒ . . . ብርግጽ ክህልወካ ይኽእል'ዩ ግን ንዕኡ ሰባርካ ጸበቕ ስራሕ ክትሰርሕ ክትኣትእ ኣለኻ፡ እዚ ጥዑይ ስራሕ ከኣ ካብ ዛንታ ካብ ነበሽካ'ዩ ዝጅምር፡ ኩፍ ኢልካ ዝዝበኦ ግዜ ሂብካ ክትሰርሖ ጀምር፡ ምስዚ ዘሎ ናይ ምወላን ካልእን ጸገምት፡ ጸፃፍ ዛንታ ተምጻእካ ነቲ ካልእ ዘሎ ሃጻጽት ኽሸፍኽልካ ይኽእል'ዩ ዝብል እምት ኣለኒ፡ ፍቕሪ'ዊ ዛንታ ጸሐፍኻ 'ፋይን' ጸሓፍ ብዘገድኑ፡ እቲ ፍቕሪ'ዊ ዛንታ ግን ምስእ ዛንታ ደኣ ክኣመን ዝኽእል ደኣ ብዘበገ ፍቕሪ እንታይ ኢልኩ፣ ይቕብሎ ደኣ ደስ ኢሉኒ ደኣ ህይወት ዘለዎም ጠቢዖት ፈጠርኻሎይ ዲኻ እቲ ዛንታ ኣሎ ደኣ ግበእ መሳርያ ሐዙ ደኣ ቡቲ ዘሎ እኳይና ንዝረብ ዘሎኑ፡ ድሓር ምስ ካልኦት ምውድዳር ናይ ሆለውድ፡ ናይ ካልኦት ካበና ናይ ዝኾዩ ምርኢ ጸበቕ'ዩ፡ ኩሉ ግዜ ንህዕሊ ኢኻ ትጥምት እምባር ንታሕቲ ኣይኮነን፡ እንታይ ይግበር ኣለ፣ ዓለም ኣብዩ በጺሓ ኣፃ እንታይ ደስራሕ ኣለ፣ ኣተሓሳስባና ተቐያይሪ'ዩ ስለዚ ከም ኤርትራውያን ኣብዚ ጉዳይ ኣብርክዮና እንታይ'ዩ እናበልኩ ቀጻሊ ነበሽካ ክተማሓደሽ ክትኣትእ ኣለኻ፡፡

ሕጂ እንተሓተኩም ኣብዚ እዋን እንታይ መጽሓፍ ተንበቡ ኣለኹም፣ እንተ ዝበሎኩም እንታይ ምባልኩም፣ እንታይ ተንበቡ ኣለኹም፣ . . . ኣርቲስት ኢና ትብሉ ኣለኹም፡ እንታይ ተንበቡ ኣለኹም፣ መሳ'ያ መውጹታ እታ መጽሓፍ ዘገዝኩምላ እዋጅ ትማሊ ምስት እንታይ ፊልም ሪኢኹም፣ ፊልም ንሪሕ ኢና ትብሉ ኣለኹም፡ እንታይ ፊልም ሪኢኹም፣ ብዘዕባ እታ ፊልም እቲኣ እንታይ ንምጋም ክትህቡ ትኽእሉ፣ ካብኡ'ዩ ዝጅምር፡፡

"እንታይ ክገብር ኣለና?" ጸበቕ ሕቶ፡ ንሰበነ'ካ ሕተታ፡ "እንታይ ክገብር ኣለኒ፣ ነም ኣርቲስት ነብስይ ብኸመይ ኮምዕበል ኣለኒ?" ካብኡ'ዩ ዝጅምር፡ ንሰነ'ካ ናብካ ተራ ተጻወት፡ እቲ ኻልእ ድሕረኡ ኽመጽእ'ዩ፡ ኣብዚ ኢና ዘይተረዳዳእና ዘሎና፡ እታ ንሰነ'ካ ክትገብሮ ዘኽእ ብዙሕ ወጻኢታትን ገዝዘን ዘይትሓተት ልዕሊ ገዝዘብ ኩፍ ምባል ትሓተት ደስፐርሊን ትሓተት ጻዕሪ ትሓተት ስራሕ ትሓተት ምንባብ ትሓተት ምስታት ትሓተት ንነ ኢኹም ክትገብርዋ ዘይኽእልኩም፡ እዚኣ ሸፍንዋ'ሞ እቲ ኻልእ ብቐሲል ክፍታሕ ይኽእል እዩ፡ የቐንጸለይ!!

ኤድዋርዶ ኣርኢዮ፡

ኣነ'ውን ካብ ናይ ሪሄል ዝተፈልየ ነቦኒ የብለይን፡ ፊልም ፕሮዳክሽን ኩሉ ሳዕ ቀሲል ስራሕ ኣይኮኑ፤ ናይ ዓመታት ስራሕ ዝሓትት ብድሆ'የ ዘለዎ፡ ዝኒ ናይ ዓመታት ብድሆ ክትሰዕሮ እንተኺኽ ኹኣ ብፍልጡት ክትዓጥቕ ኣለኹ፡ ሞያወትት ናይ ፊልም ቀሲል ኣይኮነን፡ ነቲ ፊልም ንክመሃር ክንደይ ገዝዘብ ከም ዘፍስስ ኽፈልጥ ኣለዎ፡ ሞያወትት ናይ ፊልም ተሳትፎ ኢኻ ኣተምጽኡ፡ ምምሃር ሞያወትት ናይ ፊልም ንመማይት ኮሚተ ዝምልከት ኣይኮነን፡ ነቲ ውልቀ ሰብ እዩ ዝምልከት፡ ምኽንያቱ ንሱ'የ ዝሰርሓሉ ንሱ'የ ዝሸሰለሉ፡ ጸባሕ ንግሆ ሓደ ሰብ ቡቲ ሞያ ኽኾብር ቡቲ ሞያ ተፈላጥቲ ክኸውን ቡቲ ሞያ ሓደ ነባሪ ስራሕ ኽፍሪ እንተ ድኣ ኩይኑ፡ ፍልጡት ክዋጥቕ ክኽእል ኣለዎ፡ እቲ ፍልጡት ኣብ ሓደ ነባሪ ስራሕ ክፍሪ ክኽእል ኣለዎ፡ እቲ ፍልጡት ተሳሒጹ ክፍጽሖ ክኽእል ኣለዎ፡ እንተ ዘይኩይት ኽኣ ከፈሉ ኽመሃር ኣለዎ፡ እቲ ሓሳፍነት ናይ መማይት ኮሚተ ኣይኮነን፡፡

ናይ ብሓቂ ሞያዊ እንተ ድኣ ኹይኑ፡ ነቲ ሞያ ዘፍቅሮ እንተ ድኣ ኹይኑ ክመሃር ክኽእል ኣለዎ፡ እዚኣ እያ ኽኣ ኩሉ ግዜ እተሓሳሰሩ፡ ፊልም ቅድሚ ምስራሕኻ ብዘዕባ ናይ ፊልም 'ፕሮዳክሽን ፊይዝ' ክትመሃር ክኽእል ኣለኹ፡ 'ካሜራ ማን' እንተኺኽ ናይ ካሜራ፡ ናይ ብርሃን ክኣሊ እንተኺኽ ድማ ብዘዕባ ናይ ብርሃን ክትመሃር ክትኣትእ ኣለኹ፡፡

ብምድንጋጽ ነቦኒ ኣይወዛበን'ዩ፡ ንኽትደናገጽ ኣልካስ ጸበቕ ስራሕ ስራሕካ ክትብሎ? ከመይ ገይርካ? ሓሲ'ካ ክትዛረብ ኣይኽእልን'ዩ፡ ስለዚ ኣነ ኹሉ ሳዕ እንታይ እየ ዝብል ክገምዕብል ዝዀነ ሞያዊ ስራሕ ክሰርሕ እንተኺኑ ሞያዊ ፍልጡት ክህልወና ክኽእል ኣለዎ፡ ዝኒ ሞያዊ ፍልጡት ድማ ባዕልና ክገጽሖ ክኽእል ኣለና፡ ሎሚ ብዘቐመለ ኢንተርኔት ኣለና፡ እዚ ኹሉ ክገዝረሉ ንወሳል ዘሎና ሃጥብታት፡ ኣብ ኢንተርኔት ብሓንቲ 'ክሊክ' ከፈትካ 'ዳውንሎድ' ገይርካ ኣብ ገዛካ ከይደካ ኹለጃንዖ ትኽእል ኢኻ፡ ኣጽንሰካ ድማ ናብ ግብሪ ትትርጉሞ፡ ሰብ ከምን ኣየድልዮ'ዩ፡ እዚኣ'ያ እታ ናተይ ርኢይ'ዩ፡፡

ሰይላ ኻልድ፡

የቐንጸልና፡ ናብ ሓደ መረዳኢታ በጺሕና ክሽከውን ተሰሩ 'ንብር፡ እቲ ገዛዚ ሎሚ

ቀሰምናዮ ክሽከውን ኻኽእል ዝብሎ፡ ኣብቲ ሞያዊ ዕቡት ብኸመይ ተረጋጊጽ'ዩ፡ ስለቲ ግዜኹም ስለቲ ተሳትፎኹም ደጊመ ኣመሰግነኩ፡፡

ሓበሬታ

ብዘዕባ ኣብ'ዚ ዘተ ተሳዒሉ ዘሎ ጉዳይ ተወሃኪ ርኢይ'ዩ ሓሳብ ወይ ሃሳጺ ቐፊታ ምስ ዝህልወኩም ክትልእኩልና ዝፃባኽ፡፡

***

ጽላይ ማሕበር

ስልጠና መሪሕነትን ምሕደራን

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሊሶን ኤርትራ ትካላዊ ዓቕሚ ኣዕሩቱ ንምዕባይ ሓንጺጽዎ ብዘጸንሐ ወጥን ስራሕ፡ ምስ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት፡ ክፍልታት ቤት ጽሕፈት ዞባን ኣህጉራዊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ንዘሎዉ 87 ሓለፍቲ ኣብ መሪሕነትን ምሕደራን ዘዘኻረ ስልጠናን ምኽሪ ኣገልግሎትን ተዋሂቡ።

ቅድሚ ስልጠና ኣብ ሞንጎ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃገመተኤን ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራን ዘድሊ ርክባትን ጓህሃዊ ንምጋማትን'ዩ ተኻይዱ። ኣብዚት ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ 12 'ሞጁላት' ንምድላው ማሕበርን ንዋፊታቱን ብምርዳእ ምስ ስራሕ ንምዝምዳዱ ሓይል ስራሕ ድሕሪ ምኳየዶም፡ ብወገን ስልጠናቲ'ውን ኑዋም ብልሓታትን ክእሊታትን ሜላታት ኣሰራርሓ ክጭብጥዎ ዘርእይዎ ትግዝትን ተገዳስነትን ቀሩቡት ንናይ ኣሰራርሓ ስወጠን ንዘኣድ ምንባሩ ኣብ'ቲ ኣብ ምዝዛም ናይ'ቲ ስልጠና ዝተኻየደ ሓበራዊ ንምጋማትን ርእይቶታትን ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ካብ 17 ክሳብ 26 ነሓሰ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ካብ'ቲ ዓም ኣቐዲሙም ዝተሰለለዩ ምምሕደሽ ዝጠልበ ብድህታት፡ ኦፕሬሽናዊ ወጥን ማሕበርን ምቕራብ ጸብጽቡ ምብህላል ኣጕዝብ ምቕባልን ምሃብን ፊድ ባክ (ምትእራራም)፡ ምድላው ጸብጽቡ ምሕደራ ዓቕሚ ሰብን ስራሕን ምሕደራ ግዜን ምንጪ ኣጠቓቕማን ባጀትን ምትትታልን ምግምጋምን መደባት ስራሕ፡ ኣፈታትሓ ግርጭታት፡ ብልሓታዊ ኣተሓሳስባን ካልእ ኣገደስቲ ዛዕባታትን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ብጸይ የማነ ገብረኣብ ንህሉው ከነታት ሃገር ኣመልኪቱ ኣብ ገዛዕ ሶሚናር ስልጠና ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ናይ'ዚ ሃገር'ዚ ብፍላይ ከኣ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ናይ መንእሰያት ኣብ ምምዕባልን ምህናጽን ሃገር ወሳኒ ተራ ስለዘለዎ፡ ሃማመተኤ ንኸፀግዚ ዝኣመነለ መደብ ቀዳምነት ምህባን ምስርዐንጹ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ስልጠና መደብ ብምህላፎኑ ኑቲ ናይ ስልጠናን ምኽሪ ኣገልግሎትን መደብ ብምምርሑን ዘለዎ ናእዳ ብምግምጽ፡ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣሰር ዝገደፍን ፍረ ዘለዎን ክኸውን ቀጻሊ ምህላዉን ምትትታልን እናተገብረሉ፡ ኣብ'ቲ ብደረጃ ማሕበር ዝጠፀዱ ንዋፊታት ይኹን ብደረጃ ሃገር ዝተታሕዙ መደባት ልምዓት ብኸመይ ኣጓም ክህልዎ ከም ዝኽእል ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ቡቲ ዝተዋህበ ስልጠና ኣብ ዝመጽእ ርብዒ ዓመትን ድሕሪኡ ኣብ ዝሕንጸጽ ዓመታዊ ወጥን ስራሕን ትግበረን ናይ ሃማመተኤ ስወጥታት ክንርእየሉ ክእክእል ኣሎና ዝበለ ብጸይ የማነ እቲ ዝተዋህበ ስልጠና ኣብ ኣፍራይትን ኣተሓሳስባን ርኡይን ተዓቓንን ስወጠ ነፀምጽእ ስለዘለዎ፡ ግቡእ መምዝኒ ክዋደደሉ ከም ዝኾነ ኣረዳኢሉ።

ብጸይ የማነ ብምቕጻል፡ "ሃማመተኤ ናይ መንእሰያት ማሕበር ብምኳኑ፡ ናይ መንእሰያት ማሕበር ድማ እቲ ዝሕነፀሉ እቲ ዝበለጹ እቲ ሓድሽ ኣተሓሳብ ዘለዎ፡ ሪእዩ ናይ ሃገርን ህዝቢን ህዝባዊ ግንባርን ንኽዕውት ዝሰርሕሉ ሃገር ቅድሚ ኹሉ ዝሰርሕሉ ሃገራውነት ዝኸሓዝሉ ንኹሉ ትሕቲ ሃገራውነት ኣተሓሳስባታት ዝቃለሰን ዝምኽትን ክኸውን ኣለዎ" ድሕሪ ምባል፡ ዝተዋህበ ስልጠና ኣብ ኣሰራርሓ ናይ ማሕበር እቲ ዝድለ ምዕባለን ገስጋሰን ከምጽእ ዘለዎ እምነት ኣብርሀ።

ብጸይ የማነ ኣብ'ቲ ንህሉዊ ከነታት ሃገር ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡሉ ሓፈሻዊ ሕቶታት'ውን መሊሱ።

ካብ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ብጸይ ታደሰ በዮ፡ ዕላማ'ቲ ማእከል ውሕሱል

ምሕደራ ንምርግጋጽ ምኗኑ ጠቒሱ፡ ምሕደራ መስርሕ ስለዝኾነ ሰልጠንቲ ቡዙሓሞ ክብልሑን ካብ'ቲ ልሙድ አሰራርሓ ወጽእ አሉም ዝገለጹ ብልሓታትን ሜላታትን ብምትእትታው፡ ንዘዓጠቕዎ ፍልጠት ብምበትእ አብ ተግባር ከውዕሉን ተሳቡዩ፡ ብጹይ ታደሰ ብዘዕባ ዝተኣዋደደ ሰልጠናን ዝተረኸቦ ፍረን ዝርዝርዊ መብርሂ'ውን ሂቡ፡፡

ነቲ ሰልጠና ከመሃህድ ዝጸንሐ ሓላፊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማሙተኤ ብጹይ ዑቕባይ በርሀ ብምደኑ፡ ማሕበር ዓቕሚ አባላቱ ንምዕባይ ቡዙሓሞ ዝተፈላለዩ ሰልጠናታት ክህብ ምጽንሑ ጠቒሱ፡ እዚ አብ እምዝትላ ንሓለፍቲ ማሕበር ዝተዋህበ ሰልጠና፡ ሰልጠንቲ ካብ'ቲ ዝተዋህበ ሰልጠና ጥራይ ዘይኮኑ እየም አሰልጠንቲ ከም አሰልጠንትን አሰለጥትን ናይ'ቲ ሰልጠና ብምኗን አብ ሓድሕዶም ዝዝብርዎ ዝሰዙሉ ምምልላእን ሰጥመትን ሰልጠንቲ ብወገኖም ዘርእይዎ ዝሰዙሉ ተሳታፍትትን ብምንኣድ፡ ዝተቐስመ ፍልጠት አብ ባይታ ወሪዱ ተዓቃቲ እወንታዊ ስወጠ. ንኸምጽእ ብምበትእ ክስራሕሉ ምኗኑ አረጋጊጹ፡፡

ንሰልጠንቲ ወከላ ቃል ዘሕመዋት መንእሰይ ኔጃት አደም፡ ከሉ ዝተጀመረ መዘዮ ክህልዎ ስለዘለዎ ጥራይ ዘይኮኑ እቲ ንዚያዳ ብቕዓት ማሕበር ሓለኒ፡ ብቕዓት አባላቱ ከበርክ ዝተተበለ መደብ ጀሚሩ ዕሳማኡ ብልዑል ወጽኢትን ድሙቕ ዓወትን አብ መዘዮኡ ምብጽሑ፡ ንኸልና ተመሪቑቲ ንስቲ ንብራኼና ዘበርኽ ፍልጠት፡ ንኣሰልጠንቲ መማህራንን ኣካዳድጉን ንስለ'ቲ ፍረ ጻዕሪ አበርክቶኦም፡ ንማሕበር ድማ ንስለ'ቲ ዝድግሚ ክብታ ብቕዓት፡ ብሓፈሻ ንኸልና የቃና እንቋዕ አብ'ዚ አብቅዓና ድሕሪ ምባል፡ አብዚን ናይ ሰልጠና መሳልታት ንወልቃዊ ሂወትናን ንኣፋራይነት ስራሕ ማሕበርን ዘዕቢ ብሉጽ ፍልጠት ከሲብና ኢሉ፡፡

ኣቦመንበር ሃማሙተኤ ብጹይ ሳልሕ ኣሕመዲን ንሰልጠንቲ ሰርቲፊኬት ድሕሪ ምዕዳሉ አብ ዘስምየ ናይ መዕጸዊ ቃል፡ መንእሰይ ቀልጠፋ ናይ ምቕባልን ምትግባርን ዓቕሚ ስለዘለዎ፡ ናብ ምሉእ ብቕዓት ክሳዕ ዝብጽሑ ናይ ሰልጠና መደባት ቀጺሉ ምኗኑ አረጋጊጹ፡፡

ሰርሓት ወጻኢ

ኤርትራ ብወትልና ማሕበር፣ ኣባል ፈጽሚ ሸሞገለ ውድብ መርዝብ መንእሰያትን ኮተቤን ኣፍሪቃ አብ ህዝቢን ምዕባለን (AFRIYAN)፡ ዞባ ምብራቕወን ደቡባውን ኣፍሪቃ ክንቀውን አብ'ቲ ካብ 5-9 ጥቅምቲ አብ ጅሃነስበርግ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተኣንደ ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ'ቲ ውድብ ተመሪጹ፡፡

አብ'ቲ ካብ 23 ኣባል ሃገራት ዞባ ምብራቕወን ደቡባውን ኣፍሪቃ ዝተወከሉ ተጋዳኢቲ ዝተረኽበሉ ኣጋጣሚ፡ ኤርትራ እተኣከበን 6 ሃገራት ንዝቕጽል ክልተ ዓመት ንምምራሕ ክምረጻ እኽሊዋ፡ ብመሳረት ቅዋም እዚ ውድብ ዝተመርጸ ፈጽሚ ሸሞገለ እዚ ዝኸውን ዕሞዎት ከሳኣል ትጽበት ይግበረሉ፥

- ምወከሃድ ስራሕት ናይ'ቲ ውድብ አብ ምብራቕወን ደቡባውን ኣፍሪቃ

- አብ መንነ ጉጅለ መንእሰያትን ትካል ማዕከን ህዝቢ ውድብ ሕብረት ሃገራትን (UNFPA) ናይ ሰሙብዘሃል ምቕእ ባይታ ምፍጥጥር፡

- መንእሰያትን ኮተቤን ንጉዳያዊ ኣተኣሪ ዝህብን ዝፈትሕን ስትራተጂካዊ ዕድላት ምፍጥጥርን ግብራዊ ዝኾነ ስጠምቲ ምወሳድ፡፡

ሓፈሻዊ ዕሳማ ናይ እዚ ውድብ መንእሰያትን ኮተቤን ዝዓለሙ አብ ከሉ ጽላት ምቕእ ዝኾነ ባይታ ምፍጥጥር ኮይኑ፣ እቲ ቀንዲ ኣድህበኡ ተሳትፎን ዓቕሚን መንእሰያት አብ ቃልሲ ኣንጻር HIV/AIDS፡ ድኅነት፡ ሽቕለት ኣልባነት፡ ኣድልዎን ዘይምዕርቃንን አብ ልሳሊ ጅንደርን ዋዕናጹታን ፍርዎምትን ክብ ንምባል ደሰርሑ፡ ብዘወሃኒ ኣፍሪዎን አብ ምህናጽ ትካላዊ ብቕዓት ኣባላቱ ዓቕሚ መንእሰያት አብ ርክባትን ተጣዋቕትን ህዝቢን ምዕባለን ደሰርሕን ናይ መንእሰያት መደባትን ፖለሲታትን ይግምግምን ደኒታተልን፡፡

መርዝብ መንእሰያትን ኮተቤን ኣፍሪቃ አብ ህዝቢን ምዕባለን ምብራቕወን ደቡባውን ኣፍሪቃ (AFRIYAN)፡ ዞባዊ ውዳበ ኮይኑ አብ 2005 ብመሳረት ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ትሕቲሃዊራ ንምድራዕ ሰታፈ. መንእሰያትን ኮተቤን አብ ምምዕባል ኣፍሪቃ ዝተመሳረተ'ዩ፡፡

ብዘመሳሳሊ ሃማሙተኤ አብ ማሕበር መንእሰያት መላእ ኣፍሪቃ (Pan African Youth Union) ከም ምትክል ፕረዚደንት ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃን ሆኑዳዊ ውቅያኖሳዊ አብ ባይቶ ሰልፍታት ኣፍሪቃ ክንፊ መንእሰያት (Council of African Political Parties Youth Wing) ብዘመሳሳሊ ምትክል ፕረሲደንት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ አብ ትካል ዲሞክራሲያዊውያን መንእሰያት ዓለም (World Federation of Democratic Youth) ድማ ከም ኣመሃዳዲ ዞባ ኣፍሪቃ ኮይኑ ይሰርሕ ምህላዉ ይፍለጥ፡፡

ካበርም

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ዕላል ምስ መንእሰያት ዶክትር ጀሚላን ኣስካሉን

ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኦሮታ 32 ዜጋታት ብሞያ ሕክምና ኣመሪቕ። ካብ'ዞም ተመረቕቲ እተን 16 ደቀንስትዮ እየን። ድሕሪ'ቲ ብዕለት 31 ጥሪ 2015 ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተገብረ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኣብ ሃኮሰኤ ፍሉይ መደብ መመረቕታ ጀሚላን ኣስካሉን ተኣንጊዱ። ከም መንእሰያት ሞያዊ ዓወትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጐኣን ንዝነበረ ውህደትን ብበጻሕተን ዝረኸባኦ ናእዳን፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርተን ዝነበሮ ጽልዋ ንኽንፈልጥ ዘንቀደ ዕላል ስዒቡ ይቕርብ፥

*** "ምስ ዓቦኺ እንታይ ክትትኢ ኢኺ?" ዝብል ሕቶ ቀሪቡልክን ይፈልጥዶ? ስድራቤትክን ምስ'ዚ ሕጂ ዝተመረቕክናሉ ዓውዲ ሕክምና ኣተኣሳሲሮም ዝብሉኽን እንተ'ሎ?**

ጀሚላ፥ ቁልዓ ከለኻ፡ "ምስ ዓቦኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ?" ምስ እትብሃል፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣእምሮኻ ዝመጽእ ዝውቱር መልሲ ኣሎ። "ሓኪም ክኸውን'የ"፡ "ፖይሎት ክኸውን'የ"፡ "ኢንጂነር ክኸውን'የ" ወዘተ... ትብል። ኣነ'ውን ከም ሰበይ ከምኡ እብል ነይረ። ደሓር እናዓቦኹ ምስ ከድኩ ግን፡ ሓኪም ክኸውን'የ እብል ኣይነበርኩን። ኣብ'ታ ዝነበርክዋ ደረጃ ትምህርቲ ዝበለጽኩ ክኸውን ኣለኒ እየ ዝብል ነይረ። ብኸምዚ ኸኣ እቲ መስርሕ ባዕሉ ወሲዱ ሓኪም ገይሩኒ። ስለዚ እታ ናብ'ዚ ዘብጽሓትኒ፡ እታ 'ኣብ ዘለኻዎ ዝበለጽኩ ክኸውን ኣለኒ' ዝብላ ዝነበርኩ እያ። ነዛ መረዳእታ'ዚኣ እንተደኣ ሒዝካ ኸኣ ድላይካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ኣስካሉ፥ ቁልዓ እንከለኻ ነዛ ሕቶ ብዙሕ ግዜ ኢኻ ትሕተታ፣ ዝተፈላለየ መልሲ ድማ ትህበላ። ቀደም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኒኻ ከለኻ፡ ንመምህራነይ ኣዝየ እየ ዝፈትዎም ነይረ። ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝፈልጦም ዝነበርኩ ንኣቶም'ዮም ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ

ዝነበሮም። ሽዑ መምህር ምኳን እዩ ዘቕንኣኒ ነይሩ፣ ንዕኦም ርእየ መምህር እየ ዝኾውን እብል ነይረ። ከምዚ ጀሚላ ዝበለቶ፡ እታ ክንነፍዕ ከለና ወለድና ዝሕጐሱዋ ስለንርኢ ኣብ ክላስ ክትነፍዕ ብልጽቲ ክትከውን ኢኻ ትደሊ።

ሻሙናይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ፡ ንዓቢ ሓወይ፡ "ኣብ ማትሪክ ከም ዝሓልፍ እፈልጥ'የ፣ እንተኾኑ ኣብ ዩኒቨርስቲ እንታይ ከም ዝመሃር ኣይፈልጥን'የ፡'' ኢለየ። ዮናስ ከኣ፡ "ንፍዕቲ ክኢላ ስነ-ቕጠባ ክትትኒ ትኽእሊ ኢኺ፡" ኢሉኒ። ካብ'ዚ ንደሓር ስነ-ቕጠባ ፈሊጠዮ ወይ ስሒቡኒ ዘይኮነስ ሓወይ ስለዝበሎ ጥራይ ተቐቢለየ። እንተኾነ፡ ምስ ግዜ ኩሉ ነገር ተቐይሩ፡ ናብ ሞያ ሕክምና ኣትየ።

*** ብሕጽር ዝበሉ፡ ናይ ትምህርቲ ድሕረ-ባይታኽን ከመይ ይመስል?**

ጀሚላ፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ፊንላንድ ተማሂረ። ካልኣይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ልምዓት። ብድሕሪኡ ሳዋ ወሪደ ታዕሊምን 12 ክፍልን ምስ ወዳእኩ፡ ናብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ማይ ነፍሒ ኣትየ። ካብኡ ኸኣ ናብ'ቲ ዝተመረቕኩሉ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኦሮታ ኣትየ። ኮነታት ትምህርተይ እንተኾይኑ ብልጫ እናወሰድኩ እየ ካልኣይ ደረጃ ወዲኡ። ኣብ ሳዋን ድሕረኡን'ውን ጽቡቕ ነይረ።

ኣስካሉ፡ መባእታ ደረጃ (ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ) ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኒሻ ኣብ ረብቶ ተማሂረ። ራብዓይን ሓሙሻይን ከኣ ኣብ ሽዕብ ሰለባ፣ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናጽነት፣ ካልኣይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደንደን። ካብ ሳዋ፡ ናብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ማይ ነፍሒ ኣትየ። ብድሕሪኡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኦሮታ ቀጺለ። ንደረጃ ትምህርተይ ብዝምልከት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝነበርኩሉ ስድራ-ቤተይ ብውጽኢተይ ሕጉሳት ነይሮም። ኩሉ ግዜ ብልጫ እወሰድ ኣይነበርኩን፣ ብቕዓተይ ግን ዘተኣማምን ነይሩ።

*** ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኢኹን ብሞያ ሕክምና ተመሪቕክን። ሰባት ብምሕዝትክን ክድነቕ ሰሚዐ። ብዘዕባ ርኽብክን ኩተዕልላኒ ምደለኹ? ኣብ ሳዋ ከም እተላለኽን'ውን ሰሚዐ ነይረ።**

ኣስካሉ፡ ኣብ ሳዋ ዝተላለናሉ ቀንዲ ምኽንያት ክልተና ሰሓቕ ስለ ንፈቱ እዩ። ጀሚላ ብጣዕሚ እያ ትስሕቕ፣ ኣነ ኸኣ ምስኣ ምስሓቕ ደስ'ዩ ዝብለኒ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ሳዋ ኢና ተራኺብና። ኣብ ሳዋ፡ እቲ ኣብ ሓደ ገዛ ምንባር፡ እቲ ብሓባር ትሰርሖን ትነብሮን፡ ዝፈጠሮ ርኽብ እዩ። ተመሳሳሊ ባህርያት ስለዝነበረና ኸኣ ዝያዳ ተቐራራብና። ጀሚላ ሰሓቓ ደስ ስለዝብለኒ ከስሕቓ ዘይጉበሮ ኣይነበርን። ብኸምዚ ቡብቕሩብ ክንወሃሃድ ጀሚርና። እቲ ብሓባር ምንባር ክልተና ክንሳነ ከም እንኽእል ሓቢሩና። ብድሕሪኡ'ውን እቲ ብሓደ ምኳን ስለዝቐጸለ፡ ርኽብና እናተረረ ከይዱ። ኣብ ማይ-ነፍሒ ንኣብነት፡ ኣብ ሓንቲ ዓራት ንድቅስ፡ ሓንቲ ቦርድ ንጥቀም፡ ኩሉ ዘለና ንካፈል ነይርና። ብድሕሪኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ሕክምና፡ ኣብ ኦሮታ፡ ብሓደ ቐጺልና። ኣብ ሓድሕድና ንረዳዳእ ስለዝኾንና ኸኣ ብሓደ ክንከውን እምበር ክንፈላለ ኣይንኽእልን ነይርና።

ኣብ መንጐና ሓያል ናይ ምርድዳእ ወይ ምብህሃል መንፈስ ኣሎ። ብዓቢኡ ካብቲ ዝፈላልየና ነቲ ዘመሳሰለና ኢና ንግደሰሉ። ከም ሰባት ፍልልይ ክህልወና ናይ ግድን እንድዩ፡ ግን ነቶም ዝፈላልዩና ባህርያት ጽቡቕ ገይርና ኢና ንፈልጦም፣ ኣብ ልዕሊኦም ከኣ ተጻዋርነት ኣለና። ንነፍስና ከም ዘላታ ኢና ንቕበላ፣ ንውህደትና ኸኣ ነኽብሮ ኢና። ብኸምዚ፡ ጀሚላ ካልኣይቲ ኣስካሉ ኮይና።

ጀሚላ፣ ንሳዋ ምስ ወረድና ኣስካሉ ኣብታ ኣነ ዝነበርኩዋ ሓይሊ ትፈልጣ ሰብ ነይራታ። ናብኣ ትመጽእ ስለዝነበረት ከኣ ቡብቕሩብ ክንላለ ጀሚርና።

ሓደ ካብቲ ዘቀራረበና ባህርይትና እዩ። ንኣብነት ዝኾነ ዘሕርቕ ነገር ምስ ዘጋጥመና ከምዘን ዝኩበዓ ኣዋልድ ኣይኩንናን። ብባህርያትና ሓያላት ደቀንስትዮ ክንከውን ኢና ንደሊ። ንኣብነት ኣነ ሓሪቕ ወይ ኣብ ሕማቕ እንተለኹ፡ ብቕዳምነት ነዚ ተረዲኣ ኩተደዓዕሰኒ እትኽእል ኣስካሉ ምኳና እፈልጥ እየ። ከመይ ኢላ ከም ትመልሰኒ ኸኣ ትፈልጥ እያ። ብሓጺሩ ድሌትካ እትብሎ፣ ኩሉ ዓይነት ሓይሊ ዘለዎ ብቑዕ ሰብ እንተረኺብኩ፡ እቲ ዝበለጸ ነገር እዩ። በዚ መንጽር ክርእዮ እንከለኹ፡ ንዓይ እታ ሓንትን ዝበለጸትን መሓዛይ ኣስካሉ እያ - ስለዚ ዕድለኛ እየ ማለት'ዩ። እዚ ውህደት'ዚ ኸኣ ኣብ መድረኽ ዝተሃንጸ እዩ።

*** ንሳዋ ብኸመይ ትገልጾኣ? ኣብ ህይወትክን ዝተመሃርክናኦ ፍሉይ ነገርስ ኣሎዶ?**

ጀሚላ፡ ሳዋ ንዓይ ቅርጺ ዘትሓዘትኒ ቦታ ክብላ እኽእል። ቅድሚ ሳዋ ምኻደይ፡ ኣብ ትሕቲ ልዑል ክንክን ስድራቤተይ እየ ነይረ - ደረቱ ዝሓለፎ ክንክን። ኩሉ ነገር ብስድራቤተይ እዩ ዝግበረለይ ነይሩ። ኣጽንዕ ትብሃል ተጽንዕ፣ ከምዚ ግበር ትብሃል ከምኡ ትገብር። ብሓጺሩ ባዕልኻ ተበግሶ ወሲድካ ኣብ ትኸደሉ ህይወት እነብር ኣይነበርኩን። ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ምኽርን ማዕዳን ወለደይ እየ ነይረ። ሳዋ ምስ ከድኩ ግን ኩሉ ነገር ካልእ ኮይኑ፣ ብዛዕባ ነፍሰይ ክውሰን ከም ዘለኒ ፈሊጠ፣ ምስ ሰባት ብኸመይ ክነብር ወይ ክረዳዳእ ከም ዘለኒ ፈሊጠ፣ ናይ ሰባት ባህሪ ትፈልጥ፡ ንነፍሰኻ ንነገራት ብኸመይ ትገጥሞምን ትፍጽሞምን ትመሃር፣ ሓደ ነገር ምስ ዘጋጥም እንታይ ትውስን ... ኩሉ ኣብ ሳዋ ዝተማሃርኩዎ እዩ። ኣዝዩ ኣገዳሲን መሰረታዊን ከኣ ነይሩ።

ሳዋ ምኻድ ንዓይ፡ ካብ'ታ ትነብረላ ዝነበርካ በዓቲ ወጺእካ ምስ ኩሉ ነገራት ክትላለ ምኽእል ማለት እዩ። ንሱ ኸኣ እዩ እቲ ንሰባት ዘድልዮም፣ ህይወቶምን ከባቢኦምን ከንብቡ ምኽኣል።

ኣስካሉ፡ ተመኮሮ ሳዋ እምነ-ኮርናዕ እዩ ነይሩ። ልዕሊ ኹሉ፡ ከምዚ ጀሚላ ዝበለቶ፡ ምስ ሰባት ብኸመይ ክትዋሳእ

ወይ ክትብሃሃል ከም ዘለካ ትፈልጥ። ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ብኸመይ ክትረዳዳእን ናይ ውህደት መንፈስ ተጥርን ትመሃር። ንመራሕ ሓይልኻ ብኸመይ ትቐርቦ ትፈልጥ፣ ምስ ደቂ መስርዕኡ ጋንታኻ. . . ብኸመይ ትነብር ትመሃርን ትፈልጥን። ኣብ ገዛና ከለና ነዚታት ዝጸልዉ ወይ ሓላፍነት ዝነበሮም ስድራቤትና እዮም። ንህይወትና ዘመሓድሩዋ ዝነበሩ ንሳቶም'ዮም። ኣብ ሳዋ ግን ባዕልኻ ኢኻ ዋና ጉዳያትካ ትኸውን። ስምዒታትካ ብኸመይ ትገልጽን ትቁጸጽርን፣ ኣብ ልዕሊ ነገራት እትወስዶ ስጉምቲ. . . ተደማሚሩ ሓደ ናትካ መንነት እዩ ዝፈጥረልካ።

ብቐልል ዝበሉ ንኣብነት፡ ኣብ ኢድካ ዘለው ነገራት ብኸመይ ተመሓድሮም ትፈልጥ። ጸጋታትካ ኣለሊኻ ብኸመይ ከም እትጓዓዝ ትመሃር፣ ምስ መዛኑኻ ቅኑዕ ዝምድና ትምስርት፣ ምስ ዝመስሉኻ ትራኸብን ሓድሕድ ትመሃርን። ኣኒ ቅድሚ ሳዋን ድሕሪ ሳዋንሲ በበይነን ኣሰካሉ እየ ክብል እደፍር። ሳዋ ንኣተሓሳስባኻን ኣነብብራኻን ጽቡቕ ገይሩ እዩ ቅርጺ ዘትሕዝ። ንዓይ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ብልጫኡ ኸኣ ንጀሚላ ኣብ ሳዋ ምርካበይ እዩ።

ጀሚላ፡ ቡቲ ማሕበራዊ ሽነኹ ጥራይ ከይኮነ'ውን፡ ኣብ ሳዋ ካብቲ ኣብ ገዛኻ ክትረኽቦ እትኽእል ጸጋታት ርሒቕካ እንዲኻ ዘለኻ፡ ኣብ ጽንክር ዝበለ ከመይ ኢልካ ክትነብር ከም እትኽእልን ንህይወት ብኸመይ ከም እትገጥማን ትመሃር። ሳዋ ድሕሪ ምኻደይ ዘፍርሓኒ ነገር የለን። ቅድሚ ሳዋ ንኣብነት፡ ሃሩር ኣዝዩ እዩ ዘፍርሓኒ ነይሩ። ንዙረት ምስ ስድራይ ባጽዕ ኣብ ገኸደሉ ዝነበርኩ ቀንዲ ጸገመይ ሃሩር እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ሃሩር ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ኣውተቡስ ክትገድፈኒ ምኻና እናፈለጥኩ ካብ ጉዮ ዘርክባ ዋላ ሰዓት ዘይጸበ እየ ዝብል ነይረ። ሕጂ ግን ሰዓት ብእግረይ ክጓዓዝ እኽእል እዩ። ስለዚ፡ ሳዋ ብማሕበራዊን ኣካላዊን ጥንካረ ኣማዕቢላትና እያ። ንባዕሉ ካብ ገዛኻ ወጺእካ ንዓመት ኣብ ሳዋ ምምኳር፡ ንበይንኻ'ውን ክትነብር ከም እትኽእል ተማሂርና።

ሓደ ካብ'ቲ ዘራኸበክን፡ 'ሓያላት' ናይ ምኻን ባህርያት ምኻኑ ጠቒስክን። ብዙሓት ሰባት ግን ንሓይሊ ደቀንስትዮ ከነኣእሱ ይረኣዩ እዮም?

ጀሚላ፡ ደቀንስትዮ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ emotional እዮን። ገለአን ደቀንስትዮ ኸኣ ብባህሪአን ነፍሰ-ምትእምማን ዘይብለን ክኾና ይኽእላ። እዚ ባህርያዊ ነገር እዩ - ዋላ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ዝርአ'ዩ። ኣብ ህይወትካ ሓይሊ ንኽህልወካ፣ ስምዒትካ ንኽትቁጸጽር፣ ድሌታትካ ንኽትገልጽ ብመጀመርያ ቅኑዕ መሓዛ ወይ ዓርኪ ክትረኽብ ኣለካ። ሓሳባትካ እተካፍሎን ዘካፍለካን ሰብ ምርኻብ ሓይሊ ከም ዝስምዓካ እዩ ዝጉብር።

ብመሰረቱ 'ጓል'የ ትብል መረዳእታ ወይ ስምዒት ክትጠፍእ ኣለዋ፣ ወይ ከኣ ጓል'የ ክትብል ከለኻ ሓያል'የ ንምባል ክትከውን ኣለዋ። እቲ ንኣዋልድ ቀንዲ ብድሆ ኮይኑ ዘሎ እቲ ባህሊ ኣብ ርእሰን ዝፈጠሮ ኣተሓሳስባ እዩ። ባህሊ ኣይኮነን ዝሕዘኻ፣ እንታይ ደኣ እቲ ባህሊ ዝፈጥሮ ኣተሓሳስባ ደኣ'ምበር። ደቀንስትዮ ብቐዳምነት ሕማቕ ምኻኑ፡ ጽግዕተኛ

ምኗን. . . ነውሪ ምኗኑ፡ ክፈልጣ ኣለወን፡፡ ምናልባት ደቂ ተባዕትዮ ብኣካላዊ ብቕዓትን ብቕልጽምን ይሓልፉና ይኾኑ'ምበር፡ በተሓሳስባ፡ ብኣእምሮ፡ ብኣበርክቶ፡. . . ማዕረ ኢና፡፡

ኣስካሉ፡ ኣብዚ ባህሊ ወይ ልምዲ ሕብረተሰብና ወሳኒ እዩ፡፡ ጓል ቡቲ ባህሊ ከም ነባዒት ወይ ድኽምቲ ወይ ጽግዕተኛ እያ እትርአ፡፡ ጓል ክትብኪ፡ ክትነብዕ፡ ጽግዕግዕ ክትብል ምርኣይ ከኣ ከም ቅቡል ይውሰድ'ዩ፡፡ እዚ ግን ባዕልና ደቀንስትዮ ክንቃለሶ ዘለና ብድሆ እዩ፡፡ ንሕናስ ከምኡ ዲና? ኣይኮናን! ብዙሕ ሓይሊ ኣለና፡፡ ንዓይ ጓል ምኗን ማለት ሓያል ምኗን ማለት'ዩ፣ ጓል ምኗን ማለት ጸብለል ምባል ማለት'ዩ፣ ጓል ምኗን ማለት ሓላፍነት ምስካም ማለት'ዩ፡፡ ኣብዚ እቲ ሃሳዩ ኮይኑ ዘሎ እቲ ባህሊ፡ እቲ ዝጸንሐ መረዳእታ እዩ፡፡ ንሕና ከም ኣዋልድ ሓይልና ከነርኢ እዩ ዘለና፣ መንፍዓትና ከነርኢ'ዩ ዘለና፡፡ ደቀንስትዮ ጥንቁቕ ወይ ውሑስ ባህርያት ኣሎና፣ ኣብ ናትና ተፈጥሮ ዓመጽ (agression) የለን፣ ሰላማውያን ኢና. . . ፡፡ ስለዚ፡ ደቀንስትዮ እዚ ጸጋ'ዚ ከም ዘለወን ከይፈልጣ እቲ ባህሊ ይሃስየን እዩ፡፡

ንሕና ዕድለኛታት ኢና፣ ካብ ዓባያታትናን ኣደታትናን ንሓይሽ፡፡ እቲ ሕብረተሰብ ብተዛማዲ ተማሓይሹ ጸኒሑና እዩ፡፡ ንሕና፡ ሕብረተሰብና ንኣዋልድ ኣብ ገዛ ብዙሕ ተጽዕኖ ስራሕ ዝገብሩለን፡ ቀልጢፈን ተመርዕየን ክርእዩወን ዝደልዩ፡ ዕድላት ትምህርቲ ዝሃፍጉወን፡ . . . ዘይምዕባይና ጠቒሙና እዩ፡፡ እንተኾኑ፡ እቲ ጽልዋ ጌና ኣይተሳዕረን፡፡ ደቀንስትዮ እምበኣር ነዚ ንምስዓርን ነቲ ዘሎ ዕድል ንምጥቃምን ሓይለን ከርእያ ኣለወን፡፡

*** እቲ ንዓኣትክን ዝሓገዘክን 'ሓያል ናይ ምኗን' ባህርያት ብኸመይ ዝማዕበለ'ዩ ትብላ?**

ኣስካሉ፣ ንዓይ ዝሓገዘኒ፡ እቲ ናይ ስድራ-ቤት ምትብባዕ እዩ፡፡ ኣብ ገዛና፡ ኣብ ኩሉ ህይወት፡ ማዕረ'ቲ ንኣወዳት ኣሕዋተይ ዝግበረሎም እናተገብረለይ እየ ዓብየ፡፡ ቁልዓ እንከለኹ ዕድል ስለዝተዋህበኒ ድማ ኣብ ዝቐጸለ ጉዕዞ ህይወተይ ርእሰ-ምትእምማን ክሕዝ ክኢለ፡፡

ንደቀንስትዮ ብድሆ ዝኸውን ዘሎ ጽልዋ ናይቲ ባህሊ እዩ፡፡ እቲ ጽልዋ ኮነ ኢልካ ዝግበር ኣይኮነን፡፡ ሓደ ኣብኡት ክነግረካ፣ ሓደ መዓልቲ፡ ኣነ ኣብ ጽዑቕ ትምህርቲ ሕክምና ከለኹ፡ ዓቢ ሓወይ ብምልእኣኽ ይመሃር ነይሩ፣ እቲ ንእሽተይ ከኣ ካልኣይ ደረጃ ነይሩ፡፡ ኩላትና ከከም ደረጃኡ ዝፈላለ ጸዕቂ ነይሩና፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ግን ናተይ ዝኸበደ ነይሩ፡፡ ሓደ ቀዳም ንግሆ፡ ዝያዳ ጸዕቂ ትምህርቲ ከለኒ ንግሆ ተሲአ ኩላትና ዝደቀስናሉ ዓርውቲ ኣነጻጺፈ፣ ኩላትና ዝሓደርናሉ ገዛ ኣለዓኒሉ፡፡ ንሳቶም ግን እቲ ሓደ ላብቶፕ ሒዙ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ጠራዙ ገንጺሉ ነጻ ኮይኖም የንብቡ ነይሮም፡፡ ብድሕሪኡ ኣነ ንኹላትና ዝኸውን ቀ-ርሲ ኣዳልየ፡፡ ኣብ ከምዚታት ከለኹ ሰዓት ረፈዱ፡ ግዜ መጽናዕተይ ተፈራሪቑ፡፡ እዚ ሕጂ ንሳቶም ኮነ ኢሎም ዝገበሩዎ ዘይኮነስ ጓል ብምኗነይ ዝሕተቶ እዩ፡፡ ነዚ ከም ምኽኒት ወሲደ ነፍሰይ ከተዓሻሹ ግን ኣይደልን፡፡ እቲ ባህሊ ዝፈጠሮ ምኗኑ ተገንዚብ ክሰዕሮ ኣለኒ፡፡

ጀሚላ፣ ኣብዚ ጉዳይ ስድራ-ቤት ወሳኒት እያ፡፡ ብሓፈሻኡ ንኣዋልድ ከምዚ ክትኮና ኣለክን፡ ከምዚ ክትገብራ ኣለክን፣ ሓያላት ክትኮና ኣለክን. . . ኢልካ ትቕይሮ ነገር ኣይኮነን እቲ ጉዳይ፡፡ እቲ መሰረት ካብ ስድራ-ቤት እዩ ዝጅመር፡፡ እዞም ሕጂ ደቀም ዘዕብዩ ዘለዉ ንኣብኡት ካብቲ ቅድም ዝነበረ ርኡይ ፍልልይ ኣለዎ - እቲ መረዳእታን ኣተሓሕዛን ተቐይሩ እዩ፡፡ ብመሰረቱ፡ በተሓሳስባኻ ንስድራ-ቤትካ ኢኻ ትመስል፣ ነቲ ዝዓበኻሉ ባህሪ ኢኻ ትሕዝ፣ ከምታ ስድራ-ቤትካ ዘዕበዩኻ እንዲኻ ትኸውን፡ ኩሉ ነገር ካብታ ስድራ-ቤት እዩ ዝጅምር፡፡

*** ናብ'ቲ ሞያዊ ዛዕባ ክንሰግር፣ ብዙሕ ሰብ ዶክተር ክኸውን ይብህግ እዩ፡፡ ዶክተር ኣብቲ ሓሳባዊ መረዳእታን ኣብ ግብርን ከመይ ትገልጾኡ?**

ኣስካሉ፣ እዛ ሕቶ ኣገዳሲት እያ፣ ብዘይቀልዓለም ድማ ክትምለስ ኣለዋ፡፡ ዶክተር ምኗን ብዙሕ ሰብ ዝምኑዮ እዩ፡፡ ዶክተር ክትከውን ምምናይን ብተግባር ዶክተር ምኗንን ግን ነንብይኑ እዩ፡፡ እቲ ሓደ ዶክተር ዝሕተቶ ሞያዊ ሓላፍነት ከቢድ ምኗኑ ምስ ኣተኻዮ ኢኻ ትፈልጦ፡፡ ዶክተር ምኗን ማለት ኣብቲ ሞያዊ ስራሕካ ምህላው ጥራይ ኣይኮነን፣ ስራሕካ ወዲእካ ተፈዲስካ'ውን ብዛዕባ ካልእካ ክትሓሰብ ዕድል ዝህብ ኮይኑ ኣይጸንሓንን፡፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝኸድካዮ ምሳኻ ዝኸይድ እዩ፡፡ ንስኻ እትኣልዮም ሕሙማት ብሓሳብ ኩሉ ግዜ ምሳኻ እዮም፡፡ ዝተወጽዐ ሕሙም እንተለኻ፡ ኣብ ዝኸድካ ኬድካ ብዛዕባኡ ኢኻ ትሓስብ፡፡ ብሓፈሻኡ እቲ ስራሕ ብመንፈስን ኣካልን ዝገዝእ፣ ከቢድ ሞያዊ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ፡፡

እዚ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ንኻልኦት ክትሕግዙ ኣብ ግዜ ጸገሞም ጸግዒ ክትኮኑም ምኽኣል ከኣ ኣብቲ ሞያ ዕግበት ዝፈጥረላካ እዩ፡፡ ኣብ ሃለፍታ ኣትዩ ዝመጸካ ህጻን፡ በታ ትገብረሉ ሓገዝ ቁሊሕ ኢሉ 'ማማ' ክብል ምስ ረኣኻዮ ዝስምዓካ ስምዒት፣ ቃንዛ ናይ ሰባት ክትኣሊ ክትክእል ከለኻ፣ ሞት ቅርብ ኢላቶ ዝጸንሐ ሰብ ትንፋስ ክዘርእ ክትርእዮ ከለኻ፣ ንልብኻ ዘረስርስ ሓጉስ ኣለዎ፡፡ እዚ ኸኣ ዓቢ ሞሳ ናይቲ ከቢድ ስራሕ እዩ፡፡

ብሓጺሩ ሞያ ሕክምና 'ዝኢ ሞያ' (selfish profession)፣ ናቱ ጥራይ ዝገብረካ ሞያ እዩ፡፡ ከምቲ ቀደም ዝመስለና ዝነበረ፡ ብደገ ክርአ እንከሎ፡ ጸዕዳ ጋውን ገይርኻ ስተቴስኮፕ ኣብ ክሳድካ ኣንጠልጢልካ ዝኸይድ፡ ጽቡቕ ናብራ እትነብረሉ፡ ኣነያቲ ሞያ ኣይኮነን፡፡ እቲ ክውንነት ግን ካልእ እዩ፡፡ ብግደ ሓቂ ንሕና ኣብ ናይ ዓመት ተመኮሮና ክብደት ሞያ ሕክምና ከምዚ'ዩ ኢልና ክንዛረብ ብዙሕ ኣይንኽእልን ንኸውን፣ ኣጸቢቕና ከም ዝተረዳእናዮ ግን ልዑል

ተወፋይነት ዝሓትት ሞያ እዩ።

ጀሚላ፡ ከምዚ ኣስካሉ ዝበለቶ እዩ። ሓኪም ምኳን ማለት ብዙሕ ሓላፍነት ምስኻም ማለት እዩ። ተወጺዑ ዝገደፍካዮ ሕሙም እናደወልካ እትከታተለሉ ገዛኢ ሞያ እዩ። ብግደ ሓቂ ናብ ትምህርቲ ሕክምና ክንኣቱ ከለና ክሳብ ክንድኡ ሓላፍነት ዘለክም ምኳኑ ንፈልጥ ኣይነበርናን። ኣብ ሕክምና ኩሉ ርክብካ ምስ ውጹዕ ሰብ፡ ምስ ዝሓመመ ሰብ፡ ምስ ናትካ ሓገዝ ዝደሊ ሰብ . . . ስለዝኾነ ምሉእ ሓላፍነት ተሰኪምካ ኢኻ ትኸይድ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ቀሲንካ ክትነብር እንተኼንካ ንፉዕ ዶክተር ክትከውን ደኣ'ምበር ካልእ ኣማራጺ የብልካን። ሽለል ትብል እንተኳንካ፡ ሕልናኻ ዘውቅስ ነገር ትገብር እንተኼንካ፡ ሓላዩ እንተዘይኳንካ ሞያ ሕክምና ክትመሃር ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብዚ ንፉዕ ክትከውን ኣለካ፣ ንፉዕ ክትከውን እተኼንካ ኸኣ ጻዕራም ክትከውን፣ ዉፉይ ክትከውን ኣለካ።

*** ክብደት ናይ'ቲ ትምህርቲኻ ከመይ እዩ? ከም ሰባት ዝዓበዩ ዘጋጠመክን ብድሆ እንታይ ነይሩ?**

ኣስካሉ፥ እቲ ቀዳማይ ዓመት ናይ ብሓቂ በዳሂን ብዙሕ ጻዕሪ ዝሓትትን ነይሩ። ግን ከኣ ትጸልኦ ብድሆ ኣይነበረን። ምስ ግዜ ግን እቲ ትምህርቲ ካብቲ ካልእ ማሕበራዊ ዓንኬል እናውጽኦ ናቱ ዋራይ እናገበረካ ስለዝኸይድ እናጸረኻ ትመጽእ። እቲ ጻዕሪ እናለመድካዮ ምስ ከድካ ከኣ ትለምዶ። እቲ ዓመታት ነዊሕ'ዩ፣ እቲ ብድሆታት ከቢድ'ዩ፣ ብዙሕ ነገር'ዩ ዝሓትት፣ ግን ከኣ ዝከኣል'ዩ። ዝኾነ ውፉይ፡ ድሌትን ዓቕልን ዘለዎ ሰብ ክገብሮ ዝኽእል'ዩ። ንነፍስኻ ኩሉ ግዜ ክትዕወት ምኳና ከተእምና ክትክእል ኣለካ። ኣብቲ ማዕዶ ዝረኣየካ ነገር ክህሉ ኣለዎ፣ ሓደሓደ ግዜ ጽልግልግ ክብለካ እንከሎ ኣተኮርካ ክትጥምታ እትኽእል ነገር ክትህልወካ ኣለዋ።

ጀሚላ፡ መጀመርያ ትምህርቲ ሕክምና ክንኣቱ እንከለና ባች 2013 ንበሃል ነይርና። ንሕና ኣብ 2007 ኢና ትምህርቲ ሕክምና ጀሚርና። ሸዑ ሰብ ክሓተና እንከሎ፡ 'ኣብ 2013 ኢና ክንውድእ' ክትብሎ እንከለኻ ይግረም'ዩ። ንሕና ግን ንኣሽቱን ትስፋዋትን ስለዝሰበርና እቲ ዓመታት ብዙሕ ይርድኣና ኣይነበረ። ኣብቲ ትምህርቲ ምስ ኣተኻ ኸኣ ጻዕቂ ስለዘለዎ፡ ንኽትነፍዕ ስለትጽዕር እቲ ዓመታት ኣይርድኣካን'ዩ። ሕጂ ተመሊስካ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣብ 2015 ኢና ወዲእና፡ ነዊሕ ምንባሩ ይርድኣካ።

ኣብተን መጀመርታ ዝነበረ ክልተ ዓመታት ትምህርቲ መሰረታዊ ስነ-ፍልጠት (basic scineces) ኣዝዩ ጻዕቂ ነይሩዎ። ስለዚ፡ ኣብኡ ከተጽንዕ ትውዕል፡ ተምሲ. . . ምስቲ ቦታን ምስቶም መማህርትናን ተወሃሂድና። ኩሉ ግዜ ኣብቲ ቀጽሪ ክትህሉ ኣለካ፣ ኩሉ ግዜ ምስቲ ትምህርቲ ክትህሉ ኣለካ። ብድሕሪኡ፡ ሳልሳይ ዓመት ምስ ጀመርና፡ ኣብቲ ሓቀኛ ናይ ሕክምና ህይወት ኣቲና። እቲ ጻዕቂ ቀኒሱ ዝያዳ ሞያውያን እናኾንና ስለዝኸድና ምስቲ ትምህርቲ ተለማሚድናን ተወሃሂድናን - ኣብ መስመር ኣቲና።

ሕጂ እቶም ኣብ ትምህርቲ ሕክምና ዝኣትው ዘለዉ እቶም ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ እዮም። እዚ ኸኣ ጽቡቕ ኣይኮነን። እቲ ሞያ ተሃራፊ ስለዝኾነ

ጥራይ ዝእቶ ኣይኮነን፣ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝበልናዮ፣ ናይ ሕክምና ባህሪ ልዑል ብልሒ ወይ ልዑል ነጥቢ ዘይኮነስ ናይ ምውፋይ ባህሪ (devotion) ዝሓትት'ዩ። ኩሉ ግዜ ምስ ጸገማት ወይ ወጥሪ፣ ምስ ቃንዛ ናይ ሰባት፣ ምስ ቁስልን ደምን ምንባር ምኳኑ ክፍለጥ ኣድላዩ እዩ። ቃንዛን ሕማምን ብምእላይ ኢኻ እትሕጉስ ደኣ'ምበር ሞያ ሕክምና ኣዛናዩ ወይ ብባህሪኡ ሓጉስ ዝፈጥር ኣይኮነን። ስለዚ፣ ዝኾነ ሰብ ቅድሚ ናብ ትምህርቲ ሕክምና ምእታዉ ብዙሕ ክኸፍል ምኳኑ ክፈልጥ ኣለዎ። ካብ መንፈዓት ንላዕሊ ተወፋይነት ዝሓትት ሞያ እዩ።

*** ትምህርቲ ሕክምና ኣብ ግዜኽን ምኽፋቱ ወይ ከተርከብሉ ምኽኣልክን ከመይ ትርእዮ?**

ጀሚላ፣ ብዘይቀልዓለም ዕድለኛታት ስለዝኾንና ኢና ረኺብናዮ። እቲ ዕድል እንተዘይነብር ካልእ ሞያ ምሓዝና። ምኽንያቱ ገንዘብ ከፈልካ'ውን ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን።

ኣስካሉ፣ እቲ ናብኡ ዘምጽኣና ነገራት ከምዚ ተኣምር'ዩ ክበሃል ይከኣል። ብዙሓት ዘይመደብካዮም ጽቡቕት ነገራት የጋጥሙኻ እዮም። ነዚ ትምህርቲ ክንሳተፍ ምኽኣልና ኸኣ ከምኡ'ዩ።

*** ካብ ትምህርቲ ወጺእክን ናብ ግብራዊ ስራሕ(internship) ኢኽን ኣቲኽን። እዚ መሲጋገሪ መድረኽ ከመይ ነይሩ?**

ጀሚላ፣ እዚ መሰረታዊን ኣገዳሲን መድረኽ እዩ - በዳሂ ኸኣ። ኣብዚ'ውን እቲ ናተይን ናይ ኣስካሉን ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተመሳሳሊ ስለዝነበረ ኣብ ሓደ ጉጅለ ኢና ተመዲብና። ኣብ ኣስመራን መንደፈራን ድማ ብሓደ ሰራሕና። እቲ ካብ ኣስመራ ውጽእ ኢልካ ክትሰርሕ ምኽኣል ከኣ ፍልይ ዝበለ ነይሩ። ምኽንያቱ እቶም ኣብኡ ዝመጹኻ ሰባት ቀጠባዊ ዓቕሚ ዘይብሎም፣ ካብ ርሑቕ ቦታታት ዝመጹ፣ ናባኻ ምምጻኦም ናይ መወዳእታ ምርጫኦም ምኳኑ፣ ናይ ብሓቂ ሓገዝ ዘድልዮም ምኳኖም ተረዲእካ ዝያዳ ሓላፍነት ይስምዓኒ።

*** ዝበዝሑ ሰባት ኩሉ ልምዳዊ ኣገባብ ወዲኦም'ዮም ዝመጹኻ። ስለዚ፣ ልዕሊ ምሕካም ኣስተምህሮ ክትህቦም ኣለኻ።**

ኣስካሉ፣ ብድሕሪኡ ዝመጽእ እቲ ወግዓዊ ምምዳብ እዩ። ኣነ ባጽዕ በጺሑኒ ጀሚላ ኸኣ መንደፈራ - ጉረባብቲ ኮይንና። ኩሉ ግዜ መደባትና ብሓደ ስለንሰርያ ዝኾነ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ነገር ብናይ ክልተና ምርድዳእ ኢና ንፈትሖ። ኩሉ'ቲ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ስራሕ ዝነበረ ህይወትና ኸኣ በዚ መገዲ'ዚ ዝተሰርዐ እዩ። ኮነ ኢልና ዝገበርናዮ ኣይኮነን፣ ኣብ መሰርሕ መልክዑ ዝሓዘ ውህደት እዩ።

ጸገማት መነባብሮ ህዝብና ካብዚ [ኣስመራ] ውጽእ ኢልካ ኢኻ ክትርድኦ ትኽእል። ናብቲ ሆስፒታላት ዝመጹ ሕሙማት ካብ ርሑቕ ገጠራት ብምምጽኦም ዋሕዲ ሓበሬታ ዘለዎም፣ ዝተፈላለየ ባህላዊ ፍወሳ ዘዘውትሩ እዮም። ናብ ሕክምና ክመጹ ከለዉ ኸኣ ኩሉ'ቲ ብልምዲ ዝጸንሖም - መትከሳ ምግርናብ - ምስ ወድኡ'ዮም ዝመጹ። ኣብዚ ናትካ ሓገዝ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ፣ ከም ሓኪም ጥራይ ዘይኮነ ከም ወሃቢ ሓበሬታ'ውን። ወረቐት ጽሕፍ ኣቢልካ እትሰዶም ዓይነት ሰባት ኣይኮኑን። ወይ'ውን ኪዱ መን ተተኮሱ ኢሉኩም ትብሎም ሰባት ኣይኩኑን። መትኩሳ እንታይ ሳዕቤን ከም ዘለዎ፣ ኣገዳስነት ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ምምጻእ እንታይ እዩ ከተረድኦም ኣለኻ።

ሓደ ካብ ባዳ ዝመጸካ ሕሙምሲ፣ ዋላ ምሉእ መዓልቲ ክትሰርሕ ወዓል፣ ዋላ ክንዲ ዝደኸምካ ድኸም፣ ኪድ ሰዓት ኣኺሉ'ዩ፣ ካርድ ወዲእና ኢና ጽባሕ ተመለስ ክትብሎ በቲ ሞያዊ ሓላፍነት ቅቡል ኣይኮነን። ከም ዶክተር፣ ቀዳመይቲ ስራሕካ ሰባት ምሕጋዝ ደኣ'ምበር ሰዓታት ስራሕ ምኽባር ኣይኮነን። እታ ቐዳመይቲ ተልእኮኻ 'ንዝኾነ ሞያዊ ሓገዝካ ዝደሊ ሰብ ምሕጋዝ እያ'። ብግብሪ ኸኣ ነዚ ኢና ተማሂርናዮ።

ካብ ኣስመራ ወጺኢ ምምዳብና ድማ ብዙሕ ነገር ተማሂርናሉ ኢና። ዋላ ውልቃዊ ዓቕምኻ ከተዕቢ'ውን ሓጋዚ እዩ። ትጽበዮ ሰብ ስለ ዘየለ ኩሉ እቲ ዝከኣለካ ፍታሕ ከተምጽእ ትጽዕር። ክትሓስቡ ርእስኻ ከተሰርሖ ዓቢ ዕድል ኣለካ። ጸዕርን ብድሆታትን ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ርሑቕ ገጠራት ክንፈልጥ'ውን ክኢልና ኢና።

*** መመረቕታኽን ኣብ ሃኪሰኤ ብሓደ ገይርከናኦ። እቲ 'ኮንፈክት' እውን ሓደ ነይሩ። ዳርጋ ነፍሲ-ወከፍ ፈታዊኽን ቡቲ ዝከበረ ውህደት ክድነቕ ርእየዮ። ብዘዕባዚ እንታይ ክትብሃኒ ትኽእላ?**

ኣስካሉ፣ ብዙሕ ኢና እነዕልል። ኣብ ዝተራኸብናሉ ብዘዕባ ዝተፈላለየ ጉዳያት ንዘራረብ ነይርና። ክልተና ገዚፍ ውራይ ምግባር፣ ዳስ ሰራሕካ መመረቕታ ምግባር፣ . . . ደስ ኣይብለናን ነይሩ። ኣብ ሃኪሰኤ ኸኣ ብቐጻሊ ሻሂ ንሰቲ ነይርና። ሓንቲ መዓልቲ እናኣዕለልና፣ መመረቕታና ኣብዚ ዘይንብሮ፣ ፈለጥትና ዓዲምና ብሓባር ንውዕል፣ ተበሃሊልና። ክቱር ምቅርራብና ዝፈጠሮ፣ ፈለጥትና ሓደ ኮይኖም እዮም። ካብ ጀሚላ ንላዕሊ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞ ዝተኻፈሎ የለን። ሕጂ መመረቕታይ ኮይኑ ኣነ ኣብ ሓዶ ቦታ ንሳ ኸኣ ኣብ ካልእ ክንውዕል ኣይከኣልን'ዩ። ዋላ'ቶም ፈለጥትናኸ እንታይ ገበሩ ናብዚን ናብትን ዝብሉ! ነታ መመረቕታ ክንምድባ እንከለና'ውን ባዕልና ወጻኢታትና ክንሸፍኖ ብእንኽእል ኢና መዲብና። በተን እንኽፈለን ገንዘብ መዲብና ዝገበርናዮ እዩ።

ጀሚላ፣ እታ ብሓደ ዘይንብራ ትብል ሓሳብ ምስ ኣበገስና፣ እቲ ኻልእ ብድሕሪኡ ዝሰዓበን ዝማዕበለን እዩ። ኩሉ ነገር ከምዚ ገይርና ምስ ወዳእናዮ'ውን እቲ 'ኮንፈክት' እውን ሓደ ንግበሮ ተበሃሊልና - ገይርናዮ። እቲ ኣተሓሳስባ'ዩ ኣብ መወዳእታ፣ ናተይ ከምዚ ክኸውን'ዩ፣ ናይ ኣስካሉ ኸኣ

ከምዚ እናበልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን ኢና - ኣብ ኩሉ ነገር ናይ ሓባር ኢና ንሓስብ።

*** ዋንታኽን ዋንታ ዕዉታት እዩ፡ ናብዚ ደረጃ'ዚ ክትብጽሓ ዝለዓለ ኢድ ኣለዎ እትብላኦ መን'ዩ። እዚ ዓውት'ዚ ንመን መወፈኽናኦ?**

ጀሚላ፡ ብርግጽ ንወለደይ። ምኽንያቱ። ንእሽተይ እንከለኹ ኣትሒዙም ጻዕራም፡ ንፍዕቲ ዕውትቲ ንክኸውን ዝመሃሩኒ ንሳቶም'ዮም። ሕማቕ ነጥቢ እንተኣምጺኦ ኩሉ ግዜ መግናሕቲ'ሎ፣ ምክትታል ኣሎ፣ ምምሃር ከኣ'ሎ። ኣተዓብብያይ ንፍዕቲ ክኸውን እምበር ካልእ ምርጫ ዝህብ ኣይነበረን። ቀሲነ ኣብታ ገዛ ክህሉ እንተኾይኑ ንፍዕቲ ክኸውን ነይሩኒ። ሽዑ፡ ንእሽተይ ስለዝኾንኩ ኩሉ'ቲ ትገብሮ ንዕኦም ኢልካ ትገብሮ'ዩ ዝመስለኻ። ስለዚ፡ ጽቡቕ ንኸተምጽእ፡ ወለድኻ ከተሐጉስ ክትጽዕር ኣለካ። እዚኣ ወሳኒት መስመር ነይራ። ንፉዕ ተመሃራይ ማለት እንታይ ማለት ምኗኑ ተማሂረ። ዕድመ እናደለብኩ ምስ ከድኩ ኸኣ፡ ኣብ ክፍሊ ንዘሎ ውድድር ክዕወተሉ ከም ዘለኒ ፈሊጠ።

ኣስካሉ፡ ንዓይ ብዙሓት ሰባት'ዮም ዝእውዱኒ። ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት'ዮም ሓጊዘምኒ። እዞም ሰባት ግን ነታ ክትብርህ ዝጀመረት ሽምዓ ብርሃና ክትቅጽል ዘኽእሉዋ እዮም። መጀመርያ ነታ ብርሃን ዝወልዓ ኣባሓጉይ፡ ነደይ ኣቦኣ፡ እዩ። ንሱ ንባዕሉ ኣይተማህረን ግን ኣብ ከባቢኡ ዝዕዘቦም ዝነበረ ዝተማህሩ ሰባት የቕንእዎ ነይሮም። እዛ መረዳእታ እዚኣ፡ ኣብ ደቁ ክርእያ እዩ ጽዒሩ፣ እንተኾነ ደቁ ንሜዳ ምስ ወጹ መስዋእትን ከቢድ ስንክልናን ስለ ዘጋጠሞም እቲ ናይ ትምህርቲ ሕልሙ ኣብ ደቁ ክርዮ ኣይከኣለን። ደሓር እቲ ወፍሪ ኣባና፡ ኣብ ደቂ-ደቁ ቀጺሉዎ። ንሱ ከይተማህረ፡ ጽባቐ ትምህርቲ ግን ይረኣዮ ነይሩ። ተማሂርና ኣብ ገለ ደረጃ ክንበጽሓሉ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ነይሩ። ኣብ መንጉና ዝለዓለ ነጥቢ ንዝምጽእ ንኣብነት ገለ ፍሉይ ህያብ ይገዝኣሉ ነይሩ። ኣዝየ ከመስግኖ ዝደሊ ንዕኡ እዩ። ንመመረቕታይ ኣብ እርጋኑ እዩ ኣርኪብሉ፣ ሓኪም ኮይነ እንታይ እየ ክገብረሉ ኣይፈልጥን'የ ግን እቲ ውጽኢት ኩሉ ግዜ ናቱ ኮይኑ ክተርፍ'ዩ።

*** እዚ ናይ 'ዓውት' ምሕዝኑት ሓደ ወሳኒ መድረኽ ስጊሩ ኣሎ። ኣብዚ ዝሰዕብ ቀንድን ናይ ስራሕን መድረኽከ እንታይ እዩ ከርእየና?**

ኣስካሉ፡ ኩሉ ግዜ ድሌትና ንፉዓት ሓካይም ምኗን እዩ። ኩሉ ግዜ ርህሩህን ውፉይን ባህርያተይ ክቕጽል እደልዮ እየ። ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ በጺሐ ድማ ኣበርክቶይ ከዕቢ እምኑ። ምስ ጀሚላ ውሽጣዊ ሕማማት ከነጽንዕ (specialize) ክንገብር'ዩ መደብና። ምናልባት ሓደ መዓልቲ'ውን ናትና ዓቢ ሆስፒታል ክንምስርት ንኽእል ንኸውን። ሓደ ካብቲ ፈጺምና ኣብ ምልክት ሕቶ ወይ ዋጋ-ዕዳጋ ዘይንኣትወሉ ጉዳይ ግን ንፉዓት ዶክተራት ኮይንና ምቕጻል እዩ። ብርግጽ ጀሚላ ዘይብሉ መጻኢ ኣይስእልን እዩ።

ጀሚላ፡ ትምህርቲ ሕክምና ኣብዚ

ዘለናዮ ዘብቅዕ ኣይኮነን። ዕቤትና ክንቅጽሎ እዩ ድሌትና፡ ክንቅጽሎ ኢና ኾኣ። ኣብ መወዳእታ ንፉዓት ዶክተራት ክንከውን፣ ሞያዊ ሓላፍነትና ክንፍጽም፡ ወትሩ ብሓደ ክንህሉ ኢና።

*** ብከጻ፡ ልዑል ትምህርቲ ሕክምና ንዝቐረበ መንግስቲ ኤርትራ ዘለኪን መልእኽቲኻ እንታይ'ዩ?**

ጀሚላ፣ ፈጺሙ ዘይርከብ ዕድል'ዩ። ዋላ ገንዘብ ኣልዩኒ ኣብ ደገ ክመሃር'የ እንተደኣ ኢልካ ኣዝዩ ክቡር'ዩ። እዚ ንሕና ረኺብናዮ ዘለና ዕድል ብዘይ'ቲ ናይ መንግስቲ ጻዕሪን ወፍሪን ብሕልሚ ጥራይ'ዩ ክርከብ ዝኽእል። እቲ ባይታ ተዳልዩ፡ ብነጻ ትምህርቲ ተቐሪቡ፡ ክንነፍዕ ጥራይ ኢና ተሓቲትና። ንሕና'ውን ኣይሓመቕናን ኣብዚ ምብጻሕና ሞሳ ይግብአ'ዩ።

ኣስካሉ፣ እቲ ዕድል ፍሉይ እዩ። ኣብዚ እቲ ትሕተቶ ሃብታም ወይ ድኻ ምኳን ኣይኮነን - መንፍዓት ኢኻ ትሕተት። ዋላ ኣቦኻ ብዘይካ ዕርሬ ምሓዝ ካልእ ዘይፈልጥ ይኹን፡ ንስኻ እንተነፈዕካ ኑቲ ዝለዓለን ዝኸበረን ትምህርቲ ክትመሃሮ ትኽእል ኢኻ። እንተነፈዕካ ትረኽቡ እንተሓሚቕካ ኾኣ ናይ ካልኦት ትኸውን እዩ።

*** ዝፈላልየኽን ነገር ኣሎዶ?**

ኣስካሉ፣ ኣነ ኣስካሉ፡ ንሳ ጀሚላ ስለዝኾንና ክንመራዓያ ዘይንኽእል ምኳንና ጥራይ።

ጀሚላ፣ ብርግጽ! ካብ ምውህሃድ ዝብገስ ዋላ ኣብ ኣዘራርባና ኮነ ባህርያትና ብዙሕ ተመሳሳልነት ኣማዕቢልና ኢና። ምስ ሓንቲ መማህርትና ኣብ ዘዕልለሉ ዝነበርኩ፡ ንኣብነት፡ ክትሰምዓኒ ጸኒሓ፡ "ኣስካሉ ትዛረቢ ኣለኺ፣" ኢልትኒ፣ ዝፈላልየና ነገር የለን።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኽነታት ደቀንስትዮ ሓካይም ዝምልከትን ካልእ ክትብላኦ እትደልያን እንተሎ ዕድል ክህበኽን።

ኣስካሉ፣ ዶክተር ምኳን ማለት ሓልዮትካ ንዝደለየ ሕሙም እንታይ ክትገብረሉ ከም ዘለካ ምፍላጥ ማለት እዩ። ንብዙሕ ሰብ ዶክተር ከምዚ ባህርያት (personality) እዩ ዝመስሎ። ከምኡ ግን ኣይኮነን 'ሞያ' እዩ። ዶክተር ምኳን ብግዳማዊ ትርኢት ዝግለጽ ኣይኮነን። ዶክተር ማለት እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ምፍላጥ ማለት እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ዶክተር ከም ሰቡ ምኳኑ ክንርድኦ ጽቡቕ'ዩ። ከም ሰብ ክነብር፡ ክዘናጋዕ ክሰሕቕ፡. . . ዝደሊ ምኳኑ ክንፈልጦ የድሊ። ዶክተርነት ሰራሕ እምበር ባህሪ ኣይኮነን።

ኣብ ሕቶ ደቀንስትዮ ዶክተራት ዘሎ መረዳእታ ክዛረበሉ ምደለኹ። ዝኾነ ናብ ሆስፒታል ዝመጽእ ሰብ (ኣወዳት ይኹኑ ኣዋልድ) ጋውን ዝተኸድና ኣዋልድ እንተርእዩ፡ 'ሲስተር' እዩ ዝብሉ። ስተቴስኮፕይ ገይረ፡ ምሉእ ናይ ዶክተር ነገራት እንከለኒ ጓል ብምኳነይ ጥራይ 'ሲስተር' ኢሉ ዝጽውዓካ ብዙሕ'ዩ።

ብግደ ሓቂ ኣብ ሰራሕ ልዕሊ ወዲ፡ ጓል ትጥንቀቕ። ኣብዚ እቲ መረዳእታ ክቕየር ኣለዎ። እቲ ተገልጋሊ ንፉዓት፡ ብቑዓት፡ ሓለይቲ፡ ዶክተራት ከም ዘለዋ ክፈልጥ ኣለዎ። እቲ ኣበሃህላ ካብ ዘይምፍላጥ ዝብገስ ዝኾነ ሃሲያ ዘስዕብ'ውን ኣይኹን ከም መረዳእታ ግን ክእለ ኣለዎ። እቲ ባህሊ ዝፈጠሮ ምኳኑ ርዱእ'ዩ። እዚ ኑቲ ቃልሲ ደቀንስትዮ ንምዕሩይ መረዳእታ ጌና ከም ዘሎ ዘርኢ ሓደ ኣብነት'ዩ። ነዚ እቶም መማህርትና ከም መስሓቕ እዮም ዝጥቀምሉ፣ 'ሲስተራት!' ኢሎም ይዋዘዩና።

ሓደ መዓልቲ፡ ንሓንቲ ኣደ ኣብ ፕዲያትሪክ ንወዳ ጽቡቕ ገይረ ርእየላ። ኩሉ'ቲ ሓደ ዶክተር ክገብሮ ዘለዎ ገይረሉ። ኩሉ ወዲኣ መድሃኒት ጽሒፈ ምስ ሃብኩዋ፡ "መኣስ ደኣ'የ ናብ ዶክተር ዝኸይድ?" ኢላትኒ። ዓብደልዓዚዝ ዝበሃል መዘናይ ነይሩ ጸዊዑ፡ 'መኣስ'የ ናብ ዶክተር ዝኸይድ ኢላትኒ'ሞ፣' ናባኻ እሰዳ ኣለኹ ኢለዮ። ዋላ ሓንቲ ክብላ ኣይከኣልኩን።

ጀሚላ፣ ንስኻ ዶክተር ኴንካ ምሳኻ ዝተሓጋገዝ ነርስ ምስ ዝህሉ ንዕኡ'ዮም ዶክተር ዝብሉዎ። ካብቲ ንስኻ ትብሎም ንላዕሊ ድማ ንሱ ዝብሎ ክሰምዑ ይደልዩ። ሓንሳብ ሕርቕ ኢልካ፡ "ኣነ'የ ዶክተር ንዓይ ስምዑኒ ትብሎም!"

ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ዝሓመመት ኣትያ ተራእያ፣ ካርድ ወጺኡላ፡ መርመራ ገይራ፡ . . . ኣብ መስርሕ ነይራ። ነታ ሓላፊት ነርሳት (headnurse) ጸዊዓ ግን፡ "ኣነ ካብ ዝኣቱ ክልተ መዓልቲ ገይረ ሓኪም ዝበሃል ኣይረኣየንን፡" ኢላታ። እታ ሓላፊት ነርሳት ሕርቕ ኢላ፡ "ኣብዚ ገዛ ይሰራሕ የለን፣ ሕሙም ከይተራእየ ክልተ መዓልቲ ይገብር ኣሎ፡" ኢላ። ኣነ ሰንበደ፣ መን ሕሙም ምስ በልኩ ቁጽሪ ዓራት ነጊራትኒ ከይደ። ሽዑ ተገሪመ፡ "ምሽ ርእየኪ፡ ሓቲተኪ፡ መርሚረኪ፡ ደም ተወሲዱኪ፡" ኢለያ።

"እሞ ኣነ ሓኪም ኣይመጻንን፡ ኣይተራኣኹን፡" ኢላታ። እዚ መረዳእታ'ዚ ክቕየር ኣለዎ። ምናልባት ከም ዓቢ ነገር ስለዝረኣናዮ ኣይኮነን፣ ግን እቲ መረዳእታ ኣብ ውሽጥኻ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ስምዒት ኣሎ።

ነዚ ቃለ-መጠይቕ'ዚ ክንገብር ፍቓደኛታት ዝኾንና ዶክተራት ኮይንና ኢልና ዘይኮነስ ብሓፈሻ ንመንእሰያት፡ ብፍላይ ከኣ ንደቀንስትዮ ኣርኣያ ክንከውን ብዝብል መረዳእታ'ዩ። ቅድሚና ካብ ዝነበሩ ንኣብነት፡ ብገምጋም ዓመታዊ ካብ ዝምረቑ 40 ወይ 50 ዶክተራት፡ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ደቀንስትዮ ጥራይ እየን ነይረን። ኣባና ግን እቲ ቑጽሪ ዳርጋ ፍርቂ-ፍርቂ እዩ ነይሩ። እዚ ከም ኣሃዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ዓወት ደቀንስትዮ ዝርኢ እዩ። ዓሚ ንኣብነት፡ ካብ 47 ተመረቕቲ ሽዱሽተ ኣዋልድ ነይረን። ሎሚ ዓመት ግን 16 ካብ 32። እዚ ኾኣ ብኣሃዝ ጥራይ ዘይኮነ ብብቕዓት'ውን ማዕረ ኢና ነይርና።

ሕብረተሰብ መንእሰይ

ዓርኪ "ከም ሳዕሪ ጸናዕቲ"

ኮ/ል ኪዳነ እንድርያስ (ባንተ)

ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ብወሕዱ ክልተ ዘይጋጠሙ ርእይቶታት ክህልዉ ኣድማህዊ ሓቂ'ዩ፡ ነፀሞ'ዚ ስለዘሸፃ ከኣ'ዩ ዋላ'ኳ "ብሓደ ኣገል ሓደ ኣምላል" ዝምህሉ መልእክትን መሳጥይትን ትኽትንፃሉ ኣፈራኽ'ውን ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዝዘፈላለየ ርእይቶ ክህልዎም ባህርያዊ ዝኸውን'ዩ ዘዀርምዕ፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዕርክቶ ዝዘዓል ከኣ ኣብ'ዚ ምስጠርሪ እዩ ዘሎ፡ ፍልልያትካ ብዘገደስ ቀጻልነት ዕርክቶካ ምውሓስን ምርግጋጽን - ምትእኣል ።

ደቂ ሰብ ብሰሩ መሳረቱ ማሕበራዊ ጠባይ እዩ ዘሎዎ፡ "ብሰር መሳረቱ" ነቲ ነዊሕ ዝድስ ዘሎ ኣዎር ብዘዀባብን ብምልእትን ዝገልጽ ቃል እዩ፡ ምኽንያቱ ዝኸፃ ፍጠር እንተላይ ሰብ "በይኑ" ህላወ ስለዘይበሉን ክሕሰብ'ውን ስለዘፃኣልን፡ ናይ ዘርእን ደምን ዝምድናታት ኣዘዎም ኣገደስቲ ዝኸኑ ንወሓሰ ህላወ ሰባት ጥራይ ኣይኮኑ ንመንኑ ናይ'ቶም ሰዋንጠረት ዝዘሎሉ ውልቀ ሰባት'ውን እንተኾነ መተኣኣታ ስለዘይበሉም'ውን ድኣ'እምነር፡ ምስ'ዚም ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቐሱ ዝህልወና ጥበቓት ዝምድናታት ብባህሪኦም ፍሉያት መንነትና ኣብ ምርጋጽ ወሰንትን እዮም ኣብ መወዳኣታ ብዘይ ዘሎኑ ክንበር ስለዘፃኣሉ፡ እንምህርቶም ዕርክታት ግኑ ብፍላይ ኣብ'ቶም ቅርጹሓስክትና ኣብ ምኽሓፍስ ናይ ዕምርና ኣገደስቲ ግዘያት፡ - ምጅማር ኩትትናን ምኣታው ናብ ማእከላይ ዕድመን - ዝጸወትዎ ተራን ዝህልዎም ግድን ሚዛናዊ ግቢ እዩ፡ ዝ. መሳረት ብምግር ከኣ እዩ ዝህዝን ሰብ ምነናይ ትውልዲ ሓው ብምጽጽር ዘይትፁ ምስ መሳይዱን ኣፈራኽቱን ብምዝምድ ዝርእ "መን ምኑ'ንክ ክፈልጥ ምስ መን ከም ትኸይድ ንገረኒ" ዝብል ናይ ትግርኛ ምስል ኸኣ ዝ. ዝጥቀስ ዘሎ ሓሳብ ብምልእት ይገልጽ፡ ሰባት ምስ መን ይተሓራረኹ ጥራይ ዘዳነ ማኑ ንዘምህርትዎ ዕርክቶ ክሳብ ክንደይ ደጋፍሽንዎን ይጋስዩዎን ምርኢ'ውን ሓብሩ ዝሽይድ'ዩ፡ ናይ እምኑየምን ተኣማኒየምን መርኢያ ስለዘሸፃ፡

እንምህርቶም ዕርክታት ኣብ ምህናጽና ዝህልዎም ግቢ እዀም ብዘፈላለየ መንገድን ኣብ ዝዘፈላለየ ናይ ዕምርና ግዜን ክንገልጽ ኃኒጹል ኢና፡ እቲ ዝዓበየን ኣድማህወን ጸልዋ ዓርኮ-ማዘና ግን ብፍላይ እቲ ኣብ ዓመታት ኩትትና ኣፀብቐ ዝዝደን ዝገጽሪቕን ኢዩ፡ ናይ ጉዮን ገለጊ ናይ ሃወኻን ተርባጹ ናይ "ልቢ ኃበዝ ኣብ ደረቱ" ግዜን ብምኹኑ ብኣሳና ከተተኣኽልን ልቅምና ከተተርርን ዝሕሞዙ እመናት የሎሩኽ ልዕሊ ዝኸፃ ግዜ የድልዩኑ፡ ንዕርኮክን ምሕዝክን ኣብ ህልዋት ሰባት ጥራይ ምድራቱ ግን ኣኻሊ ኣይኮነ፡ ግዜ ዝዓበየ ግደ ዝጸወት ንኡ እንተኾኑ፡ ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ካብ ዝሓልፉ ኣሽሓት ዓመታት ምስ ዝገበሩ ብታሪኽ ዝፈልጦም ጹሑፍቲ ደረስቲ ተዋኒኡቲ ሰኣልቲ ደረፍቲ ወዘተ... እውን ዕርክቶ ክምህርት ስለዘኸኣሉ፡ ናይ ምንሓብን ታሪኽ ምጽናዕን ሓደ ግቢ ረብሓ ከኣ እዚ እዩ፡ ምስ ዝሓለፉ ኣቡሓስታትካ ተራኺብካ እተተዓራረኽሉን ኢሂን ምሂን ትዛለሉን እኽ መንገዲ ንኡ ጥራይ ስለዘኸኣ፡

ንመን ንዝረብ? ንመን ንሰምዕ? እንታይ ኢዩ እቲ ብልክዕ ዘድነሰ ነጥቢ? ወዘተ... ኣብ ዝዘሎሉ ሕቶታት ኢዩ ዘሎ እቲ መፍትሒ፡ ልዑል ብቕዓት ኣብ ኣተሓራርያን ኣተኣላልያን ቀጻልነትን ዓርኮ-ማዘና ከኣ ወኒ ኢዩ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ምስ ትኽትንፃሉ ኣፈርኮትና ምስዘይንፈልጦም ኢጋይሽ ብቅንዕና ብሽፋት ልብን እንዝረበሉ እዋናት ይዛሉ እምነር ደረጃ ሚዛን ኣገዳስነትን ናይ እክልዕሉም ጉዳያት ዝዘፈልዩ ኢያም፡ ምኽንያቱ እቲ ምስ ኣፈርኮትና እንዝረጎ ኣልዕሉን ጉዳያት ንዋዒሕ ብዛወት ገጽንሕን ኣብ ጸልዋ ዕርክቶና ዘሎዎ ስምብራት ቀጻሊ ስለዘኸፃ ኣብ ዘረባና ጉርዱ ምርድን ገፈል-መፈልን ከይንሕወስ ኣዘና ኢና ንዋዓቐ፡ ዓርኪ "እቲ ካልእ ትንፃሊ" ተዛሊሉ ይግለጽ ኢዩ፡ ካብ'ዚ ከይፃካ ኣይተርፍኑ ርግኢ ክንብል ኣንዳሲ ኣብ ዝኸኑ ዘረጋግኡ ክንኣንምን ኣብ ዝድስዩሉ ህሞት ከኣ ዘሕምን "ምህልና" እንብሎ ዓርኪ ዘድልዮኑ፡ እቲ ልዕሊ ኩሉ ዘገድስ ማኑ ፍልልያትን ሓድነትን ናይ ኣረኣእያ ኣብ ዝህልወሉ መልሱዕንጋለ ዝሀብና ነም ናይ መፃኒ (ቤተ-ፈተነ) ባይታ ዝኸኑና ኣብ ናይ ፈተናን መተዓዝዘጠን ግዜ ብዘይኣሰምገድን ናብ ሕዳር ዝቕየር በስለን ተናገፍና ንኽንወጽእ ዘይተቕጠበ ሓገዝም ዘርንኑ፡ ኣብ ግዜ ፍሃሳን ደስታናን ምኑና ዝኸኑን ኣብ ግዜ ሓዘና ካብና ዘይፍለዩን "በይኑ ዝበልዕ በይኑ'መውት" ነምዝዘሎ፡ በይንና እንበልዎን እንሰነየሩን ሶሚን መርዝን ከይኑ ከይልክመና፡ መልእክትን መሳጥይትን "ምስ ህዝቦካ መዓት ዳርጋ ግዓት" ስለዘኸኣ'ውን ኣብ ግዜ ጸገም መመራኽሓስትን ሕጊግ መሕልትን ኣፈራኽ የድልዩኑ፡

ቡቲ ሓደ ግልባጣን ኣብሪራን ገዲ ኣብ'ዛ ቀናኣትን ተተናኽልትን ዝመልእዋ ዓለም "ምናልባት መፍለስ ናብ ገረብ ከይድይብ ……."፡ ንዕርኮክትና ብቕጻልን ብዕቱብን ክዕዋዕሙሞን ክሕልሃን ኣገዳሲ ኢዩ፡ እናተወራረሰ ዝመጸና ልና ነምዝበልዲ ዓርኪ ዝብሃል እቲ ከይተሓተ ዝህቡ ዝርድኣካ ወይ ዝርድኣካ ዝኾትን ዓዲ ዘጐንሑ መኣድናካ ዝዘዘበን ግሪወትናካ ዝኾልልን እናተሓመካ ዘጽቕጥ "ነረባ ስለስተ ዘርኢ መሬት" ምኑኑ ተረዲኡ ዘረባ ዘይድገሙ ክትሰምዕም

ባህ ዘይበሉ'ግወን ይኸሉ፡ ከዘምልጠሎም ዝዘይተኸልፈ ሓቅታት ብዘይሕበኹ'ኣ ዝኸብሮ፡ በንጹሩ ከኣ ንእሞኑ ብሓሳስ ዘሕረሱ'ኹ ንሓዋሩ ግን ዘይሓዊ ቁስሊ ከስዕቡ ዝኸእሉን ምስልግ'ግ ዝድወትን ጉዳያት ብጋህዲ ዝኸብሮ፡ ስወዝትን ሓልየትን ብጸጋ ዝሀብ እዚ ኣዝዩ ኣጉዳስን ብዋጋ ዘይትመፃን ሰብኣዊ ምትእስሳር (ዕርክቡ) ትካር ሓለዋ ዘድልዩ ምኳኑ፡ ቁሓን ሓቅኖን ግንዘቤን ዓሚቕ መረዳእታ ዘለዎን ወዘተ... ክኸውን ይድሉ፡፡

ኣብ ሰብኣዊ ዝምድናታት እቲ ገዛዊ ቦታ ዝኸዝን ብኩዳመት ዝሰረፀን ናይ ወሳዲ ብፍላይ ከኣ ናይ ወላዲትን ናእሽቱ ደቃን ዝምድና ኢዩ፡፡ መን ኣሎ ብዘዀ'ዚ ነቦ'ዚ ዝጠራጠርን ዘይሰምማዕ? ዋላ'ዚ ዝምድና'ዚ ዕሙኑ ብልክዕ ክወቅዕ ግኑ ንረዳኣዮ ኣይንረዳኣዮ ዕርክቡ ይሕወሶ ኢዩ፡፡ ካብ ኣብራኻ ምስ ዝወዱ ደቅኻ ትምህርቲዎም ዕርክቡ፡ ብፅኑዕ ነ'ምህላዊ ንምዕባዮም ዘሎካ ሓላፍነት ነም ሃጺን ነበኦም ዝኸኣሉ ሰባትን ንምግባሮም ዝሎ ዓቢ ዕሰማ'ውን ዓሊሞኡ ኃኸወቅዕ ዓቢ ኣብርክቶ ስለዘለዎ ኣዘዩ ኣጉዳስ'ዩ፡፡

ንክልተ ብምህስ "ዕርክቡ" ዝምህሱ መደናገርቲ ዝምድናታት ካብዩም ንጹዓትን ሓቅኛታትን ዕርክቡታት ምፍላዮም ኣዝዩ ኣጉዳስ ኢዩ፡፡ እቲ ቀዳማይ ዕርክቡ መሳረቱ ፍህዋን ደስታትን እቲ ካልኣይ ከኣ "ናይ ለቓሕ በኣሮ" ምድልላይን ረቡዓን፡ እዚም ካብ ጸቢብ ኣጠማምታትን ነገራዊ ረቡዓን "ዕርክቡ" ዝጠቕለቡ ዝምድናታት እቲ ዝዘተበሉሉ ተደላይታት ምስ ተወድአ ዘብቕዑ ኢያ'ሞ፡፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዕርክቡ ግን ቀጻሊ ኢዩ ምኽንያቱ ኣብ "ጸብቕ" ዝዘሰረተ ስለዝኾነ፡፡ ብኻልእ ኣበሃህላ እቲ ንዓና እትብህሃን እትደልየን ጸብቕ ንዕርክ'ግወን ስለትምህሮሉን ንክረኽቦ ዝከኣለካ ስለዘብርክትኑ፡፡ እዚ ዕርክቡ'ዚ "ፍጹምን መቅበ ኣልቦን" ተባሂሉ ይግለጽ፡ ምኽንያቱ ዕሰማ ናይ ነ'ምህዚ ዓይነት ዝምድና፡ እቲ ዝምድና ንባህሉን ነም ባህሪኣዊ ወጻኢቱ ሰዓቡ ዝመጽእ ቅርጹይ ምትሕልላይን ምድምሳሽን ድኣ እምባር ኣብ ላዕሊ ነም ዝዘጠቐሰ ንዕርክቡ ነም መሳርሕን መጋቢያን ናብ ካልእ ክብጹሕ ዝድለ ዕሰማ ዝጥምት ስለዘሊሉ፡፡

ዓርኪ "እቲ ካልእ ነብኪ" ክብሃል ከሎ፡ እቲ ንዓና እትደልየን እትብህሃን ጸብቕ ጥራይ ዘይኮነ "ነብኡብቕዓት"፡ እውን ኣብ ዓርኪ'ግ ብምልኣት ክህሉ ዕሰማ'ግ ብምኳኑን ስለትጽዕረሉን ኢዩ፡፡ ምስእ ነብኡምኑልን ምኽንኑን ንውልቀ ሞራላዊ ኣገይዳ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ኢዩ፡፡ ነም ወጽኢቱ ከኣ እቲ ሰብ (ዓርኪ'ግ) ብዋህዊ ልቦናን ክመሳሰሎን ክዋሃእኑ ንቐንዮት ነገራት ብኸመይ ይመርጋዕን የተግብርን ፈሊጥ ውሳኔ ንኽወስድን የኽእሉ፡፡ ነም ሓደ ኣብ ማሕበራዊ ህሳወ እትነብር ፍጡር ከሉ ግዜን ኣብ ዝኸኣ ቦታኑ ንነገራት ቦቲ ቅኑዕ ከርንዓም ጠሚትካ ንኣፈጻጽምትካ ጥራይ ዘደፃ ነቲ ሕብረተሰብ ብመሳኡ ጸብቕ ትምሃን ትንብርኑ፡ እዝን ወደነፀምዝን ከኣ ኣይ ንጸብረኽኑ ናይ ብጹን ብቐንዕናን ዝምህረት ፍሉይ ዕርክቡ፡፡

ዕርክቡ ብባህሉ ዳሩትን ኣድህብኡ ናብ ኣዝዮም ውሑዳት ሰባት ዘዘጸረን ኢዩ፡፡ ነም'ዚ ምስ ዝኸውን ከኣ ኣይ ውሕሰቱ ተኣማንነቱን ኣቓልብኡን ውሑስ ዝኸውንን ነቕጥቕ ዘይበልኑ፡ ዕርክቡካ ማዕረ ዝዘዘርጋሉን ዝበዝሉን መጠን ሚዛኑ እንዳፈኽሰን እናተጀልሐን ነም'ዝኸሰይድ'ውን ዘይምዝንጋዕ፡፡ ስለ'ዚ "ጸብቕ መልክ" ምስ ከሉ ኣጉዳሲ'ኻ እንተኾነ "ከሉ ዝዓርኩ ዓርኪ ዩብሉን" ዝዝሃል ቢሃል ምህላው ከኣ ምዝኽኽር ዘድልዩ ኢዩ፡፡ ዕርክቡካ ውሑስ ንምግባሩን ካብ ዘዘድሊ ፈተና ንምድሓኑን ከኣ ብብዙ ምሓዝን ምስ "ሳዕሪ ጸናዕቲ" ምዝጽጋሩን ኣጉዳሲ ኢዩ፡፡

መወከሲ መጽሓፉ The Heart of Things

ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ዘይምጥዕዓም

ብዮሴፍ ሃይለማርያም

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዝርኢ ጭንቀት ሓደ ካብ ማሕበራዊ ጸገማት'ዩ። ነታ ስድራ ሰላም ከሊኡ ድማ ኣብ ቀጻሊ ናዕብን ዕግርግርን ይሸማ። ኣባላታ ግዳይ ዘይተደልየ ጸገምን ዕግርግርን ይኸኑ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘጋጥም ጭንቀት ብቐንዱ ብዘይ ምርድዳእ ኣቦን ኣደን ዝፍጠር'ዩ። እቲ ምንታይ፧ ምርድዳእ ኣቦን ኣደን ኣብ ዘለዎ ስድራቤት፡ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ጭንቀት ቦታ ስለዘይርከቦ፡ ኣባላት'ታ ስድራ ብፍቕሪን ሕውነትን እናተኸብሩ'ዮም ዝዓብዩ።

ዝኸነ ሰብ ኣብ ጉዕዞ ሂወቱ ጸገማት ኪጋጥምዎ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ'ዩ። ነዞም ጸገማት እዚኦም ክስዕረሉን ናብ ረብሓኡ ክቕይረሉን ዝኽእል ውሽጣዊ ሓይሊ ስለዝውን ድማ፡ ብጸገማቱ ክድሃል ኣይግባእን። ፈት ንፈት ገጢሙ ክዕወተሎም ጥራይ'ዩ ዘለዎ። ካብ ጸገማትካ ክትሃድም ምፍታን (ዘይምግጣም) ግና ሳዕቤኑ ከቢድ፡ ተሳዓሪ መንፈስ ከምዝህልወካ ዝጉብር ስለዝኸነ ያዕ ምባሉ።

በዚ መንጽር፡ ዝተመርዓው ሰባት'ውን ኣብ ሓዳሮም ጸገማት ኪጋጥሞም ንብር ምኳኑ ክፈልጡ ጸቢቕ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ምስ እተፍቅሮ ሰብ ሓዳር ገይርካ ማለት ኣብ ጉዕዞኻ ምስ መጻምድኻ ኣይትጓራፈጥን ኣይትኳራረን ማለት ስለዘይኮኑ፡ ክትነሃሃርን ክትጋጭን ንብር ምኳኑ ፈሊጥካ ኑዮም ጸገማት ብዘግባእ ክትኣልዮምን መፍትሒ ክትረኽበሎምን'ዩ ዘለካ፡፡ ኑዮም ቡብግዜኡ ዝመጹኻ ብድሆታት ምስ መጻምድኻ ኩይንካ ብናይ ሓባር ምርድዳእን ምትሕልላይን ምግጣም፡ ነቲ ሰብኣይ ይኹን ናታ ሰበይቲ፡ ኣብ ሂወት ኣገዳሲ ተመክሮ ዘቕስሞም'ዩ።

ኣብ መንጉ መጻምዲ ዘጋጥሙ ብድሆታት ሓደ ዓይነት ኣይኮኑን፡፡ ስለዝኸነ ገሊኦም መጻምዲ ቡቲ ዘጋጥሞ ጸገም፡ ዓቕሎም ከጽብቡ፡ ተሰፋ ከቕርጹን ክሳብ ክጻወርዎ ዘይክእሉ ጥርዚ ጭንቀት ክበጽሑን ይርኢ'ዩ፡፡ ብሓዳሮም ክጣዓሱን ክሳብ ኣብ ሓዳሮም ክቕጽሉ ዘለዎም ድሌት ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትውዎን ከኣ ይኽእሉ፡፡

ኣብ ሓዳር ዝርኢ ጭንቀት (Marital distress) ብቐሊሉ መዕለቢ ኣይርኸብን'ዩ፡፡ ዝበዝሕ ግዜ ድማ ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍኣ እናማዕበለ ክኸይድ'ዩ ዝርኢ፡፡ ዝግባእ ኣልያን ምኽሪን እንተረኺቡ ግን፡ እቲ ሓዳር ካብቲ ዝሰበሮ ጭንቀት ወጺኡ ናብ ዕግበትን ህድኣትን ዝመልኦ ሂወት ክምለስ ይኽእል፡፡ እዚ ዓይነት ለውጢ፡ እቶም መጻምዲ ኣብ ጉዕዞኦም እንከለው ባዕሎም ክገብርዎ ይኽእል'ዮም፡፡ ዝበዝሕ ግዜ ግን ጸገማት ሓዳር ብሓገዝ ሰብ ሞያ ወይ ተመኩሮ ብዘለዎም ኣብነታውያን ሰባት'ዩ ዝስተኻኸል፡፡

ካብ ዓርኽኻ ሓገዝ ወይ ምኽሪ ከም ዘድልየካ እትፈልጠሉ ግዜ ግን መዓስ'ዩ? መልሲ ዘድልዮ ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ፡፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ክትምልሱ ቅድም ብርታዕ ናይ'ቲ ኣጋጢሙካ ዘሎ ጸገም ክትግንዘቦ ኣለካ፡፡ ኣብዛ ዓለም ፍጹም ሓዳር ዘለዎም መጻምድቲ የለውን - ትዕበ ትንኣስ ኣብ ሓዳሩ ጸገማትን ጭንቀትን ዘይብሉ መጻምዲ የለን፡፡ ስለዚ፡ ዳርጋ ነፍሲ-ወከፍ መጻምዲ ብዛዕባ ሓዳሮም ካብ ገለ ሰባት ሓገዝ ወይ ምኽሪ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ምርዳእ ጸቢቕ'ዩ፡፡ ንኣብነት፡ ካብ ክኢላታት ማሕበራዊ መነባብሮ፡ ካብ ኣብነታውያን መጻምዲ፡ ካብ ወለድኻ፡ ብውልቅኻ መጻሕፍቲ ብምንባብን ወዘተ ኣብ ሓዳርካ ንዘለካ ጭንቀት እተወግደሉ ምኽሪን ሓገዝን ክትረኽብ ትኽእል፡፡ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት እትረኽቦ ምኽሪ፡ ኩነታት ሓዳርካ ንምምሕያሽ ስለዝኸኑ ብዕትብነት ርኣዮም፡፡ ዋላ ዝሓሸ ሰላምን ፍቕሪን ዘለዎ ሓዳር ይሃሉኻ፡ ብዛዕባ ሓዳር ተወሳኺ ምኽሪ ወይ ሓገዝ እትረኽበሉ መገዲ ሃሰው ምባል ንዝምድናኻ መሊሱ'ዩ ዘደልድሎ፡፡

ኣብ ሓዳርካ ናይ ጭንቀት ተመኩሮ ምሕላፍ፡ ካብቲ ነፈሲ-ወከፍ መጻምዲ ኣብ መዓልታዊ ጉዕዞ ሓዳሮም ዘሕልፍዎ ናይ ላዕሊን ታሕቲን ጸገማት ዝተፈልየ'ዩ፡፡ ኣብ ሓዳሮም ጭንቀት ዘለዎም መጻምዲ ፍልይ ዝበለ ምልክታት ክትዕዘበሎም ትኽእል ኢኻ፡፡ ንኣብነት፡ ብዛዕባ ሓዳሮም ዕግበት ኣይህልዎምን፣ ኣብ ዝምድናኦም ዝፈጥረሎም ተሰፋ ምቕሪጽ ቀልጢፉ ኣይከደሎምን - ብቐጻሊ የሰንዮም፣ ሓያል ረጽሚ (ናይ ቃላት ምምልላስን ምግቡዕባዕን) ዘለዎም፣ ቀጻሊ ባእሲ ዘዘውትሩ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል፡፡ ኣብ ሓዳሮም ጭንቀት ዘለዎም ገሊኦም መጻምዲ ድማ፡ ብውሽጦም ፍጹም ዝተባተኸ ስምዒት ስለዝህልዎም ኣይባእሱን ግና ብቐጻሊ ጓዕሳም ባህሪ የንጸባርቑ፡፡ ኣብ ንሓድሕዶም ጸቢቕ ምግባር ደው የብሉ፣ ምብህሃል የቋርጹ፣ ነገራቶም ድማ ካብ ሕማቕ ናብ ዝበኣሰ ይኸድ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብቐጻሊ ፍታሕ ዘይረኽቡ ክርክራትን መጕተን ምዝውታር፡ ጸቢቕ ስምዒት ምጥፋእ፡ ምሕዝነትን ተደላይነትን ምኽሳር ከምኡ'ውን ምስ መጻምድኻ ጾታዊ ርክብ ዘይምዝውታር፡ ገለ ካብቶም ሓደ ሓዳር ኣብ ጭንቀት ከምዘሎ ዝሕብሩ ምልክታት'ዮም፡፡ ንመጻምድኻ ምንሻው፡

ዘይምክብባር፡ ምንዓቕ፡ ምድሕርሓር (ሓላፍነት ዘይምውሳድ)፡ ኅዝን ምሉእ ምትእስሳር ምቁራጽን'ውን፡ ሓዳር ኣብ ጸገምን ንፍትሕ ኣብ ተኣፋፊ ደረጃን ምህላዉ ዝሕብሩ'ዮም።

ገለ ግዜ ኣብ ሓዳር ዝርኣዩ ጸገማት ጠንቆም እዮም ኣብ ዝምድናታት መጻምዲ ዝርኣዩ ከም ናይ ምብህሃል፡ ኣፈታትሓ ጸገማት፡ ምጉት፡ ፍትወትን ጾታዊ ርኽብን ሸግራት'ዮም። እዞም ሸግራት እዚኣቶም ድማ ዝበዝሕ ግዜ በቶም መጻምዲ ብቐሊል ነገር ዝብገሱ'ዮም። ንኣብነት፡ ምስ መጻምድኻ ብኸመይ ከም ትብህሃልን ትተሓጋገዘሉ ከምኡ'ውን ርዝነትን ትርጉምን ሓዳር (መጻምዲ) እንታይ ምኳኑ ብዕምቆት ካብ ዘይምፍላጥን ምስ መጻምድኻ ኣብ ዘይተደልየ ክርክርን ባእስን ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ቅልጡፍ መፍትሒ እንተዘይረኺቡ፡ ምስ ግዜ ኣብቶም መጻምዲ ጭንቀትን ሓድሕዳዊ ዘይምጽውዋርን ከሰዕብ ይኽእል።

ካልእ ግዜ'ውን መጻምዲ ንቐሩብ እዋን ጽቡቕ ክገብሩ ይጸንሑ'ሞ - ብፍላይ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ደረጃ ፍቕሮም - ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ግና ኣብ ጉዕዞ ሓዳሮም ኪጋጥም ንዘኽእል ጸገማት ወይ ብድሆታት ድሉዋይ ብዘይምኳኖም ግዳይ ጭንቀት ይኸኑ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ መጻምዲ ኣብ ናይ መጀመርያ ሓዳሮም ብዛዕባ ተኽእሎ ጸገማት ሓዳርን ፍትሕን ዝልዕሉ እንተድኣ ኩይኖም፡ እቲ ወጥሪ ቁልዑ ክወልዱ ኣብ ዝጅምርሉን ደቀም ኣብ ኩትትና ደረጃ ኣብ ዝበጽሕሉን ግዜ ከይተረፈ ከምዝቐጽል'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ፍቕሪን ምርድዳእን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምክብባር ዘይተሰረተ ሓዳር ውዒሉ ሓዲሩ ጠንቂ ጭንቀትን ውድቀትን ክኸውን ከምዝኽእል ዝሕብር'ዩ። ኣብ ካልእ ግዜ'ውን ኣብ ሓዳር ዘጋጥሙ ጸገማት ብቐጥታ ውጽኢት ውልቃዊ ጸገማት መጻምዲ ክኸኑ ይኽእሉ'ዮም። ከም ኣብነት፡ ኣብ መንጐ መጻምዲ ዓመጽ ምስ ዝህሉ ኣብ ሓዳር ጸገም ክፈጥር'ዩ። ከምኡ'ውን ሓዳር ብጽቡቕ ክጉዓዝ ጸኒሑ፡ ሓደ ግዜ ካብ ሓዳር ወጻኢ ሓደ ጉዳይ ምስ ዘጋጥም፡ ኑዮም መጻምዲ ኣብ ናይ ሓዳር ሸግር ከእትዎም ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ መጻምዲ ኣብ ሓዳሮም ካብ ጭንቀት ሓራ ክወጹ እንተድኣ ኩይኖም፡ ውልቃዊ ጠባዮምን ባህሪኦምን ምስ መጻምዶም ከምዝኸይድ ገይሮም ክሰርዕዎ ይግባእ።

ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ጭንቀት (Marital distress) ኣብቶም መጻምዲ ዘለዎ ጽልዋ ሓያል'ዩ። ዝበዝሕ ግዜ ድማ ናብ ዓቢ ሓዘን፡ ምሸጋር፡ ቀጻሊ ባእሲን ከም ጸቕጢ ዝኣመሰሉ ጸገማትን የኸትል። እንተነዊሑ ድማ ኣብ'ቶም መጻምዲ ክሳብ ቀጥታዊ ኣካላዊ ጽልዋ የስዕቡ። እቲ ግርጭት ምስ ዝሕይል'ውን፡ ኣብ ቤተሰብ መጻምዲ ኩተረፈ ጽልዋ የሕድር። ኑዮም ጭንቀት ኣብ ዘለዎ ሓዳር ዝዓብዩ ቁልዑ ድማ ኣብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢን ካልእ ማሕበራዊ ሸግርን የውድቕም። ኣብ ሓዳር ሓንሳብ ጭንቀት እንተድኣ ኣጋጢሙ፡ ኣብ ሂወት'ቶም መጻምዲ ጀሚሩ ዝነበረ ዕብየት ከምዘንቀልቀል ስለዝገብር፡ ልቅጡፍ ፍወሳ እንተዘይረኺቡ ኣብ መወዳእታ ክሳብ ምፍልላይ ወይ ፍትሕ ከኣ የስዕበሎም።

ሓገዝቲ ሓሳባት

ኣብ ሓዳሮም ፍጹማት ኩይኖም ዝጅምሩ መጻምዲ የለዉን። ምኽንያቱ፡ ሓዳር ኣብ ብዙሓት ክእለታትን ተመኩሮታትን'ዩ ዝምርኩሱ። ንገዛእ ርእስኻ ኩተረድእ ምኽኣል፡ ንመጻምድኻ ክትርድኦ ምኽኣል፡ ኣብ ጉዕዞ ጽቡቕ ገይርካ ምቅላስ፡ ንዘጋጥሙኻ እንተታት ወትሩ ድሉው ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ምስራጽ፡ ጸገማት ክትፈትሕ ምኽኣል. . . ገለ ካብቶም ኣብ ሓዳር ተመኩሮ ክትድብን ዝገጥሙኻ ጭንቀት ክትፈትሕን ዘኽእሉኻ ነጥብታት'ዮም። ገለ እዋን፡ ምስ ስድራቤትና ክንዓብ እንክለና እንመሃሮም ኣገባባት፡ ኣብ ሓዳርና'ውን ከነዘውትሮን ንደሊ ኢና። እዞም ዝዓበናሉም ኣገባባት (ባህሪያት) ግና ኣብ ልዕሊ መጻምዲና ኣብ እነንጸባርቖሉ ግዜ፡ ዘይውጽኢታውያን ክኸኑ ይኽእል'ዮም። ኣብ ዘይምርድዳእን ባእሲን'ውን የእትዉና። ስለዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሓዳርካ ውልቃዊ ባህሪያትካ ምንጽብራቕ ፍጹም ክኸውን ዘይግብኣ'ዩ።

ኣብ ሓዳር ዘጋጥሙ ጸገማት ክፍወሱ እንተድኣ ኩይኖም፡ ኑዮም ኣብ ሓዳር ከሰርሑና ዝኽእሉ ክእለታት ክንሃንጽም'ዩ ዘለና። ንኣብነት፡ ንምብህሃልን ጸገማት ንምፍታሕን ምምህር የድሊ። ምስ መጻምድኻ ሃሳያ ከይተሰዓብካ ብኸመይ ክትቀያየቕ ትኽእል'ውን ንባዕሉ ተመኩሮ ዘድሊዮ'ዩ። ክልቲኦም መጻምዲ ናይ ምብህሃል መደረኽ ፈጢሮም ብዛዕባ ጸገማት ሓደ ብሓደ ክዘራረቡን ፍታሕ ክረኽቡን ኣለዎም። ጸገማቶም ክውሕጦም ከፈቕድሉ ኣይግባእን። በዓል ሞያ ምውካስ'ውን ንዘየረዳድኣካ ነጥብታት መፍትሒ ክትረኽበሉ ዝሕግዝ'ዩ።

ሕግን ስነ - ምግባርን

ሚኪኤል ጸጋይ

ንጽህና ናይ'ቲ ሓደ መጻምድቲ'ውን ይምዘን'ዩ

ዝሙት ኣብ መንነ ክልተ ሰብ ሓዳር ዝርአ ዝበነ ኩይኑ ብቑዳምነት ድማ ካብ ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ወይ ድማ ካብ ንሃገርን መንግስትን ብቑዳምነት ነቲ ኣብ ሓዳር ወይ መርዓ ዝርከብ ሰብ ወይ ስድራቤት ዝያዳ ዝጐድእ ወይ ዝጉዝከፍ'ዩ። ነዚ ስለዝኾነ ድማ ሽሕኳ ዝሙት ብዘበናዊ ሕግና ዘቐጽዕ ኩይኑ እንተተጻሕፈ፣ በት ፍርዲ ዝሙት ንዘፈጸመ ነቐጽዕ ወይ ከይቀጽዕ ወይ ድማ እንተቐጽዐ ነቲ መቐጸይቲ ነቑብድ ወይ ነሞኑብድ፣ ንተግባር ናይቲ ተኸሳሲ መጻምድቲ ጥራይ ዘይኮነ ንተግባር ናይቲ ከሳሲ መጻምድቲ'ውን ኣብ ግምት ኣናእተወ'ዩ ኣብ ፍርዲ ዝወጽሕ።

ስለዚ ዝበነ ዝሙት ዘይነም ካልኦት ዝበናት፣ ንተግባርን ጠባይን ናይ ክልቲኦም ሰብ ኪዳን፣ ኽነታት ኣዕብርኦም፣ ኣብቲ ዝሙት ዝተፈጸመሉ እዋናት ዝሰርሖ ስራት ወይ ዘደስኒት፣ ነዞኡ'ውን ተባዪል በሃሊ መጻምድቲ ዝሙት ክፍጽም'ከሎ ወይ ምስ ተፈጸመ ዘርኣዮ ወለንታ ወይ ተቓወሞ ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ብዘሙት ዝተኸሰሰ ሰብ ዝበሃሪ ወይ ነጻ ይኸውን። ዝበሃሪ ተባሂሉ እንተተወሰነ'ውን መቐጸይቲ ክኸብድ ወይ ክፍክሕ ይኽእል። ብሓጺሩ ኣዝም ዝነበሩ ነጥብታት ኣብቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ዝበናዊ ሕግና ኣብ ዓንቀጽ 618 ነዞኡ'ውን ኣብ ሓድሽ ንድፊ ዝበናዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ 2015 ዓንቀጽ 323 ዝርከቡ ኩይናም ቀጺልና ንርእየዎ።

ብመሰረቱ ዝበነ ዝሙት ነም ጥርዓን ቅብል ዝኸውንን በት ፍርዲ ድማ ዝፈርዶን እየም መጻምድቲ ብሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ካብ ዝዘዝርዝሩ ኣጋባብት ወይ ዓይነታት መርዓ ብሓዳኢ ቃል ኪዳን ዝኣሩ ምስ ዝኸሉ'የዎ። እየም ናይ መርዓ ኣገባባት ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊ ወይ ድማ ምምሕራዊ ክኸሉ ይኽእሉ። ካብኡ ብዘተረፈ "ተሓጺና ሄርና" "ዕርክነት ነይሩና" "ብፍቕሪ ንሃይሕ ዓመታት ተጓዒዝና" ወይ ድማ "ሽሕኳ እንተዘይተመርዓና ተኣኻኺብና ወሊድና ኣና" ብዘብል ምናልባት ሓደ ካብ ኣዕሩኽ ምስ ካልእ ኣንጻር ጾታ ስጋዊ ርክብ እንተፈጸመ እቲ ሓደ ሽማኽ ናይ ዝሙት ጥርዓን ነቐርብ ኣይክእልን'ዩ። እዚ ድማ ዝሙት ነም ጥርዓን ቅብል ዝኸውን ኣብ መንነ ምርዕዋት ጥራይ ምኳኑ ብሕጊ ስለዘተገለጸ'ዩ።

ካልእ ንዝሙት ካብ ካልኦት ንኢጋዊ ርክባት ዝምልከቱ ገበናት ዝፈልዮ ዝሙት ብፖሊስ ክተሓዝ እንተኾይኑ ወይ ኣኻዕር ሕጊ ዝሙት ተፈጺሙ ኢሉ ክሳ ነምስርት እንተኾይኑ ወይ ዳኛ ኣመሳኪሩ ዝዘምዊ መቐጸይቲ ክብይን እንተኾይኑ እቲ ቡቲ ዝሙት ተብዪል ዝብል መጻምድቲ ባህሉ ጥርዓን ምስ ዘቐርብ'ዩ። ንኣቡት ሰብኢ ብስራሕ ወጺኡ'ከሎ ሰበይቲ ምስ ካልእ ሰብኢ ብምርኻብ ዝሙት እንተፈጺማ እቲ ሰብኢ ጥራይ ኢዩ ኣንጻር ሰበይቱ ጥርዓን ነቐርብ ዝኽእል። ብካልእ ኣንላልዳ ዋላ ሓሙታ፣ ሓሙኣ፣ ንዕልታን ሓማታትኡ ወይ ካልእ ክፉእ ርእዩ ዝብል ተዓዝቢ ወይ ጉረቤት ኣንጻር እታ ዝሙት ፈጺማ ዝተገህሰት ሰበይቲ ጥርዓን ነቐርቡ ኣይክእልን፣ እንተመጽኡ ድማ ፖሊስ ነቲ ጥርዓን ኣይቅብሎምን'ዩ። ኣብ ካልኦት ገበናት ግን ንኣቡት ኣብ ዓመጽ፣ ኣብ ስጋዊ ርክብ ምስ ትሕቲ ዕድመ፣ ንህጻናት ንምንዝርና ምሻጥ፣ ኣብ መርዓ ኣብ ርእሲ መርዓ ወዘተ ተባዪል ባህሉ ጥራይ ዘይኮነ ዝኾነ ዘመድ ይኹን ወይ ነቲ ገበን ዝተዓዘበ ካልእ ሰብ ብዘዕባ እቲ ዝርኣዮ ንፖሊስ ክሕብር ይኽእልን መርመራ ናይቲ ጉዳይ ይጅምሮ'ዩ።

መጻምድቲይ ዝሙት ፈጺሙ ኢሉ ብገበን ጥርዓን ነቐርብ ዝደሊ ሰብ ኣብዚም ዝዘከሩ ተግባራት ወይ ኩነታት መጻምድቲ ዝሙት ብምፍጻሙ ጥርዓን ነቐርብ መሰል የብሉን። ኣቐሪቡ እንተጸኒሑ ድማ እቲ ጥርዓን ወይ ድማ መሰርሕ ክሳ ይፅፍ።

- ንመጻምድቲ ዝሙት ክፍጽም ዝደፋፈኦ ወይ ዝደረኸ ወይ ዘለዎዎለ እቲ ካልእ መጻምድቲ (ከሳሲ) ባህሉ እንተኾይኑ ክሱ ቅብል ኣይኽወን'ን'ዩ። ንኣቡት ሓደ ወዲ ተባዕታይ በዓልቲ ቤቱ ምስ ካልእ ሰብ ንኽነ ካይድ ዝደፍኣን ዝደረኸን እንተኾይኑ ተገልበጡ ጥርዓን ነቐርብ ኣይክእልን።

- መጻምድቲ ካብቲ ሓዳር ወጺኡ ስጋዊ ርክብ ንኽፍጽም ብረብሓ ከነ ብኸልእ ምኽንያት ዘፍቀደ እንተኾይኑ። ንኣቡት ክልቲ ሰብ ሓዳር ወላድ ይኣቡዎም፣ ሓዳኦም ነቲ ኻልእ ካብ ካልእ ፈትን ኢሉ ከፍቅድ ይኽእል። ወይ ኣብ ካልኦት ሃገራት ብዘወሰደ ነም ዝርኢ ሓዳኦም መጻምድቲ ምስ ካልእ ስጋዊ ርክብ ፈጺሙ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ዝጥቀምሉ ገዝዘብ ወይ ረብሓ ኣብ ምምጻእ እንተተዋፈሩ ድሓር እቲ ካብቲ ዝሙት ገዝዘብ ዝረብሐ ወገን፣ ዝሙት ተፈጺሙ ብምባል ጥርዓን ነቐርብ ሕጊ ኣይቅብሎ'ን'ዩ።

- ዝሙት ምስ ተፈጸመ እቲ ተባዪል "ድሓን ይቕረ ኢለ'የ፣ ሓዳረይ ክቐጽል'የ" ብምባል ምሕረት ገይሩ እንተኾይኑ ወይ እንተተዓረቐ ወይ ድማ እቲ ዝሙት ነም ዝተፈጸመ ፈለጡ'ከሎ ብዘይ ዓንቃፈ ምኽንያት ጥርዓን ነቐርብ ሰቕ ኢሉ እንተሓለፍዎ ዝሓሰበ ሓሳቡ ድሕሪኡ ጥርዓን ነቐርብ ኣይክእልን'ዩ። መጻምድቲ ዝሙት ነም ዝፈጸመ ዝፈለጠ ሰብ ካብቲ ዝፈለጠሉ ኣብ ወሽጠ ስለስተ ወርሒ ጥርዓን ናብ ፖሊስ ነቐርብ ይግባእ'ዩ። እዚ ንገበን ዝምልከት ኩይኑ ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ'ውን ሓደ በዓል ሓዳር "መጻምድቲይ ዝሙት ስለዝፈጸመ ፍትሕ ክፍጽመለይ

ኣለዎ" ክብል እንተኾይኑ ካብቲ ዝሙት ነም ዝተፈጸመ ዝፈለጠሉ እዋን ኣብ ወሽጠ ሽድሽተ ወርሒ ጥርዓን ከቕርብ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ልዕሊ መጻምድቲ ምሕረት ነም ዝገበረ'ዩ ዝቐጸር።

ኣብ ሳዕሊ ዝረአናዮም ሃጥብታት ዝሙት ተፈጺሙ ክንሱ ክሲ ክምስረተሉም ዘይክእል ጉዳያት ኢዮም። ይኹን'ምባር ዝሙት ዝፈጸመ ሰብ ዝኸሰሰሉም ወይ ዝቐጽዓሉም ግን ከኣ ቤት ፍርዲ ንመቐጽዕቲ ናይቲ ብዝሙት ዝተኸሰሰ ሰብ ኣጸቢቕ ከጉድሉን ከቃልሉን ዝድርኹ ምኽንያታት ደማ ኣለዉ። እዚም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ደማ ይኽእሉ።

• ዝሙት ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን፣ እቶም ሰብ ሓዳር ብሓንሳብ ወይ ብሓባር ምንባር ኣቐሪጾም እንተነይሮም (ንኣብነት ሰሊት ካብ ምስአን ወይ ተነሓሒፆም ኣብ ሽምግልና'ከለው ክኸውን ይኽእል። እንተኾነ ብስምምዕ ናይ ክልቲኦም ኣብ በበይኑ ዞባታት እናሰርሑ ንወሰን ኣዋርሕ ወይ እዋን ተፈልየም ኣብ ወሰን እዋን ደማ እናተራኸቡ ናብርኦም እናመርሑ ዝሙት ምስ ዝፍጸም መቐጽዕቲ ነም ዝሩኸብ ጊርነ ክትርትም የብሉን።)

• መጻምድቲ ዝሙት ፈጺሙ ኢሉ ዝኸሰሰ መጻምድቲ ንዓለሉ ኑቲ ሓዳር ከፈደስ ዝኽእል ጌጋ ፈጺሙ እንተኾይኑ፣ ንኣብነት ኣብይ ነም ዘሎ ንመጻምድቲ ከይሃገረ ክሱብ ክልተ ዓመት ድሃይ ኣጥፈኡ እንተነይሩ፣ ወይ ብዝሙት ተብዒሉ ኢሉ ጥርዓን ዝመሰረተ መጻምድቲ ንዓለሉ'ዉን ዝሙት ነም ዝፈጸመ እንተተረጋገጸ።

በዚ ምኽንያት እዚ'ዩ'ምባኡር ዝሙት ካብ ካልኦት ገበናት ፍልይ ዝብል ባህርያት ኣለዎ ዝበሃል። መጻምድቲ ዝሙት ፈጺሙ ብምባል ጥርዓን ክምስርትን ንመጻመድቲ ዘቐጽዕን ሰብ ንዓለሉ ዝሙት ንኽፍጽም ዝደፍአ ወይ ዘፍቀደ ወይ ተፈጺሙ'ከሎ ሽለል ዝበለ ወይ ደማ ባዕሉ ዝሙት ዝፈጸመ ወይ ደማ ኣብቲ ሓዳር ተገዳስቡቱ ኣጥፈኡ ብዘይ ኣፍልጦ ናይቲ ሓደ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝኾብለለ ክኸውን ኣይግባእን። ኣብ ነም'ዚ ኩነታት፣ ሕጊ ኑቲ ተኸሰሰ ክቐጽዕ እንተኾይኑ እቲ ከሰሲኽ ክሱብ ክንደይ ንጹህን ወጋሁይን'ዩ ናብ ዝብል ኣድሃቡ ድሕሪ ምርግጋጽ'ዩ። ስለዚ ዝሙት ገበን ኩይኑ ከቐጽዕ ከቐጽዕ ወይ ደማ መቐጽዕቲ ተኸሰሰ/ት ክቃለል ወይ ክቀበድ፣ ናይቲ ካልኣይ መጻምድቲ ኣብ ሓዳር ዘርእዮ ተገዳስቡትን ዝሰርሮ ንጽህናን ድሕሪ ምርኣይን ምምርማርን'ዩ።

ካብ 1991 ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ዝጸንሐ መሲጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ነምኡ ድማ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ (2015) ኣብዚ ክዝርጋዝ ዝጸንሐ ሓሳባት ፍልልይ የብሉምን። ሓደ ኣይም ክበሃል ይኽእል። ምናልባት ዝጥቀሰ ፍልልይ እንተሃልዩ ኣብቲ ንዝሙት ተመጢኑ ዝርከብ መቐጽዕቲ ጥራይ'ዩ። ብመሰረት ዓንቀጽ 618 ኣብ ስራሕ ዘሎ ገበናዊ ሕግና ዝሙት ብፍኽስ መቐጽዕቲ ወይ ብጥዝዘብ ነም ዘቐጽዕ ይግባረና። ፍኽስ ማእሰርቲ ካብ 10 መዓልቲ ዘይወሕድ ካብ 3 ዓመት ደማ ዘይበዝሕ ማለት'ዩ። ዳኛ ብጥዝዘብ ክቐጽዕ እንተወሲኑ ደማ ካብ 1 ናቕፋ ክሳብ 5000 ናቕፋ ይኸውን። እንተኾነ እኹል መጽናዕቲ ክግበር ኣድላዩኺ እንተኾነ ብዮብሪ ግን ንዝሙት ክወሃብ ዝጸንሐ ናይ ማእሰርቲ ወይ ናይ ገዝዘብ መቐጽዕቲ ትሕት ምኳኑ ይፍለጥ። ኣብ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ (2015) ዓንቀጽ 323 ንዝሙት ተመጢኑ ዘሎ መቐጽዕቲ ብማእሰርቲ ካብ ሓደ ወርሒ ዘይወሕድ ካብ ሽድሽተ ወርሒ ደማ ዘይበዝሕ'ዩ። ብጥዝዘብ ደማ ካብ 5001 ናቕፋ ዘይወሕድ ካብ 20,000 ናቕፋ ደማ ዘይበዝሕ'ዩ።

ዓመጻዊ ምግሳስ ብመንጽር ዝጸንሐን ሓድሽን ገበናዊ ሕጊ

ዝሓለፈ ዓመታት ክንደፍ ዝጸንሐ ሓድሽ ሕግታት ይዝርጋሕን ኣስተምህሮ ይወሃበሉን ነም ዘሎ ይፍለጥ። ሓደ ካብ'ዚ ሕግታት እዚ ድማ ገበናዊ ሕጊ'ዩ። ኣብ ስራሕ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕጊ ማለት "መሲጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ 1991" ነምኡ'ውን ኣብ'ዚ እዋን እዚ ዝዝርጋሕ ዘሎ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ማለት "ገበናዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ 2015" ብምንጽጋር ምስ እንርእዮም ኣብቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ዝጸንሐ ትሕዝቶን ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ዝመጽአ ለውጥን ብቀሊል ክንርእዮ ንኽእል።

ኣብ ስራሕ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕግና ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዝፍጸም ዓመጽ ኣብ ዓንቀጽ 589 ገለጽዎ ይርከቡ። ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ግን ዓመጽ ኣብ ዓንቀጽ 307-308 ተገሊጹ ይርከቡ። ስለ'ዚ ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ሕጊ ገበን ዓመጽ ኣብ ሓደ ዓንቀጽ ተጠቓሊሉ ክርከብ ከሎ፣ ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ዓመጽ ኣብ ክልተ ዓንቀጻት ተዘርዚሩ ኣሎ።

ንመቐጽዕቲ ብዝምልከት ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ሕጊ ዓመጽ እንተብዝሐ ክሳብ 10 ዓመት ማእሰርቲ የቐጽዕ'ኳ እንተኾነ እቲ ታሕተዋይ መጠን ናይ መቐጽዕቲ ስለዘይተገልጸ ደኣ ዓመጽ ንዝፈጸመ ወዲ ተባዕታይ ካብ 1 ዓመት ክሳብ 10 ዓመት ዝፈላለ መቐጽዕቲ ክህቡ ይኽእሉ ነይሮም። ስለ'ዚ ሓደ ዓመጽ ዝፈጸመ ወዲተባዕታይ ኣብ መንነ ሓደ ዓመትን ዓሰርተ ዓመትን ካብ ዝርከቡ ቁጽርታት ክቐጻዕ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ግን ሽሕ'ኳ እቲ ላዕለዋይ መጠን ማለት 10 ዓመት ማእሰርቲ መጠኑ ካብ'ቲ ዝጸንሐ ሕጊ እንተዘይወሰኸ እቲ ታሕተዋይ መጠን ግን 7 ዓመት ምኳኑ ስለዝተጸረ፣ ብመሰረት ሓድሽ ገበናዊ ሕግና ዓማጺ ካብ 7 ዓመት ማእሰርቲ ዝትሕት ክቐጻዕ ኣይክእልን። ስለዚ ዳኛ ዓመጽ ምፍጻሙ ንዝተረጋገጸ ሰብ ዝህቦ መቐጽዕቲ ካብ 7 ዓመት ከውርዶ ስልጣን ስለዘይብሉ መቐጽዕቲ ዓመጽ ኣብ'ዚ ሓድሽ ሕጊ ከም ዝኸበደ ክግለጽ ይኽእል።

ኣብ መንነ ክልቲኦም ሕግታት ዝመጽአ

ካልእ ፍልልይ ኣብ መንነ ሰብኣይን ሰበይትን ኪጋጥም ብዘዕባ ዝኾነ ዓመጽ'ዩ። ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ሕግና ሰብኣይን ሰበይትን ማለት ምርዕዋት ኣብ መንነኦም ናይ ዓመጽ ክሲ ክለዓል ከም ዘይክእል መደምደምታ ይህብ። ብካልእ ኣዘራርባ ካብ ሰብኣያ ዘይተፋተሐት ሰበይቲ፣ "በዓልቤተይ ዓሚጹኒ" ኢላ ክሲ ኪተቕርብ ኣይትኽእልን'ያ። በዚ ድማ ሰብኣይ ዋላ ብባእሲ ካብኣ ተፈልዩ እናነበረ ናብ ገዛኣ መጺኡ ወይ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ምስ ዝዕምጻ፣ ብሕጊ ስለዘይተፋተሐት "ናይ ሕጊ ሰበይተይ እንድያ ስለምንታይ ይኽሰስ?" ብምባል ንኽሲ ክስላኸል ዘኽእሎ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ግን ሽሕ'ኳ ብሓንሳብ ሓቢሮም ኣብ ዝኑብሩ ዘለዉ ሰብኣይን ሰበይትን ሕጂ'ውን ሕዮ ዓመጽ ክለዓል ዘይክኣል እንተኾኑ፣ ኣብ ባእሲ፣ ምሽምጋል ዝርከቡ ሰብኣይን ሰበይትን በበይናም ክጸንሑ ምስ ተወሰነ፣ ዋላ ግቡእ ፍትሕ ከይተኻየደ፣ እቲ ሰብኣይ ሓይሊ ወይ ምግዳድ ተጠቒሙ ምስ መጻምድቱ ሲጋዊ ርክብ ምስ ዝፍጽም ብዓመጽ ተኸሲሱ ክቕጻዕ ከም ዘኽእል ኣብ ዓንቀጽ 307 (2) ተገሊጹ ንረኽቦ። ስለዚ ብምኽንያት ግጭት ንበይና እትቕመጥ ዘይተፈትሐት ጓል ኣንስተይቲ ብሰብኣያ ክትድፈር ዘኽእል ዕድል ብምዕጻዉ፣ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ንጓልኣንስተይቲ ዝሓሸ መሰል ይህባ ማለት'ዩ።

ኣብ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕግን ኣብ ሓድሽ ገበናዊ ሕግን ዓመጽ ብኸበድ ዘቕጸዓሉ ምኽንያታት ይግለጽ'ዩ። ንኣብነት ከም መዘኻኸሪ ምእንቲ ክኸውን ኣብቲ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 589 ዓመጽ ብኸበድ ዝረኣየሉን ክሳብ 15 ዓመት ማእሰርቲ ዘቕጽዓሉን ሰለስተ ምኽንያታት ተዘርዚሩ ንረኽቡ። ንሳቶም ድማ፣

1. ዝተዓመጸት ጓልኣንስተይቲ ዕድሚኣ ትሕቲ 15 ዓመት እንተኾይኑ

2. ዝተዓመጸት ጓልኣንስተይቲ ጽግዕተኛ፣ ሰራሕተኛ ወይ ተመሃሪት ወይ ናይ ሕጊ እሰርቲ ናይ ዓሚጹኣ እንተኾይና

3. ዝተፈጸመ ዓመጽ ብጉጅለ (ብግሩፕ) እንተኾይሩ

ኣብዚ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ግን ብኸበድ ዝርአ ዓመጽ ዝዓም ዝጠቕሰናዮምን ካልኦት ኣዝዮም ብዙሓትን ኣጠቓሊሉ ንረኽቦ። ብመሰረት ሓድሽ ሕጊ ሓደ ሰብ ከበድ ዓመጽ ፈጺሙ ዝበሃል እዞም ዝሰዕቡ ተግባራት ምስ ዝፍጽም'ዩ።

እቲ ዓሚጹ፣

1. ኣብ መሰርሕ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ተዓሚጹት ብረት (ሽጉጥ) ተጠቒሙ እንተኾይኑ ወይ ድማ ብረት ኣርእዩ ኣፈራራሒ እንተኾይኑ

2. ንተዓሚጹት ኣብ ልዕሊ ወላዳ ኣካላዊ ጉድኣት ክፍጽም ምኽኑ ኣፈራራሒ ምስኣ ሲጋዊ ርክብ ዝፈጸመ እንተኾይኑ (ወላዳ ንምድሓን ነብሳ ኣሕሊፋ እንተሂባ)

3. ኣብ ልዕሊ ተዓሚጹት ከበድ ማህረምቲ ብምፍጻም ኣካል ምጉዳል ፈጺሙ እንተኾይኑ ወይ ከበድ ቅርጺ ምልዋጥ ዘስዕብ ኣካላዊ ጉድኣት ኣውሪዱ እንተኾይኑ

4. ተላጋቢ ሕማም ኣልጊበላ እንተኾይኑ (ሕማም ኣልጊበላ ብኡኡ እንተመይታ ግን እቲ ገበን ዓመጽ ጥራይ ዘይኩነስ ቅትለት ሰብ'ዉን ይኸዉን)

5. ንትሕቲ 15 ዓመት ጓልኣንስተይቲ ምስ ዝዕምጽ ግን ንሱ'ዉን ዕድሚኡ 15 ዓመት ዝመልአን ካብኡ ንላዕልን ምስ ዝኸዉን

6. ናይ'ታ ዝተዓመጸት ጓልኣንስተይቲ መምህር፣ መዕበዩ፣ ናይ ሕጊ ሓላዊ፣ ናይ ገዛ ኣስራሒ፣ ሓኪም፣ ምስ ዝኸዉን

7. ቡቲ ዝተፈጸመ ዓመጽ ንህይወት ናይታ ግዳይ ንሓደጋ (ሞት) እንተቓሊዕዎ

8. ኑቲ ዓመጽ ምስ ካልኦት ሰባት ኩይኑ ብጉጅለ እንተፈጸምዎ'ዩ።

ኣብቲ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕጊ ንከበድ ዓመጽ ዝወሰን ማእሰርቲ ክሳብ 15 ዓመጽ ዝበጽሕ ምኽኑ ተገሊጹ ኣሎ። ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ግን ዝዓም ዝተዝርዝሩ ተግባራት ዓመጽ ዝፈጸመ ሰብ እንተወሓደ 13 ዓመት እንተብዝሐ ድማ 16 ዓመት ማእሰርቲ ኢዩ። ኣብ ዝጸንሐ ሕግና ንከበድ ዓመጽ ዝወሃብ ዝለዓለ መጠን ማእሰርቲ 15 ዓመት፣ ኣብ ሓድሽ ገበናዊ ሕግና ድማ ዝለዓለ ማእሰርቲ 16 ዓመት ስለዝብል፣ ሓድሽ ገበናዊ ሕግና ናይ ሓደ ዓመት ዝያዳ ጥራይ ኣቕሚጡ ንርእዩ። ከነስተውዕሎ ዝግባእ ግን ኣብቲ ዝጸንሐ ሕጊ ክሳብ 15 ዓመትኳ እንተበለ ታሕተዋይ መጠን መቕጻዕቲ ስለዘይተነጸረ ዳኛ ካብ 1 ዓመት ክሳብ 15 ዓመት ፍልልይ ክገብር ይኽእል ነይሩ። ንኣብነት ከበድ ዓመጽ ንዝፈጸመ 5 ወይ 7 ወይ 9 ወዘተ ዓመት ማእሰርቲ ክወሰን ዝኽእል ጸኒሑ። ኣብ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ዓንቀጽ 308 ግን ዝለዓለ ማእሰርቲ 16 ዓመት ዝተሓተ ድማ 13 ዓመት ስለዝብል፣ ዝተኸበደ ዓመጽ ዝፈጸመ ሰብ ዋላ ዳኛ'ዉን እንተደለየ ካብ 13 ዓመት ዝወሓደ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ክወሰነሉ ኣይክእልን። በዚ ድማ መቕጻዕቲ ከበድ ዓመጽ'ዉን ኣብ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ዝተረረ ኩይኑ ኣሎ።

ካልእ ኣብዚ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ዝመጽአ ዓቢ ለውጢ እቲ ዝጸንሐ ገበናዊ ሕጊ "ሓደ ወዲ ተባዕታይ ንጓልኣንስተይቲ ምስ ዝዕምጽ" ዝብል ሓረግ ስለዝርከቦ፣ ብገበን ዓመጽ ዝኽሰሰ ወዲ ተባዕታይ ጥራይ'ዩ ጸኒሑ። ብካልእ ኣገላልጻ እቲ ገበናዊ ሕጊ ወዲ'ምበር ጓልኣንስተይቲ ኣይትዕምጽን ብዝብል ያታዊ ኣመላኻኽታ ዝምራሕ'ዩ ጸኒሑ። በመሰረቱ እቲ ዝጸንሐ ሕጊ ብመባቀል ደረጃ ዝተኣወጀሉ 1957 ምንባሩ ርኢ'ካ፣ ማሕበራዊ ደረጃ ጓልኣንስተይቲ ናይቲ እዋን'ቲ ኣብ ግምት ኣእቲካ ቅቡል ነይሩ ክኸዉን ይኽእል። ኣብዚ ሓድሽ ገበናዊ ሕጊ ግን ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ ምስ ዝዕምጽ (ጾታዊ ሃሲያ ምስ ዝፍጽም) ስለዝብል ናይ ጾታ ሓለፋ ወይ ግድፈት የብሉን። ስለዚ በዚ ዳሕረዋይ ሕጊ ሽሕኳ ጓልዶ ንወዲ ትዕምጹ ኢያ ዝብል መሰላቕ ክርከር ዘጋጥም እንተኾነ፣ እንተድኣ ኣጋጢሙ ግን ጓልኣንስተይቲ'ዉን ብዓመጽ ክትከሰስ ትኽእል'ኣያ።

ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ

ሕማም ሕጽኖት ብኸመይ ንከላኸሎ?

ሕማም ሕጽኖት

ሕቶ፡ ቅድሚ ወርሒ ኣቢለ ተመርዕየ ኣብ ሕጽኖት እየ ዘለኹ። ቅድሚ ሰሙን ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ከነታት ጥዕናይ ሓድሽ ተረእዮ ክረኣየኒ ጀሚሩ። ክሽይን ከለኹ ቀጭ ቀጭ ዘበል ቃንዛ ክስማዕኒ፣ ኣብ ሽንተ ይ'ውን ደም ክርኢ ጀሚረ። 'ክገድፈኒ እዩ?' ኢለ ብዙሕ ኣይተሻቐልኩን። እንተኾነ ግን ቀጺሉ። ሕጂ ኸኣ እሞ ቅርጻት ዝመስል ቃንዛን ድኻምን ክስመዓኒ ጀሚሩ ኣሎ። ሽንቲ'ውን ቀቀልጢፉ ይመጽኣኒ። ከምቲ ኣቐዲመ ገለጽክዎ ኣብ ሕጽኖት እየ ዘለኹ። "ሓሚመ ኢለ" ሕክምና ክኸይድ ድማ ኣሰኪፉኒ። ብዛዕባዚ ንሓንቲ ብዕድመ ትሓልፈኒ ናይ ቀረባ መሓዛይ ምሰማዕኩ ርክባ፡ "ሕማም ሕጽኖት" ከም ዝብሃልን ኩሓወሃለይ ምኸኑን ነጊራትኒ። ብዛዕባዚ ገለ ክትብሉኒ ምደለኹ። መጽሔትኩም ኣዝየ እየ ዝፍትዋ።

ሰላም ካብ ኣስመራ

መልሲ፡ እቲ ዝሓሸ ናብ ሓኪም ቀሪቢኩ ሕክምናዊ መርመራ ክትግበሪ'ዩ ዘሎካ። በዚ ኣሚትክልና ዘሎኺ ክንምልሰልኪ እንተኺኢልና፡ ረኺሰ ሽንቲ እዩ ኢጋጠመኪ ዘሎ። ጠንቂ ናይቲ ሕማም ካብ ብዝሑ ጸታዊ ርክብ ዝኸቅል ክኸውን ይኽእል። ረኺሰ ሽንቲ ንስርዓት ሽንቲ ፍሕኖን ኩሊትን ዘጥቅዕ ኮይኑ ብዘይዳ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ይረኣይ። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ተን ሲጋዊ ርክብ ናይ መጀመርታ ተሞክሮኦን ዝኾነ ዝያዳ ይርኣይ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ብልዕቲ ዝርኢ ፍሕፍሓ እዩ፡ ሲጋዊ ርክቡ ድሩት ኣፍልጦን ተሞክሮን ዘምጽኦ እዩ፡ ኣብ ብልዕቲ ዝፍጠር ፍሕፍሓ ምቆዳድ ሃይመንን ዝፈጥሮ ምልሕጻጽን መድመይቲ ኣብ መናድቕ ሻንብቅ ሽንቲ ረኺሰ ብኡ ኣቢሉ ናብ ኩሊት ንላዕሊ ክድይብ ይኽእል። እዚ 80-85% ብ"Echoli" ዝተፈለለ ባክቴርያ ዝመጽእ ኮይኑ፡ እዚ ባክቴርያ ኣብ ገፈሕ መዳንጣ ይቕመጥ። ምስ ቀልቀል ወጺኡ ኣብ ካልእ ቦታ ክሰፍር ከሎ ማለት ኣብ ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ ጠንቂ ናይ ሕማም ይኸውን። በዚ ምኽንያት ድማ ሲጋዊ ርክብ ቀንዲ መሲጋገሪ ናይ'ዚ ባክቴርያ'ዩ። ካብ ከባቢ መሃንቲስ ናብ ብልዕቲ ብኡ ኣቢሉ ናብ ፍሕኖ ክኣቲ ዕደል ፈጠሩ ጠንቂ እዚ ሕማም ይኸውን።

ደቂ-ኣንስትዮ ግዳያት ዝኾናሉ ምኽንያት ብዙሓት ሃዲር ሻምብቆ ሽንቲ ስለ ዘለወን እዩ። ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ ካብ መሃንቲስ ቀረባ ስለ ዝኾኑ ብቐሊሉ ካብ ቀልቀል ብዝሲጋገር ባክቴርያ ግዳይ መልከፍቲ ይኸውን። ደቂ-ተባዕትዮ ግን ንወሕስ ዝበለ ሻንብቆ ሽንቲ ስለ ዘለዎም ብቐሊሉ ግዳያት ክኾኑ ኣይክእሉን እየምዩ። ብግቡእ እንተ ዘይተሓኪሙ'ውን ናብ ሕዳር ሕማም ዝተሓሳሰኸ ረኺሰ፡ ክሳብ ኽኢሊት ካብ ስራሕ ወጺኡ ናይ ምግባር ሳዕቤናት ከኸትል ይኽእል።

ካብ ሲጋዊ ርክብ ካልእ ተወሃኪ ጠንቂ'ውን ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ኮሚኒኣት ምጥቃም ከም ናይ ብልዕቲ 'dedoraant ' ጸረ ታህዋሲያን ሎሽኑ መጠላኸሊ ጥንሲ ክረኽቦ ቀልቀል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ምጽራጉ ድኾም ናይ ስርዓተ-ምክልኻል ጥንሲ፡ ምዕጻው ፍሕኖ ሽንቲ ሽኩርያ፡ HIV ወዘተ ጠንቅታት ክኾኑ ይኽእሉ እየምዩ።

እዚ ሕማም ከምቲ መሓዘኪ ዝበጽሓ ብልምዲ "ሕማም ሕጽኖት" ተባሂሉ ደጽዋዕ'ዩ። እንተኾነ ምስ ምምሃዝ መጠላኸሊ ጥንሲን ቅድሚ መርዓ ዝግበር ጸታዊ ርክቦን ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ኣብ ክንዳኡ ረኺሰ ሽንቲ ኢልካ ምግላጽ ዓሚቕ ትርጉም ኣለዎ።

እዚ ንኻልኣይ ግዜ ንኸዐጋጥመካ ክትግበርዮ ዘሎካ ነገራት ኣሎ። እንተ ተኻኢሉ ክሳዕ ዝሓዊ ካብ ጸታዊ ርክብ ምቁጣቡ ቅድምን ድሕሪን ጸታዊ ርክብ ምሻኑ ብሰሩዕ ምሻኑ ብብዝሒ ማይ ምስታይ (ኣብ ነፍሲወከፍ ሰዓት ማይ ምስታይ)፡ ካብ ጠጥ ዝተሰርሐ ፍኸሰ ዝበለ ገፈሕ ታይት ምልባሱ ኣብ ዓፍራ ኣቲኻ ዘይምሕጻቡ ቀቀልጢፍካ መንዲል ንጽህና ምቕያር፡ ኣብ ብልዕቲ ዝኣቱ መጠላኸሊ ጥንሲ ዘይምጥቃም፡ ቀልቀል ካብ ቅድሚት ንድሕሪት ምጽራጉ ኣካላትካ ብግቡእ ምሕጻብ ወዘተ ። እዚም ተጠቒሶም ዘለዉ ኣብ ገዛ ክትግበሩ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ለውጢ ንኽኾኑ ትጽቢት ይግበረሎም። ከምቲ ኣቐዳምና ዝሓበርናኹ፡ ጉዳይ ጥዕናኻ ብዘተኣማምን መገዲ ናብ ንብር ንምምላሱ እቲ ዝሓሸን ክትትግብርዮ ዝግበኣካን ናብ ሓኪም ቀሪቢኩ ሕክምናዊ መርመራ ምስ ትገብሪ ጥራይ እዩ።

***

ምቁራጽ'ዩ ዝሓሸ ውጽኢት ዝርከቦ

ሕቶ፡ ካብ'ቶም ብኸቢድ ሽጋራ ዘትክኩ ሰባት እየ። ኣብዚ እዋን ግና ሳዕቤኑ እንተረድኣኒ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኣብ ኢታ'ኽ'ካይ ቅሩብ ለውጥታት እነገብርኩ ከመጽእ ጸኒሐ'ለኹ። ኣብነት ኣብ ብዝሒ እናቕነስኩ ይመጽእ ኣለኹ። በዚ ድማ ኣብ ጥዕናይ ምምኢያሽ እገብር ከም ዘለኹየ ዝተኣማመንኩ። ብወገንኩም ነዚ ከመይ ትገልጽዎ?

ተሚ ካብ ን/ዘባ ኣባሻውል

መልሲ፥ ትጥቀመሉ ዘሎኻ ኣገባብ ፈጸምካ ናብ ምሕዳጉ ገጹ ዝወስድ እንተኾይኑ ኣዝዩ ዝተባዕ'ዩ። እቲ ቁምነገር'ውን ኣብኡ'ዩ ዘሎ። ምኽንያቱ ሳዕበናት ምትካኽ ሽጋራ ንምጉዳል ብምባል ብዘሐ. ተህልኾ ሽጋራ ብምግዳልካ ንዓቐን ወይ ብዘሐ. ትሳኣሮ መሪዚ. ቀመማት ሽጋራ ከምዝዀኑድሉ ኣብዚ. ቀረባ ግዜ እተዘርግሑ ጥዕናዊ ሓበሬታታት ይገልጹ ኣለዉ፡፡

ብሓፈሻ ከበድቲ ኣትካኽቱ ዋላ'ውን ብዘሐ. ዘትካኽዎ ሽጋራ እንተኣጉደሉ፥ ካብ'ቶም ብፈኒሳ ዘትካኹ ሰባት ብኽልተ ዕጽፊ ዝዘይድ መረዙቲ ቀመማት ከምዝኸሕቡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚሽጎታ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ይገልጽ፡፡

እቶም መጽናዕትታት ከምዝረጋገጽዎ ከበድቲ ኣትካኽቱ ውሑድ ሽጋራ ኣብ ዝኸሕቡሉ እዋን ንፍሲ-ወከፍ ሽጋራ ኣዕሚቐምን ንነውሕ ዝበለ ግዜን ብምስሓብ ንዋሕዲ ኒኮቲን ይትካእም፡፡ እዚ መጽናዕቲ ምስ'ቲ ኣቐድም ኣብሉ ዝተጠብረ ምጉዳል ብዘሐ. ሽጋራ ጥዕናዊ ጸገማት ከምዝዀኑድል ዝገልጽ መጽናዕቲ ክሳኒ ክኢሉ ኣሎ፡፡ መደምደምታ ናይ'ዚ መጽናዕቲ ድማ ብዘሐ. እተትካኽ ሽጋራ ምኽሊይ ኣብ ጥዕና ዝኾነ ረብሓ ከምዘይብሉ እዩ ዝገልጽ፡፡ ኣትካኽቱ ካብ ካንሰር ይኹን ካልኦት ብምትካኽ ዝስዕቡ ሕማማት ንምድሓን እቲ እኹ ኣማራጺኡም ምትካኽ ሽጋራ ፈጸምካ ምቁራጹ ምኳኑ እቲ ኣብ መጽሔት ሳይንቲፈክ ኣሜሪካን ዝወጸ ሓበሬታ የረድኦ፡፡

ስለዚ ተሞ ብመሰረት ተብጺሑ ዘሎ መጽናዕቲ ኣብ ጥዕናኻ ዘተኣማምን ምምሕሮሽ ክትገብር እንኳዕኑ ዝሽጋራ ቶባኮ ኢልካ ክትገድፍ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምኳኑ ክንሕብረካ ንደሊ፡፡ ሽጋራ ብኸመይ ክተቋርጽ ትኽእል ድማ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝርዝራዊ መብርሂ ኣሎዎ፡፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ መጽሔትና ኣውጺእናዮ ነርና ኢና፡፡

ዝሓጺረ መለለዩ ከነታት ጥንሲ

ሕዮ፥ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ፍኑው ርክብ ምስ ፈጸመት፣ ጥንሲ ምሓዛን ዘይምሓዛን ብዘቐልጠፈ ኣብ ክንደይ መዓልታት እያ ክትፈልጥ እትኽእል? ግድን ወርሓዊ ጽግያት ክሳዕ ዘቋርጻ ድያ ክትጽበ ዘለዋ ወይሲ ብላባራቶሪ ኣብ ሓጺር እዋን ኪፍለጥ ይከኣል እዩ?

ነጃት - ካብ ከረን

መልሲ፥ ኣብ ሕክምና ህላወ ጥንሲ ንምርግጋጽ፣ "HCG" ዚብሃል ሆርሞን ምህላዉን ዘይምህላዉን እየም ዘረጋግጽ፡፡ እዚ ሆርሞን'ዚ እንተዘይሃልዩ፣ ጥንሲ የለን ማለት'ዩ፡፡ ህላውኑ ኣብ ሽንቲ እንተ ተረጋገጹ ግና ጥንሲ ከም ዘሎ እዩ ዘሕብር፡፡ እዚ ሆርሞን፣ ጥንሲ ምስ ተፈጥረ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ከምዕብል ይኽእል'ዩ፡፡ ምድንጋር ንኸይፍጠር ግና፣ እታ ጓል ኣንስተይቲ ምጥናሳን ዘይምጥናሳን ንምርግጋጽ ድሕሪ 14 መዓልታት እያ ላቦራቶሪ ክትጉበር ዚግብኣ፡፡

ዝሓሸ ኣገባብ ኣመጋግባ

ሕዮ፥ ኣብ ኣርብዓታት ዝርከብ ነጋዳይ እዩ፡፡ ኣብ ሰብኣተይ ቅሩብ ናይ ምኽራሽ ኩነታት እረአየ ስለዘሎ፥ ናይ ኣመጋግባ ለውጢ ክገብር ወሲነ ኣለኹ፡፡ ብብዙሓተ'ውን ተመሳሳሊ ምኽሪ ይቐርበለይ ኣሎ፡፡ ሰብኣን ቅብኣትን ዘለዎ ክምጉብ ከም ዘይብለይ ተረዲኡኒ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ጉዳይ ምኽሪ ክትህቡኒ ድልየ ዘለኹ፥ ጥዑይ ሂወት ንኽመርሕ እንታይ ዓይነት መግቢ'የ ከዘውትር ዘለኒ፡፡ ካብ ኩሉ ስጋን ውጽኢት ጸባን ፈጺመ ደየ ክርሕቕ ዘሎኒ ወይስ ብመጠኑ እንተኾይነየ ዝሓይሽ፡፡ ምኽርኹም ብህጹጽ ኣጉዲሱኒ ኣሎ፡፡ ኣሃውን ድሮውን ገለ ስጉምትታት ክወስድ ጀሚረ እንተኾንኩ፥ ውርጹጽ ምኽርኹም ክትህቡኒ ኢሉት'ት፡፡

ፍስሃየ ቦኽረ ካብ ዞባ ማእከል

መልሲ፥ ዝተመጣጠነ መግቢ. ብምብላዕ ወይ ኣብ መግቢ. ኣወሳሰዳ ጥንቃቐ ብምግባር ጥዕናና ክንሕሉ ከም ዝኾነ ርዱእ ነገር እዩ፡፡ ትሕዝቶ ስጋ ዘይብሉ መግቢ. ምምጋብ (Vegetarian diets) ይብሃል፡፡ ኣሕምልትን ኣቐጽልትን ዝምገብ ሰብ እኹል ቫይታሚናት፥ ማዕድናትን ካብ መንሸሮ ዝመጹ ውህደታትን ይረኽቡ፡፡ ኣሕምልትን ኣቐጽልትን ብብዙሓ. ምምጋብ ካብ ከም በዓል መንሸሮ፥ ሽኮርያን ሕማም ልብን ዝኣመሳሱ ሓደስ ሕማማት ከም ዝመጹ ዝተጎዳደ ሳዕንሳዊ ምርምር የረጋግጽ፤ ብዘዘዝሉ ሊቃውንቲ ሕክምና እውን ዝድገፍ ኣገባብ ኣመጋግባ እዩ፡፡ ካብ ስጋ ርሒቕም ኣሕምልትን ኣቐጽልትን ዝምገቡ ሰባት፥ ብሰንኪ መግቢ. ክስዕቡ ንዘኽእሉ ሕማማት ንምክልኻልን ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ንምሕሊውን ሓጊዝ ስለዝኾነ ዝተባዕ'ዩ፡፡

እቲ ካልእ ኣገባብ ኣመጋግቡ ስጋን ውጽኢቱን ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ ውጽኢት እንስሳ (ስጋ፥ ጸባን ውጽኢቱን እንቋቒሖን ካልእ ውጽኢት እንስሳታትን) ዘይምውሳድ እዩ፡፡ እዚ ኣገባብ "Vegan diets" ይብሃል፡፡ ኣብ ጉዳይ ጥዕና መጸእኑ እዚ እቲ ዝሓሸን ውጽኢታውን ኣገባብ ኣመጋግባ ምኳኑ መጽናዕታት ሕክምና የረጋግጹ፡፡ ዝኾነ ውጽኢት እንስሳ ዘይምዝሙ ሰባት ካብዩም ስጋ ዘይብልዎ ዝተሓተ ኮሌስትሮልን ስብሕን ካሎሪን ስለዝወስዱ፡ ኣብ ጥዕና ኣዝዩ ውጽኢታዊን ኣተኣማማንን እዩ፡፡

እሞ ፍስሃየ ንሕዮኻ ሓጺርን ንጹርን መልሲ ረኺብኻሉ ክትካወን ንትሰፍ፡፡ ንዘይዳ ሓበሬታ ግና ሰብ ሞያ ክተማኽር ወይ'ውን ኣብ መጻሕፍቲ ወይ'ውን ኣብ ኢንተርነት ክትፍትሽ ንመኽረት፡፡

ስለምንታይ ጭስሚ ኣይብቁለን

ሕዮ፥ ደቀንስትዮ ስለምንታይ ከም ናይ ደቂተባዕትዮ ኣብ መንሸሸን ምዕጉርተንን ጭስሚ ኣይብቁለን? ብዛዕባዚ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ክትህቡኒ ደልየ ኣለኹ፡፡

ደሃብ ካብ ጊንዳዕ

መልሲ፥ ሕጽር ዝበለ መልሲ ኢና ክንህበኽ ደሃብ፡ ኣብ ደቀንስትዮ ሕጽረት "ፕሮጀስትሮን" እተባህለ ተባዕታይ ዝኮብረካ ሆርሞን ስለዘለወን ጭሕሚ ኣየውጽኣን እዮ፡ ደቂተባዕትዮ'ውን ብዘመሳሰለ ሕጽረት "ኣስትሮጅን" እተባህለ ኣንስታይ ዝኮብረካ ሆርሞን ስለዘለዎም ነም ናይ ኣዋልድ ዝምዝርም ኣጥፍት ኣየውጽኡን፡ ኣብ ካልእ ኢጋጣሚ ሰፍሕ ዝበለ መልሲ ክሃለ ንረኽበልኪ ወደሓንኪ፡፡

ከኒታት ድቃሰን ኣፍራይትት

ሕቶ፥ ኣብ 30ታት ዝርከቡ መንእሰይ ሰራሕተኛ መንግስቲ እዩ፡፡ ካብ ስርሒይ ምስ ተፈደስኩ ካልእ ተወሳኺ ዝዓሞ ስራሕ'ውን ኣለኒ፡፡ ምጡን ምዝንጋዕ'ውን እፈቱዩ፡፡ ጥዕናይ ንምሕላው ኣብ መዓልቲ ግድን 8 ሰዓት ወይ ልዕሊኡ ክድቅስ ከም ዘሎኒ ድማ እፈልጥ'ዩ፡፡ ዝያዳ ኣፍራዱን ዕዉትን ክኸውን እንታይ ተገብርኩ ሓይሽ? ኣብ ጉዳይ ሰዓታት ድቃስ ዘሎኒ መረዳእታኽ ከመይ እዩ? እንተሕጸርኩዎ ንጥዕናይ ሃሳዩ ‘ዶ ኸውን? ብዛዕባዚ ጉዳይ ክተማኽሩኒ ደልየ ኣለኹ፡፡

ገሬ ካብ ኣኽርያ

መልሲ፥ ድቃስ ኣብ ሂወትና ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ካብ ምብዝሕ ድቃስ እተላዕለ ኣብ ኣፍራይትካ ብኣሉታ ክጸልወካ የብሉን፡፡ ብሕልፊ ግዜኻ ብግበእን ኣብ ቁምነገርን ተወሰሎ እንተኸንኑ ኣብ መዓልቲ 6 ሰዓት እንተደቂስካ ንጥዕና እኹል ምኸኑ እተኣዋዱ መጽናዕታት ይገልጹ፡፡ እቲ ዝተረፈ 18 ሰዓት ዝበዝሐ ኣብ ቁምነገር ብምጡን ዓቐን ድማ ኣብ ምዝንጋዕን ምስ ስድራቤትን ክተሕልፎ እንተኽኢልካ ጸቡቕ'ዩ፡፡

ዝኒ ክትስማመድ ንጋ21 መዓልታት ካብ'ቲ ልሙድ ሓደ ሰዓት ቀዳምነ ካብ ድቃስካ ተብረብር፡፡ ድሕሪኡ ሰዓታት ድቃስካ እናቐነሰካ ኣፍራይትካ እናዕቦካ ክትከይድ ኢኻ፡፡ ኣብ ጉዳይ ድቃስ እቲ ቁምነገር ኣብ ብዝሐ ሰዓታት ዘደቀሳ ኣብ ዓይነት እዩ ዝምርኮሰ፡፡ ስለዚ ከኒታት ድቃስ ብምምዕርራይ ብዝሐ ናይ ኣፍራይትት ሰዓታትካ ክተወሰኽ ትኽእል ኢኻ፡፡

ቅልጡፍ ምልክት

ሕቶ፥ ሓደ ተሰካሚ ኤች ኣይ ቪ ዝኾነ ሰብ፡ ተሰካሚ ኤች ኣይ ቪ ምኳኑ ብቐዳምነት ዘርእዮ ምልክት እንታይ እዩ?

ሳሊም ካብ ኣስመራ

መልሲ፥ ብፍሉይ ዘርእዮ ምልክት የብሉን፡፡ መርመራ ደም ብምግባር ጥራይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል፡፡ ሓደ ተሰኮሚ ኤች ኣይ ቪ ዝኾነ ሰብ ኣብ ትርኢቱ ምንም ምልክት ከየርእዩ፡ ጥዑይ መሰሉ ንዓመታት ክጽንሕ ይኽእል'ዩ፡፡ እዚ ድማ ንረኣይኡ ጥራይ ዘይተነ ዋላ ንዅሉ ርእሱ ከይርድኦ ወይ'ውን ከደናግሮ ይኽእል'ዩ፡፡ ስለዚ ሓደ ሰብ ኑብሱ ስለዝወድአ ወይ ምልክት ዕብራን ስለዘርኣየ "ተሰኮሚ ኮይኑ'ዩ" ናብ ዝብል መደምደምታ ኩብጽሓና ኣይክእልን፡ ስለዝኾረሸ ወይ ዝጠዓመ ስለዝመሰለ'ውን "የብሉን" ኣብ ዝብል ግምት ወይ መደምደምታ ኩብጽሓና ኣይክእልን እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ጉዳይ ኤች ኣይ ቪ እቲ እኹ መረጋገጺ መርመራ ደም ብምግባር ጥራይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል፡፡ እዚ ድማ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ኣብ ዘሎ ማእከላት ጥዕና ይኹን ኣብ ወለንታዊ መመርመሪ ደም ኬድካ ብቐሊሉ ክፍለጥ ይኽእል፡፡

ወርሓዊ ጽግያት

ሕቶ፥ ተመሃሪት 10 ክፍሊ እዩ፡፡ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ዝመጽኣኒ እዋን ቅሳነት እስእን፡፡ ሰባት ብቐሊሉ ዝፈልጡኒ ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡

ሰማያዊት ዐቕባይ ካብ ማይ ተመናይ

መልሲ፥ ሰባት ብምርኣይ ጥራይ ክፈልጡኺ ኣይክእሉን እዮም፡፡ መንዲል ንጽህና ብግበእ እንተወዲኾን ቡኽዋኑ እንተቀይርኽዮን ሓደ'ኳ ክፈልጠኪ ዝኽእል የለን ኣይትሰከፈ፡፡

ከኒና ዓሶ ከም መፈለሊ ጥንሲ

ሕቶ፥ ብዙሓት መንእሰያት ናይ ዓሶ ከኒና ክሎሮኩን (Chloroquine)፣ ጥንሲ ይንጽል'ዩ ኩብሉ ሰሚዐ ኣለኹ፡፡ ክኢላታት ስኩመድሂኒት ብዛዕባዚ ጉዳይ እንታይ ይብሉ? ሓቂ እንተኾይኑ ኸ ክሳዕ ናይ ክንደይ ወርሒ'ዩ ክንጽል ዝኽእል? ውሕስነቱ ኸ ከመይ'ዩ?

ስቲ ካብ ሳዕሳይ ከረን

መልሲ፥ ገለ መንእሰያት፡ ዘይተደልየ ጥንሲ ምስ ዘጋጥሞም፡ ናይ ዓቕሊ ጸገባት ይጥቀምሉ እዮም፡፡ እንተኾኑ ክሎሮኩን ሽሕ ግዜ ደኣ ኣብቲ ዕሽል ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ሃሲያታት ናይ ምፍጣር ተኽእሎታት ይሃልዎ'ምባር፣ ንጥንሲ ክንጽል ከም ዝኽእል ግና ክሳዕ ሕጂ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ዝኾነ ጽፉፍ ሓበሬታ የለን፡፡ ክኢላታት ስኩመድሂኒት ከም ዝሕብርዎ፣ ኣብ ገለ ኢጋጣሚታት ዓሶ ሓሚመን ክሎሮኩን ዝወሰዳ ኣዴታት ጥንሲ ከም ዝሸጸለለን እዩ፡፡ እቲ ጠንቂ ኸኣ እቲ ዝወሰዳኣ መድሂኒት ዘይኩሉ፣ እቲ ብሰንኪ ሕማም ዓሶ ዝኾነት ብርቱዕ ረሳኒ ምኳኑ፣ እቶም ሰብ ሞያ ይሕዙዩ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ እዮን እምባኣር፣ ብዙሓት ደቀ'ንስትዮ ክሎሮኩን ጥንሲ ዝንጽል መድሂኒት ስለ ዝመሰለን፣ ብዘይ ግበእ ኣጠቓቕማ ብምወሳድ፣ ኣይዳ ሞትን ዕንወት ጸላም ኩብዳን ዘጋጥመኑ፡፡ ልክዕ'ዩ፣ ኣብቲ መሓበሪ ወረቕት ናይ ክሎሮኩን፣ "ንጥንሳት ካብ ምሃብ ተቐጠብ" ወይ ከኣ "ንጥንሳት ክወሃብ ኣይግበኦን" ዝብል መጠንቀቕታ ይጸሓፍ እዩ፡፡ ምናልባት እዚ መጠንቀቕታ'ዚ እውን ንብዙሓት የጋጥሞም ይኸውን እዩ፡፡ እንተኾኑ፣ ኩሉም ከምዚ ዝተጻሕፈም መድሂኒታት፣ ጥንሲ ይንጽሉ'የም ክዘሃል ኣይክእልን፡፡

ከምዚ ልዓሉ ዝተገለጸ ምናልባት ሳሕቲ ናይ ኢጋጣሚ ክንጽሉ ዝኽእሉ'ውን ዝበዝሐ እዋን ግና ከይነጽሉ ኑቲ ዕሽል ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ሃሲያታት ጥራይ እዮም ዝረጥርሉ፡፡ ስለዚ ጥንሲ ክትንጽል ኢልካ ክሎሮኩን ምውሳድ ካብ ጠቕሙ ጉድኣቱ'ዩ ዝዓንዘቡ፡፡

ወግዒ ብሓሳባት

ፍልስፍና፡ ንልቦናን ሕጉስ ህይወትን

ኣሰር ሰለመን

"ካብ ዕጉብ ሓሰማ፡ ምስናይ ዘይዕገበቱ ሰብ ምኺን ይሓይሽ። ካብ ዕጉብ ዳንደ፡ ዘይዕጉብ ሶቅራጥስ ምኺን ይበልጽ"

እንግሊዛዊ ፈላስፋ ጆን ስቱዋርት ሚል

ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ "ንሓደ መንእሰይ ምስጢር ሕጉስ ህይወት እንታይ'ዩ?" ዝብል ሕቶ እንተዝቐርበሉ፡ ምናልባት "ጽብቕቲ መኪና ምውናን፡ እዋናዊት (Latest) ሞባይል ምሓዝ፡ ኣብ ጸቡቕ ቪላ ምንባር፡ ኣብ ዝበለጸ ረስቶራንት ፍሉይ ዓይነት መግቢን መስተን ምእንጋድ፡ ዝተመርጸ ኩዳንን ጫማን ምልባስ" ኢሉ ክምልስ ምኽኣለ ይኸውን፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ምስ ምብዝሕ ፍርያትን ምዕባለ ቴክኖሎጂን ዘመናዊ ኣኦብራን ተኣሳሲሩ፡ ኣተሓሳስባ ሰባት እናተቐየረ እዩ፡፡ ሰባት ንሓጎስ ኩብ ዝውንንዎ ንብረት እዮም ዝደልዩዎ ዘለዉ፡፡ ዝበዝሖ ነገር ክትውንን ድማ ገንዘብ የድሊ፡፡ በዚ ኸኣ ጣዕሚ ህይወት ምስ ገንዘብ ተኣሳሲሩ ጥራይ ስለዝርኢ፡ ገንዘብ እንተሎ ምሉእ ሓጎስ ኣሎ ዝብል መረዳእታ ዝሳዕረረሉ እዋን እዩ፡፡ ሓቂ እዩ፡ ገንዘብ ኣገዳሲ እዩ፡፡ የግዳስ ብገንዘብ ብዙሕ ነገር ምግዝእ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ሓጎስ ወይ ዕገበት ምግዝእ ግን ዝኽእል ኣይተሃንጹ፡፡

እቲ ወሩይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ኣረስቶትል፡ ምስጢር ሕጉስ ህይወት ኣብ ሰለስተ ከፊሉ ይርእዮ፡፡

1. መሰረታዊ ጠለባት (basic needs)
2. ሓላፍነት ዘለኽም ዕማም (responsibility)
3. ፍልስፍና (Philosophy)

ብኣመለኻኻታ ኣረስቶትል፡ ሰብ ሕጉስን ዘዕግብን ህይወት ክህልዎ እዚም ዝተጠቐሱ ሰለስተ ረቛሒታት ክማልኡሉ ኣለዎም፡፡ እቲ መሰረታዊ ጠለባት ዝበሎ ቀዳማይ ረቛሒ፡ ንዚም መግቢ፡ ኩዳኑ መዕቁቢን ካልእ ህይወትካ ኣብ ምምራሕ ዘድልዮ መሳለጥያታትን ንብረትን ዝምልከት እዩ፡፡ ብርግጽ ድማ፡ ምምላእ መሰረታውያን ጠለባት ሓደ ረቛሒ ናይ ሕጉስ ህይወት እዩ፡፡ ምኽንያቱ ሕጽረት ጠለባት ኣብ ኣእምሮ ጸቕጢ ፈጠሩ ሓጎስ ስለዘሀድምሁ፡ ምልኣት መሰረታዊ ጠለባት ግን በይኑ ሕጉስ ህይወት ክፈጥር ዝኽእል ኣይተሃንጹ፡፡ ወዲ ሰብ ህይወቱ ማሕበራዊ ብምኻኑ፡ ኣብ'ቲ ዝሰፈሮ ኮም ኣገዳሲ ወይ ገለ እጃም ዘለዎ ሰብ ክኸውን ይደሊ እዩ፡፡ ንሱ ዝፈጥረሉ ዕግበት ኣሎ፡፡ ኣገዳሲ ኮይኑ ክሰምየ ድማ ውልቃዊ ህይወት ካብ ምምራሕ ሓሊፉ ተወሳኺ ሓላፍነት ክሰክም ኣለዎ፡፡ ኣብ ስድራቤቱ ኣብ'ቲ ዝሰብረሉ ኮም ገለ ኣርእስቱ ወይ ተራ ክህልዎ ኣለዎ፡፡ ከም እንሰሳ ኩብዱ መሊኡ ስለዝደቀሰ ጥራይ ሕጉስ ክኸውን ኣይክኢልን'ዩ፡፡ ምእላይ ስድራቤት፡ ምዕባይ ቁልዑ፡ ውልቃዊ ወይ ሽርክነታዊ ዋጋን ምኽያድ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ኮበቢኻ ምውሳእን እጃምካ ምብርኻትን ገለ ካቦቲ ንሰብ ሓላፍነት ከምዘለኽምየ ዝግበር፡ ነዚ ዕማም'ዚ ብምስላጡ ድማ ዕግበት ዝፈጥረሉ ረቛሒታት እዩ፡፡ ኣረስቶትል ኮቲ ሳልሳይ ምስጢር ሕጉስ ህይወት ፍልስፍና ኩብል እዩ ገለጽዎ፡፡ እዚ ማለት፡ ምስትንታን፡ ምምርማር፡ ልቦና ዘዕቢ ሓሳባት ምምንጫው፡ ሓቅታት ምደህሳስን ምርዳእን፡ ሓድሕድ ምውጋዕን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን፡ ምክታዕን ምድናቕን ወዘተ. ማለቱ እዩ፡፡ ብኣገላልጻ ኣረስቶትል ምፍልሳፍ ዘይብሉ ህይወት ጣዕሚ የብሉን፡፡ ፍልስፍና ቀመምን መማቕርቲን ህይወት እዩ፡፡ በዚ ድማ እዩ ሓደ ካብ ወሰንቲ ረቛሒታት ሕጉስ ህይወት ኢሉ ኣስፊርዎ፡፡

ኣረስቶትል ምፍልሳፍ ሓደ ካብ ረቛሒታት ሕጉስ ህይወት ገይሩ ይግለጾ እምበር፡ ኣገላልጻኡ፡ ኮቲ ኣብዚ ዘመን'ዚ ኣብ ኣኩዳምያዊ ትምህርቲ እንምሃሮ "ፍልስፍና" ብዝብል ሰም ዝጽዋዕ ዓውደ ፍልጠት ብፍሉይነት ዝምልከት ኣይተሃንጹ፡፡ ብሓፈሻኡ ምሕሳብን ምምርማርን ማለቱ እዩ፡፡

ነዚ ዝተጠቐሰ ከም መእተዊ ተጠቒምና፡ ናብ'ቲ ቀንዲ ኣርእስትና ክንመጽእ፡፡ ፍልስፍና ማለት እንታይ ማለት እዩ? መንእሰያት ኣብ ፍልስፍና ዘለና ኣመለኻኻታ ከመይ'ዩ? ብዘዕባ ፍልስፍና ልክዕ መረዳእታ ዶኾን ይህልወና? ፍልስፍና ማለት ኣእምሮኻ ምጭናኞ ጌርና ንወስዶ ክንደይ ኮን ንኸውን?

እቲ ህቡብ ጀርመናዊ ፈላስፋ ኣሞኑኤል ካንት ንፍልስፍና "መርሓን ኣእምሮኣዊ

ምውሰዋስን ናይ ልቦና" ክብል ይገልጹ። በዚ ኣገላልጻ'ዚ እንተተመልከትናዮ፡ ፍልሰፍና ሰፍልጠት ኣይተሃንጽ። ወይ ልቦና ማለት ኣይተሃንጽ። ወይ ድማ ፍልጠት ማለት ኣይተሃንጽ። እንታይ ድኣ ፍልሰፍና ማለት ብዕምቁት ምሕሳብ ወይ ኣስተንትኖ (meditation) ማለት እዩ። ንነለ ኣስተንትኖ ጥራይ ዘይተሃ ግን ፍልጠትን ልቦናን ንምዕባይ ዝኾበር ኣስተንትኖ። በዚ ምኽንያት'ዚ ፍልሰፍና እትምሃሮ ነገር ኣይተሃንጽ። ብኣገላልጻ ካንት፡ "ፍልሰፍና ዘይተሃ ምፍልሰፍ ጥራይ ኢኻ ክትመሃር እትኽእል።" ብኸመይ? ንዝኽእ ሓሳባትካ ብምምርማር፡ ትዕዝብትኻን ተሞክሮኻን ብዘምሃረካ ወይ ዘይምሃረኹ ብዘዕባ ዓለም፡ ሕብረተሰብ ዘለካ ናይ ዝኽእ ርእሰኻ ርእይቶ ወይ ሓሳብ ምስ ናይ ካልኦት ሓሳብ እናዝመድካ ምስልሳል። ምፍልሰፍ ማለት ብዕምቁት ምሕሳብ ማለት እኳ እንተኾኑ ዝኾነ ሰብ ግን ብናይ ካልእ ሓሳብ ከይተጸልወ ናይ በይኑ ሓሳብ ኣልዒሉ ክፈላሰፍ ተኽእሎ የብሉን። ግደ ሓቂ ናይ ዝኽእ ርእሰይ እትብሎ ውጹእ ሓሳብ እውን የለን። ምኽንያቱ ነባቢኻ ማለት ወለድኻ፡ ኣሕዋትኻ፡ መተዓብይትኻ፡ መምህራንኻ፡ ኣዕሩኽቱ፡ ባህልን ልምዲን እምነትን ሕብረተሰቦ፡ ኣብዚ ዘመን'ዚ ድማ መራኸቢ ብዙሓንን ሰዋዊ ፍርያትን ካልእን ኣብ ሀገጽት ኣተሓሳስባኻ ዘይንዓቕ ጽልዋ ስለዘለዎም።

ስለዚ ምፍልሰፍ ማለት፡ ካብቲ እትፈልጦ ዝያዳ ኣብለጻኻን ኣዕሚቕካን ንኣተሓሳስባኻን ኣተሓሳስባ ካልኦትን ምፍታሽ፡ ብጥልቀት ምዕዙቡ ኣቐዲሙ ሰራቱ ዝጸንሐ ብህሎታትን እምነታትን ከምዝለዎ ከይወሰድካ ልክዕቱ ምፍታሽ፡ ካብኡ ብምብጋስ ድማ ንኣተሓሳስባኻ ከኣ ኣተሓሳስባ ካልኦት ብምድጋፍ ወይ ብምንጻግ ሓድሽ ርእይቶ ንምምንጫው ወይ ፍርዲ ንምሃብ ዕድል ምርኻብ ማለት እዩ። ርግጽ'ዩ ፍልሰፍና ብመንጽር ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክንጥምቶ እንክለና ናቱ ሞያተኛታት ናቱ መምህራን ኣለውዎ። እንተኾነ ናይ ፍሉያት ትዕድልቲ ወይ ክእለት ኣይተሃንጹ። ናይ ወሰናት ፍሉይ ዕማም እውን ኣይተሃንጹ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጥራይ ዝወሃብ ኮርስ እውን ኣይተሃንጹ። ብተፈጥሮ ኣብ ኩልና ዝርከቡ ወሁድ ኣካል ናይ ሰብኣውነትና እዩ። ህይወትን ዘሕተወዕል ኣእምሮን ዝተዓደልና ስለዝኾንና፡ ኩልና ናይ ምፍልሰፍ ተኽእሎ ኣለና። ሓቂ'ዩ ከይተፈላሰፍካ ምንባር ይከኣል እዩ። እኳ ድኣ ዝበዝሑ ሰባት ከይተፈላሰፉ እዮም ንህይወት ዝኸውሩዋ። ከይተፈላሰፍካ ክትሓስብ እውን ትኽእል ኢኻ፡ ንኣብሰት ዝኾነ ዕዮ ኣብ ምዕያይ ወይ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ምጽናዕ ክትሓስብ ግድን እዩ። እዚ ግን ምፍልሰፍ ማለት ኣይተሃንጹ።

ምፍልሰፍ ድኣ እንታይ እዩ? ምፍልሰፍ ማለት መሰረታዊ ሕቶታት እናልዓልኻ፡ ብዘተኾእለ መጠን ነቲ ዝበለጸ መረዳእታ፡ ነቲ ክብጹሕ ዝኽእል ዝለዓለ ርትዓ፡ ነቲ ናይ መጨረሽታ ሓቂ ምድላይ ማለት እዩ። ብዘዕባ እእምሮን ምስትውዳልን ምምርማር፡ ብሓጺሩ ብዘዕባ ሓሳባት ምሕሳብ ማለት እዩ። ፍልሰፍና ማለት ጥበብ ናይ ምስትውዳል ኮይኑ ብኡ ኣብኡ ናብ ጥበብ ምንባርን ምንብባርን ዝመርሕ እዩ። ከም ዓውዲ ሰፍልጠት፡ ኣብ ፍሉይ ሓቅታት ዘተኩር ኣይተሃንጹ። ፍልሰፍና፡ ንስምዒታት፡ ግምታት፡ ጸኒሕ ብህሎታትን እምነታትን ስኒሓሳባት፡ ዝወግ ርእይቶን ሓሳባትን ብሰቐፈታዊ ዓይኒ ምምርማር ማለት እዩ። ብሓጺሩ ዓውደ ውግእ ናይ ሓሳባት እዩ። ኣንጻር ድንቁርና፡ ሰረታውነት፡ ሃሜንነት፡ ዘይንጹርነት ዝኾደድ ግጥም ኮይኑ፡ ዳርጋ ንኹሉም ዓውድታት ባህርያውን ማሕበራዊን ሰፍልጠት ዝደህሰስ እዩ። ናይ መወዳእታ ሽቶኡ ከኣ ሓቂ ዝሰረቱ ሕንሳ ህይወት ምጕንጻፍ እዩ።

ተፈላሳፊ ዘልዕሎም ሕቶታት፡ "ኣነ እንታይ ይፈልጥ? እቲ ዘለኒ ፍልጠትን መረዳእታን ልክዕ ወይ ሓቂ ድዩ? እንታይ'ከ ክፈልጥ ይኽእል? ብኸመይ ክኸብር ይኽእል? እንታይ ክትሰፍ ይኽእል? ወዲ ሰብ እንታይ'ዩ? ህይወት እንታይ'ያ? ዓለም እንታይ'ያ? ሰብኣውነት፡ ሓሳቤ ፍቕሪ፡ ፍልጠት፡ ፍትሒ፡ ሞት፡ ሃይማኖት፡ እምነት፡ ኣምላኽ፡ ሞራል፡ ስምዒባር፡ ስሃባ፡ ልቦና ዝበሃሉ ኣምራትን ካልኦት ብዙሓትን ብልክዕ እንታይ እዮም. . . ወዘተ" ዝብሉ እዮም። ዝኾነ ሰብ ዝኾም ሕቶታት'ዚኣቶም ብዕምቁት ክሓስቦሎም እንተጀሚሩ ክፈላሰፍ ጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ብተፈጥሮ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍና ዝርከቡ እናኾዕ ኣብ ሓሳብና ዝመላለስ እኳ እንተኾኑ ገለኦም ሰባት ብዕምቁት ክሓስቦሎ እንክለው ገለኦም ድማ እንታይ ገደሲኒ ኢሎም ሸለል ስለዝብልዎ እምበር ብህይወት ክሳብ ዘለና ምሳና ዝኾብሩ እዮም። ሓደ ፈላሳፊ ከም'ዚ ይብል። "ፍልሰፍና ከተወግድ እንተደሊኻ፡ እቲ ዝሓሸ ምርጫ ኣብ ድንቁርና ክትነብር ምውሳን እዩ።"

እሞ'ኸ መንእሰያት ክንፈላሰፍ'ዶ ኣለና? ዝ ሕቶ'ዚኣ ኣብ ዘልዓልናሉ ወይ ክንምልሳ ኣብ ዝፈተንናሉ ግዜ፡ ድሮ ክንፈላሰፍ ጀሚርና ኣለና ማለት እዩ። ምፍልሰፍ ማለት ግን ንሓሳብኻ ጥራይ መርሚርካ ወይ ኩርኩርካ ናይ ዝኽእ ርእሰኻ መልሲ ምርኻብ ወይ ኣብ ባዕላዊ መደምደምታ ምብጽሕ ማለት ኣይተሃንጹ። ክትፈላሰፍ ናይ ካልኦት ሓሳባት እውን ምፍታሽን ምፍላጥን የድልዮ፡ ቅድሚ ሕጂ ደቂሱብ ዝተመራመርሉ ጉዳያትን ዝሃብዎ ርእይቶን ዘመንጨውዎ ሓሳባትን ምርዳእ የድልዮ፡ ናይ ፍሉጣት ፈላሳፋታት ታሪኽ ምንባብን ንሓሳባቶም ምስልሳልን የድልዮ፡ ካብ ወህሉል ተሞክሮን ፍልጠትን ወዲ ሰብ ተብጊሱ ክትመራመር እንክለካ ጥራይ ድማ እዩ ፍልሰፍና ዝኾውን፡ ካብኡ ተብጊሱ ክሳብ'ቲ ክትሓስቦ ዝኽእልካ ዕምቁት ክትጠልቕ እንክለኻ እዩ - ፍልሰፍና፡ ግን ንምንታይ ዕላማ? ሽቶ ፍልሰፍና እዚ ዝሰዕብ እዩ፡ ዝያዳ ፍልጠት፡ ዝያዳ ምስትውዳል ዝያዳ ብሩህ ኣእምሮ፡ ዝያዳ ርትዓውነት፡ ዝያዳ ሓጎስ ዝያዳ ህድኣት፡ ዝያዳ ሰላም፡ ዝያዳ ናጽነት. . . ተደምሚሩ ድማ ዝያዳ ልቦና ምጕንጻፍ እዩ፡ ፍልሰፍና ይብል ኣማኑኤል ካንት "ጸዕሪ ወዲ ሰብ

ንልቦና ኮይኑ. . . ዘይጽንቀቕ ባሕሪ እዩ።" ኤፒኩሩስ ዝተባህለ ፈላስፋ ብወኑ "ፍልስፍና፡ ምስትውዳል ዝሰረቱ ሕጉስ ህይወት ዘጎናጽፈና እዩ" ይብል።

ፍልስፍና ሎሚ ከም ዓውደ ትምህርቲ ተወሲዱ ከም ፍሉይ ሞያ እናተራእየ ስለዝመጸ ድኣ እምበር፡ እቲ ቀደም ዘበን ናይ ኩሉ ሰብ ዋኒን እዩ ነይሩ። ብዙሕ ግዜ ፍልስፍና ምስ ምዕራባዊ ዓለም ተኣሳሲሩ እዩ ዝግለጽ። ፈላስፋታት እናበልና እንጠቕሶም እውን ዳርጋ ኩሎም ኤውሮጳውያን እዮም ክበሃል ይኽእል። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ከይተረፈ ተጠቒሶም ዘለው ፈላስፋታት ኤውሮጳውያን እዮም። ስለምንታይ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ከባቢታት ዓለም ፍልስፍና ኣይነበረን ፈላስፋታት ኣይተፈጥሩን ወይ ድማ ናይ ፍልስፍና ታሪኽ የለን ማለት ድዩ? ኣይኮነን። ኣብ ኩሉም ሕብረተሰባት ማሕበራዊ ህይወት ዘማዕበሎ ልቦናን ስርዓተ ኣኦብራን ኣሎ። መሰረት ልቦና ድማ ካልእ ዘይኮነ ፍልስፍና እዩ። ስለዚ ፈላስፋታት ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ነይሮምን ኣለውን። ይፍለጡን ኣይፍለጡን ካልእ ሕቶ እዩ። ኩሉ ሰብ ናይ ምፍልሳፍ ተኽእሎ ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝበዝሕ ግና ኣድህበኡ ኣብ ዕለታዊ ዋኒን ስለዝቖንዕ ዝ፡ ተኽእሎ'ዚ ከይፈተሸ እዩ ንህይወት ዝሓልፋ። ካብ መንነ እቶም ብዙሓት ግን ገለ ፍልይ ዝበሉ ሓሳብቲን ተመራመርቲን ለባማትን ሰባት ይርከቡ እዮም። እቲ ንህይወት ሕብረተሰባት ዝሰርዐ ፍልስፍና ድማ፡ ምንጪ እቶም ኣዝዮም ለባማትን ሓሳብቲን ውልቀሰባት እዮም። በዚ መንጽር'ዚ ክንርእዮ እንከለና፡ ፍልስፍና ኣብ ኩሉም ህዝብታት ዝሰረገ ዘሎን እዩ። ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ዝርከቡ ኣህዛብ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንኣንብራኦምን ልቦናኦምን ዝሃሰጸ ናይ ዝኸ ርእሶም ፍልስፍና ነይሩዎም እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ እውን ብተመሳሳሊ።

ርግጽ እዩ ዘመናዊ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ኤውሮጳ ስለዝፈለመን ስለዝማዕበለን ኤውሮጳውያን ንፍልስፍና ከም ሓደ ዓውደ ትምህርቲ ፈልዮምን ትሕዝቶ ኣነጺርምን ስለዘስፈርዎ መሰረት ፍልስፍና ኤውሮጳ ክመሳሰል ይኽእል እዩ። ኣብዚ ዓውደ ትምህርቲ'ዚ ከም መወከሲ ዝጥቀሱ ኤውሮጳያውን ጥራይ እንተኾኑ እምበኣር ዘገርም ኣይኮነን። ብተወሳኺ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ዝሰረተ ሓደ ባህሊ ኣሎ። ባህሊ ውልቃውነት። ሓድሽ ሓሳባት ዘመንጨወ ወይ ፍሉይ ስራሕ ዝሰርሐ ወይ ዝመዝዘ ኣፍልጦ ናይ ምሃብን ምድናቕን ሰሩት ባህሊ ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሕብረተሰባት ዝጸንሐ ባህሊን ኣጠማምታን ግን ኣዝዩ ማሕበራዊ እዩ። በዚ ምኽንያት "እከለ ከምዚ ኢሉ፣ እከለ ከምዚ ፍሉይ ነገር ሰሪሑ ወይ ኣበርኪቱ" ኢልካ ኣፍልጦ ናይ ምሃብ ባህሊ ዳርጋ የለን። በዚ ምኽንያት ገለ ኣዝዮም ውሑዳትን ሞሑናትን ሰባት እንተዘይኮይኖም፡ ብፍሉይነት ዝጥቀሱ ሰባት ምርኳብ ኣጸጋሚ ይኸውር። እዚ ግን ፈላስፋታት፡ ሓሳብቲን ተመራመርቲን ስበኣት ኣይነበሩን ማለት ኣይኮነን። እቲ ካልእ ምኽንያት፡ ንፍልስፍና ልክዕ ከምቲ ኤውሮጳውያን ዝኾነሉዎ ከም ፍሉይ ዓውዲ ወይ ሞያ ይሕዝዎ ስለዘይነበሩ እዩ።

ኣብ ሕብረተሰብና ንኣቡት ቀዳሞት ኣቦታትና ክሳብ ክንደይ ለባማትን ሓሳብቲን ከምዝነበሩ ዘጎጽር መርትዖታት ብዙሕ እዩ። ስርዓተ ኣኦብራ ባህሊን ልምዲን ሕብረተሰብና ዝሃንጸ ልቦና፡ ምንጪ ሓሳብቲን ተመራመርቲን ሰባት ዘፍረዩዎ ምኳኑ ዘጠራጥር የብሉን። ቀዳሞት ኣቦዋት ዝሓደግዎ ኣሸሓት ምስላታትን ጽውጽዋያትን ዋዛታትን ኣብ ምህናጽ ኣተሓሳሰባን ልቦናን ሕብረተሰብና ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ፈጠርቲ ናይዚም ምስላታትን ጽዋታትን ዋዛታትን ትዕዝቡዩዎምን ኣጠማምታኦምን ኣብ ህይወት ክሳብ ክንደይ ዓሚቕ ምንባሩ ምግምጋብ ኣየጸግምን። ንህይወት ብዕምቈት ተዓዚቦም ልቦና ዘዕቢ ምስላታትን ጽዋታትን ዘመንጭው ኣዝዮም ለባማት፡ ሓሳብቲን ተመራመርቲን፡ ፈላስፋታት ኣበዋት ነይሮምና እዮም። እንተኾነ እዛ ምስላ'ዚኣ እከለ እዩ ኣውጺኡዋ ተባሂሉ ከም ጥቕሲ ውልቀሰብ ተታሒዙ ዝጸንሐ የለን። መን ኢሉዎ? መን ፈጠርዎ? ዝፍለጥ የለን። ከም ናይ ሕብረተሰብ ፍርያት እዩ ዝወሰድ። እምበር፡ ፈጠርቲ ወይ በዛልቲ ውልቀሰባት ምኳኖም ኣየጠራጥርን። ቡቲ ካልእ ሸነኽ ንኹሉ ሓሳባትን ፍርያትን ከም ወጽኢት ናይ ሕብረተሰብ ጌርካ ምወሳድ እውን ንዝኽሲ ርእሱ ሓደ ፍልስፍና እዩ። ካብ ውልቃውነት ዝያዳ ንማሕበራውነት ዘተኮረበ ፍልስፍና ጌርካ ክወሰድ ይኽእል።

ሎሚ'ኸ ከምኡም ዝኾነ ተመራመርቲን ሓሳብቲን ሰባት ይርከቡ'ዶ? ኣብ ርእሲ ልቦና ልቦና ዝወሰኽ ሓድሽ ምስላ ወይ ጽውጽዋይ ክምህዘ ዝኽእል ኣለና'ዶ? "ኣብዚ ዘመን'ዚ ፍልስፍና ኣብቂዑ'ዩ" ዝብሉ ወገናት ኣለው። "ሎሚ ወዲሱብ ዋኒን ኣብዚሕ ሽውዓት ኣግሬሕ ኣብ ስስወን ሃፍነፍን ስለዝኣተወ ንፍልስፍና ዝኸውን ግዜ የብሉን" ይብሃል እዩ። "ምፍልሳፍ ኣእምሮኻ ምጭኖኞ'ዩ? እንታይ ገይሽካ ትፈላሰፍ?" ዝብሉ እውን ኣይሰኣኑን። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን። ሰብ ብተፈጥሮኡ ዝሓሰብ ኣእምሮ ስለዝተዓደለ፡ ፍልስፍና ኣብ ዝኾነ እዋን ዘቋርጽ ኣይኮነን። ዘይውዳእ ጉዕዞ እዩ። ግን ኩሉ ሰብ ንፍልስፍና ቦታ ይህቦ ማለት ኣይኮነን። ቀደም ዘበን እውን እንተኾነ ከምኡ እዩ ነይሩ። ለባማትን ሓሳብቲን ተመራመርቲን ሰባት ጥራይ እዮም ኣብ ፍልስፍና ዝግደሱ። እሞ'ኸ ናይ ሎሚ መንእሲያት ንፍልስፍና ኮመይ ንዋምዖ? ክሳብ ክንደይ ኣደህቦ ንገብረሉ? የድልየና ድዩ'ኸ? ብርግጽ የድልየናን ፈረቓኑ። ምኽንያቱ ምፍልሳፍ ማለት ሕጉስ ምስትውዳልን ልቦናን ዝመልኣ ህይወት ምውናን ማለት እዩ። ምፍልሳፍ እንተጸለእኑ እቲ ዘሎ ሓደ ምርጫ ኮነ ድኻ ጥራይ መለእነ ኣብ ጸላም ድንቁርና ምንባር እዩ። ስለዚ ኣብ ብርሃን'ዶ ኣብ ጸላም ምንባር ይሓይሽ? እቲ ሕርያ ናይ ውልቂ እዩ። ግን ካብ ዕጉብ ሓሳባ ምስናይ ዘይዕግበቱ ሰብ ምኳን ይሓይሽ። ካብ ዕጉብ ዳንደ ድማ ዘይዕጉብ ሶቅራጥስ ይበልጽ። እቲ ቀንዲ ምስጠር ሕጉስ ህይወት ልቦና ምስትውዳልን ስለዝኾነ!

ብንጽል ምንባር ምቁር'ድዩ ዕረ?

ሚኪኤል ጸጋይ

ኣብ ገዛዕ ህይወትና ሰባት ብዙሓት ኣጋጠምቲ መወሰኑ ኣማዕበሎም'የምዩ። ንኡሽት ጥንቲ ዝሰረረ እንተርኢና ብዚይ መርዓ ሓሳሊፍካ ምወሰነ ነይሩ። ቀጺሉ ድማ ሓደ ምስ ብዙሓት ደቀንስትዮ፣ ሓንቲ ምስ ብዙሓት ደቀተባዕትዮ፣ ሓደ ምስ ሓንቲ፣..... ኣጋጠብ መወሰኑ መጺኡ። ሎሚ ሎሚ ድማ ፍልይ ዝበለ ምርጫ ኣሎብራ ይመጽእ ኣሎ፣ ከይተመርዓፃ ብንጽል ምንባር።

ብንጽል ምንባር ግን ምርጫ'ድዩ ወይስ ዕጫ? ካብ ሰባት ናብ ሰባት ዝፈላለ'ዩ። በዚ ኩይት ቦቲ ግን ኣብ ባህሊ ኩለን ብዘራትና ከይተመርዓፃ ምንባር ንኽልተኡ ጾታ ነም ጸቡቕ ኣይወሰድን'ዩ። ዝመቲራት ሕቶን መልስን ኣለወ። "ተመርዒኻዶ?"... "ኣይተመርዓንኩን".. "ኢሂ ቀርኒ ኮተወጽእ"... "እወ ተመርዕዮ"... "ግርም! ወለድካዶኸ?"..... " ኣይወለደኩን" "እሂ እንታይ ኩኽ?" "እወ ወለደ" "ክንደይ?"..... እቲ ሕቶ ዝመውጽእ ኣይኮነን'ዩ። "ዝወለደ ነበደ" "ጅር ኣይሓድ"፣ ዝደወለደ "ማይት በዴርቴ" ዝብሉ ምስላታት ኣጉዳስት መወሰኑን ምወላድን ዘርእዩ'የምዩ። ኣብ ነፃዝ ዝኸበርታ ሕብረተሰብ ከይተመርዓፃ ብንጽል ምንባር ዘይቅቡል'ዩ። "ኣበይ ክምርዖ'ዚ ምሸት ምሸት እናተመርዓወ" ዝብል ሕሚታ ይሰፍሕ'ዩ። ብኣንጻሩ ድማ "እንታይ'ዩ ዘይምርዖ ንምባርዶ ጉድለት የብሉን" ዝበሃል'ውን ይሰምዕ'ዩ።

"ሰ'ፐፑለ." እትብል ብወናም ደረፋይ ቴድሮስ ሓጎስ (እሩሩ) እትቖርብ ደርፊ ክሰምዕ'ኪሎ ካብ ምዝንግዓት ዝኽለ ወይ ካብ ሳዕሰዊት ዝወጽእ ዓርኪ ኣሎኒ። "መኣስ'ሞ ሰ'ፐፑለ ክሽወን መጽና ብጽገም እንዳኣልና ዘይተመርዓና፣ እንታይ'ዩ ክብለና ይደልዩ እቲ ደረፋይ" ይብል። ብወኸይ "ኢታ ደርፊ ናብራ ሰ'ፐፑለ ብዘዮ'ኣ ኣብ ርእሲ ምግላጽ ሰ'ፐፑለ ንምኳን ዘምርሑ ጠንቅታት ስለ እተሰዕል ነታ ደርፊ ዘልእ የብልኻን" እብሎ። ኣይተዓወትኩን ግዩ። ኣጋጣሚ ኩይት እቲ ዓርከይ ክሳብ ሎሚ'ውን ኣይተመርዓወን ኣሎ።

ብዙሕ ሰብ ዘርከበሉ ሕጂ'ውን ብብዙሓት ዝኽምሎ፣ ሰብ ዝምርዓወሉ ምኽንያታት ዓቕመ ኣዳመሳዊን ብምብጽሑ፣ ንኢጋዊ ርክብ ብዘምልከት ሓደ ካብቲ ካልእ ተኣማንነት ክርከብ፡ ወለዱ ከዕቢ፣ ነም ምልክት ክብርን ዕቤትን፣ ናይ ሓብር ንብረትን ሃብትን ንምፍራይ'ዩ። ኣብ ዝኸኑ ኩርናዕ ዓለም መርዓን ሓዳርን ሕጂ'ዉን ኣገደስቲ'የምዩ። እንተኾነ ነም'ቲ ኣብ መኣተዊ ዝተጠቕሰ ብንጽል ምንባር (ብዘይ ሓዳር) ነም ሓደ ዘይታዊ ኣጋጣብ ናብራ እንተ ነም ምርጫ እንተ ነም ዕድሎት ኣብ ብዙሓት ሃገራት እናበዝሐ ይመጽእ ምህላዉ ይፍለጥ።

ስለምንታይ'የም ብንጽል ዝሱቡ ሰባት እናበዝሑ ዝመጽኡ ዘለዉ? ምናልባት ነም ሓደ መልሲ ክወሰድ ዝኽእል ኣብዚ እዋን ኣሎ።

ኣብዚ ሰባት ንናብራ ዝኸፍኑም ሃብቲ ወይ ሞያ ቅድሚ መርዓኦም ክሕዙ ይደልዩ ኣለዉ። ቀደም ኣብቲ ታሪኻዊ ሕብረተሰብ እዚ ዝተጠቕሰ ብዙሕ ተገዳስት ዝወሃቦ ኣይነበረን። ዕድሚኦም ዝኣኸለ መንእሰያት (መብዛሕትኡ እዋን ትሕቲ ዕድመ ከለዉ) ብወለዶም ኣብ ዝሰራሕ መርዓ ይኣትዉ ነበሩ። ናብራኦም ድማ ቦቲ ልሙድ ንዋፈታት ማሕረስ ወይ ገለት ወይ ድማ ኣብ ከተማ ብሽቕሊ እናተመርሐ ግንባርም ዝዘለም ናብራ ይመርሑን ንጽጋት ነበም ኣመጻጽኡ ይሰዋርዎን ነይሮም። ሎሚ ግን ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ምዝዝም፣ ቅድሚ መርዓ ሞያ ምጨባጥ፣ ቅድሚ መርዓ ወርቅን ንብረትን ምእካብ ኣብ ኣደነበ ብዙሓት መንእሰያት ንረኽቡ። ኣብ ጸታዊ ዕርክነት፣ ፍቅራዊ ገዛዕ ወይ ብሓዳር ከይተቖረጐ ኣብ ፈንጠዚ ጸወታን ዝሓልፍ ዓመታት ደማ ኣካል ናይቲ ንመርዓ ምውንዝፍ'ዩ። ኣብዚ እዋንዚ ሰብ ንኽምርዖን

ሓዳሩ ንኽመርሕን ዘድልዮ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ከበዱ ምህላዉ. ንገለ ነዋርዊ. ዝመርጹ መንእሰያት ዕንቅፋት ምኳኑ ክብጽሕ ድማ ኣደ'ኳልን፡፡ ዕድሚኦም ኣብ መንገ 30 ክሳብ 40 ዝበጽሑ መንእሰያት ከይተመርዓዉ. ንመርዓ ዝመቸአ ዕድል ክጽበዩ ምርኣይ ነዋ ሓደ ኣብኡት ክወሰድ ይኽእሉ፡፡

ምዝንባል ምጣኔ (ረሾ) ናይ ክልቲኡ ጾታታት'ወን ማለት ኣብ ሓደ ሃገር ሓዳጊ ጾታ ዝያዳ እንተተዘሊሑ ነቲ ብዘይ ወለንታ ዚጋጥም ብጽጽል ምንባር ብዛጽሪ ንኽበዝሕ ካብ ዝጎዝሑ ጠንቅታት ሓደ'ዩ፡፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዝንባል ምጣኔ ደቀንስነትዋን ደቀተባዕነትዋን ብከዘተፈላለየ ምኽንያታት ደርኢ፡፡ ኣብ ቻይና፣ ህንዲ፣ ኮርያ፣ ታይዋን ንኣብኡት ሕጽረት መንእሰያት ደቀንስነትዋ ደርኢ፡፡ እዚ. ሕጽረት እዚ. ዝርኢ ብመሰረት ባህሊ. ናይተን ሃገራት ደቀተባዕነትዋ ምውላድ ተመራጺ. ስለዝኾኑ፣ ዝና ኣብ ኩብዲ ኣዳኢም ዘለዉ. ዕሸሳት ጾታኣም ብሕክምና እናተረጋገጸ ንዕሸሳት ደቀንስነትዋ ብምንጻል ወይ ድማ ምስ ተወልዳ ብምቕታል ቁጽሪን ስለዝወሕድ'ዩ፡፡

ኩናትን ስደትን'ወን ምጣኔ ክልተ ጾታታት ኣብ ሓደ ሃገር ካብ ዘዘፍብሉ'የምኑ፡፡ ንኣብኡት እኹል መጽናዕቲ ምንባር ዘድለኻ እንተኾነ ብስግራዶብ ኣብ ዝዘደድ ስደት ካብ ደቀ-ኣንስነትዋ ዝያዳ ደቀተባዕነትዋ ነገ ዝኸፉ ይግመት፡፡ እዚ. ድማ ኣብ ወሽጠ. ሃገር ይኹን ኣብ ግዳም መንእሰያት መዛኑኣም ኣብ ምርኣብ ሕጽረት ዘኸትል ምኳኑ ክሕሰብ ይኽእሉ፡፡ ምዝንባል ምጣኔ ጾታታት ብኩናት ይምጽእ ብስነዋዊ ምኽንያታት ብጽጽል ዝጎዝሑ ሰባት ንኽበዝሑ ዝድርኽ'ዩ፡፡ ኣብዚ. እዋን'ዚ. ነገ ቻይና ዝኣመሰለ ሃገራት ነቲ ምጣኔ ንምትዕርራይ ተቐባልነት ንልኣንስነይቲ ብቁጠባ ኩነ ብስለ. ንምርግጋጽ ደሰርሓ ምህላወን ይግለጽ፡፡

ካልእ ንምጣኔ መርዓ ዝቕንስነ ንብጽጽል ምንባር ዘተባዕነ ድማ እቲ ንዝሙሓት፣ ቅድሚ መርዓ ምውላድን ፍትሕን ነገ ሓጠኣትን ወርደትን ዝወሰድን ዝኾኑን ዝሰረ ሕብረተሰብ ኣብ ኣጠምዝትኡ ለወጠ. ምምጽኡ'ዩ፡፡ ዘይተመርዓዉ. መንእሰያት ቅድሚ መርዓኣም ብዕርክነት ክዘወሩ፣ ብዘይመርዓ ተኣኻኺቦም ክወልዱን ተመርዕዮም ክብታተኑን፣ ነገሚቲ ናይ ቅድም ተረር ኩኔ ስለዘይብሉ እዚ ለወጠ'ዚ. ሰባት ከይተመርዓው ክዘሩን፣ ብወሰነ ክወልዱን ብቅለል ምስሕሑብ ክፈተሑን ነገ ዘተባበዐ ይግመት፡፡

ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ንምምርዓው ድሉት ምስ ዝህልዎም መጽምድቲ ናይ ምርኑብ ዕድል ካብ ኣብ ደቀንስነትዋ ኣብ ደቀተባዕነትዋ ይዝብ፡፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ወዲተባዕታይ ንእሽቶ ንልኣንስነይቲ ናይ ምምርዓው ምርጫ ስለዝህልዎ ብዕድመ ንዘደፍኡት ንልኣንስነይቲ ከይምርዖ ዕድል ዝሸልእ'ዩ፡፡ ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት ግቢ. ንንእሽቶ ንልኣንስነይቲ ክመርዖ ቅብል ክኸውን ከሎ ንእሽቶ ወዲ ብዕድመ ንዘደፍኡት ንልኣንስነይቲ ክመርዖ ነገ ቅብል ኣይወሰድን፡፡ እዚ. ንብዙሓት ደቀንስነትዋ መዛኑ መጽምድቲ ከደረኽበ ዕንቅፋት ኣዩ፡፡ ንኣብኡት ወዲ 50 ዓመት ንንል 30 ዓመት ይምርዖ እንተዝህለዩ ካብ 38 ክሳብ 50 ዓመት ንእትርኽብ ንልኣንስነይቲ ዝጸበበ ናይ መወሰኑ ዕድል ይፈጥር ማለት'ዩ፡፡

ናብራ ሰፕፑል.ብዘነፍሰሎጂ ምምሕያሽ'ወን ንጽል ህይወት ኣብ ምምራሕ ኣበርክቶ ነገ ዘለዎ ይግለጽ፡፡ ንኣብኡት ካልእ ጥቕምታት መርዓ ገዲፍና፣ ሓደ ወዲ ተባዕታይ እንጀራ ሰሽሊታ፣ ጸቢሕ.ሰራሓ፣ ክዳን ሓጺብ እትሕግዝ ቦኣልቲ ቤት ክትህልዎ ይምርዖ ነይሩ፡፡ ሎሚ ግን ሳላ ሓጹብትን ከሽንትን ማሽናት፣ መገበ. ዘቐንነ ፍሪጅት ናብራ ሰፕፑል. ምቅላሉ ምስ ካልእ ረቛሒታት ተደሚሩ ንብጽጽል ምንባር ዘተባዕዩ ክሰፍል ይኽእሉ፡፡

ኣብ ገለ ሃገራት ብዘተሓዳደደ መጽናዕቲ ብጽጽል ምንባር ምርጫ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ዕድሎት ወይ ዕሻ ክኸውን ድማ ይኽእል'ዩ፡፡ ነባሪ ወይ ግዚያዊ ክኸውን'ወን ይኽእሉ፡፡ እዞም ዝነሰሉ ምዳብታት ነጥቂሱ ድማ ይኽእሉ፡፡

• ብወለንታኦም ንዝዘሉ ብጽጽል ዝጎዝሑ፣ እዚኦቶም ናይ ምምርዓው ድሉት ዘለዎምን፣ ግና መጽምድቲ ኣብ ምንዳይ ዘደጽሑ ብኣንጻሩ ሞያ፣ ትምህርቲ፣ ወይ ወፍሪ ኣብ ምኳናድ ወይ ኣብ ሃገራዊ ዕማም ገባደሉ'የምኑ፡፡

• ብወለንትኦም ንዝዘሉ ብጽጽል ዝጎዝሑ፣ እዚኦቶም ናይ ምምርዓው ድሉት ዘለዎምን፣ ግና መጽምድቲ ኣብ ምንዳይ ዘደጽሑ ብኣንጻሩ ሞያ፣ ትምህርቲ፣ ወይ ወፍሪ ኣብ ምኳናድ ወይ ኣብ ሃገራዊ ዕማም ገባደሉ'የምኑ፡፡

• ብወለንትኦም ንዝዘሉ ብጽጽል ዝጎዝሑ፣ ፈጺሞም ዘይተመርዓዉ. ኩይናም ዝ. ድማ ነገ ምርጫ ዝተቐበልዎ ወይ ሓንኣብ ተመርዕዮም ከሎቕዑ ድሕሪ ፍትሕ ንዳግማይ መርዓ ቶባ ዝበልኦ፡፡ ብጾታዊ ዕርክነት ሓቢሮም ዝጎዝሑ ቃልሒዳን ግን ክኣሰሩ ዘይደልዩ፡፡ ፍቕሪ እንተዝልዩ መርዓ እንታይ ይገብረልካ በሃልቲ፣ ነገሙ'ወን ዓለም ዝመሱ ፈለስቲ፣ ኢታያት፣ ደናግል ወዘተ ኣብዚ. ምድብ እዚ. ይኣትዉ፡፡ ብገለ ኢጋጣሚ ዝወለዱ ወይ ዝወለዳ ዝኢኣም የዕቢ'ምባር ሕጂ መርዓ እንታይ ክገብረልዩ በሃልቲ.....

• ብዘይወለንታኦም ንዝዘሉ ብጽጽል ዝጎዝሑ፣ መርዓን ሓዳርን ዝብሀት ወይ ዝብህጋ፣ መጽምድቲ ክረኽቦ ቁሊሕ ዝብሉ/ዝብላ ኩይናም ብፍትሕ ወይ ብሞት መጽምድቶም ዝሰኣኑ፣ ዕድመ መርዓ ብመጠኑ ዝሓለፍም፣ ወይ ቅድሚ መርዓ ዝወለዳ ወይ ዝወለዱ ክኸኑት ይኽእሉ፡፡

• ብዘይወለንታኦም ንሓዋሩ ብጽጽል ዝጎዝሑ፣ ብዕድመ ዝደፍኡ ፍቱሓት፣ ብዕድመ ዝደፍኡ መጽምድቶም ዝመትዎምን ዘይተመርዓዉን ኩይናም መርዓ ዘይዳልኡኻ እንተኾኑ ብሰንኪ. ዕድመ መጽምድቲ ክረኽቦ ዘይክኣሉ'የምኑ፡፡ በዚ. ድማ ንዓለም በይናም ክሓልፍዋ ምኳናም ኣሚናም ዝተቐበሉ'የምኑ፡፡ ከይምርዓዉ. ኣኻለወን ኣኻምራኣወን መሰናኽል ዝፈንቀሮም ንጽል'ወን ኣብዚ. ይምደቡ፡፡

ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቐሰ ምዳብታት ገለኡ ተቀምዲ'ዩ፡፡ ንኣብኡት ንምዚኡ ንጽል ዝጸንሐ ከምርዖ ይኽእል፡፡ ስለዚ. ካብ ብጽጽል ምንባር ወጺኡ ክህል ይኽእል፡፡ ግና'ኳ ተፈተሐ ድማ ካልእ ግዜ ንኸይምርዖ ክወስን ይኽእል፡፡ ኣብ ንጽል ተመሊሱ ድማ ይህል፡፡ እንተኾነ ገለ ሰባት እንተሰ ብምርጫ እንተሰ ኣብዚ ናይ መርዓ ዕዳጋ ብዘኾነ ዕንቅፋት ብዘይምዕዋተም ንጽል ህይወት ብቅዋምነት ዝመርሑ ኣለዉ፡፡

መርዓ ብዙሕ ጸጋታት ነገ ዘለዎ ብዙሓት ሰባት ይምሕሉ፡፡ ኣብ መርዓ መንፈሳዉን ኣነሳዉን ምዕባለኣም እትካታተሉም ሕጋዋነት ዝለበሉ ቅልዑት ይህልዉ'ኹ፡፡ ካብ ተጽሊሎ ዘድሕን ኣፍቃሪ ወይ ኣፍቃሪት ዝፈጥረልካ ኢጋጣሚ'ዩ፡፡ ምትሕግጋዝ፣ ምትሕልላይን ሓደ ነቲ ሓደ ምክንኻኻን ይፈጥር፡፡ ንኣብኡት ብዕድመ ዝደፍኡ መጽምድቲ ሓደ ነቲ ሓደ ዝገብር ሓገዝን ክንክነን ኣገዳሲ ክፋል ናይ ወሓሲ ህይወት'ዩ ክህል ይኽእል፡፡ መርዓ ዝኾነ ሰባት ናብ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ይልወጥ፡፡ መርዓ መማኽርትን መኻይልቲ ሸማርን ብጹይ ወይ ብጹይቲ ይፈጥረልኻ፡፡ ካብ ካልኦት ሰባት

እንተላይ ካብ ናይ ሲጋ አዘምደካ ዝኸወልኦ ምስጠር ንመጽምድትኻ ይንገር።

ብገጽል ምንባር'ወን ናቱ ብልጫታት ከም ዘለዎ ይገለጽ'ዩ። ብገጽል ምንባር ብሕትወና፣ ነጻ ኩንካ አብ ዝመረጽኦ ቦታን ዓይነት ስራሕን ንኽትሓቦር ዕድል ይህቡ። ሓደ ብገጽል ዝሰበር ሰብኣይ ኑቲ ዝመርሖ ህይወት ብኸፍዋዚ ዝነዕብ ገይሩ ገለጽዎ።

ከም ድላዩይ ዓው አለ የንዘቖ ዝሰምዒን ዝገለጽንን የለን። ወጀላይ ክኸወን ይኽእል ዝኸሕዲ የለን። ድሙ ከልቢ አብ ማእከል ገዛይ ከጥሪ ይኽእል ኣልግለን ዝብለኒ ድማ የለን።

ሓንቲ ሰበይቲ ድማ ንብገጽል ምንባር ብልጫኡ ብኸፍዋዚ ዝነዕብ ገለጻኣ።

ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጽኦት እሰርቲ ዝኹንኹ እሰመዓ። ምሽት ምሽት ድሪር ኮይሉ ኣይግደድን'ዩ። ምኽሳብ ገዛ ዝዘብዝክ መልጉም ምልጋብን ማስረ'ቲ አብ ሓዳር እትሰርሖ ኣይኮነን። ነብሳይ ከጸብጠቖ'ወን ኣይጭነቖን'ዩ። እዚ ድማ ካብ ዘሐገነሲ'ዩ።

ብገጽል ዝሰበሩ ሰባት ተሳጽሎን ጸምዋን ኣለዎም ዝዘል'ወን ዝተማለአ መገለጺ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ምስ ወላድ ወይ ኣባላት ስድራኣ እንተዘይሃለወ፣ ብዙሓት ካብኦተም ምስ ካልኦት አዘምደን ኣዕሩኽን ብዘይብርዎ ምትሕወዋሰን ምትሕግጋዘን ንጽምዋን ተሳጽሎን ይቖይርዎ አያምሩ።

ገለ መጽናዕትታት ከም ዝጠቖሰዎ፣ ብገጽል ዝሰበሩ ደቀ-ተባዕነተ ካብ ምርዕዋት ደቀ-ተባዕነተ ዝያዳ ብሕማም ተሳቖይቲ፣ ተጨነቖቲ፣ ተሰኳጨወትን ስነኣእምሮኣዊ ጉድለት ከጥቅዎም ዝኽእልን'የምሩ። ብገጽል ኣብ ምንባር ዝህሉ ነጻት ሰባት ብዙረት ነብሳም ክጉድኡ ወልፍታትን መስተን ከምዕብሉ ኢጋጣሚ ይፈጥር። ምርዕዋት መብዝሕትኡ ግዜ ዘዎድሊ ወልፍታትን ወልቃዊ ልማዳትን ከምዕብሉ ኣይክእሉን'የምሩ። ምኽንያቱ መብዝሕትኡም ደቀም ብዋበኣ ናይ ምዕባይን ሓዳርም ናይ ምኽብርን ሓሳፍት ስለዝሃሉሙ (ገዝዘም አብ ሓዳር ከውዕልዎ ስለዝገደዱ) ክኸውን ይኽእል። ብዘይካ'ዚ ምርዕዋት ሰብኡት ጥዕናኣም ዝሽናኸሽ ኣንቲ ስለዘለዎኣም ክኸውን'ወን ይኽእል።

ብቖልእ ወገን ብገጽል ምንባር ዝተቖበላ ደቀ-ኣንስትዮ ገዘኣንን ነብሰንን ናይ ምልዓልን ምስ መሓዙትን አዘምደን ርኽብ ብምግባር ተሳጽሎ አብ ምቕናስን ዝያዳ ደቀ ተባዕነተ ብልጫታት ከም ዘለወን ይኣመኑ።

ይኹን'ምባር ብገጽል ዝሰበራ ደቀ-ኣንስትዮ ካብ ብገጽል ዝሰበሩ ደቀ-ተባዕነተ ዝያዳ ዝሸገራሉ ኩነታት ኣሎ። ሰብኣይ የብለንን እናተባህለ ንጹታዊ ርኽብ ዝጥመታን ዝድፈራን ምኳነ'ዩ። ካብ ሓዳርም ወጺኣ ሲጋዊ ርኽብ ዝብሆት ሰባት መልክዕ ዓይኒ እትኸወን ብገጽል እትሰበር ጓልኣንስተይቲ'ያ። ካብኡ ሓሊፉ ደማ ግዳይ መታሳልትን ዓመጽትን ክትኸወን ትኽእል። ብዘይ ሰብኣይ እትሰበር ጓልኣንስተይቲ ንጹታዊ ርኽብ ብተደጋጋሚ እትሕለፍትን እትደፈርን ዋልታ ዘይብላ ሰብ ኢያ። አብ ገለ ሃገራት ገዘኣንን ንብረተንን ብዘያዳ ዝሰረቖ ወይ ክሰረቖ ዝኽእን፣ ኣኣዊ ማህረምቲ'ወን ዚጋጥመን ብገጽል ዝሰበራ ደቀ-ኣንስትዮ ምኳነ ጸብጻብ ፖሊስ የመልክዕ።

ብገጽል ዝሰበሩ ወይ ዘደወለዱ አብ ስራሕ ካብ ዚጋጥሞም ጸገምት ዝጥቖሰዎ'ወን ኣሎ። ኣለይ መለይ ዝብልዎ ሓዳርን ደቅን የብሉምን እናተባህለ ተወሳኺ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክሰርሑ፣ ዋላ ዝኸፈልሉ'ወን እንተኾኑ አብ በዓላትን መዓልታት ዕርፍትን ክሰርሑ ዝኽእሉ። ከበድ ስራሕ አብ ዘከይዱ ኮሚተታት ዝኽተፉ፣ አብ ዝጠዝሑ መሸ ዝለኣኹ ምኳናም ይገልጹ። ጸገም የብሉምን እናተባህለ ካብ ዞባ ናብ ዞባ ብቖይር ዝኸሰሩ ንኡዩም ምኳናም መረረኣም ይገልጹ።

አብ መደምደምታ ሰባት ጸምዋን ነጽኑን ጸበጥቖ'ዩ ናብ ዝብል ይዘምብሉ ኣለወ። ሞያዊ ስርሓት ንምምዕባል ንኡሱት ንምስኣል ወይ ንምጽሓፍ ወይ ሓድሽ ነገር ንምምህዝ በይንኻ ምኳን ከም ኣገዳሲ ዝርኢይዎ ኣለወ። መንእሰያት አብ መርዓን ሓዳርን ዝጋጥም ንእሽቱ ጌጋታት ዘለዎም ተጻወርኑት ምጕዳሉ ብደቖቕቲ ምኽንያት ናብ ፍትሕ የደህቡ ምህላዎም፣ "ነሳእ ትጨማለቅ ስራሕ ክሰበር ዝኽእል አብ ብርኪይ ዘኸተንፍስ ሰብኮ'ዩ" ዝብል ምሽኑይን ዘይምሽኑይን ኣረዳድኣታት አብ ግምት ኣእቲኻ ብገጽል ምንባር ከም ሓደ ኣገባብ ናብራ እናተመረጸ ክኸይድ ከም ዝኽእል ሓሳሎ ጹሓፍቲ ይተንብዩ። ሰብ ምስ ዓርኩ ወይ ምስ ስድራቤቱ'ከሎ ከምፒዩተር ወይ ሞባይል ብምጥዋቕ አብ ምዝንጋዕ ዝጸመደሉ ተርእዮ፣ ንኻልኦት ክንሰምዖሉ ዝተዓደለና ኣእዝን ሄድ ፎን ወይ ኢር ፎን ሰኹፅና መዚቃን ድራማን ናይ ቀረባ ዘመድና ኩይንሉ አብ ዘለወሉ እዋን ብገጽል ምንባር ዝህበክ ናይ ብሕትናን ነጽነትን ጺጋ ተባዚ ከይዝበር ዘዀቖል ኣይኮነን። እንተኾነ ቀጻልነት ሕብረተሰብን ምሉእነት ሰብን ብመርዓን ወላድን'ምባር ብገጽል ብምንባር ዝረጋገጽ ከም ዘይኮነ ክዘንጋዕ ኣይግባእን።

ጽሑፈይ ቦዝ ትሳዕብ ሰንጠረጅ ክድምድም።

ተመርዒ'ኻ ምንባር

- አብ ማእከል ስድራቤት ምመሳቖ፣ ተሳጽሎ ዘይምህላው
- እመን ወይ ተኣማኒት መጽምድቲ ምህላው (አብ ሲጋዊ ርኽብ)
- ተመርኃስነትን ፍቕርን
- ቁጠባዊ ትሕዝቶ ሓደ ካብቲ ካልእ ናይ ምጥቃም ተኽእሎ፣ ምትሕግጋዝ
- ዝሓለየልካ መጽምድቲ ይህለወ። አብ እርግናን ሕማምን ዝሕግዝካ ወላድ ምርኻብ
- ብኣዝማድ፣ ብፈተወትን ብስዕበን ማሕበራዊ ተቖባልነት ምርኻብ

ብገጽል ምንባር

- ብሕትወና፣ ናጽነት፣ ቀይዲ ዘይምህላው
- ምስ ዝመረጽኦ ሰብ ዕርክነት ምምስራት። ነጻ ኩንካ ምስ ብዙሓት ሰባት ብስራሕ ይኹን ብምያ ምርኻብ
- እናሻዕ ዝቀያየር ኣገባብ ህይወት ምምራሕ
- ረኪብካ ስኢንካ አብ ገዛ ነብሰካ ምምርኻስ
- ብዘይወለድ ናይ ምንባር ተኽእሎ፣ አብ እዋን እርግናን ሕማምን ሓጋዚ ምህላን (ንኡሱት አብ ዕረት ዝመርሕ
ዘዀቖርጽ ናይ ተመርያ ጸቕጢ፣ ክብሪ ምህላን፣ "ናይ ገለ ጸገም ኣለዎ" ሕሳጌታ

ባህሬን ሰኑ-ጥበባትን

“ካብ’ዶም ንመድረኽ ዘይፈርሁ’ዩ”

ድምጻዊ ኣኽሊሉ መብራህቱ (ኣኪለ)

ዮናስ ኣብርሃም

ልክዕ ኣብ’ታ ዝተጀጸርናላ ቦታ ምስ በጻሕኩ ንምርግጋጽ ደዊለሉ። ኣይተቐበላን። ተጠራጠረ ቁሊሕ ምሊሕ ኩብል ምስ ጀመርኩ ግና ደበኽ ኣሉ። ሓደ ካብ’ቶም ህቡብት ድምጻውያን መንእሰያት ኮይኑ፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ማለት ብትግርኛ፡ ትግረ፡ ዓረብ፡ ብሌንን ሕዳርብን ዝደርፍ ብምኗኑ ዝተፈልየ ብልጫኡ’ዩ። ብዘይካዚ ከም ተዋሳኢ’ውን ኣብ ገለ ፊልምታት ተሳቲፉ ዓቢ ኣድናቕት ዘትረፈ’ዩ።

ድምጻዊ ኣኽሊሉ መብራህቱ’ዩ። ኣብ 1984 ኣብ ከሰላ ሱዳን ዝተወልደ ኣኽሊሉ ገና ቁልዓ እንከሎ’ዩ ብዓብይቲ ሱዳናውያን ስነጥበበኛታት ደርፊ ከምሰጥን ኑቲ ዝሰምዖ ከዝይሞን ጀሚሩ። ኣብ ሱዳን ቤት ሰውራ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ድሕሪ ምኽትታል ኣብ 1995 ናብ ሓጋዝ መጺኡ። ኣብኡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ቀጺሉ። ኣብ 2003 ድማ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቱ ንምቕጻል ኣባል መበል 17 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ንሳዋ ወሪዱ። ድምጻዊ ኣኽሊሉ ኣብ 2002 ምስ’ታ ሓቢሓብ ኣብ’ዚ ደረጃ ዘብጽሖ ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ብምኗን፡ ክሳብ ሕጂ ስነጥበባዊ ንጥፈታቱ የካይድ ኣሎ። ምስኡ ዝተበርናዮ ዕላል እንሆ፡-

*** ኣብ ግዜ ቁልዕነትካ ከመይ ነይርካ ኣብ ባህርዳ ይኹን ኣብ ትምህርቲ?**

- ዋእ ብባህርያት እንተ’ኾይኑ ውሳይ ዝበልኩ ድኣ ይኹን’ምባር እዩ ብዓይነት ቁልዓ’የ ነይረ፡ እቲ ዋኒስ ናይ ጥሕና’ዩ። ኣብ ትምህርቲ’ውን እንተ’ኾነ ሰናፍ ኣይነበረኩን፡ ኣብ’ዚ ነም ፍሉይ ዝጠቕሶ ግና ቁልዓ ከለኹ ምስ ዓበይቲ ኮፍ ኣልኳ ምዕላልን ምውሳእን ባህ እብሎ ነይሩ፡፡

*** ናብ መዚቃ ዓለም ብኸመይ ኢኻ ኣቲኻ? ወይ ጽልዋ ዘሕደረልካ እንታይ’ዩ?**

- ኣብ ሱዳን ተመሪራይ ቤት ትምህርቲ ስውራ እንከሎኹ ብፍሉይ እምነቦን ብኽዘር ስምዒት ክብምርን እነሕረፈ፡ ብዘይኡ’ውን ዓበይቲ ሱዳናውያን ደረፍቲ ክደርፉ ክሰምዕን ክርእን ከሎኹ እምነቦ ነይሩ፡ ድሕሪኡ ናብ ሓጋዝ ምስ መጻእኩ፡ ኣብ’ቲ ዝመሃረሉ ዝበርኃኩ ቤት ኾኣ ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ስለ ዝበረት ኣብኡ እቲ ኣብ ወሳጠይ ተደገሉ ዝበረ ስምዒት ከንጸባርቕ ጀሚሩ፡ ኣብ’ቲ እዋን ከሎ’ኳ ዝዝዘልና ዝበረ መምህር ወልዱ ዳኘወ፡ ዓይኒ የውድቕለይ ነይሩ፡፡ “ዝኸኻ ኣብ መጻኢ ንዓኻ ደረፋይ ክትከውን ኢኻ” እብሎ ነይሩ፡፡ ቡቲ ቡዝእዋኑ ኣብ መድረኽ ዘቕርቦ ዝበርኩ ደርፍታት ድማ ብመንእሰያት ጸበቕቕ ተቐባልነት ክረኽብ ክኢሉ፡፡

*** ኣብ’ቲ መጀመርታ ኣብ መድረኽ ዘቕረብኩሉ ደርፊ ትዝከሮ’ዶ?**

- “ሞንኾ የለን ደዩ?” እትብል ናይ ሃ.ደ.ምጻዊ ይሕደጎ ዝብረመደህን’ያ ነይሩ፡፡

*** ብትግርኛ ትግረን ዓረብን ኢኻ ትደርፍ፡፡**

- እወ፡ ደርፊ ዝጀመርኩሉ ብቋንቋ ትግርኛ’ዩ ድሕሪኡ ብትግሪ ቀጺለ’ውን ብዓረብ’የ ክደርፍ ጀሚሩ፡፡

*** ብቓልእዝ?**

- ካልእ ቋንቋ ብሌኔ ኣረዳድኣሉን እደርፈሉን’ዩ፡፡ ብብዓወዳት’ውን እደርፍ’ዩ፡ ብሓጺሩ ዝኾነ ቋንቋ ነጽንዖ ኣደጽግመን’ዩ፡፡ ብፍላይ ናብ’ቲ ብብዘሐ ዝዘረበኡ ነበቢታት እንተተንኮኑ’ኳ ነጽንዖ ጸገም የብለይን፡፡

*** ቋንቋ ትግሪ ኣብይ ኢኻ መሊኽኑ’የ?**

- ኣብ ሱዳን ከለኹ’የ ኣጽንዖ፡፡ ቁልዓ ከሎኹ ብትግርኛ ትግረን ዓረብን እዝረብ ነይሩ፡፡

*** እንምሊዝ?**

- ንሱ’ውን ዝጀነረሉ ኣይኹን’ምባር ኣደለነሬሉን’ዩ፡፡

*** ከም ድምጻዊ መጠን ዝተፈላለየ ቋንቋታት ምፍላጥካ ክሳብ ክንደይ ንጥምታ ሓጊዙ?**

- ቋንቋ ሓይሊ’ዩ ሕብሪ’ዩ ብርሃን’ዩ፡፡

ኣብ ዝኸፈሉ ቦታ ኣይትጋሸሽኑ። ምስ በበይኑ ቋንቋታት ዝፈልጥ ብቐለሉ ክትረዳዳእን ክትዋነእን የኽእሎ፡ ብፍላይ ኣብ መዚቃ ደማ ብዘተፈላለየ ቋንቋታት ክትደርፍ ምኽኣል ዓቢ ትዕድልቲ'ዩ እየ ዝብሉ። ንኣበት ብዮረብ እናደረፍኑ ንህለን መንእሰን ሃገርና ከተሳ. የኽእሎ፡

*** ኣብ ገጅለ ባህሊ ኣሰር መኣስ ኢኻ ተጸንቢርካ?**

- ኣብ 2002'የ ኣብል ገጅለ ባህሊ ኣሰር ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንተማሪ ክሳምታዊ ሞኡዮት፡ ህዝቢን ሰራዊትን ባህላዊ ዕዳት ምስ ገበርና ኣብል መባል 17 ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምኻን ንሃዋ ወሪዳ። ኣብ ሳዋ'ውን ቡብሃዳታትካ ዝተፈላለየ ገጅለታት ባህሊ ስለ ዝሰራ ኣነ'ውን ኣብኡ ክዋነእ ጀሚረ። ነም ደረፋይ ዝተፈለየኩሉ'ውን ኣብ ሳዋ'ዩ። ድሕረኡ ነም ደረፋይ ክቐጽል እኽል'ዶ ኣይትኽልን ንሰበስይ ንምጊመ። ኣብ መወዳኣታ ክቐጽል ነም ዝኸኣል ኣሚ ክሰብ ሕጂ ከኣ እቐጽል ኣለኹ ማለት'ዩ። (ሱሓቕ)

*** ድሕረኡ?**

- ድሕረኡ ካብ ሳዋ ምስ ተመለስኩ ብቐጥታ ምስ ገጅለ ባህሊ ኣሰር ቀጺሉ፡

*** እቶም ኣብኡት ናይ'ታ ገጅለ'ሞ ከመይ ርኢኩዎም?**

- ክሳብ'ታ ኣይትኽልን'የ ነበልባል ዝኾኑ ደረፍቲን መዚቀኛታትን ኮይናም'የ ርኢ'ዮዎም። ክዚ ድሉት ስለ ዝሰረጊ ምስኡም ኮይነ ሞያይ ኣፅበየ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክወጽሕ ነም ዝኸኣል'ውን ተኣማሚጹ። ምስኡም ኮይነ ከኣ ብዮረብ ትግርኛ ዓረብኛ ክደርፍ ጀሚረ። ደጊመ ማለት'ዩ፡

*** ትዋስምን ዜማታት ተውጽእን ዲኻ ወይስ ድምጻዊ ጥራይ ኢኻ?**

- ዝበዝሕ ነምኡ'ዩ፡ ብዮረብ ትግርኛ ዓረብኛ ባህሊ ዜማታት ዝሰራሕኩሉ ደርፈታት ኣሎ። ግጥምታት እንተኾይኑ'ውን እቲ ሓሳባት ባህሊ'የ ዘየግሉ፡ ሓሳብ ምምሕጋው ነበድ'ዩ፡ ኣይተዓጠቐኩሉን'ማ'ር ግጥምስ ነጽሕፍ ምኽኣልኩ፡

*** ስለ ምንታይ'ሞ ዘይትሰጠቐሉ?**

- ኣነ ኣብበዝን ኣቡዚን ክኣቱ ኣይደለኹኑ'ዩ። ነም ድምጻዊ ጎርጎይ ክስሕል'ማ'ር፡ ኣብ ካልእ ተወሳኺ ኣማራጺታት ክኣቱ ኣይመረጽኩኑ'ዩ።

*** ገለ ካብ'ተን ዜማታት ዝሰራሕኩሉን ደርፍታት. . .**

- ንኣበት ኣብ ትግርኛ "ቻው" ዘርእስታ ጓይላ ኣሎ፡ ኣብ ዓረብ "ሓቢብዚ" ትብል ኣሎ፡

*** ብሄሬሉ ኣብ መድረኽ ዝተቐልቀልኩሉ ኣብይን መኣስ'ዩዩ?**

- ኣብ 2005 ኣብ ስታድየም ኣስመራ ኣብ ዝዘጋየደ ወግዓዊ ጸንብል ቦኔል ናጽነት "ወፍርና" ዘርእስታ ደርፈ ምስ ድምጻዊ ሰዓድ ብርሃኑ ኣቐሪበዩ፡ ድሕረኡ'ውን ኣብ 2006 ኣብ ባሕቲ መሳፍሪም ምስ ድምጻዊት ዛህራ ዓሊ እናተቐባበልና ብትግሪ ዝደረፍናያ ናይ ፍቕሪ ደርፈ'ውን ኣሎ፡

*** ድሕረኡ ከመይ ቀጸልካ?**

- ናብ ኣልበም'የ ሰገረ፡ ቀዳመይቲ ኣልበመይ ኣብ 2009 ዝሰራሕኩዋ "ይቕረ ልመዲ" ዘርእስታ ኮይና 11 ደርፍታት ዝሓዘት'ያ፡ እዚ ኣልበም ብመገዲ ያታና ኣርት ፕሮዳክሽን ዝተመዘገበት'ያ፡

*** ነም ቀዳመይቲ ስራሕኩ ማጠን ተቐባልነታ ከመይ ነይሩ?**

- ዘጣብዕ ተቐባልነት'የ ነይሩዋ፡ ልዕሊ ኹሉ ኹኣ ምስ ህዝቢ ዝደዳ ኣላልያትኒን ምድላው ኣልበም ክሳብ ክንደይ ኣብ ደረጃ ዓቕሚ ስለዝነበ ዋጋ ነም ዘለዎን ኣፕዝቢዝትኒ፡

*** ንመዛዘኻሪ ገለ ካብ'ተን ኣብ'ታ ኣልበም ዝሰራ ደርፍታትዶ ምጠቐሽኩልና?**

- "ዓይንኻ ቅጽዕዮ"፡ "ናትና'የ እቲ ውሑጅ"፡ "ሕንቅቅቲ" ወይ "እዛም ስድራ ቤትካ"፡ "ስብ ኣይትገዛቐ"፤ ብቐዳጅ ትግሪ'ውን "ትፃዊ" ገለ ካብ'ተን ኣብ'ታ ካሴት ዘለዋ'የ'ኳ፡

*** ኣብ ሰሳስቲኡ ቋንቋታት ማለት ምልክት ኣለኒ'ዶ ትብል?**

- ሰሳስቲኡ ካብ ቁልዕዕተይ ዘጽናዕኩዎ ስለ ዝኾነ ማለት'የ ዝጥቀመሉ፡ እዚ ቁሩብ ይኸብድኒ እዚ ይቐለኒ ዝብለሉ ዩብለይ'ዩ፡

*** ካብ ገጅለ ባህሊ ኣሰር ወጺኢ ምስ ካልኦት ገጅለታት ባህሊ'ኸ ትዋነእ'ዶ?**

- እወ፡ ንኣበት ምስ ነም ገጅለታት ባህሊ ቀደሕ መሪት፡ ሳሲና፡ ቢሻ ሰደራ ዝኣማሳለ'ውን እዋነእ'ዩ፡

*** ምስ ገጅለ ባህሊ ኣሰርከ?**

- ኣብ ኣፍሪቃ ኣወሮጴ ኣወስትራልያ'ኳ ሃገራት ዓረብን ተንቀሳቒስና መዚቃዊ ምርኢት ኣቐሪብና ኢና፡

*** ዝበዝሕ ደርፍታትካ ኣብ ምንታይ ዘዘኩሮዩ?**

- ዝበዝሕ ፍቕሪ'ዊ ኮይኑ ሃገራዊን ማሕበራዊን ደርፈታት'ውን ኣለዉኒ፡

*** ካብ'ተን ብመጽሲፍት ዝደዳ ተቐባልነት ኣለወን እትብለን ደርፍታት. . .**

- "ዓይንኻ ቅጽዕዮ"፡ "ናትና'የ እቲ ውሑጅ"፡ "ማሳስል"፡ "ብዘገድስ"፡ "ትፃዊ"፡ "ሳበር" ዝኣማሳለ'ዮ'ኳ፡

*** እከ ንእሽ ካብ ግቦሚ ናይዛ ዓይንኺ ቅጽዑዮ ኣዘግኽሮ?**

- "ኣይትፈልጥንኢኺ ጋሻየ ጋዓኺ፡

ኣነግና ዛዋየ ከሳቐ ብኣኺ።

ከሰፃፃየ መጺ አጸገመይ ስፃፃዮ

ዘረባይ ከሕጸሮ ዓይንኺ ቅጽዕዮ።

* ናይ መን'ያ እዝ ግቦሚ?

- ናይ ሰሃባ ነበኛ ሳሙኤል ኣልመደ ከይና፡ ዘመን መዝቀኛ ንጹርኣብ ገደስሰ ዝሰርሓ'ዩ። እዚኣ ዝያዳ ምስ ህዝቢ ዘሳለየትኒ'ዩ። ብዘይኡ'ውን ኣብ 2010 ሓንቲ ካብ'ተን ቶፕ ቴን ከይና ሽልማት ዝረኸብሓ'ዩ።

*** ንፍቅሪ ብልክዕ ዘንጸባርቅ ደርፍታት ኣሎኒ'ዶ ትብል?**

- ሰብ ዓቕሚ ኑብኡ'የ ዝዝብር። ብወከይ ኣሎኒ'የ ዝብል።

*** ብኡቡት እትጠቐሰን . . .**

- "ኣይኒ ሚስኪል" ብዓረብኛ ዝደረፍኩዋ ፍቅሪዊት ደርፊ ከይና፡ ዋላ ምድዋልኪ ይትረፈኒ ማስ ከል ጥራይ ግርስይ ባህይ ከድወሳልኪ፡ ድምጽኺ ትንፋሽኪ ክሳዕየ ከሎኹ ባህታ'የ ዝሰማኒ" እያ ትብል።

*** ሓንቲ'ዶ ክትድግመና?**

- "ናትና'የ እቲ ውሓዴ" ኣብ ዘርእስታ ደርፊ ድማ፦

"ዝይንጸጸል ከምተኽሊ ኣላንቲ፡

ከልተ ከሰናልብና ግን ሓንቲ።

ፍቓዱ ካብ ኮነ ብሓደ ከንሰበር፡

ዝሬልና የለን ከሳብ ታመቕበር....."

*** እኸል'ዩ . . . ግቦምን ዜማን ናይ መን'ዩ?**

- ግቦሚ ትክእ ኣለዎ ዜማ ግደይ የሃንሰ'ዩ።

*** ብዕጋቋ ትግረ ካብ ዝደረፍኮ'ን ናይ ፍቅሪ ደርፍታትከ?**

- "ሳብር" ኣብ ዘርእስታ ደርፊ፦

"ሳብርኣና እግልሻ ምኪ

ሰብርኣዩ ብኣስበርኮ

ሳብርኣና እግልሻ ምኪ

ወኣዘኣቱ ተሓለልኮ

ሰልኣዝከር እግል ፍትዩኪ

እትክል ኣካንረስፃሞኮ

ሰፍቲና እግል ልምባር ኣብ ሰፈሳል ኣሬምኮ". . . ዜማን ግቦሚን ናይዚኣ ድማ ሰሃባ'ዘ ሰዲድ ጃዕሊ'የ ኣዳልዮዋ።

*** ዛጊት ከንደይ ደርፍታት ኣሎኻ?**

- ደሮ ተዘርጊሑ ዘሎ ልዕሊ 30 ይኸውን'ዩ። ኣብ'ዚ ቀረብ እዋን እትዝርጋሕ 11 ደርፍታት ዝሓዘት ሲዲ'ውን ኣዳልየ ኣለኹ። ብክብርኛ ትግረን ዓረብኛ ማለት'ዩ።

*** ኣብ ባርያዊ ደምጺ ዲኻ ትኣምን ወይስ ከምፒዩተር ኣፈጃት ትጥቀም ኢኻ?**

- ኣነ ካብ'ቶም ንመድረኽ ዘይፈጋህ'ዩ። ከም እትፈልጦ ናይ'ዚ ዘመን'ዚ ስቱደዮታት ምዕቡል'ዩ። ካብ ማንዋል ናብ ዲጂታል ካብ እንሆዋር ዓመታት ተቐጺሩ'ስ። ስለ'ዚ ግድን ገለ ምትዕርራይ ክትገብር ባርያዊ'ዩ። ንኸምዚ ተዛለሉ'ውን'የ እቲ መሳርሒታት ተማሃዘ። ብዘተጋሽ ኣገባብ ደምጺኻ ናብ ደምጺ ርእዮት ክሰብ ዝቐየር ፍጹም ንመምጽኣ ዘዀፍልዋ ወይ ከም ደረፋይ ዘገሊ ክኸውን ግና የብሉን፡ እቲ ኣብ መድረኽ እትደርፈን ኣቐዲሙ ሰብ ብዘተፈላለየ መራኸቢታት ዝዕመፃሰ ፍልልይ ክህልዎ የብሉን፡ ኣብ ካሴት ወይ ሲዲ እትሰሃሰለ ኣብ መድረኽ'ውን ክድግመ ክኽእል ኣሎኒ። እንተዘይኮይኑ ኣነ ደረፋይ ወይ ደምጻዊ'የ ክብል ኣይክእልን'የ።

*** ሕብሪ ደምጺኻ ፍልይ ዝበለ ኮይኑ ደሎሞ፡ ባርያዊ ደየ ወይስ ባህልኻ ዘንጸባርቅ'ዩ?**

- (ሱሓቕ) ሕብሪ ደምጺይ ፍሉይ'የ ወይ ዝዘፈልየ ዓቕሚ ኣሎኒ ኣይብልን'የ፡ ዓቕሚ ኑብኡ ከም ዘበርክት'የ ዝኾምኑ፡ ደምጺ ከኣ ባርያዊ ትዕድልቲ'የ ቀጻሊ ድማ ብልምምድ እተማህበሎ'የ።

*** ከም ብዕጋቋ ዓረብ እትደርፍ መጠን ምስ ገለ ወጻሕታት'ዶ ተራኺብኪ ትፈልጥ?**

- ምስ ዓበይቲ ሱዳናውያን ሰሃባ'ዘ ደረፈ ኣለኹ። ብናታቶም መሳርሒታት መዚቃ ተሰንዲ ኣብ ኣስመራን ካርቱምን ማለት'የ። ብዘይኡ ኣብ 2013-2014 ከኣ ኣብ መደባራት ቴሌቪዥን ብኡ ናይልን ቲቪ ከሰላን ብዕጋቋታት ዓረብ ትግርኛን ትግረን ዝደረፍኩዎ ዝዘፈልየ ደርፍታት እናሰዩ ብዕጋቋ ዓረብ ቃለ መጠይቕ ገሮመሉዩ። ክሳብ ሕጂ'ውን ደርፍታተይ ኣብ'ታ መዚቃታትን ምስኡ ዝዘኣሳሰርን መደባት እትፍኖ መደባር ቴሌቪዥን ሱዳን'ውን የቃልሑዎ'የዎ።

*** ዘመናዊ ደርፍታት ኢኻ እዘውትር ገለ ባህላዊ ደርፍታትከ ትፈታትዎ'ዶ?**

- ዓቕምኻ ምፍላጥ ዓቢ ልቦና ምኻኑ'የ ዝኾምኑ። ኣነ ኣብ ዘመናዊ ደርፍታት'የ ከድምዕ ዝኸእል። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግና ባህላዊ ደርፍታት ዝመናዊ ደርፍታት እናዋህለሎ'የ ዝመጽእ ዘሎ።

*** ካብ ምንታይ'የ . . .**

- ደርፊ መሳስየ ጥራይ ጊርጎ'የ ዝሕሰቡ፡ ሓደ ድምጻዊ በሎ ዋላ ደረፋይ ባህላዊ እናደረፈ ሰብ እንዘይተቐጽዐሎ ሞራሉ ይወድቕ። ከሉ ሰብ ብደርፍታትካ ክሳሰስ ጥራይ ደየ ዘሎዎ? ነፍ ኣሉ ወይ ግቦ ከይኑ እናተዛሾ'ኻ ደርፍታትካ ከሰዝማቕሮ የብሉን ድዩ?

*** ብወገንኻ ባህላዊ ደርፊ ፈቲኽዶ ትፈልጥ?**

- ኣነ ዋላ'ውን ኣብ መገዲ መዚቃ እናሰማዕኩን እናደረፍኩን'የ ዝኸይድ። ባህላዊ ደርፍታት ከሰማየ ጥራይ'የ ደስ ዝብለኒ። ከድምሉ ከም ዘይኽእል ከኣ እርድኣ'ዩ።

*** እከ ብዘሰ'ታ ኣቐዳምጣ ዝጠቐመኻያ ሓዳስ ሲዲ ገለ ሓበሬታ ሃቡ. . .**

- እታ ሲዲ 11 ደርፍታት ዝሓዘት'ዩ። ብሰሰለስቲኡ ቋንቋታት ማለት'የ፡ ብመልክዕ ክሊፕ ተሳኢሉ ብDVD ክዘርግሕ'ውን መደብ ኣሎኒ። ኣብ'ዛ ሓዳስ ሲዲ ምክሪት ገጠመኒን ዘዀምትን መዚቃኛታትን'የም ተኣዚዝም ዘሎዉ። ኣብ ገለ ግቦምን ዜማን ሱዳናውያን ሰሃባ'ዘ ተሓጋዚሞ'ኒ ኣለዉ። ኣብ ገለ ደርፍታት'ውን ኣብ ርማ ኢጣልያ ምስ ጉጅለይ ገይሽ እንክለኹ ዝቐረጽኩዎ'ሞ ኢጣልያውንያ መዚቃኛታት ዝዘጋወቱዎ ኣሎ።

*** ከም ድምጻዊ መጠን ኑብኡ'ካ ኣብይ ኢኻ ትሰርግ?**

- ኣነ ኣብ'ዚ ሞያ ልዑል ፍቅሪ'የ ዘሎኒ። ብዘተፈላለየ ቋንቋታት ስለ ዝደርፍ ከኣ ከም ብልጫ'የ ዝወስዶ። ዝያዳ ኩሉ'ዳ ክደፍኦ'ን'ውን መደብ ኣሎኒ። እንተ'ተ ደረጃ ዝበልኦ'ዩ ግና ኣነ ብዙሕ ከም ዝዘርፈኒ'የ ዝኾምኑ ብየብኡ ግና ንህዝቢ ወይ ደርፍታት

ዝከተማቕሩ ኣፍቀርቲ መዚቃ ኤሓድት።

*** ምስ ካልኦት ደምጻውያን ዘሎካ ምውህህድ ከመይ'ዩ?**

- ጸበቕ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ኩሉም ኣብ'ዚ ሞያ'ዚ ዝሰጥሩ ስለ'ባህርያታት ልዑል ኣኽብሮትን ምኪንናን ኣለኒ። ምስ ብዙሓት እራኸብ'ዩ። በይንኻ እተድምጹሉ ሞያ ከም ዘጸለ ስለ ዝኾምኑ። ከሉ ግዜ ተሞክሮ እናተለዋወጥካ ኢኻ እትሓቢን ዝያዳ እተፍርጉ።

*** ብዘወሃ ንብዙሓት ዘዘርብ ጉዳይ ኮሚ ሪያትከ እንታይ ትብል?**

- እዋእ እዚ ደኣ ከም'ቲ ዝበልኦ ኩብ'ቲ ዘሕምመና ዘሎ ዓቢ ጉዳይ እንድዩ። ምስ ምምጽእ ዲጂታላይዜሽን ሰ ዋህዋህ ፍርያትና ኣዘዮም'ዮም ዝሃደቡ ዘለው። ምኽንያቱ ዝበዝሕ ሰብ ብፍላሽ ወይ ሞባይላት ኣብ ምዘርጋሕ'ዩ ዝርከቡ። ብኡ መጠን ድማ ነቲ ብኩሕ ድኾምን ወጽኢታትን እንጠብቖሉ ፍርያት ዓሰቡ ይጎድሎ'ሎ። ብወገኑ እዚ ዘመን ኣምጽኦ ኣሎና ዊ ተግር ተወጊዱ፡ ኣፍቃሪ መዚቃ ኢሮድናል ፍርያት ዓዲጉ ከስተማቕሮ'የ ዝመሕጽጹ።

*** ኣብ ግስ ፊልምታት'ውን ክትጥዕሕ ርኢኻ ኣሎኹ?**

- ሓቂ ይሓይሽ ኣነኳ ተሞኣይ'የ ኣይብልን'ዩ። ግና ኣብ 2006 ሓንቲ "እብሮት ሻም" ዘርእስታ ብዛንቋ ትግረ ዝተዳለወት መጽናዕታዊት መዚቃዊት ፊልም ነም ቀንዲ ባህሪ ኮይነ ምስ ድምጻዊት ካራ ዓሊ ፈተነ ነይረ። ብድሕሪኡ'ውን ኣብ 2009 "ሳህራ" ኣብ ዘርእስታ ናይ ትግርኛ ፊልም ንእሽቶይ ገጸ ባህሪ ሐዚ ተዋሲአ ኣለኹ። ምስ ሕጽረት ግዜ ደኣ'ምበር ኣብ'ዚ ዓውዲ'ውን ክፈታትን እየለ'ዩ።

*** ብመንጽር ክልቲኡ ጾታ ብዙሓት ኣሪኖ'ስን መሓዙትን ነም ዘለዉ'ኻ ሰሚዕካ . . .**

- (ሱሓቕ) ኣነ ኣብ ሱዳንን ሓጋዘን ነይረ'የ፡ ናብ ኣስመራ ካብ ዝመጽእ'ውን ሓጺር ኣይኮነ'ን። ምስኡ'ውን ነም ደረፋይ ምስ ብዙሓት ክሰለ ክኢለ'የ። ሰለ'ዚ እዚ ዝበልኦ ካብ'ዚ ዝጠበስ እመሳስሎ።

*** ብዙሓት ደረፍቲ ሓንጎብ ምስ ተፈለጡ ክንፍሉ መን ከሚይ ዝዳይቱ ባህሪ ከዝዘርፁ ደረጃዩ፡ ኮታ ዘሮብርም ባህሪ ተቀባሲም ኣብነም ነም ፍሉያት ሰለ ዝቐጽሩ ካብ'ቲ ግብር ህይወት ጸብለል ኣሉም ክረኣዩ ይደልዩ . . .**

- እዚ ዝጠቐሰኹዎ ሕመቕ'የ ዝብሎ ኣኔ፡ ምኽንያቱ ፍርያትካ ንህዝቢ ኢ.ኻ እተቕርቦ ፡ ነቲ ፍርያትካ ዘስተማቕርን ኣብ'ቲ ሞያኻ ነም እትቐጽልን ዝኾር ህዝቢ ከተኽብሮ ድኣ'ምበር ክትሰብየሉን ካብኡ ጸብለል ኣልካ ንሰኻ ሳዕሊ ሳዕሊ ክትጥምትን ግቡእ ኣይኮነን፡ ኣብ ነም'ዚ ዝጀመድ ደምጻዊ በሎ ዋላ ካልእ ኣብ ሰ'ጥባህብ ዝሰጥፍ ሰብ ንተቐባልነቱ ብኣሉታ ዘጸሉ ምኳኑ ክፍለጥ ዘለዎ'ዩ፡ ሽሕ ግዜ ብለጽ ደርፍታት እንተፍርሻ'ውንኸ ኣብይዳኻን ባህሪኻን ሰለ ዝጸሉ ክትከሰር ትኽእል ኢኻ፡፡

*** ደምጻዊ ምኳን የሐብዚ'ዶ?**

- ሓቂ ዘረባ ዝ. ሞያ ፈተኖን ረድኖን ዝኣተኹዎ ሰለ ዝኾነ ምስእ ሓጠን እስመሚ፡ እቲ ዘሐንሎ ወይ ዘሐብሎ ድማ ወቕጥዊ ስምዒተይ ከወጽእ ምኽኣለይ'ዩ፡ ከም'ቲ ብተደጋጋሚ ዝጥቀስ መዚቃ ዓለም ሰኾዊ ቋንቋ ስለ ዝኾነ ኣነ ከም ድምጻዊ ካብ ሃገረይ ወጺአ ምስ ካልኦት ህዝቢታት ከሳልየሉ ዝኽእል ባይታ ንምፍጣር እጽዕር ኣለኹ፡፡

*** ማስተ ከምዘይትቐርብ ሰማዕ ካብ ቀያም ደዩ. . .**

- ኣልኮላዊ ማስተ ኣብ 2004'የ ሃንደበት ሓንኣብን ንሓዋሩን ገዲፈያ፡፡ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ኮይኑ'ሎ ዋላ'ውን ብጌጋ ጥዒመኑ ኣይፈልጥኑ፡፡

*** ቅድሚኡ'ኸ?**

- ዋእ ከም ሰብይ'ዩ፡ ቁሩብ እጥዕመ'ምበር ክሳብ ሃለዋተይ ዘጥፍእ ጸምዶ ኣብ ኣልኮላዊ ማስተ ኣይሰበረንኑ፡፡

*** ኣብ ዝበዘሑ ደረፍቲ ግና ንመርሃዊ እናበሉ ኣልኮላዊ ማስተ ዋዘውትሩ'ዮም. . .**

- ሰብዩ ሕማቕ'ምበር ጸበቕ ዝደርፍ ኢ'ጠመሚ ኣይፈልጥ'ዩ፡፡

*** ማስልክ ዲኻ?**

- ሕጀስ ወዲኣ'ዮ እዩ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ክትሰደሙ ኢ.ኸምኑ፡፡

- ብሩኽ መልቲ ደግፎ. . . ኣብ መወዳኣ እንታይ ክትብል ምደለኻ?

* እቲ ዝበዝል ዳርጋ ኩሉ ኣልናዮ ኢና፡፡ በዚ ኢ'ጣጥሚ ግና ምትብብዖም ዝዘተፈልዩ ክበራት ወለደይ ከማሃዮ'ኸም እፈተ፡፡ ንእሽቶ ከሎኹ ኣትሒዝም ኣብ'ዚ ሞያ ዝኸነኑሰኒ ነም ሓሊፈ ጉጅለ ባህሊ ኣሪር ኣቶ ነጋሲ ገብረድንግል፡ ሰ ዋህዋህታት ሻም ቃልኣቡ መዚቀኛ ሄርኣብ ገየስሰ (ወዲ ሻወል)፡ ኮታ ንበመሉኣም ኣብኣት ጉ/ባ/ኣሰርን ብሓፈሻ ድማ ኣብ'ዚ ሞያ ዝተሓጋዝሂኒ ዝኣለዩን ዝዝምቲ ገጠመኒን መዚቀኛታትኒ ንኹሉም ደጊም ሃናጺ ርእይቶታትዩምን መኣረምታታትዩምን ንዝወፈልዩሉ፡ ብዩዘሉ ድማ ህዝቢ ብኣኣኽብሮ'የ ኣብ'ዚ ደረጃ በጺሕ ዘለኽሓ፡ ኣብ ዝቐጽል መደባተይ ዘልመደኽምሂ ሞራል ኣይፈለየኒ እናበልኩ ሞያዊ ምኪንናይ ኣቐርቡ፡፡

*** የዋጽልና ኣኽለሉ፡፡**

- ክብረት ይዝከሎ፡፡

ሓጺር ዛንታ

“መዋስብትና”

ምስእሓርሃን ሃብታይ

ብርሃን ወርሒ ዘይተሓወሰ ነበድ ጸዓም ዝዓለሙ ምሾት እዩ። ሳራ፡ ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ ዝ እንቋባይ ወልደዝቢ ኮይና፡ “ኣንተም ዝ ይሓንጾ ኣምሳኺም? ሰብ የለንዲዩ?” ክትብል ብጋውታ ደጋጊማ ተድሂኣ። እቲ ሓያል ከልብ፡ ብዘይ ፍቓድ ዋናታቱ ናብ’ቲ ደምበ ክትኣቱ ፈጺሙ ነምዝናፍቅደላ ትፈልጥ’ያ። ዝኾነ ክኣብ ዝኸውን ብዘይ ምቁሪጽ ንነ ትጸውሑ ንሱ ይኣብኣ። ደምጺ’ቲ ከልብ፡ ሓሽሺታ ናይ’ተን ኣብ’ቲ ደምበ ዝጋበ ኮብቲ፡ ንውሓት መሬት ናይ’ቲ ደምበ ከሉ ተደምምሩ ንጸወዓት ሳራ ክወጽሕም ናብ ዝዝበኡ ኣእዝን ንኽወጽሕ ኣየኽእሉን። ብድሕሪኣ ነበድ ጸዓሙ ብቕድሚኣ ዘደስበር ማዕጾ ኮይኑም ዘጨስቖዋ ሳራ፡ እንድዓ ደምጻ ኣብሪኑ “ተምዕ’ዝ! ጻባይ’ወስዝቢ! የለኽምንዲኽም?” ክትብል ወጨጨት። ካብ ገዛኣ ሽወዓተ ንዝወተ ሰብራ ናብ’ቲ ቦታ ክትዘጽሕ ከኣ ክንዲ ምንታይ ግዜ ነምዝወሰደላ ኣይተፈለጥኣ። ሽሉዘሽሉብ እናበልኣ፡ ወርሕን ነዋኾብትን ምህዋምን ዘይምህዋምን ከጸስተብዘሉት ሰብራ ኣቦ’ቲ ኣፍደገ ዝሓለፉ ካልኢታት ግን ኣዝዮን ነዊሕናኣ። ብቐደመ’ወን እቲ ልኡኽ ናብ እንጋባይ ወልደዝቢ ኮይኑ እዩ እዋማ፡ ናብ ካልእ ዝ እንተዝኸውን ኣብ’ቲ ነፀሞት እዋን’ቲ ሓራይ ኣላ ኣይምዝበለሉትን።

ሳራን ኣይኣ ወይዘሮ ትብርሃኑ ሳልሳይ ራብዓይ ዘይብኡ ናይ ኣደን ጋልን ሽታ ነንሕድሕድን እናተዓናገላ ዝሑሪላ ንኣሽቶ ስድራ እያ ዘሎተን። ናብራ ሓረስቶት ግዜ ምነ ምንኣሽን ምዕባይን ስድራቤት ዝጸብጸን ዝገፍሕን ዕጭ የብሉን። ነፀኣ ብምኑኣ፡ ናብረአን ንኽመርሓ ልዕሊ ሰበን ክኣያ ይገደዳ። ወይዘሮ ትብርህ ክንዲ ሰብኣይን ሰበይትን ክትኸውን ሳራ ከኣ ክንዲ ብዙሓት ወላድ ክትኸውን ከሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ጸሙዳት እያ። ኣቦ’ታ ንኣሽቶ ስድራቤተን ልኡኽ ዘበለ ከሉ ናብ ሳራ ሓሲብኻ ዝወሰደን ዝገበርን ከኣ ከሉ ናብ ኣደኣ እዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ መዳቐሳኣን ተንከልጠሉ ዝርከብ ሰኣሊናይ ስወእ ሓርገኛ ኣቦ ገዛኣ መንፈሳዊ ሓይሊ ደወሰኸለን ግዲ ኮይኑ ግኑ ምስ ከሉ ጸገዛተን ብሓሳበን ብዘነፈሩን ይገግዩ፡ ብዘይ’ተ ልሉይ ዝኸነ ህርኩትናኣኑ ብጠበይ’ወን ኣብ ምልእቲ ዓዲ ዓይንኸበን ትደፈን ዝነበረን ኣይርኢዝቡ።

“እን’ታ መን ይኣሉ በዚ ጸዓም’ዚ ዝዝወር? ንዑ’ስበ ሓዴኽም ስምዕዎ ነም ይቀይዩ። መሓሪ ተንሽኡ ንሽካ ኢ.ካ ወዲ” ኣቦይ ወልደዝቢ ኣዘዝሞ። መሓሪ’ወን ይፈልጥ እዩ፡ ኣብ እዋን ጸዓም ዝኸነ ዓይነት ሰብ ብደገ እንተተዓዩ ካብ ቤት ደምጺ ሰብኣይ ክቕብሎ ነምዝለዎ ኣብኣት ስድራ ከይተዛዘቡ ዝረዳደኣሉ ሓቂ እዩ፡ ማዕጾ ዝ ከፈቱ ድሕሪ ምወጽኣ ብዋውታ፡ “ መን ኢ.ካ?” ክብል ተዓዚቡ ብተባህታዊ ቃና።

ሳራ ግብረ መልሲ ምስረኸበት ቁሩብ ሩፍታ ረኺቡ፡ እሞ ከኣ ደምጺ ናይ መሓሪ ምኑኑ ተፈትይዋ፡ “ኣነ ኣያ’ታ ገልጣም ኣብይ ዲኽም ተሓብእኽም? ከልብኻ ሱቕ ኣብልልና ቦጭኻ?” ካብ’ቲ ጸዓም ዝፈጠሮ፡ ብርሃን ነዋኾብዚ’ወን ከጸድሎ ዘይኽእለ ነበድ ፍርሒ፡ ድሮ ተሞላኒ ህይወት መሊሱ፡ እቲ ከልቢ’ወን ምንባኽ ስለዘቋረጸ ህድእ ኢላ ክትሓሰብ ክኢሉ፡

መሓሪ፡ እቲ ደምጺ ናይ መን ምኑኑ ንምልላዩ ኣሮሽሮጹ፡ ካብ ናይ ብምስእን ኣዋልድ ዓዲ ነሞ’ቲ ደምጺ’ቲ ገሩ ዝሸጽረሉ የብሉን፡ ሰሚዕዩ፡ “ኣንቲ ይሓንዲኺ ደኣ እዋን ዘዀብሉ ትዛወሪ?” እናበለ ንሞጽዩ ቀጽሪ ገዛም ከፈተ፡ ንሳራ ምስ ረኣያ ከኣ ሰብ ምስኣ ምህዋዉን ዘይምህዋዉን ነዀረጋገጹ ነሞ’ቲ ንዝር ናይ ኣድ ሰሞታ ገዲፉ የሞናይ ኢዱ ኣብ ጺጋይ ሽሽክ ምዑገርታ ብምልጋቡ ንህዋነታ ዘቕቖሐ ሰሞታ ሂብዋ፡ ነቲ ዝኸፈቶ ማዕጾ ንድሕሪኡ ሰሓቡ ብምሽፍታን ከኣ ኣብ ቅድሚኣ ቁይሙ ንዕላል ተዳለወ፡

“ኣንታ ዓሸ! ናበይ ኢ.ካ ደኣ ትወጽእ? ንዞኽሽም ተላኢ.ኽ እንደየ መጺኡ ዘሎኹ ኣእትወኒ፡”

“እሞ… ኣነ ኣብል ገዛ ዶ ‘ደኣ’ኹን? ልኡኽኪ. ንገርኒ፡ ‘ኣእኢ… ኣይደሉ፡ እዚ ሓለንጋይን ምጨወን መሓሪ ወድ’ኽም ዝ ሰዝወተ ጋለይ እንተኣለየ ነዚ ቋርናም ይጥዕመካም ድዩ?’ ኢኣትኪም ዲኽ. ክትብሊ?” ብተፈጥሮኡ ዳሕለ እዩ ዝብረሀዩ፡ እቲ ነበድ ጸዓም ግና ንዝዘ’ኸፍተ መኾፍቲ ኣፋን ሰራዳት ኣሓናኑን ብዋበእ ዘርኢ ኣይብረንሔ፡

“ኣንታ ዓተወተው እንዶ ኣይተብዘኽ! ሕጂ ከልብኻ ሕዘለዩ ኣትየ ነቦይ ወለ’ዝ ክረኽቦም እዩ፡ ትምኒት መዛዘይ ከድኣ የሳን ዲዮ? እንታይ ኮይና ንነ ዘይትኸፍተኒ ወደይ? ካብ’ዚ ናትካ ቀሎ ጥዋቐስ ናታ ዕላል እኳ ምዛኸኔ፡፡” ናይ ቃልዓለም ዘረባ ምኑኑ ልብኻት ክልቲኣም ዝሬልጣኡ ጣቒ እዩ፡ መዕበይኣም ዝኸነ ምልክት ቋንቋ ኣለዎም፡፡

“ዝረባይ ቀሎ ጥዋቐ ምኑኑ ትምሕለለይ?” የሞናይ ኢዳ እናጨበጠ ዕትብ ኣሉ ከኣ “እንታይ እዩ እቲ ልኡኽ? ኣቦይ ዝዝበሮ፡ ኣነ ዘይንብሮ ነገር ኣሎዶ ኣለምኪ. እየም?” ክብል ተወዛሰ፡ ኣይፈሃን ዕድመ ዕሰራታት ረገጸሉ፡ ብንኣሽቶኡ ከሎ ኣትሓዘ ከሉም ንጥሪታት ሓረስታይ ምስ ትምህርቲ ኣጣምሩ ዝሰገም ህርኩት ወዲ እዩ፡ ሰብ ብዘብሎ ጥሪሕ ዘይሓሰቡ ንዕኡ’ወን ብዘርያኡ፡

“መንደቕ ናይ እንዳ ሓሳርና ፈረሱ ጠለ ጠለ እናኣተዋ ኣሸገረናና፡ ቦቲ ሓደ ጎድኑ ከኣ እቲ ናትካም እኳ ዘለዩ ፈረሱ ኣሉ፡፡ ክልቲኡ እንዘዘይተዳዳቕ ንኸልና ጸገም እዩ፡ ስለዚ…”

“ስለዚ… ቦጅኽም ንመሓሪ ኣመርሕወኒ፡፡ ጸዓም ምድሪ ክትሪኒ ደኣ ደሊኽ. እምባር፡ እዚ ደኣ ኣብ ነሞ’ዚ እዋን ዘዘወር ዘረባ መዓስ ኮይኑ፡ እዚ ሓቦተይ ናተይ፡፡ ካልእ እንተለኪ. ኣምጽኣ. ክገዝምኽ፡፡ እንተዘዝሉ፡ እዚ ጸዓም ነሞ’ቲ ዝደለኽዮ ናባይ ብዋበእ ክርእዮ. ስለዘኽእል ከፈንወኪ፡፡ ወይስ ደምጺይ ምስምዕ ጥራይ ይኣኽለኪ. እዩ?”

“ዶ…! ኣይይ ንጽባሕ ናይ ንዋሀ ሓደ ቦይል ድሪር ሰብ ረኺቡኽሉ ኣሉ፡ ነቲ ናትካም ከኣ

ዝዘዓመቱም እንተኾይኑ ብሓበር ክንደቕ ኣላ ኢያ ሕጂ ልኢ ኸኒ ኣሎ ኣ ኣ ኣ

መጻአ ከደብል ብሓሳስ ተቐብልዋ። ልብሁተዎም ክሳራ ክሳብ ዝደልዩ፡ ኣጥበቕዎም ተሓቐቕፍሎ። ምስ ደን ጸጋ ግደን ምዕብሪታ ቡዙሪ ሰዒሙ ከኣ ኣብ ማእረጉ ኮፍ ኣበልዋ።

"ስማ እንዶ ምሐር ሓወይ!" ድሕሪ ሓያል ደቓይቕዊ "እዚ ኣብ'ዚ ነምፕዩተር ብዘይ ስረፍቲ ትሰርሓሎ ብዘዕባ ምንታይ እዩ?" ሓቲታቶ ሳራ ኣብ ጎድኑ ጸማእ ኢሉ። እዚ መልቲ ንዕላል መሪጻታ እዩ። ኣብ መንነ ስራሑ ከይተነልፈ'ውን ኣይተሰከፈትን። ካብ'ኡ ዝደብ ዝበሉዩ ኣርእስቲ ስለዘሓዝክ።

"እዚ መቐጽልታ ናይ'ቲ ኣብ ከሊጅ ዝተማሃርነዎ እዩ። ታሪኽ እንደየ ኣጸንፁ ሕጂ ሓያል ታሪኽ ዘጽናዕና መጽሲፆት ተሰዋሚሖ፡ ሓደ ናይ ሃገርና ታሪኽ ብቐለሉ ክትወቃሰሉ እትኽእል ዲጂታላዊ መኽዘን ሓበሬታ ኢና ነዳሉ ዘሎና። ምስ'ቲ ብዘሕሰ ሃናና ክፉል ወሰድና ኢና ንሰርሖ ዘሎና። ኣብ መወዳኢታ ናይ ኩልና ምስተኣከበ ሓደ ርሒብ ቀላይ ናይ ታሪኽ ክፈጥር እዩ ኢልና ኢና ንሓሳቡ ብዘይ ኣብ ታሪኹ ኣብ ካልእ ዓውድታት ዝመራመሩ መጽሲፆት ኣብ ሕበረተሰብና ስለዘለዉ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ሓበሬታ'ውን ክኣትዎ እዩ። ከም'ዚ ናይ ዓለም ሓበሬታ ፕሮክራኢ ኢንርታ ኢልካ ኣቲ'ካ ድላይካ ትወቃሰሉ ብዩረጃ ሃገርና ከኣ ከም'ኡ ክኸውን እዩ። እቲ ሓሳብ...." ልቡ ከፊቱ የሰማ እዩ ዝበሎ ሓበሬታ ክህብ ፈቲኑ።

"እህህም...;" በሉት ሳራ ክብደት ናይ'ቲ ነገር ተረዳእዋ። "እሞ ንሽካ ደአ እዝም ዓዲ ካብ ዝኸካ ወፈራታት ክምሕሩኻ ምኳነትን ድራርትን ናብ'ዚ ዘመላልሱ ሰባት ክምደብልኑን ዝዀኑ እንድዩ" ኢሉዩ። ፍቱዋ እንታይ ዓይነት ወዲ ምዃኑ ኣፀብቐ በረሀሳ፡ ነገራቱ ዘበለ መመለሱ ተፈትይዋ።

"ክብረትዎ'ሲ ደሓን ይትረፈኒ! ንዓኻ ጥራይ ባሪኽም ይዝበሉ።"

"ናተይን ናትካ'ዶ ኣልዓልካ ወደይ፡ ብዘዕኡ ገለ ብዘጸጽ ክንፈትሖ ዝዀነኣና ጉዳይ ዘሎ ከይት እዮማ። ንሽካ ቅሰን ኢኻ! ኣነ ሰንፍክፍ ይብለኒ ኣሎ። ኣንታ ወዲ። ናብ ገዛና ኸኣ ንዓይ ዝደልዩ ይመጹ ኣለዉ።" ናይ'ቲ ሰባት ቀንዲ መምጽኣኦ ክትገብር ጀሚሩ።

መሓሪ ናብ'ቲ ተተኸሉ ክዘዘ ዝጽንሐ ማሽት ናይ ላፕቶፕ ነምፕዩተር ገዲፉ ኣተኩሩ ናብ ኣዲንቲ ሳራ እናጠመተ፡ ንዋይ ሕሳብ። "ንሽኻ. ምኳይ ክትኣብሪ ብምለእ ልብኻ. ዝወዳእኩዎ ድዩ? ከኒታት ደጽብቕ ይሕሰም ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ካብ ዝኸካ ዓይነት ጸቕጢ. ናጻ ኳኒ. ክትምልከለይ ምደለኽ።"

"ምሐር ሓወይ፡ እንታይ ማለትካ እዩ? እውይ ኣይተፍራሃኒ ቦጅካ! ኣነ ደአ'ሞ ብዘይ ብኣካ መንዶ ኣሲ'ዩ? ንሽካ'ኸ ካብኡ ወጺኡ ትሓስብ ዲኻ?" ምሉቅ ዝብላ ዘሎ ከይት ተሰሚዕዎ፡ ብፍርሂ ነብሳ ቀጥቀጥ ኣለ። ኣዲንታ'ውን ንብዮት ቋጺረ፡ ድኻም እናተሰምዓ ኸኣ ምለእ ነብሳ ናብኡ ኣንበጥዓዩ።

"ኣይትንበዲ ኣጆኽ! ኣነ ደአሞ ትፈልጥኒ እንዲኸ፡ ምሳኽ. ዘይኽእል እንተኾይኑ ከይተመርዓኹ እንተነበርኩ'ውን ጸገም የብሉን። ንዓኽ. ግን ስለዚኽቅረኽ. ሓሳኽ. እየ ዝም፡ እምባር፡ 'ግድን ንዓይ ኩኒ' ኣለ ከጨንቕቕኽ. ኣይደልን፡ ኩነታትኽ. ኣብ ግምት ኣእትዩ ቀልጠፍኽ. ክትምርዓዊ ነምዘዝዝኣኽ. እርያኣኒ እዩ፡" ኣልዋ ምሉእ ብምለእ ኣብ ሐቕፉ ኣእተዩ ንሕቆኣ እናደራረበቶ፡

"ኣይተፍራሃኒ ቦጅካ!" ንብዓታ ካብ ቁጽጽራ ወጺኡ ከም ዛራ ማይ ፈስሰ። ነታ ከም ቁሪ ሓጋይ እተፍራዛ ዘረባ ንኸተወጽእ ሓይላ ኣኻኽቢባ ከኣ "ስማኒ እንዶ! እዚ እንዳ ከሕቶ መዋስብክና እዮም፡ እንዳ እከለ ከኣ ኣይመዋስብክናንየም ዝብልዎ ከመይ እዩ?" ክትብል ኣስተንፈሰቶ፡

"እው ጸኒሕ ብዛል ኣሎ። ስድራይ ብኸምኡ ከምዝሕመዩ ስለዘፈልጥ፡ ገለ መኻልፍ ኪንዋመና እጸብጥ እዩ። ግን ከኣ እምት ሓፀነና እንተሚሕና ክንሰባር ንኽእል ኢና። ንገለ ጸንፍት ኣለ ግን ኣብ ዘይተደልየ ቅልስ ከኣትወክ. ኣይመርጽን፡ ኣዴኒ'ውን ካብ'ተን ዘይተማሃራ ስለዝኾኑት ብኸኒ. ገዛያ ክርእያ ኣይደልን፡ ብኸምኡ'ዩ ኸኣ ብዘዕባ ድልወትክ. ደንጊመ ክሓተኒ. ዝመርጽ፡"

"ኣይመዋስብክናንየም እንታይ ማለት እዩ? ቦጅካ ኣረዳኣኒ፡ ዝኸፈል ዋጋ ከፈለ ክነሀርኩ፡"

"እህህ... ወሎዶታት እናጸብጹክ ዝዀንሩ ሚጽሞም ኣይጸሩይን'ዶ ገለዶ እናበልካ ኣብ ስራሕ ፈጣሪ ኣቲ'ካ ዝዀንር ደፋርን ብድንዝርና ዝጠበሃን ምኽኣሰ ሰባት እዩ፡ ዝ. ሕጂ ዓውሰማ መጺኡ ዝሓጸጸቦ እሞ እንታይ ክንክብሮሉ? ኣዋልድና ስደት ምስ ኣፈራረቕኹ ካብ ዓሌት እከለ እዮም ዘይንበሉም ጸለምትን ጸዓዱን ከኣትወወን እናረአናስ ያኢ፡ ንሓወና ወዲ ዓድና፡ መጣሚይትና መጽዝበትና፡ ጸሩይን ረሳእን...። ደሓንዩ ኣይተሸገርሉ፡ ግዜን ትምህርቲን ዝፈትሕዎ ዘለዉ፡ ናይ ኣተሓሳሰብ ምዝንባህ እዩ፡"

"እዋይ ንሽካ ሸር እኳ ኢኻ! ፈጣሪስ ንዓኻ ምስ ፈጠረ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ደገሙ ደኾን ይኸውን?" ብወሸጣ ዘሎቕያ ዝበረ ጉዳይ ክዘራረበሉ ምኽኣሉም ጥራይ ዘይኮኑ መሓሪ ነቲ ነገር ኣቕሲሉ ምርኣዩ ኣዘገነነሞ። ምስእ ነብሳ ኣብ ሐቕፉ ኣዕቀብ ከኣ ሓያል ደቓይቕ ኣስሊሑ። ሃዊሕ ድሕሪ ምስትዓፋሉ ሓንቲ ሕቶ ወሲኹ "ሕጂ ኣነ እንታይ ክገብር እግበኣኒ?"

"ኣብ እምነትኪ. ጸንዒ። እንተኣሚኽ ንብኸካ ነገር ትሰሪ ኢኻ፡ እምት ዝዘለዎ ሰብ ከኣ እንታይ ክገብር ከምዘብኡ ኣይትምዕዶን ኢኻ፡ ነዴኒ. ግን ብዙሕ ከይደደርኒ፡ ምስ ዘይትኣምኑሉም ሰባት ክትኣብሪ ፍቓደኛ ከምዘይኮኻ. ኣረድእዩ፡ ሓንሳል ሰባት ቀስ እናበለ እዩ ዝቐዳር፡ በቐዳሉ ጉዳንላ ኣዳልወዩ። ልክዕ ከምቲ ንሽኻ. ከተሕርቕያ ዘይትደልዩ ንላ'ውን ንዓኻ. ክትዕምሽ. ከምዘይትደል. ተረዳእኒ፡ ዘሎኻ. ናይ ምውሳን መሳል ብልዙብ መንገዲ ተጠቕምሉ። ሕገስ ህይወት ናትኻ. እምባር፡ ሕሞት ዘረባ ሓለፍቲ መንገዲ ትርገም ከምዘይብሉ ንኽትርዳኣ ግዜ ሃብዩ፡ ኣብዚሕልኽ'ዶ? እዚ. ሕበረተሰብና ምስ'ዚ. ኩሉ ሓለዩ ባህርያቱ ሓደ ሓደ ዘይበሃለ ነገራት ኣለዎ ኮይኑ እምባር፡ ንሽኻ. ትመስል. ሸሪ'ዶ ንንብዮት ምኻሽኽ.?" እናበለ ኣብ ምዕብሪታ ዝበረ ወረርታ ንብዮት ደራረዘሉ፡

ፍሽኽ እናበሉት፡ ብዘሰሩ ጠሚታቶ፡ ቀስ ኢሉ ከኣ ዝዘዋህባ ዕጭ ንምዕያይ ካብ ሕቕፎኡ ወጺኡ፡

***

ተኽሊዝ፡ ካብቲ ዘለዎ ጸዐቕ ስራሑ ኣብ ዓመት ሓንኣብ እዩ ብዕረፍቲ ንዓዲ ዝመጽኤ፡ ዝመጽኦሉ እዋናት'ውን ፍሉጥ እዩ፡ ስለዝኾነ እዮም ከኣ ኣቶ ጠዖመን ወይዘሮ ትብርሃን ንምምጻኡ ክጽበዩ ዝቐዳዩ፡ ኣቐዲሞም ዝወድእዎ ጉዳይ ምስ ገለ ደቂ ሓወቦታቱ ኮይኑ ክበርኽሰሎ ኣቶ ጠዖመ ነታ ዓዲ ንኽብድኡ ዝኽእል ሳምንታት ኮፍ ኢሉምላ ዘይፈልጡ ክንሶም ብዝኾሎ. እዮም ቀጥዕም።

"ሳራ ጓሎይ ኣንቲ ክንዲ ምንታይ ደኣልካ. ኴኽ፡ እቲ ሳንጣይ እኽ ክፈትዮ፡ ዘምጽእክልካ. ክዳን ደአ እምባርዶ ክኣኽሰኪ. እዩ?" በለ ተኽሊዝ ዝፈትዋ ጓል ሓወ. ኣብ ጎድኑ ኣጸገደ።

ብዕረፍቲ ክመጽእ ከሎ፡ ገለ ነገር ከይተማልኦ ኣይመጽእን'ዩ፡ ቅድሚ ናብ ገዛኡ ምእታዉ'ውን ናብኣን እዩ ዘሎዎ፡ ናብራ ተኣኻኺቡልኡ ስለዘይፈልጥ ግን ትሕዝዩኡ ንወደዘሮ ትብርህ ኣየዕገበን እዩ፡ "እቲ በቃቅ ሓወጥኪ!" ትብል ሓረግ ብዘሕሲ እዋናት ከም ደምጺ ጥይት ንጽዚ ሳራ ኮርኒሓ ሓለፋ ኣሎ፡

ምምጻእ ተኾለ.ገዚ ክዘታተሉ ገቐጾ ኣቶ ጠዖመ ከም በዓል ቀጺራ ሀሩግ ኢሉምዩ፡ ምዉቕ ስዕምታ ተሰዋዊጦምዩ፡ ዘይፈልጦ ባህርያት ካብ ኣቶ ጠዖመ ዘስተወዳለ ተኾለ.ገዚ፡ ገለ ሓደሽ ነገር ክህሉ ከምዝኾነ'ዩል ኣይሓሰበን፡ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ንጽግረ መንገዲም ሕልፍ ክብሉ ብልምኖ ዘይርከብ ስዕምታኡም፡ ኣብ ዓዲ ኣብ ዝ እንዳ ሓወ. ኣብኣዎም ስዕምታ ነጽግብዎ፡ ዘጽሕሰብ ኣይነሃሩ፡

ድሕሪ ገለ ደቓይቕ እቲ ዝዘደልዩ ዛዕባ ተሳዒሉ፡ ኣቶ ጠዖመ ጉጻዮም ወዳዲኡም እታ መርዓት ክወስዱ ዝምስሰላ መዳልቲ ኣብ ወርቕቶም ኣሕፊርዎ፡ ካብ'ቲ ዓዲ ክኸዱ ተሓጊኾም፡ ንተኾለ.ገዚ ቁሩብ ከስርፍ'ውን ግዜ ኣይሃብዎሙ፡ ሳራ ንግዚኡ ኣብ ወኻከ. ዝ ክትጽንሕ በዲኣ ተኣዚዙ፡ ናይ ስለስተኡም ደምጺ ክትሰምዕ ኣብ እትኾኑል ቦታ ኾኣ ተቐሚጣ፡

"ተኾለ.ገዚ ወደይን ሓወይን'ዶ ክብሎ ንዎኻ ክገጽብ ኢና ወሪሕና፡ ሰብ ከይገበርና ቅድም ትምይይጥ ከኩበል እሞ... ደሓር ሰብ ንሕወሱ ከምኡ እዩ ጸቢቕ፡ እንታይ ማለለ ዘረባን ማሽላን እንታይ እዩም ዝብሉ ኣቦታት፡ እንተሓዊረ እንድዩ ግርም፡ ዝ ሳራ'ሲ ንዝብየም ወድና ክትከወን ደለናዩ፡ ዝብየም ትብሕሮ'ዶ ትኸውን ብምእሽየኡ..."

"ደሓን ኣይ ጠዖመ ተረዳኣካ ኣለኹ ማለኢ" ክብል ኣፍ ከፈቱ መወሰቦ ምስ እንዳ ኣቶ ጠዖመ ዝኸበዶ ተኾለ.ገዚ፡ "ሰብ መወሰቦ ደልዩ ክመጽካ ክብረት እንድዩ ዝኾነ'ዩ ኾኑ 'ክብረት ይዝበልና' እዩ ዝበሃል ማለኢ..." ክብል ከሎ ውራያ ገጽብቕላ ወደዘሮ ትብርህ ነታ ቡን ኣዐርያ ተገበድብዳ ነበረት፡ ነገራት እናጸልመታ ዝኸደ ሳራ ከኣ ኣብ'ቲ ወኻከ ነታ ኣብ ጥቓ እግራ ከይና ትተ'ኻኹብ ዝበረት ደርሃ፡ ብጽግራ ጌራ ቀሊ.ንታ፡፡

ተኾለ.ገዚ ዘረባ ቀጺሉ፡ "ዮጋዳ ክልተ ነገር ንደሊ...፡ ቀዳማይ.... ሎሚ ግዜ ማዕበሉ እንድዩ ደቀ'ስነትዮና ነዊ'ተን ኣዴታትና ብዘይናቓደን ኣብ ዝኸዓ ስለዘኣተዋ ድሉትን ከኒታትን ጋልና ክንሓትት፡፡ ካልኣይ ከኣ.... ኣብ ርእሲ'ቲ ድሉት ጋልና፡ ንሕና'ውን ነም ወስዲ ንንብርን ንሓስቦን ክህሉ ስለዘኽኽልኡ ሃብዩም ኣብ'ዚ ዓዲ ይምጽኦሞ ነም ሰብ ይረኦኦዩ፡ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ንሬልጦ ተወሳዲ ዓዲ ኢልኮስ ነበድ'ዩ፡ ህሉው ከኒታቱ ክንሬልጦን ክንሓትትን ቀሩብ ግዜ የድልዮና፡ ምስ ረኦዩቱ እወ ምስኡ እዩ ዝይል. እንተይሉ ሓሳልከምዃ፡ እዚ ነገር ሓደሽ እንድዩ ሃይ፡ ብወስይ ግን እዚኣ እዩ ቃለ.ኢ" ወዲኡ፡፡

ዘይተጸበዮም ነበድ ብዩሃ ዝርከቡ ኣቶ ጠዖመ ኣብ መቓምጦኦም ኣሕሰዮዎም፡ ደፍሪት ከይኑ'ውን ተሰዋሒዎምዃ፡ ግምየዎ ኣብ ዝሓተቱሉ ደቒቕ ርኸቡ ኣይተሰኣኑ ክህሉ እዩ ኔሩ፡ ብወሽጦም ግን ደሮ ኣብ ካልእ ሓሳብ ኣትዮዎም፡ እቲ ዓንዲ ሕቑኡ ዝሸፍን ቁሩን ጸጉሪ ርእሲ፡ እቲ ብቕጋራን ቀጽለመጽሊን ዝሓረረ ከናፍሪ፡ ጀልጋፍ ስረን እግሪ ታኽ. ዝመሳል ጫማኡ ዝዘሃቕረ ኣእዝኡ ዝዘወቕቕጠ ቀላጽኡ፡ ናይ ሃብየም ወደም ኣብ ዓዲ ምስተፈተነ እንታይ ግብረመልሲ ይረከብ ይኸውን ኣተሓሳሲብዎም፡ ኣቶ ጠዖመ ዝኣኽሎ፡ 'ሓቲየም ተኾለ.ኻ' ክህሎ ስለዘውሓጠሉም ከኣ ደሮ ካብ'ቲ ነገር ብኸመይ የዘልቕ ክጣበኑ ጀሚሮሞ፡፡

"ገዳስ ሳራ ገለይ ኣብ ወኻከ. እንድያ ዘሎ ሓቀይ?" ተኾለ.ገዚ ብጋህዲ ጀሚሩ፡፡

"ኣሊ... ኣይ መጽኢኹ፡ ኣንታ ጉድ እዃግር ረኸቡ ኣይ ደርሃ እንድያ ክትሞተኒ ደልዩ፡ ገለ ግዲ በለዓ ከይናስ ኣብ'ዚ ወኻከ ስፈሕፈሕ ክትብል ጸኒሑ፡" እናበለት ወላእላእ እትብል ደርሃን መኽስተኒ ዝኸውን ካሬን ሐዚ ናብ ኣያኣ ገጽዋ፡፡ ንተኾለ.ገዚ ደርሃ ክተድርር ዝወጠነት ሳራ፡ ብኾሰዳ ሜሬና ዘዳኸመታ ደርሃ ደሮ ብጽሊት ተኸስተናኑ፡ ኣቶ ጠዖመ "በሉ ብሩኽ ምሽት.." እናበሉ ዝጀመርዎ ዘረባ መሳለ. ከይገበርሉ ርእሶም ኣድኒናም ካብ'ቲ ገዛ ወጺኦም፡፡

ተኾለ.ገዚ ነታ ደርሃ ኣኸስተኑ ምስ ወደኡ "ስዕሚ ሳራ፡ እንዳ ጠዖመ ይደልዮኺ. ኣለዉ፡ ሓሳብኪ. እንታይ እዩ ንገርና" ክብል ኣሕጺሩ ተወሃቡ፡፡

"ዝብርህይ ግን ደሓን ምኳይ ገይናኽስ ምነዝም ሰብኡይ ክትብዝ. ወረሕኒ. ማለት ድዩ? ካብይ'ሲ. ንነም ቀረዎምኺ.?" ነቲ ሰይስ ዝመጽእ ንኽጠቕማ ብኡሉታ ናይ ኣዩእ ጀሚሩ፡፡ "ኣያይ መጊደይ ዝኾነልካ እንተኾይኑ ሓንቲ ነገር ክልምኖ ቦዃኻ ስምዒ" ኣብ ብርኒ ተደፊኡ፡ እቲ ቦቕቦቕ ከብዳ ምኽኣል ስኢኑ ደሮ ብኸይት ጀሚሩ፡፡ "ኣኔ ምስ መሓሪ ወደባይ ወለ'ዝ. እየ ክሰብር ዝደለ፡" ካብ እግሩ ምትንሃእ ኣብዩ፡፡

"ተንሽኢ!" ብዘዳዲ ደምጺ. ሰብኡይ ደሃልዩ፡፡

ሳራ፡ ንወደባይ ወልደ.ዝ. እየ ዝምርያ ምዃኑ ከምሕራ ደዩ ከቕትላ ስለዘይፈለጠት፡ ምስእ ሰብኡ ቀጥቀጥ እናበለ ካብ ትሕቲ ኣያኣ ተንሲኡ፡ ዝኾነ ክኸውን ከኣ ተጸበየት፡፡ ስለስተኡም ሃንሓድሕዶም ክጠምመቱ ገለ ካልኢታት ሓሊፉ፡፡ ብጽጥታ ተናበቦም፡ ንሳራ ግን ትርገም ናይታ 'ተንሽኢ' እትብል ቃል ጥራሕ ኣገደኣታ፡፡

ተኾለ.ገዚ ነቲ ግዜኦዊ ጸጥታ ሰበርዎ፡ "እንታይ ኳኳኒ ክንደዚ ትፈርሂን ትኑቢን ደኣ ዝኸረቕዮ'ዶ ኣለቅ. እዩ? ኣይትንበዚ ኣጆኒ. ዝ ንለይ! ኣኸስዕ! ነቲ ዝበለጸ ወዲ ረኸቡኪ. ኣሎኹ፡፡ ምሃኒ. ኣለኹ ኣኔ፡፡"

"ኣይ! ኣንታ ተኾለ.ገዚ. እዃግርዶ ትሰምዓ ኣሎኻ ኢ.ኻ? 'እንዳባይ ወልደ.ዝ' ኣኮ እዩ ትብሎካ ዘሎ፡ ምስ ጥዑይ ኣእዃሮኻ ዲኻ ዘሎኻ?" ዝተቓጽዐ ደምጺ. ወደዘሮ ትብርህ እዩ፡፡

"እወ እንዲየይ ወለዝ፡ ኣሰምዕ ኣለኹ፡፡ ኣይመዋስብክናን እዮም ዲኒ. ክትብሎ? ንዓምየም መዋስብክና፡ ጋልና ኣብ ማኣከል ዓዳ ነም ርማዲ ከተሳፍሕ ከኣ ንዕኦም ኢና ንሃቡ፡ ስድራኡ ስለምትኑ ከሉ'ዚ ፈታዋኡም ኣገልገልቲ ዓዲኹ፡፡ ንሱ እቲ ወዲ ድሜ ኣብ ወብይን ዝሐሉን ዝኸተፍ ጥዕው ወዲ ምኳኑ ኣስተወዳለሉ ኣለኹ፡፡ እዃግር እየም ምስ ገዝዘብ ዝተዋህበ እንዳ ጠዖመ ደኣ መኣስ መዋስብክና ከይናምኑ፡ ርኢና ዘይመናናይ ቀልዑ ናብ ዘይሬልጦ ነገር ብፈሓራት ሰቐልም ከተፍናጽዋ ኣይንህበምኑ፡፡" ኣብ ወኻከ. ከብዱ እሉኻ ዝጽንሖ እዩ ዝመሳል፡ ብዓውታ ዱሕዲሕዎ፡፡

"እዎ... ይኸኑልከም ሕራይ! ፍታወትኩም ፍታወይ፡" በሉት ወደዘሮ ትብርህ፡ ገላን ሓሙታን ኣብ ጥቓ ምምላስ ከምዝጸለመ ስለዘስተብህሉት፡፡

ዝ ዱሕረወይቲ ሓረግ ብሓሳስ ዝሃመዮት ሳራ ሓዲጓዋም ብጥያ ተዓዝረት፡፡ ነቲ 'ጅግና!' ዝኸመዮዩ ወሳዲ ልቡ ኣብ ዘሎዎ ረኸቡ ከይሓተተን ሸሞገለ ከይሰይደን ንሓሊሉ ከም እተዋህበዩ ኾኑ ተኸተብኒ፡፡

ተፈጸመ

መከሳ

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ገመል ኩርዒዳ፡ ኣልቦ ዕዳ!

መርከብ ምድረበዳ ዝበል ቅጽል ዘለዎ ገመል፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕዋቅታት ወይ መቃልሲ ተጋደልቲ ነይሩ፡፡ ክንዲ ዝኸነ ኾኑ ዝተፈላለዩ መዋሎሮን ደርፍታትን ብስሙ ቀረፁ'የምሕ፡፡

ገመለይ ገመለይ ካ ጥዕምቲ ሰማ

ድሕሪ ናጽነት ኩሉ ተራ ገመል ኣብ ብረታዊ ቃልሲና ክሳብ ክንደይ ኣጋዲኑ ምንባሩ ንምንጽብራቕ ገመል ኣርማ መዋሎት ኤርትራ ክኸውን በቐዐ፡፡

ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ሕብረተሰባትን ገመል ካብ ቀንዲ እንስሳ ዘቤት ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሕርሻን መጻዕዝያን ኣገልግሎታት ንጠፍ ኣብርክቶ ክኣብር ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ኣብ ቆላታት ኤርትራ፡ ክንዲ ገመል ዘቤታዊ ዕዮ ዝዋፈሮ ዓርኪ ሓረስታይን ኒጋዲይን እንስሳ ዘቤት ጻርጋ የለን፡፡ ኣብ ከበሳታት'ውን ገመል ዘይፃንቕ ተራ ኣለዎ፡፡

ሰበኽ ሳዋሚዊ ህይወት ዝመርሐ፡ ዝጠዘሑ ኣብ ቆላታት ዝኸቡ ህዝቢ፡ ኣሕዋዎም ኣብ ዝጠን ገመል ጸዊናዎ፡ ሰብን ገለ ጥሪትን ሓዊሶም ክሳዎመን ብህዳእን ዘሕመታዊን ኣሳትማ ገመል ተሰንጽም ክጽዝዝን ካብ ጥንቲ ዘመነ ገመል ተሰንጽም ክጽዝዝን ካብ ጥንቲ ዘመነ ገመል ልምዲ'ዩ፡፡ ዝ. ኣጋዲኑ. ዕማም'ዚ. ከሳሳኽል ዝኽእል ካልእ እንስሳ ድማ የብሎን፡፡ ገመል ኣብ ማሕረስ'ውን ኣጋዲኑ. ትሪክተር ልምዳዊ ማሕረስ እዩ፡፡

ከ'ዚ. ድማ ሲጋኡ ዝብላሽን ጸብ ኣንስተይቲ ዝኸተን ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣጋዲኑ ትሕዝዞ ከም ዝወጋን ተረጋጊጹ ልዑል ተፈላጥነት ረኺቡ ኣሎ፡፡ ኣብ ኤርትራ ገመል ቦቲ ዘለዎ ልዑል ተራ ኣብ ማሕረሰን መዳሰን እዩ ዝያዳ ክፍለጥ ጸኒሑ፡፡ ኣብ ገሉገል ቦታታት ሃገርና'ውን ጸብ ገመል ብወሰን ዓቐኑ ኣብ መሻጣ ክቐርብ ጸኒሑ ኣሎ፡፡ ሎሚ ግን ዓለም ኣተሓሳሰባ ኣብ ገመልን ገዚሆ ጥቕምን ድርብ ገይራቶ ኣሎ፡፡

ሃገረ ኬንያ ብዘለዋ ሃብቲ እንስሳ ዘጉዳም እያ ዝያዳ ክትፍለጥ ጸኒሑ፡፡ እንተኾኑ ብዘበዘሐ. ኣግምል'ውን ኣብ ዓለም ምስቶን ቀዳሞት ሃገራት'ያ ትሳራሕ፡፡ ብቐረብ ናይቲ ተጠሳቡቱ እናግበረ ዝመጸእ ዘሎ ጸብ ገመል ድማ ሰፊሕ ዕዳጋ ክትረክብ ጀሚራ ኣሎ፡፡

ኬንያ ብዘበዘሐ. ኣግምል ኣብ ዓለም ሓመሻይ ደረጃ ሕዚ'ሳ፡፡ እታ ሃገር ልሳ. ሰሳስተ ሚልዮን ኣግምል ኣለዋ፡፡ ካብዚኦተን እተን 20% ዝኸሰብ ኮይነን ዓመታዊ ልሳ. 340 ሚልዮን ሊትሮ ክሕሰብ ይኽእሉ፡፡ እዚ. ድማ ኑቲ ዓመታዊ 10 በልዮን ዶላር ኣታዊ ዘለዎ ዕዳጋ ጸብ ገመል ዓለም ኮተተ ከረሉ የገድዱ፡፡

ኣንስተይቲ ገመል (ሰበል) ኣብ መዳልቲ ክሳብ ሽዳሽት ሊትሮ ጸብ ክትሕሰብ ትኽእል፡፡ ጸብ ገመል ብመዳይ ጥዕና ክርአ እንከሎ'ውን ዝያዳ ተጠሳቢ እዩ፡፡ እቲ ጸብ፡ ጸራ ባክተርያን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕሞም ዘኸሰቡ ታህዋኲያንን ናይ ምጥፋእን ዓቕሚ ስለዘለዎ ካብ ዝተፈላለዩ ሕሞምት ክከላኸል ይኽእል፡፡ ሕሞም ሽኻር ዝለዎም ድማ ብዝያዳ ኣጋዲኑ. እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ጸብ ገመል መግቢ. ናይ ምሕቃቕ ኣልሃ(ፕሮቲን ኣልሃ) ክከላኸል ከም ዝኽእል ይግለጽ፡፡ ካብ ጸብ ከብቲ ብሰሳስተ ዕጽሬ ዝዘይድ ትሕዝዞ 'ቪታሚን ሲ' ዘለዎ ጸብ ገመል፡ ተወሳኺ. ብልሚኒ እዩ፡፡

ጸብ ገመል፡ ሃብታም ትሕዝዞ ሓጺን ዘለዎን ነጻ ካብ ጉዳኢ ኮሚሶት ኮይኑን ልዑል ትሕዝዞ ቪታሚን ቢ'ውን ይውንን፡፡

ኬንያ፡ ኣብ ትሕተሳሃራ ኣፍሪቃ፡ እታ እዝኦ ጸብ ገመል ዘመሳርሕ ፋብሪካ ዘለዋ ሃገር'ኳ፡፡ እታ ፋብሪካ፡ መዳልታዊ ኣህታት 3,600 ሊትሮ ከተመሳርሕ ትኽእል፡፡ እዚ ትካል'ዚኣ ፍርያታ ናብ ዕዳጋታት ደቡብ ኣፍሪቃን ቻይና ክትልእኽ ጸኒሑ ኣብ'ዚ. ቀረብ እዋን ድማ፡ ካብ ምምሕዳር መዝቢን መድሂኒትን ሕብሪት መዋዕለታት ኣመሪካ ፍቓድ ብዝርከብ፡ ዝተመሳረሐ ጸብ ገመል ናብ ኣመሪካ ክትልእኽ ጀሚራ ኣሎ፡፡ ዝ. ዝተዓዘበ መዋዕለ፡ ኬንያ ድማ፡ ክልተ ተወሳኺ ትካላት ንምትካል መዳቡ ኣሎ፡፡

ኣብ ዓለም፡ ዓመታዊ እቶት ጸብ ገመል 10 በልዮን ዶላር ዝኸፈሎ ኮይኑ፡ ቀንዲ ኣህሊኽቡ ዕዳጋታት ማኒላይ ምብራቕ፡ ኣውሮጳን ኣመሪካን እዮም፡፡

ኤርትራ፡ ኣብዚ ወፍሪ'ዚ ዕቱብን ብመጽናዕቲ ዝተሰደገ ዝመናዊን ስፊሕ ምስ እተካይድ፡ ዘለዋ ጸጋታት ምዋፍኣት መሬታ ንምርባሕ ኣግምልን ምትእስሳር ዓቢ. ክፋል ህዝቦ ምስ ኣግምልን ዓቢ. ዕድል ክኸፍተላ ይኽእል'ዩ፡፡ ብፍላይ፡ ቀንዲ ዕዳጋታት ጸብ ገመል ኣብ ደርጉኒታ ስለዝርከብ ድማ፡ ተወዳዳሪ ወፍሪ ምስ እተካይድ፡ ገመልን ኣብርክቶኣን ምስ ታሪኽናን መጻኢናን ተኣሳሲሩ መሊሱ ክፅምቕ እዩ፡፡ ገመል ኩርዒዳ፡ ኣልቦ ዕዳ!

እንተዝወሃብ ክንደይ መምሓረሊ'ዩ፡፡ ሰብኳ ዘሎ ወለድቲ ተመጽዮም ዝዓብዎ ሰም ምስ ዓቢ ስለዘይበርሃ ወይ ስለዝሕፍሮ ከሎል ኣሉ ዝቕይሮ - ዝበን ናትና፡ ናተንዶ ንዝበን?

ስም ዝረኸበ እንተሎ

ስም ንምንታይ ከም ዘገልግል ዘካትዕ የብሉን - እቲ ሓፈሻዊ መግለጺኡ ‘መሓበሪ’ ስለዝኾነ። መሓበሪ ክበሃል ከሎ ግን ልክዕ ነቲ ዝጠቕሶ ዝውክል ክኸውን ኣለዎ። ‘ጆርጆ’ እናበልካ ‘ዓንዶም’ ክሰኣለካ የብሉን፣ ወይ ድማ ‘ክርስቲና’ ጠቒስካ ምስለ ‘ለተኺዳን’ ክትቀርጽ ኣይትኽእልን። ኩሉ መምስሉ ኣለዎ።

ዘበገሰኒ ነገር ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝወሃብ ዘሎ ‘ሳጓ’ እዩ። ‘ሳጓ’ ክብሎ ዝመረጽኩ ከኣ ቀንዲ መጸውዒኡ ስለዘይኮነ እዩ። ዓቃባዊ ደኣ ከይትብሉኒ እምበር ‘ስምካ ንዓኻ መሰለ፣ ዝያዳ በሰለ’ ዝብል መረዳእታ’ዩ ዘለኒ። ‘ዎ ሃብተገርጊሽ’ ‘ናተባህለ፣ ክረስቶፈርጊሽ ‘ዎ ሆይ’ ኣይብልን’ዩ። ነቲ ‘ዎ ሆይ’ከ እንታይ ክብሎ ወሪድዎ? ኩሉ ነናቱ ኣለዎ።

‘እንዳ ኮርያ፣ እንዳ ኮርያ፣’ ዝብል ድምጺ ቀጻሊ ክትሰምዕ ናይ ግድን’ዩ፣ ኣስመራ እንተለኻ ወይ’ውን ሰብ ሓሚሙካ በቲ ከባቢ እንተተዛወርካ። እቲ ስም ከመይ ኢሉ ለጊቡ ምስጢር ኣይኮነን፣ ኮርያውያን ነቲ ኣባይቲ ስለዝሃነጽዎ። እንተዝሰፍርዎ ደኣ እንታይ ምተባህለ ይኸውን?

‘ደምበ ሰምበል’ እዩ ዝበሃል በለትና ሓንቲ ኣብ ታክሲ ዝረኸብናያ ተቐማጢት ‘ቲ ቦታ። ‘ግርም ሕጂ ጠዓመ፣ እንታይ’ሞ ምስ ተቐደመ’ ኮይኑ ነገሩ። ደምበ ሰምበል ከም ዝበሃል’ውን ኣይጠፍኣናን ግን እታ ብብዝሒ ሰብ ዝጥቀመላ ንሳ ኣይኮነትን።

ንገዛኡ ክበጽሖ ዝደለኹ ዓርኪይ፣ ብእግረይ’የ ክኸዶ፣ ገዛውቶም ክሕብረኒ ከሎ፣ ብኣልፋ ሱፐር ማርኬት ተጠዊኻ ላዮን ሆቴል ሰጊርካ ስፐይስ ትበጽሕ፣ ካብኡ ገዛውቲ ሰዊት ሰጊርካ፣ እንዳ ጀርመን መወዳእታ ፌርማታ ምስ በጻሕካ ንጸጋምካ ኣብ ዘሎ ናይ ቦንድ ገዛውቲ ኣብኡ ሕተት። ካብዘን ኩለን ኣስማት እታ ‘ሰዊት’ ትብል ጥራይ ስለዝሓዝኩ ነተን ዝተረፋ ኣብ ወረቐት ከሰፍረን ድገመለይ በልኩዎ።

እዘን ኣስማት እዚኣንን መሰልተንን ወግዓዊ መጸውዒ ክሳብ ዘይረኸባ ተጓንዮን ክተርፋ ናይ ግድን ኮይንወን ኣሎ። ቅድሚ ምህናጸን መንነተን ዘልብሰ ሰይመ ተዋሂብወን እንተዝኸብር ክሳብ ክንድኡ ኣሸገርቲ ወይ ኳኾይቲ ኣይምኾናን ነይረን። ስም መጸውዒን ዝደጋገምን ክሳብ ዝኾነ ከኣ ናተን ስም እንተዝወሃባ ክንደይ መምሓረለን። ሰብ’ኳ ዘሎ ወለድቲ ተመንዮም ዝሃብዎ ስም ምስ ዓበየ ስለዘይብርሆ ወይ ስለዘሕፍሮ ኮለል ኢሉ ዝቕይሮ - ነዘን ናትና፣ ናተንዶ ንሃበን?

ኣጸሓሕፉ ደቡዳበ

ፓሽኳል ዝዘባህለ ሰብ ናብ ዓርኩ ደቡዳቤ ድሕሪ ምጽሓፉ ኣብ መወዳእታ ንዓርኩ ዝበሎ ብዙሕ ካብ ዘድንቆን ብሃሳት’ዩ። ብዙሕ ወይ ነዊሕ ድሕሪ ምጽሓፉ፣ ፓሽኳል፣ “ይቕሬታ ዓርኪይ፣ ሓጺር ደቡዳብ ከደጽሕፈልካ ግዜ ስለዝሰኣኽ እዩ፣” በሎ ደብዳቤ። ግዜ እንተዝኸበብ ነይሩ ሓሳቦን ኣዳቕቑኑ፣ ሓጺርን ጸፍፍቲን፣ ቀንዲ መልእኽቲ እተመሓልፍ ደቡዳብ ምጽሓፈሉ ነይሩ። እምባር ክንደይ ኣሎ እንዶ 10 ገጽ ጽሑፉ ከብቅዕ፣ ‘በል ኣብ ቁምነገሪይ ክኣቱ ዝበል’ሞ መሲሉ ናብ ቁምነገሩ ከይኣተለ 10 ገጽ ዝወሰኸ። ካብ ነም’ዘኣም ሰይድቲ የድሕሰን የድሕኽብምኑ።

ብዘሎኡ ደቡዳብ ምጽሓፍ ዘይብርሆ ዓርኪይ፣ እታ ዝጽሕፉ ግዜ ብመንጽር ዝጽሕፈሉ ጉዳይ፣ መነጠስትን ተሳቢትን እዩ። ንእሽተይ ሓፍቲ ንሃዋ ምስ ከደት ሰመን ሰመን ደቡዳብ ክቕብል’ምር ክሰድድ ኣይተረእየኔ። ናይ መወዳእታን መጠንቀቕታ ዝዛዘሮን ደቡዳብ ምስ መጽዩ ግን ሓንቲ ኣዘንጋኒት ደቡዳብ ከም ዝጨሓፈላ ካብ ሳዋ ምስ ተመልሰት’ያ ኣለሊየ። ንሳ ጥራይ ዘደነቕት ደቂ ማርዃ ከይተረፉ’ውን ካብቲ ብሃሳትን ሳይጃታትን እናደገማ ክሰኒቃን ክዘኽግፃን ክሳብ ዕሉተ-ሉሚ ኣለዋ። ንሱ ንዓሰለ፣ እታ ደቡዳብ ሓፍቲ ካብ ሳዋ ሐዚታ ምስ መጽት’ዩ ዳግማይ ኣንበበዋ ብኡሓቕ ክርትም ዝበሎ።

ብዘዕባ ምጽሓፍ ደቡዳቤ ክሳዕል ከሎ ቀጻሊ ዝበሐራ ፍጻሜ ግዜ ቁልዕትና’ዩ። ግዜ እንታይ ኣለዎ! ሓመሻይ ክፍሊ ኢና ነይርና። መምህርና ኣጸሓሕፉ ደቡዳብ ምስ መሃሮ፣ ‘ደቡዳብ ጽሕፍክም ናብ ትፈልጥዎም ሰባት ሰደዱ’ በሎ። ኤፍረም ዝሎሙ መማህርተይ ብኸመኒ ዝዘብሃልናዮ ጽሑፉ ኣድሪሻ ለኣኽበ ተቐባልን ገይሩ ሻሪጋ፣ ካብ ከሳላ ናብ መጻስር ወዲሸሪፈይ (መዲ ፍርቂ ሰዓት ብመኪና) ከይዱ ነታ ደቡዳብ ከጽሕሓ ከይሩ።

ናይ ኣዋርሕ ሰዓምታ ድሕሪ ምልወዋጥ፣ “እኽ’ዛ ደቡዳቤ” ኢሉ ዝኑ።

“ካብ መን’ዮ?” ሓተተ ተቐባሊ ቅድሚ ኣሰማት ምሃብ።

“ካብይ።”

“ናብ መን’ዮኸ?”

“ናባኻ።”

ብድሕሪኡ፣ ነቲ ፍጻመ ምስ ኣሰለናና መሕገይና ረኪብኩ። ካብኡ ንጀመው ከኣ ደቡዳብ ክህቦ ንዝመጽ፣ “ደቡዳብ ኤፍረም ከይትኸውን” ኢልካ ምወዛይ ነሩ። በሉ፣ ‘ይቕሬታ፣ ሓጺር ደቡዳብ ከደጽሕፈልከምኒ...!”

የሰፍ ሃደስ ሚርያም

ሓጐስ ደቀ'ንስትዮ ጥርዚ ዝበጽሓሉ ዕድመ መኣስ'ዩ?

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ መባል 28 ዓመት ዕድሚኣን ጥርዚ ዝበጽሕ ሓጐስ ነምዝሃዎን ጋዜጣ ደይሊ ቴለግራፍ ሓቢራ። እታ ጋዜጣ ንወጽኢት ናይቲ ብ"ክሳደሮ ፕሮሬክት ቴን" ዝተዋህለ ኩብጃያ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብምጥቃስ ኣብ ዘሕሬረቶ ሓቢራታ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ 28 ዓመተን ብኣስተተን ናይ ፍቕሪ ሂወተን ልዑል ታሕጋሽን ርኡተኣማንነትን ዝሃዎን ደረጃ ናይ ዕድሚኣን ነምዝኾኑት ገሊጾ።

ኣብቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብዚን ሕጉሳት ዝኾኑሳ ዕድመ ንምርኻብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብ 25 ክሳብ 65 ዓመት ዝዕድሚኣን 4 ሽሕ ደቂ-ኣንስትዮ ተሳቲፈን ነይረኣ። እተን ዕድሚኣን ኣብ መባል 28 ዓመት ዝበጽሑ ድማ እተን ኣብ ሂወተን መሰብሮኣን ጥርዚ ዝበጽሕ ሓጐስ ዝሃዎን ኩይነን ነምዝተረኸበ እቲ ሓቢራታ የረድኣ።

ብዘይ'ዝ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ቅድሚ ደቂ 30 ምብጽሐን ኣብ ዘሎ ግዜ ጾታዊ ስምዒት ዝሰዓለ ባህታ ነምዝፈጥረለ ኣብቲ መጽናዕቲ ተጠቒሱ። ደቂ 30 ዓመት ምስ ኩኖ'ውን ሓጐሰን ክንድ'ቲ ነምዝይጉድል እታ ጋዜጣ ሓቢራ። ካብ ደቂ 30 ዓመት ንላዕልሊ ግና፡ ብዘዕባ እናግዘዩ ምኳዮን ምጭምዳድ ቁርዝዝን ስብዮት ጾጐረንን ብዘዕባ መጻኢኦን ወዘተ ኩሉስ ስለዘይምራሕ ሓጐሰን እናዝዘዩ ነምዝኸሰይድ እታ ጋዜጣ ኣረዳኣ።

ኣብቲ መጽናዕቲ ደቂ 30 ዓመት ዝመልኣ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዝበሰጸ ጾጐሪ ዝወንሩ፡ ዝሰዓለ ርኡስ ተኣማንነት ዘምዕብሉ ጽኑዓ ስራሕን ቀዋሚ ኣታዊታትን ዝረኸቡ ልዑል ርክባትን ሓያል ዕርክነትን ዘዘወትራ ኩይነ'ውን ተረኺሰቡ። ደቂ 32 ዓመት ምስ ኩና ድማ ምስ ንዘዝኦን ስድራቤተን ጥቡቕ ምቅርራባት ናይ ምጽጥራቕ ባህሪ ነምዝፈጥራ እቲ መጽናዕቲ ኣብርሃ።

ብኻልእ ወገን ልሳሊ 60% ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ንላዕሊ ብዘዕባ ኣርጋን ይሓስቡ፡ ኣስታት 56% ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ምስ ምወሳኽ ዕድሚኣን ውቃብኣን ዘይምርኽ ከይኸውን ነምዝፈሃቕ መጽናዕቲታት ይገልጹ። ብሓፈሻዊ ንምጋም ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዓመት ሓሙሽተ መልታት - ኣብ መዓልቲ ን22 ደቓይቕ ማለት'ዩ፡ ኣብ ምጽብቸቕ መልክዕን ነምዝኾናኣ እቲ ሓቢራታ ወሲኹ የረድኣ።

ካሪን ሰዊት ዝተባህለት ምህርቲ ሰሉልና ብወገኑ፡ ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ጾጐረን ነም ኣኻለል ክብረን ስለዘርኢያኑ ጾጐርኻ መልታዊ ብጽቡቕ ምሓዝ ኣብ ስራሕን ኣብ ፍቕሪን ዕወት ንኽነቱወን ነምዝሕግዝ ትገልጽ። መልታዊ ጾጐርኻ ብጽቡቕ ምሓዝ ናይ ጋሉ-ንስቲ ምቕእሉት ርኡተኣማንነትን ወሳዊ ስምዒተን ዘርኽ ብምኳኑ ኸኣ ኣብ ኣተሓሳሰብ ጾጐሮ ክኸሱ ትመክር።

"ጾታዊ ዕግበት፡ ደቀ'ንስትዮ ዝተማልአ ሂወት ንኽህልወን ይሕግዝ" ተመራመርቲ

ዕጉብ ጾታዊ ሂወት ዘሕልፉ ደቀ'ንስትዮ ካብተን ጾታዊ ዕግበት ዘይብለን፡ ኣብ ሂወተን ዝተማልአን ዝሰዓለን ኩልንትናዊ መሳብሮ ክህልወን ነምዝኽእለን ኣውስትራላውያን ተመራመርቲ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ዕጉብ ጾታዊ ሂወት ዘሕልፉ ደቂ-ኣንስትዮ ካብተን ዘይብለን መሓሙኣን ንላዕሊ፡ ዝያዳ ጥዑያት፡ ሕጉሳት፡ ሃብታማት፡ ናጽነትን ተዓጻጻፍነትን ዘለወን ስለዝኾኑ፡ ትርጉም ዘለዎ ናብራ ንኽመርሓ ዝለዓለ ተኽእሎ ነምዝወውንና ቡቲ ዙሪያ መጽናዕቲ ነምዝረጋገጹ ይሕብሩ።

"ዕላማ መጽናዕቲና ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ፡ ኣብ መንጐ ጾታዊ ዕግበትን ዘተማልአ ሂወትን (wel-being) ዝዘሎ ምትእስሳር ንምደህሳስ'ዩ። በዚ ኸኣ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ቅድምን ድሕሪን ምቁራጽ ጽግያት ገለ ፍልልያት እንተሎ ንምርኣይ'ዩ" ዝበሉት ኑቲ መጽናዕቲ ዝመርሑት ዶ/ር ሶናይ ዳቪሶን፡ ሓቅነት ናይ'ቲ ውጽኢት ኣብ መዓልታዊ ሂወት ናይተን ጾታዊ ዕግበትን ዘይዕግበትን ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ጉሊሑ ዝርኣን ምስክር ዘዋድልዮን ምኳኑ ገሊጾ።

ዶ/ር ሶናይ ቀጺሉ "እዚ ርኽበት'ዚ ጉዳይ ጾታዊ ዕግበትን ዘይዕግበትን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ነም ኣገዳሲ ክፋል ጥዕናዊ ክንክን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ተራእዩ ንኽልዓልን ንኽዘረበሉን ዘዘኻኽር'ዩ። ምኽንያቱ፡ ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ምስ ሓኪይመን ይኹን ምስ ሰብኡተን ብምኳን ክዝረባሉን ክመያየጣሉን ደስ ኣይብለንን'ዩ። እዚ ድሕር ኣተሓሳሰባ ግን ብንቅሓት ክምነትን ኢሂን ሚዛን ብምብህሃል ፍታሕ ክረኽብን ዘለዎ'ዩ" ኢሉ።

ጾታዊ ዕግበት ኣብ ጉዕዞ ሂወት ቀንዲን ኣገዳሲን ስለዝኾኑ ጾገም ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ብኢጋ ክሰቕሓሉን ሞይዊ ምኽሪ ክረኽቦሉን፡ ሰብ ሞያ ድማ ዝያዳ ኣቓልቦ ሂቦም ክዝረባሉን ዶ/ር ሶናይ ኣተሓሳሲቦ።

ስፖርት

2015፡ ተዘካሪት ዓመት ኣብ ስፖርት ኤርትራ

ኣማኑኤል ኣልኣዛር

ናይ ክብሪ ማልያን ምድያብ ፖድዮምን ኣብ ቱር ደ.ፍራንስ፡ ናይ መጀመርታ ወርቂ ሜዳልያ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ኣትለቲክስ፡ 3 ወርቂ ሜዳልያታት ኣብ መላእ ስፖርት ኣፍሪቃ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ኤርትራን ናይ መጻረዩ ግጥም ዋንጫ ዓለም 2018 ንጥፈታትን...፡ ስፖርት ኤርትራ ኣብ ዓመተ 2015 ጽዑቕ ኣህጉራዊ ንጥፈታት ምክያዱን ቅድሚ ሕጂ ዘይበጽሖ ደረጃ ምሕኳሩን ዘግሃደት ዓመት ይገብራ።

ዕቑር ዓቕሚ ስፖርት ኤርትራ ካብ ግዜ ንግዜ በብመድረኹ ኪንዮ ሃገር ናብ ኣህጉር፡ ካብ ኣህጉር ሓሊፉ ብደረጃ ዓለም ተፈላጥነት ክረክብ ከቢድ ዋጋ እዩ ሓቲቱ። ዓውድታት ኩዑሶ እግሪ፡ ኣትለቲክሰን ብሽክለታን ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ምስ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጠአን ኣብ ግምት ብዘእተወ መገዲ ቀዳሞት 3 ዝስርዑ ዓይነታት ስፖርት እዮም። ኩዑሶ እግሪ ርእሰ ኩሎም ዓውድታት ስፖርት ኮይኑ ኣብ 207 ኣብ ፊፋ ምዝጉባት ሃገራት ዝስርሓሉ ኮይኑ፡ ኣትለቲክስ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ ማራቶን ኣብ ዘሎ ርሕቀታት ንኹለን ሃገራት ተወሓደ ኣብ ሓደ ርሕቀት ከድምዓ ኣብ ስራሕ ዝጸምድ እዩ። ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ኤውሮጳ፡ ሰሜን ኣሜሪካን ውስትራልያን ፍቱው ክኸውን ከሎ፡ ከም ኤርትራ፡ ኮሎምብያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ...ወዘተ ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተመክሮ ሒዝን ካብ ዞብኣን ብፍሉይ መሰስ ኢለን ዝወጻ ሃገራት እየን።

ኤርትራ ኣብዞም 3 ዓውድታት ቅድሚ ሕጂ ዝሰነደቶ ተመክሮ ኣብ 2015 ንመጻኢ ተዘካሪ ኮይኑ ንወለዶታት ዝዘከር ዓወታት ኢያ ኣመዝጊባ።

ኣትለቲክሰ፡

ውድድር ኣትለቲክሰ ዘይከም ካልኣት ዓይነታት ስፖርት ብዙሕ ፍጻሜታት ዘኣንግድ ስለ ዝኾነ፡ ብቐጽሪ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀታት ስም ዝረኽባሉ፡ ክብረወሰናት ዝስንዳሉን ስሙያት ኣትለታት ንዓለም ዘቕርባሉን እዩ። ኤርትራ ኣብ ኦሎምፒክ 2004 ግሪኽ ብኣትለት ዘርኢሰናይ ታደሰ ኣብ 10 ሽሕ ሜትሮ ርሕቀት ብሩር ሜዳልያ ምስ ረኸበት እያ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ተሓጺሩ ዝነበረ ዓቕማ ንዓለም ኣላልያ። ኣብ 2009 ኣብ በርሊን (ጀርመን) ኣብ ዝተኣንገደ ዓለም ለኻዊ ውድድር ኣትለቲክስ ድማ ኣትለት ዘርኢሰናይ ታደሰ ደጊሙ ኣብ 10 ሽሕ ሜትሮ ተሸላሚ ብሩር ሜዳልያ ብምኻን ካልእ ኣርእስቲ ሰሪሑ። ኣቐዲሙ ዘርኢሰናይ ኣብ 2007 ኣብ ውድድር ጉያ መሮር ተሸላሚ ወርቂ ሜዳልያ ብምንባሩ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዓውዲ ማዕረ'ተን ኣቐዲመን ስመን ኣዕሪገን ዝጸንሓ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ክትሰራዕ ክኢላ።

ጃማይካ ኣብ ሓጺር ርሕቀት ዘይትትንክፍ ሃገር ካብ እትኸውን ነዊሕ ኮይኑ'ሎ። ኤርትራ እትልለየሉ ርሕቀት እምበኣር ውድድር ፍርቂ ማራቶን እዩ። ኣትለት ዘርኢሰናይ ታደሰ ን5 ዓመታት ሻምፕዮና ዓለም'ዚ ርሕቀት ክኸውን ከሎ፡ ወናኒ ክብረወሰን እውን'ዩ።

ኤርትራ ኣብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ኣብ 2014 ነታ ን6 ዓመታት ኣከታቲላ ብጋንታ ደረጃ ወርቂ ሜዳልያ ዝዓተረት ኬንያ በሊጻ ንፈለማ ግዚኣ ወርቂ ሜዳልያ ዝተሸለመትሉ ኣጋጣሚ... ሓድሽ ምዕራፍ እዩ ኔሩ።

እቲ ዝደመቕን ዓለም ዘዛረበን ውጽኢት ግን ወዲ 19 ዓመት ኣትለት ግርማይ ገብረስላሴ ኣብ ዓለም ለኻዊ ውድድር ኣትለቲክስ ተሸላሚ ወርቂ ሜዳልያ ውድድር ማራቶን ዝኾነሉ ኣጋጣሚ እዩ። እቲ ዝኸበደን ዝኸበረን ዓወት ኣብ ኣትለቲክስ ን42.169 ኪ.ሜተር ዝነዓዝ በዳህን ሂወት ተወዳደርቲ ከይተረፈ ዝሓትት ውድድር ማራቶን እዩ። ማሕበር ኣትለቲክስ ዓለም ያፍ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ሽልማት ናይ'ዚ ርሕቀት ዕጽፊ ናይ'ቲ ካልእ ፍጻሜታት ክኸውን ዝወሰኖ። ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ www.iaaf.org ንፍጻሜ ውድድር ማራቶን ተዓዚቡ፡ ኣትለት ግርማይ ገብረስላሴ ባንዴራ ሃገሩ እናንበልበለ ሕንጻጽ ክረግጽ ዝረኣየ ጋዜጠኛ ልዮን ጆንሶን፡ "ኣብ መወዳኢታ እታ መዓልቲ ናይ ኤርትራዊ ኣትለት ግርማይ ገስላሴ ኮይና'' (In the end it was the day of Ghirmay Ghebreslassie) ክብል ሰፊሕ ናይ ተምሳጥ ዓንቀጽ እዩ ኣስፊሩ።

እዚ ውጽኢት ኤርትራ ኣብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ዝጸንሓ ዓብላልነት ናብቲ ዝረሓቐ ውድድር ኣትለቲክስ ዝኾነ ማራቶን ዘሰጋገራ እዩ። ነቲ ዝመጽእ ክራማት ኣብ ብራዚል ዝእንገድ ውድድር ኦሎምፒክ 2016፡ ኣብ'ዚ ርሕቀት ዝለዓለ ቁላሕታ ዝወሃባ ሃገር ኮይና ድማ እያ ክትኣቱ።

ኣትለት ዘርኢሰናይ ታደሰ፡ ኣብ ኮንጎ ብራዛቪል ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር መላእ ስፖርት ኣፍሪቃ፡ ኣብ'ቲ ነጊስሉ ዘሎን ብ58 ደቂቕን 23 ካልኢትን ክብረወሰን መላእ ዓለም ሒዝሉ ዘሎን ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድር ተሸላሚ ወርቂ ሜዳልያ ዝኾነሉ ፍጻሜ እቲ ካልእ ናይ'ዚ ዓመት ድሙቕ ዓወት ኣትለቲክስ ሃገር እዩ።

ብሽክለታ

ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ 2015 ናብቲ ርእሰ ኩሎም ውድድራት ቅድድም ብሽክለታ ዝኾነ ቱር ደ.ፍራንስ በጺሑ ጥራይ ዘይተኑ ኣብ ፋልማይ እግሩ ብዳንኤል ናይ ክብሪ ማልያ ክለብስን ኣብቲ ውሑዳት ሃገራት ጥራይ ደይብንኦ ዘለዋ ፖድየም ኣሰሩ ክገድፍ በቂው ኢዩ። ዳንኤል ተ/ሃይማኖት ቅድሚ ናብ ቱር ደ.ፍራንስ ምእታዉ፡ ኣብቲ ከም ንኡስ ቱር ተካሂሉ ዓመታዊ ቅድሚ ቱር ደ.ፍራንስ ዝኾደድ ውድድር ክራይተርዩም ዶፊነ ተዓዋቲ ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ዝኾነሉ ፍጻሜ እቲ ዝዓበየ ዓወት ኤርትራ ክሕሊል ይኽእል። ምኽንያቱ ዝኾነ ኣፍሪቃዊ ተቕዳዳሚይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ደረጃ ዎርልድ ቱር ውድድር ማልያ ወሲዱ ዝፈልጥ ስለ ዘየለ። ዳንኤል ብደረጃ ኣህጉር እዩ ሓድሽ ክብሪ ተሳቢሉ።

ሚሮን ተሾመን ሞሳና ደቡይን ኣብ መላእ ስፖርት ኣፍሪቃ 2015፡ ኣብ ውድድር ግዜ ተሸለምቲ ወርቂ ሜዳልያ ብምኳኖም ነቲ ኣብዚ ዓመት ኣቕዲሙ ዝተመዝገበ ውጽኢት ደሪዎሞ እዮም።

መርሃዊ ቅዱስ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕየና ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ትሕቲ 23 ዓመት ንብዳህ'ቲ ብኦእማን ኣብ ዝተሰርሐ ጽርግያ (Cobble Stone) ዘጠቓለለ መድረኽ ተጻዊሩ መበል 11 ተርታ ዝሓዘ ውጽኢት፡ ቅድሚ ሕጂ ብሰሙ ተታሒዙ ንዝጸንሐ ዝበለጸ ውጽኢት ኤርትራ ዝሰበረ መበል 15 ደረጃ እዩ ኣመሓይሽዎ።

ተቕዳደምቲ ኤልያስ ኣፎወርቕን ኣማኑኤል ገ/ዝጋቤሄርን ኣብዚ ዓመት ምስ በልጃ'ማዊት ክለብ ሲቲ-20 ምጽንባሮም፡ ንብዝሒ ኣብ ደገ ዝጻወቱ ተቕዳደምትና ናብ ዓሰርተ ቁጽሪ ዘዕረገ ፍጻሜ'ውን ናይዚ ዓመት ውጽኢት ኢዩ።

ማዕከናት ዜናን መርበባት ሓበሬታን ማዕረ ማዕረ ብቕዓት ተቕዳደምቲ ዝመሰጠን ተድኣ ኔሩ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኾብሩ ኤርትራውያን ንተቕዳደምቶም ዝኸብዎ ደገፍን ኣብ ባንዴርኦም ዘለዎም ፍቕርን እዩ። ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ዩ.ሲ.ኣይ፡ ድሕሪ ምዝዝም ሻምፕየና ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2015፡ ካብ ዓበይቲ ትዕዝብታት'ቲ ውድድር ኢሉ ካብ ዘስፈሮ፡ ንደገፍቲ ዝወሃብ ሽልማት ወርቂ ሜዳልያ ተዝሙበር...ንኤርትራውያን ደገፍቲ መን ጥቕኦም ምቕረበ? ዝብል ሕቶ እዩ ኣልዒሉ። ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለዎ ሃሙን ቀልቡን ሃገሩ ባንዴርኡ መንግስቱን ህዝቡን ምኳኑ ብመገዲ ቅድድም ብሽክለታ ኣቢሉ ንዓለም ኣፍሊጡ'ዩ!

ኩዑሶ እግሪ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ኤርትራ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናብ መጻረዩ ግጥም ዋንጫ ዓለም ተመሊሱ ተመዚግቡ ውጽኢት ብ1ይ ደረጃ ክስራዕ ከምዘይነሳ ርዱእ'ዩ። እዛ ኣንጻር ቦትስዋና ኣብ 2 እግሪ ተጻዊታ ብድምር ውጽኢት 5ብ1 ዝተሳዕረት ሃገራዊት ጋንታ ሓደ ሓቂ ኣረጋጊጻ'ላ።

ኑዮም ኣብ ደገ ዝጻወቱ፡ ሄናክ ጎይትኦም ዝርከቦም ፕሮፌሽናላት ዘኸተተት፡ ኣብ 1ይ ጸወትኣ ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ናብ ስቴድየም ኣስመራ ክትመልስ ዝኾኣለትን ንመጻኢ ተመክሮ ኣህጉራዊ ውድድር ምስ እትድልብ ኣብ ዝለዓለ መድረኻት ናይ ምድያብ ብዙህ መጻኢ ዘለዋን እያ።

ጸወታ ኩዑሶ እግሪ ካብ ብሽክለታን ኣትለቲክስን ዝፈልዮ ብውልቂ ክትስመየሉን ክትወጸሉን ዘይክኣል፡ ናይ ሓንቲ 23 ተጻወትቲ ትሓቁፍ ጋንታ ስራሕ ምኳኑ እዩ። በዚ ድማ ናይ ነዊሕ ስራሕ ሓንጺጽካ ትኸይሉ ዓውዲ ኢዩ። ኣብ'ዚ እዋን ተካኣቲ ተጻወትቲ ኣብ ምፍራይ ዝኾደድ ዘሎ ንጥፈታት ግራሕሩት፡ ንመጻኢ ነዚ ሃገራዊት ጋንታ ድልዱል መሓውር ዝፈጥር ስራሕ ክሳብ ዝኾነ ካብቲ ዓቲብና ክንሕዞ ዘሎና ስራሕ እዩ።

ንድሕሪት ተመሊስኩም፡ ንዓመተ 2015 እትዳረግ ናይ ስፖርት ዓመት ተድኣ ኣላ ሃዩ...ሃሰው በሉ????

ዘልኡ ዳኣ!

ንእስነት ከደት . . . ከምዚአ ናበለት

ዘልኡ ደአ . . . ዘልኡሲ . . . ወዲ 80 ዓመት'ዮም። ኣብ ወዳኢ ገዛቦ ደቁም ኣሳዩት ቁጸርምስዎ። ቦልቲ እንዳነም ረቢ ደርሓመን ሞይተን እየ። ኣብ ግዜ ኣርጋን እቲ ዝሓለፍቦ ሂወት ከተዕልሉ ኢኻ ትደሊ። እዞም ሰብኢይ እህ . . . እናበሉ ናብ ደቁም ይድወሉ።

ሰብኢይ፡ "ሃለው እህ . . . እህ . . . እንድዕለይ . . . ከቢዳ'ኒ ኣላ'ሞ . . . ኣህኺ . . . ኣህኺ . . . ዋእ ንኣሕዋትካ ግርግም" ይብልዎ ንወደዓሙ።

ዘልኡ ደአ ዘልኡሲ . . . ደቁም ከኽብ ዘለወዎ ናብ ኣስመራ ይመጹ። ሽው ሰብኢይ ሕገስ ይብሉ። የዕልሉ ይብልዎ ደስ'ዩ ኖዮም ደቁም "ኣዘወሩኒ" ይብልዎም። ይዝወሩ። ደሓን ኮይኑ ደሓን ኮይኑ ተብሃሊም ደቁም ይሽፈሩ።

ዘልኡ ደአ . . . ዘልኡሲ ሰብኢይ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ እንደኸ ናብ ደቁም ይድወሉ። ነጽምዎም ከሎ "ኣፈርጋቡ" ኣልካ ምድዋል ስሚደሙ ደቁም ብኣፈርጋቡ ካብ ወዳኢ ይመጹ። "እህ. . . እህ . . ." ዝብሉ ገዛቦ ሰብኢይ ደቁም ምጽእ ምስ በሉ ይሓወዩ። ዋሽኪ ብበረድን ብማይ ጋዘን እናጨለጡ ምስ ደቁም ኣዕልል ይቕዝዩ። እዚ ነገር ምስ ተደጋገመ ደቁም ገጠሞሞም።

ዘልኡ ደአ ዘልኡሲ ሓደ ግዜ ሰብኢይ ናይ ብሓቂ ሓሚሞም። ኣዕቢቐ ከቢድዎም። ከመታ ዝሕመደዋ ናብ ደቁም ደዋሉም።

ሰብኢይ፡ "እህ እህ ሎሚስ ፋዋ እዩ ኢጸቢ.ቐ ከቢዳኒ እዩ ዘሎ እህ ኣህእ" ምስ በሉ ኔታ ተስፈን ኔታ ኣሳዩዖም ሂዎሞ።

ኣሳዩት፡ "ኣቦይ ሓሚሞም ኣለዉ ከቢድዎም"

ወዶም፡ "ደሓን ደሓን ሕጂ ደአ ተገጠሙ እንድዩ ተዛሪብለይ ደዩ ኣለኪ?" ኣልዎ።

ኣሳዩት፡ "ክብድ ኣልዎም ኣሎ።"

ወዶም፡ "ነምኡ በልልይ ደዩ ኣለኪ?"

ኣሳዩት ኔታ ተስፈን ኖዮም ሰብኢይ ትህቦም።

ሰብኢይ፡ "ሃለው ናይ ግድን ክንራኸብ ኣሎዎኑ። እህ . . እህ . . ሎሚ ናይ መወዳኢታ እዮ"

ወዶም፡ "ኣቦ ኣይትሃሰቡ ደሓን ሰቕ ኣልካ ከድ ኣብኡ ክንራኸብ ኣኑ።"

ሰብኢይ፡ "ኣብይ ክንራኸብ?"

ወዶም፡ "ኣብ ሰማይ ክንመጽእካ ኢና ኣብኡ ሓሊፍካ ጸናሕ።"

ዘልኡ ደአ . . . ዘልኡሲ ሓደ ሰብ እንተተወሊዱ ክኣሪግን ክመውትን ምኑኑ ውዳእ ፍርዲ እዩ። ኣብ ዓለም ዘይኣርግ ነገር የለን። ብዋዜ ኩሉ ነገር ይኣርግ እዩ።

- ቁማልሲ ይኣርግ ዶ? ኣረጊት ቁማል ርእዩ ገሊልዋ ሰብሲ ኣሎዶ?

- ንሕና ደቂ ሰብ ንግዜ ብሰዓትን ብሓለንደርን ንሬልጥ? እዚ ብዋዜም ግዜ ንእዕቅሎ ሓደ ማል እዩ።

- ገሸካ ተኽሊ ደዩ እንሰነ መዐዛኒ ግዜ ገሸኖ ሰዓት ወይ ካለንደር ኣለዎ ድዩ? ማለት ሓንቲ ተኽሊ ኣራሽሽ፡ ኣብ ሓመሽተት ዓመታ ፍረ ክተወጽእ ከም ዘለዋ መን ይዛራ? ንሕና ብዋዜም ቦቲ መዐዛኒ ናይ ግዜ ሓመሽተት ዓመት ከም ገበረት ንሬልጥ? እታ ተኽሊኺ ከመይ ገበለ ካለንደር እዩ ዘለዋ?

- ተባዕታይ ደርያ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ይንቁ። ቀደም ሰዓት ከይተማእዘ ከሎ፡ ደቂስቡ ንደርያ ከም ሰዓትን ከም መዓዝን ይጥቀምሉ ነይሮም።

ሙበርሂ፡ ንደርያ ከም ሰዓት ዝጥቀምሉ ገዛቦ ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ሰረቕቲ እዮም። ዋላ ኣብ'ዚ ግዜና ዘለዉ ሰረቕቲ እውን ከም ዝጥቀምሉ ሓደ ሰራቒ ኣዕለለኒ ነይሩ። ሓዉ ንዓርኒይ እዩ። ብዙሕ ግዜ እዩ ገዲሎርን ገዙታሕን። ደርያ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ከውታ ምስ ኣቑዉ ካብ ገዛና ንቅል ኣለኔ። ብድሕሪኡ ሰዓት ክልተ ናይ ለይቲ ኣብ'ቲ ንሰርቆሉ ገዛ ኣቲና እንተረኽሐና ናይ ጋዝ ዕዝሮ እንዘሐዲረኽሐና ገሸካ ዓይነት ዕዝሮ ዋላ ናይ ማይ ዕዝሮ ሰራቕና ንኸይድ ኣለኔ። (ሰረቕቲ ዓድና ዕዝሮ ክፈትዉ ጉዳም'ዮም።)

- ንኸልና ዘንጥመና ነገር እዩ። ሰዓት 2:30 ናይ ለይቲ ተንሲእኑ ክትገይሽ ወይ ኣብ 'ኣርፓርት' ጋሻ ክትቅብል ትደሊ። ትምላእ ሰዓት የብልኑዕ። ዘተሰኣነ ሰብ የብልኑዕ። እናተሃሰፍካ ሰዓት 2:30 ክትገሽእ'የ ኣልካ ትድቅሎ። ልክዕ ሰዓት 2:30 መን ከም ዘተሰኣነ ከይፈለጥካ ትብረብር። ስለዚ ኣብ ወሽጠ ነብስና ሰዓት ኣሳትናዶ ክንብል ንኽእል? እዚ ሰዓት እዚኡ ኣብ ወሽጥና ከይና ዕድመና ትቕጽረልና ንኣዶ ትኸውን?

- ኣቦናይ ዕድመ ጭሕሖ ተብዑል? ኣቦናይ ዕድመ ትብርሕ (ቁብዕ ትጥቀም?)

- ኣቦናይ ዕድመ ትኸይብ? (ተንታ ትልክ?)

- ኣቦናይ ዕድመ ሸኑ ማይ ሼኽ ሻርኔራ ወይ መልሳም ረሲዕቡ ትኸይድ?

- ኣቦናይ ዕድመ ኣብራኽክ ቁራዕራዕ ይብል? (ሽው ነብስካ በዚ ጐማ ማይ ሱላ ብቑራዕራዕ ዝተሰርሐ የመሳሰል?)

ዘልኡ ደአ . . . ዘልኡሲ ስለዚ እዝ ሰዓት እዝኣ ኣብይ ከም ዘለ እንተተፈለጡ ኣርጋን ደሓን ወዳ ክኸውን እዩ። ሳይንቲስት ዓለምና ይመራመሩ እዮም ዘለዉ። ኣብ መዳኢ እታ ሰዓት ዘኣቶ ቦታ ምስ ተፈልጡ ዕድመ ከም ድላይካ ክኸውን እዩ። ኣቡት፡ (እዚ ሰዓት ደው መባሊ 334 ሽሕ ዶላር ዝወድእ መጥባሕቲ ክኸውን'ዩ።)

- ገዝዘብ ከፈልካ ኣብ 40 ዓመት ደው ኣብኣለይ ትብሎም። ኣብ 40 ዓመት ደው ምስ በልኑ ደስ'ልኻ'ውኑ። ደሓን ፈንወዋ ትብሎም ብመጥባሕቲ ነታ ሰዓት ደው ዘበልኡ ቤተ የወጽእዎ። ወይ ከኣ እታ ሰዓት ትኸድ ግን ነቲ ኣርጋን ጥራይ እለዩለይ ትብሎም። ከም ኣና

ኣበርክዎም 900 ዓመት ትጸንሕ፡ እቲ ጸገም ኣብ ዝ ክራይ ትቕመጥ እንተ ኳኑ ኣቕዳምካ ናይ ዓመት ክፈል ኣይብሉኻን እየምኑ፡ ኣቕዳምካ ናይ 300 ዓመት ክፈል ክብሉኻ እየምኑ፡ ባይተጉቲ ክተሕድሶ እንተኾንካ ኸኣ ዓመት ዓመት ከተሕድሶ ኢኻ፡ ክንደይ ግዜ ክተሕድሶ ኢኻ?

ዘልኩ ደኣ . . . ዘልኩ ሲ. ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ካሊፎርንያ፡ ሚሽኤል ርስ ዝተባህለ ሊቕ (ባዮሎጂስት) 'ፍሩት ፍላይ' ዝተባህሉ ሓሳራ ኣብ ላባራቶራኡ ኣእትይዎምኑ፡ ንክር ዕድመ ፍሩት ፍላይ 70 መዳልቲ እዩ፡ ኣብ'ታ ላባራቶሪ ናይ ዲኤንኤ ስወጠ 150 መዳልቲ ክሕቡሩ ክኢሉምኑ፡ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ እዮም ፍሩት ፍላይ እውን ተገሪሞምኑ፡ ከመይሲ ኣብ ምሉእ ዕድሚኦም 2 ግዜ ጥራይ ተመርዕዮም ዝሞቱ ዝሰዩ፡ 9 ግዜ ምስተመርዓዉ ገሪሞምኑ፡ ተመርዕዮም ክኾብል ከሎ ኣብ ሆቴል ወይ ዳስ ተኸሊም ተመርዕዮም ማለት ኣይኮነን፡ ብኣተሓሳብ ናይ እንስኒ ማለት በጊዕ ይኸውን ኣንስኒ ይኸውን ደርባ ይኸውን ተባዕታይን ኣንስታይን ጾታዊ ርክብ እንተፈጺሞም ነም ዝተመርዓዉ እዮም ዝሓሰብዎ፡

ብኣምሃ እንዳ ሓጎኖይ ከይደ ነይረ፡ ኣቦ'ቲ ካሽሽሎ ብሓሳት ኣንስነቶ ደርወህ ኣለውኡ፡ ሓደ ተባዕታይ ደርባ እዩ ዘሎ፡ ኣብ ዝ ጹሓይ እናተጻሎኹ ተዝዘበዩ፡ እቲ ደርባ መርዓ ክፈቱ ጉዳ'ዩ፡ ኣነ ነፍ ኣለ እናረኣኽዎ 10 ግዜ ተመርዕዩ፡ ዝበዝሐ ዕድሚኡ ኣብ መርዓ እዩ ዘሕልፎ፡ ሽው ሓደ መዳልቲ ጸብሒ ይኸውን፡ ናይ ደርባ ነም ናይ ሰብ ኣይኮነን፡ "ሰብ ሓምድ ኢኻ እሞ ናብ ሓመድ ተመለስ" እዩ ዝበሎ፡ ናይ ደርባ ግና "ሓመድ ኢኻ'ሞ ናብ ጸብሒ ኢኻ ትመለስ" እዩ ተዛሊሉ መስሚዑ፡

ዘልኩ ደኣ . . . ዘልኩ ሲ. ኣርጋን ንምክልኻል ብዙሕ ጥበባት ተሞክሩ እዩ፡ ጸገርኻ እንተኸይዱ ተንታ ትሰኽሮ፡ ቁጋት ጨካ እንተዓጠሩ ፕላስቲክ ሰርጀሪ ትገብር፡ ዓይንካ እንተድኸሙ ዓይኒ ዝእኽ ትቕይር፡ ከሊት እንተተበላሽዋ ከሊት ዝእኽ ትቕይር፡ እንተኾነ እዚ'ውን ንኣርጋን ሰዲሩ ነዊሕ ናይ ምንባር ውሕስነት ኣይሃቦ፡ ገዛዕ እንተሃልዩ ንኸሉ ኣሳስትካ በቡሓንቲ ትቕይሮ፡ ግና እዚ ጸገም ከኣ ኣለዎ፡ ኣብዚ ቀረብ ግዜ ሓደ በልዩ ከሉ ኣቕሑት ኣሳስቱ እናቕየሩ እናቕየሩ እናቕየሩ መጨረሽታ ሓንሊ ጥራይ ተረፉ፡ ሓንሊ ናይ ምርኣይ ሕማም ምስ ጀመሮ ሓንሊይ ቀይሪሉይ ኣሉ፡ ዕወት መጥባሕቲ ኣነይዶምሉ፡ ናይ ሓደ ብሓይጋ ዝሞት ሰዋድናዊ ሓንሊ እዮም ቀይሮምሉ፡ ሃብ ወዱ ነበኡ ምስ ረኣዩ ኣስተንተኑ፡

"ኣቦይ ሞት ይፈርህ ነይሩ፡ ዕድሚኡ ነዊሕ ክኸውን ይደሊ ነይሩ፡ ከሉ ኣሳስቱ ማለት ዓይኑ ከሊቱ ጸሓም ከበዱ፡ መንሃኒኡ ፍሩሰሰ፡ ወዘተ ወዘተ ከሉ ቀይርዎ፡ ሰሚ ሓንሊ ቀይርዎ፡ ኣቦይ ከይተረድኦ በጥቕሩብ ሞይቱ፡ ኣቦይ ንኡ ገዚኡ መሳልዎ ሓንሊ ከይተረፈ ቀይሩ፡ እንተኾነ ንኡ ሞይቱ እቲ ወዲ ሰዋድን ከኣ ዘይሓሰቡ ናብዛ ዓለም ተመለሱ፡ ኢሉ እናሓሰበ ኣቦኡ ተዛሪቦም ሞይትካ ዝዘንግእ ኣይመስለንን ነይሩ፡ ኣነ ግና ሞይተ ተንሲኡ እወ ደረደኽኒ እዩ፡ እዚ ኣነ ናብ ዓለም መጺኡሉ ዘሎኹ ኣሳስት ናይ ኣጦካ እዩ፡ እቲ ሓንሊ (ሓሳብ) ግን ኣነ እዩ፡ ስለዚ እዚ ዝጥቀመሉ ኣሳስት ኣጦካ ክራይ ክኸፍኦካ እዩ፡ ንዝዩ ከይደ ባይ" ኢልዎ ንገዘኡ ከይዱ፡

ቀያም'ዩ፡ ኣብ ኪዳ ምሕረት ኣስመራ ኣብ እንዳ ማሕሙዕ ዝዘሐል እንዳ ሰዋ ዝሰማሕዋ እዩ፡ እየም ዘሰለስኒ ሰብ ኣይ ሳጓ ነይርዎምኑ፡ ኃይ ወይ ጥሕሸ ንብሉም ሄርኑ፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት ናብ ደቁም ካፍዳ ከይዶምኑ፡ ሕጂ ደጽዮም ዩብሊሮ፡ እዚ እታ ዕሉም፡

ወዲ ሰብን ዕድሚኡን ነም ሓንቲ ጋንታ ከሰሶ እግሪ እዩ፡

ካብ 20 ክሳብ 30 (ኣጥቃዓይ)

ወዑይ ዕድመ ናይ ናእሽት ጓደው ነጀው የብሎ፡ ሓይሊ ደስመቕ፡ ተባ ኢሉ ተድምሉ ደኣምባር ዘድምሉ ኣይመስሎ'ዩ፡ ኣብ በራ ተጥቂሑ፡ ኣብ ፍቕሪ ተጥቂሑ፡ ኣብ ገዛዘብ ተጥቂሑ፡ ኣብ 24 ሰዓታት ዝበዝሀ ሰዓታት ናይ ሓሳባትካ ብዘወ "ደናታት" ትሓስቡ፡ ጸጸኒሐን ይዝከራኹ፡

ካብ 30 ክሳብ 40 (ሚድያና)

ቅሩብ ህድእ ትብል፡ ኣብ እንዳ መርዒ ኣብ እንዳ ሓዘኑ ኣብ እንዳ ቀብሪ ትኸይድ፡ ፍቕሪን ኣረቓን ተተፋፍል፡ ብዘወ ደናታት ክትመሪመር ትጀምር፡ ሽው ጥርጣሪታት ተተፋፍል፡ ክሳብ 40 ሓዳር እንተዘይጋኑ ንዝርኸቡኦ ጋል ኢንታታት ተወጽኔ፡ ብኹኡ እንተቕጸልዮ፡ 40 ዓመት ምስ ኣዴኻ ትቕመጥ እሞ ንዝሀ ተንሲእካ "ማማ ካልሰይ ኣብይ እዩ ተቕሚጡ ዘሎ?" ትብል፡ (ሰበይቲኳ ተዋራዲ ኣዕቢዮ'ስ እንደኾነ ኸኣ ክተኣርን)

ካብ 40 ክሳብ 60 (ተኸለኸለይ)

ዕሳልካ መብዝሕትኡ ብዘወ ሕማምክን ምክልኻሉን ጥራይ ይኸውን፡ ገለ ካብ'ተዎም ዕሳስት፡

"ንዝሀ ተንሲእካ ማይ ምስታይ ንጥዕና ጸበቕ'ዩ" ይብሉኻ፡ ትሰተ፡ ጸጸኒሐ ተቋርጹ፡

"ኮረማ ንደም ብዘሐ ጸበቕ'ዩ" ይብሉኻ፡ ትብልኡ፡ ጸጸኒሐ ተቋርጹ፡

"ጅንጅብል ደም የቕጥን'ዩ" ይብሉኻ ጅንጅብል ትብልኡ፡ ሞቕሞቕ ልሕቲት፡ ከርጉ እንጣጠሰ ተደቕሰ ካውሎ . . . ብዞዝሐኡ ከሉ ትፍትሩ፡ እዚ ኸኡ ንምንታይ እዩ ሞት ንምክልኻል፡ ኣብ 60ታት ነም ብንእሽቶካ ከለኻ ሰዓት ሰዓት ብዘወ ዶና ትብሕር ሽው ኸኣ ኣብ ሰዓት ብዘወ ሞት ትብሕር፡ ክትተሓኸሎ ኸኣ ዘሎ ዝኾነ ቀመጥ ትብልኡ፡ ሓንቲ መዳልቲ ምስ ከሉም ቀመጥካ ኣብዛ ጉድጓድ ክትሰኽሰት ምኳንካ ፍሉጥ እዩ፡

ካብ 60 ክሳብ 100 (ፖርቴረ)

ነም ሓሳው ልዳት መጠን ጹሓይ እናተጻለኻ ሞት ከይትመጽካ ትሕስ፡ ወዲ 80 ዓመት ኣቡሓጎሓ ሓሚሙ ሆስፒታል እንተኣትዩ እቲ ፖርቴረ ኣብ ሕማቕ ከኑታት ኣሎ ማለት'ዩ፡ ሆስፒታል ማለት ንዕኡ ሪነለ ማለት እዩ፡ ገል እንተኣትይዎ ብኹኡ ገይሩ ክመወት'ዩ፡ ካብ ሆስፒታል ደሓን እንተወጺኡ ገል ኣድሒኑ ማለት ይኸውን፡ ኣብ 1998 ዝሞቱ በረምበሪስ ኣድሓናም 8 ግዜ ሆስፒታል ኣትዩ ሞኑ ሽሞንተ ሪነለ ኣድሒናሞ፡ እንታይ እሞ ክኸውን ሓንቲ ለይቲ እዝዎር ኣብ ገዘኡ ኣብ ዓራዩም ከለዉ ሪነለ ወቐዕሉም፡ ሞይተም፡

ዘልኩ ደኣ ዘልኩ ሲ. ሳይንሳዊ ተመራማሪም ንኣርጋን ደው ከብልዎ ኣብ ብርቱዕ ጻዕሪ እዩም ዘሎዉ፡ ምእራግ እንተተራ ሞት ከኣ ክተርፍ እዩ፡ ኣነ ነም ኣቦና ኣብርክዎ 900 ዓመት ምስ ጸናሕኩ፡ ክንደይ ቁልዑ ክንወልድ ኢና እዩ ገሪመኒ ዘሎ፡

ሳንዲት ካብ ከብ. ተኸለኸለይ